# ትምህርቲ ሕብረተሰብ

## መምርሒ ንመምህር

## 8ይ ክፍሊ

ISBN 978-99944-2-129-9

ሚኒስቴር ትምህርቲ
ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

ዋጋ የኢትዮ 34.30

ትምህርቲ ሕብረተሰብ መምርሒ ንመምህር 8ይ ክፍሊ

MOE

ትምህርቲ ሕብረተሰብ

መምርሒ ንመምህር

8ይ ክፍሊ



ሚኒስቴር ትምህርቲ
ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ



# ትምህርቲ ሕብረተሰብ

## መምርሒ ንመምህር

## 8ይ ክፍሊ


**ጠዳለውቲ**

ሞላ ተድላ ብሩ (M.Sc - ኤም.ኤስ ሲ)

ፀሃየ ፍቓዱ ኣስረስ (B.A - ቢ.ኤ.)

**ገምጋምቲ**

ሮማን ግደይ

ኣስም አፅብሓ

ጣዕመ ገብሩ



**ሚኒስቴር ትምህርቲ**

**ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ**

እዚ መፅሓፍ ንፕሮጀክት ምምሕያሽ ፅርየት ሓፈሻዊ ትምህርቲ (GEQIP) ተባሂሉ ብምትሕብባር ፈንድ መንግስታት ፊንላንድ፣ ጣልያን፣ ኔዘርላንድን እንግሊዝን ከምኡ'ውን ለቓሕ ባንኪ ዓለም ቑፅሪ (IDA Credit No) 4535 — ET ብዝተረኸበ ዝተዋደደ ሓገዝ ብሚኒስቴር ትምህርቲ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ 2003 ዓ.ም ተሓቲሙ።

© ብሚኒስቴር ትምህርቲ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ 2003 ዓ.ም (2011 ዓ.ም.ፈ) ተሓቲሙ። መሰል ሕትመት ብሕጊ ዝተሓለወ'ዩ። ካብ ሚኒስቴር ትምህርቲ ኣፍቓዲሉ ብፅሑፍ ዝተውሃበ ፍቓድ እንተዘይሃልዩ ወይድማ ብመሰረት ነጋሪት ጋዜጣ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣዋጅ ቑፅሪ 410/2004 መሰረት ዝተውሃበ ሕጋዊ ኣፍልጦ (Copyright and Neighbouring Rights Protection) እንተዘይሃልዩ ካብዚ መፅሓፍ ዝተወሰነ ክፋል ይኹን ወይድማ ብምሉእ ክባዛሕ፣ ክውሰድ፣ ብዝኾነ ዓይነት ክመሓላለፍ፣ ወይድማ ብኤሌክትሮኒክ መልክዕ ክቕዳሕ፣ ናብ ካሊእ ግልጋሎት ክውዕል ወዘተ ኣይከኣልን።

ኣብ ምድላውን ሕትመትን እዚ መፅሓፍ ተምሃሪይ ከምኡ'ውን ነዚ ስዒቡ ተዳልዩን ተሓቲሙን ዘሎ መምርሒ ንመምህር ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ኣበርክቶ ንዝገበርኩም ውልቀሰባት፣ ጉጅለን ዝተፈላለዩ ትካላትን ብምልእኹም ሚኒስቴር ትምህርቲ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣዝዩ ዝለዓለ ምስጋና የቕርብ።

ኣእምሮኣዊ ሃፍትን ንብረትን ብሰናይ ፍቓድ ሰብ ዋና ዝተውሃበ'ዩ። ዝኾነ ይኹን በዓልዋና ኣእምሯዊ ሃፍትን ንብረትን'ዚ መፅሓፍ'የ ዝብል ሰብ ብግቡእ እንተዘይተሓቢረን እንተዘይተጠቒሱን ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ፍሉይ መፀውዒ ኣራት ኪሎ ኣብ ዝበሃል ቦታ ንዝርከብ ዋና ቤት ፅሕፈት ሚኒስቴር ትምህርቲ (ቑ.ሳ.መ 1367) ክገልፅ ከምዝግባእ ብኽብሪ ንገልፅ።

**ምድላው፣ ምስንዳእን ሕትመትን እዚ መፅሓፍ**

ስታር ሓ.ዝ. መከፋፈልቲ መፃሕፍቲ ትምህርቲ

24/4800፣ ጎደና ብሃራት ራም፣ ዳርያጋንጅ

ኒው ደልሂ - 110002፣ ህንዲ

ከምኡ'ውን

ኣስቴር ነጋ ትካል መሐተሚ መፃሕፍቲ

ቑ.ሳ.መ 21073

ኣዲስ ኣበባ፣ ኢትዮጵያ

ምስ ፕሮጀክት ምምሕያሽ ፅርየት ሓፈሻዊ ትምህርቲ (GEQIP) ዝተኣሰረ ውዕሊቑፅሪ

ET—MoE/GEQIP/IDA/ICB/G01/09

ISBN 978-99944-2-129-9

# ትሕዝቶ

ሓፈሻዊ መእተዊ ....................................................................1

## ምዕራፍ ሓደ

ህዝብታትን ባህልታትን ኣሰፋፍራን ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካ .......... 6

1. መእተዊ ....................................................................6
2. ውፅኢት ትምህርቲ'ዚ ምዕራፍ ....................................................6
3. ብኞዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'ዮም ............................................7
4. ክፍለ ግዜ ....................................................................8
5. ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ........................................................9
6. ዝተሓበሩ ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ ........................................9
7. ፍልፍል ሓበሬታ ............................................................9
8. መምርሒ መምህር ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዎ ምትእስሳር.............11
9. ኣገባብ ኣመሃህራ..............................................................15
10. ፍሉይ  መረዳእታ ንመምህር ...................................................45
11. ኣገባብ ገምጋምን ፈተሻን.......................................................48
12. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ መልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን ዝተውሃቡ መልስታት ............................................51

# ምዕራፍ ክልተ


## ምድርን ከባቢኣን .......................................... 36

1. መእተዊ ........................................................................ 36
2. ውፅኢት ትምህርቲ'ዚ ምዕራፍ ...................................................... 36
3. ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'ዮም ................................................... 36
4. ዝተመደበ በዝሒ ክፍለ ግዘ ......................................................... 37
5. ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ .......................................................... 37
6. ዝተሓበሩ ሓገዝቲ መምሀሪ መስተምሀሪ .................................................. 38
7. ፍልፍል ሓበሬታ ................................................................ 38
8. መምርሒ መምህር ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዎ ምትእስሳር............. 38
9. ኣገባብ ኣመሃህራ ............................................................... 39
10. ፍሉይ መረዳእታ ንመምህር ........................................................ 43
11. ኣገባብ ገምጋምን ፈተሻን ......................................................... 46
12. መልሲ ንመልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን ................................ 48

# ምዕራፍ ሰለስተ


## ከባቢና ........................................................ 64

1. መእተዊ ........................................................ 78
2. ውፅኢት ትምህርቲ'ዚ ምዕራፍ ........................................ 78
3. ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'ዮም ...................................... 78
4. ዝተመደበ በዝሒ ክፍስ ግዘ ............................................ 79
5. ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ ............................................ 79
6. ሓገዝቲ መምሀሪ መስተምሀሪ ........................................... 79
7. ፍልፍል ሓበሬታ ..................................................... 80
8. መምርሒ መምህር ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዎ ምትእስሳር ............... 80
9. ኣግባብ ኣመሃህራ .................................................... 81
10. ተወሳኺ መረዳእታ ንመምህር ........................................ 83
11. ኣግባብ ገምጋምን ፈተሻን ............................................ 87
12. መልሲ መልመድታትን መጠቓስሲ ሕቶታትን ............................. 88

# ምዕራፍ ኣርባዕተ


**ውራይ ህዝቢ ......................................................... 89**

1. መእተዊ .......................................................................................89
2. ውፅኢት ትምህርቲ'ዚ ምዕራፍ ........................................................91
3. ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'ዮም...................................................92
4. ዝተመደበ በዝሒ ክፍለ ግዜ..........................................................93
5. ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ............................................................93
6. ሓገዝቲ መምሀሪ መስተምሀሪ ........................................................96
7. ፍልፍል ሓበሬታ .........................................................................98
8. መምርሒ መምህር ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዎ ምትእስሳር.............99
9. ኣገባብ ኣመሃህራ.........................................................................106
10. ተወሳኺ መረዳእታ ንመምህር.........................................................116
11. ኣገባብ ገምጋምን ፈተሻን.............................................................138
12. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ መልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን ዝተውሃቡ መልስታት.......................................................140

***ሊለበስ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ......................................................... 155***

# ሓፈሻዊ መእተዊ

ኣብዚ ሕዚ እዋን መንግስቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያን ማሕበረሰብ ሃርናን ዓብዪ ቆላሕታ ካብዝሃብዎም መሰረታዊ ነገራት ውሽጢ እቲ ሓደ ብዛዕባ ዘተኣማምን ዕርየት ትምህርቲ ምርግጋፅ'ዩ። ብደረጃ ሃገር ብዙሓት መፅናዕትታትን ዳህሳሳትን ተኻይዶም ንመንግስቲ ቐሪቦም ገፋሕቲ ምይይጥ ተኻይዱሎም'ዩ። ንኣብነት ፀብፃብ ሃገራዊ ዳህሳስ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር፣ ፀብፃብ ሓባራዊ ቴክኒካዊ ልኡኽ ሚኒስቴር ትምህርቲ፣ ፀብፃብ ዳህሳስ ድልየት ትምህርቲ ወዘተ ዝመሳሰሉ መፅናዕቲ ብደረጃ ሃገር ተኻይዶም'ዮም። ውፅኢት'ዞም መፅናዕቲ ዝሓበሮ መሰረታዊ ቁምነገር ነቲ ሕዚ ኣብ ስራሕ ዝርከብ ስርዓተ ትምህርቲ ዳግም ክፍተሽን ክመዓራረይን ከምዝግባእ'ዩ። እዚ ዳህሳስን ውፅኢቱን ድማ ንትምሕርቲ ሕብረተሰብ እውን ዝምልከት'ዩ። ስለዚ እቲ ኣብ ስራሕ ውዕሊ ዝነበረ ስርዓተ ትምህርቲ ክመሓየሽን ብሓዱሽ ስርዓተ ትምህርቲ ክትካእን ብዝተወሰነ መሰረት እዚ መፅሓፍ ተምሃራይን መምርሒ ንመምህርን ተዳልዩ ናብ ስራሕ ክውዕል ተገይሩ'ሎ።

ዕላማን ሽቶን ትምህርቲ ሕብረተሰብ ኣድላይ ፍልጠትን ክእለትን ንኹሎም ተምሃሮ ምሃብን ንማሕበረሰብን ሃገርን ዝጠቅም ውሳነ ክህቡ ምኽኣልን ፅቡቕ ስነ ምግባር ክህልዎም ምግባርን እዩ። ስለዚ እዚ ሕዚ ተዳልዩ ናብ ስራሕ ይውዕል ዘሎ ስርዓተ ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ልምድታትን ሞያታትን ዝዳህሰሰ ብምዃኑ ተምሃሮ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ኣብ ከባቢኦም፣ ክልሎም፣ ሃገሮምን ዓለምለኻዊ ማሕበረሰባትን ውፅኢታዊ ዝኾነ ንጡፍ ምንቅስቓስ ክገብሩን ናብ ተግባር ዝሸረፍ ፍልጠት፣ ክእለትን ማሕበራዊ ግንዛበን ክማዕብሉ የኽእሎም'ዩ።

ብመሰረት'ዚ ድማ እዚ ሕዚ ተዳልዩ ናብ ስራሕ ይውዕል ዘሎ ስርዓተ ትምህርቲ ነቲ ዝነበረ ኣመሓይሹ ብሓዱሽ መልክዕ ዝተሰናድአ ስለዝኾነ ተምሃሮ ነዞም ዝስዕቡ ውፅኢታት ከረጋግፁ እዮም። ብምዃኑ'ውን እዞም ዝስዕቡ ካብ 5ይ - 8ይ ክፍልታት ንዝተዳለወ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ሓፈሻዊ ውፅኢታትን ሽቶታት'ዮም።

- ኣብ ሕሉፍ ዓመታት፣ ሕዚ ዘለናዮን ንቕድሚት ዝመፅእን እዋን ዝነበረ፣ ዝርከብን ዝህልውን መነባብሮን ከባብያዊ ኩነታትን ዘለዎም ምትእስሳርን ዝምድናን ይርድኡ።
- ሕብረ ብሄራዊ፣ ዝተፈላለዩ ባህልታትን ስርዓተ ፆታን ዘገናዘበን ሚዛን ዝሓለወን ትምህርቲ የረጋግፁ።
- ኣፈላላይ መነባብሮን ኣሰፋፍራን ህዝብታት ከምኡ'ውን ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ ሰባትን ማሕበረሰባትን ዘሎ ምድግጋፍን ምትእስሳርን ብዝምልከት ግንዛበኦም የዕብዩ።
- ኣብ ትምህርቲ ምሉእ ዕድመ ህይወትን ዝተምሃርዎ ውሳነ ኣወሃህባን ዝነበሮም ፍልጠትን ክእለትን ናብ ተግባር ክሸረፍ ብዝኽእል መንገዲ የረጋግፁ።
- ውልቀሰባትን ጉጅለ ውዳበታትን ኣብ ስድራ፣ ሕብረተሰብ፣ ወረዳ፣ ክልል፣ ሃገርን ዓለምን ዘለዎም ልዑል ተራ ይርድኡ፣ ይግንዘቡ።
- ሕብረተሰብን ሲቪክ ማሕበረሰባትን ኣብ ዲሞክራቲክ ሕብረተሰብን ስርዓትን ዘለዎም ረብሓን ዋጋን የድንቑ፣ ይንእዱ።

ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ዕላማታትን ሸቶታትን ንምዕዋትን ኣብ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ዘተኣማምንን ዝበለፀ ዕርየት ዘለዎን ንምግባር እዚ ሕዚ ተዳልዩ ዘሎ ስርዓተ ትምህርቲ ኣብ ፍልጠት ጥራሕ ዘይኮነስ ማሕበራዊ ብቕዓትን ክእለትን ዝተመስረተን ኣብ ክሊ ሓቢርካ ምንባር ዝብል ኣምርን ክልስ ሓሳብን ዝተዋደደ ዕንዕ መሰረት ዘለዎ'ዩ። ኣብ ትሕቲ'ዚ መሰረታዊ ኣምርን ክልስ ሓሳብን እዚ ንትምህርቲ ሕብረተሰብ ዝምልከት ስርዓተ ትምህርቲ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ክፋላት ጠመተ ተገይሩሉ ዝተዳለወ'ዩ።

- እቲ ቀዳማይ ክፋል ኣብ "ህዝብን ተፈጥሮኣዊ ከባቢኦምን" ዝብል እንትኸውን እዚ ድማ ዝጥምቶም ርእስታት እንትንርእይ ብዛዕባ ህዝቢ፣ መሬትና፣ ዓለምና፣ ከባቢና፣ ፖለቲካውን ባህላውን ታሪኽ፣ ምትእስሳር ኢኮኖሚያዊ ማሕበረሰብን ብድሆታትን ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። እዚኦም ካብ 5ይ - 8ይ ክፍልታት ኣብዝርከቡ መፅሓፍቲ ሕብረተሰብ ውሽጢ ካብ ምዕራፍ ሓደ ክሳብ ምዕራፍ ሰለስተ ይርከቡ።

- እቲ ካልኣይ ክፋል ድማ “ውራይ ህዝቢ” ዝምልከት ኾይኑ እዚ ድማ ምስ ህዝብን ሕብረተሰብን ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት፣ መሰልን ድሕንነትን ህፃናት፣ ኢኮኖሚያዊ ምትእስሳርን ኣጋርነትን ወዘተ ዝጥምቱ ርእስታት ይርከብዎ። እዚኦም ካብ 5ᵉ - 8ᵉ ክፍልታት ኣብዝርከቡ መፅሓፍቲ ሕብረተሰብ ውሽጢ ኣብ ምዕራፍ ኣርባዕተ'ዮም ዝርከቡ።

ካብዚ ብተወሳኺ ካብ 5ᵉ - 8ᵉ ክፍልታት ተዳልዮም ዘለዉ መፃሕፍቲ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ብዝበለፀን ብዝፀበቐን ንኽተኣሳሰሩን ዝምድና ክህልዎምን፣ ኣሳታፋይን ንጡፍ ክልተኣዊ ዝምድናን ዘለዎም ከምኡ'ውን ተምሃሮ ማእኸል ብዝገበሩ ኣግባብ ኣመሃህራ ዝተሰነዩ፣ ትሕዝቶኦምን ኣብ ንጥፈታት ተምሃሮ ዝፍትኑን ትርጉም ዘለዎምን ንክኾኑ፣ ዓለምለኽ ደረጃ ብቕዓትን ክእለትን ተወዳዳራይ ዝኾነ፣ ምስ ዝቕፅል ክፍሊ ትምህርቲ ምትእስሳርን ዝምድናን ዘለዎምን ሓገዝትን ክኾኑ ወዘተ ንምግበር ክንድዝከኣል ፃዕሪ ተገይሩ'ዩ። ስለዚ ንጥፈታት ትምህርቲ ሕብረተሰብ ንምምሕያሽ እንትሕሰብ ካብ ሓዱሽ ፖሊሲ ትምህርትን ስልጠናን ሃገርና ውሽጢ ንትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታትን ክእለታትን ተምሃሮ ካልኣይ ሳይክል ምሉእ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ እዚ ሕዚ ተዳልዩ ዘሎ ስርዓት ትምህርቲ ሕብረተሰብ እንታይ ኣበርክቶ ክህልዎ ከምዝኽእል ብምንፃር'ዩ ተጀሚሩ።

እዚ ካብ 5ᵉ - 8ᵉ ክፍልታት ንዘለዉ ተምሃሮ ተዳልዩ ዘሎ መፅሓፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ እንትዳለው ተሓሳቢ ዝተገበሩ ዝስዕቡ ሓሳባት ነይሮም።

- ተምሃሮ ብንጥፈት ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክሳተፉን ንተምሃሮ ማእከል ዝገበረ ኣግባብ ኣመሃህራ ኣፀቢቖም ዝፈልጡን ብቑዓት፣ ዝሰልጠኑ፣ ዓቕምን ክእለትን፣ ተሞክሮን ልምድታትን ዘለዎም መዳለውቲ መፅሓፍቲ ተምሃሮ ምህላዎም ብምርግጋፅ፤
- ንውፅኢታዊ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንምርግጋፅ ዝሕግዙ ወሰንቲ መፅሓፍቲ ተምሃሮ ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ብዝኣክል በዝሕን መጠንን ክህልዉ'ዮም ዝብል እምነት ብምውሳድ፤

- ኣሳታፋይን ተምሃሮ ማእከል ዝገበረ ኣግባብ ኣመሃህራ፣ ክልተኣውነት ዝምድና ዘተኣሳስር ኣቀራርባ ትምህርቲ ንምትግባር ብእኹል ዓቕምን ብቕዓትን ዝሰልጠኑ መምህራን ክህልዉ'ዮም ዝብል ተሓሳቢ ብምግባር፤
- ኣብ ሓደ ክፍሊ ውሽጢ ኣሳታፋይን ተምሃሮ ማእከል ዝገበረ ኣግባብ ኣመሃህራ፣ ክልተኣውነት ዝምድና ዘተኣሳስር ኣቀራርባ ትምህርቲ ንምትግባር፣ መምህሪ ክፍልን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃርን ብግቡእ ንምምሕዳርን ንምቁፅፃርን ዘኽል እኹል መጠን በዝሒ ተምሃሮ ክህልዉ'ዮም ዝብል እምነት ብምውሳድ፤
- ንውፅኢታዊ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝሕግዙ ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ ብዝድለይ መጠንን በዝሕን ኣብዝድለይ እዋንን ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ክቐርብ ይኽእል'ዩ ዝብል ተሓሳቢ ብምውሳድ፤
- መምህር! ነዚ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ብግቡእ ንምስትምሃር፣ ተምሃሮ'ውን ዝውሃብዎም ዕዮታት ክፍልን ገዛን ብዝግባእ ንጥፈት ክከታተሉ'ዮም ዝብል እምነት ተታሒዙ'ዩ።

ስለዚ መምህር! ነዚ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ብግቡእ ንምስትምሃርን ተምሃሮ'ውን ውፅኢታዊ ክትትልን ንጥፈታትን ንኽካይዱ እኹል ቅድመ ምድላው ክገብሩን ንተምሃሮ'ውን ከተባብዕዎምን ይግባእ። ተምሃሮ ሓሳቦም ንኽገልፁ፣ ዝተምሃርዎ ንኽገልፁ፣ ትዕዝብቶም ክረድኡ፣ ዕዮ ክፍልን ገዛን ብግቡእ ክሰርሑ፣ ንነባዕሎም ክመሃሃሩ፣ ክተሓጋገዙ፣ ክሓቱን እንትሕተቱ'ውን ክምልሱን፣ ኣብ ዕዮ ጉጅለ ብንጥፈት ክሳተፉ፣ ክዋደዱን ክተሓባበሩን፣ ከንብቡን ክፅሕፉን፣ ሓፀርቲ ፅሑፋት ከዳልዉ፣ ኣብ ከባቢኦም ንወለዶምን ካልኦት ሰባት እናሓተቱ ዝተረድእዎ ናብ ክፍሊ ከምፅኡን፣ ክረዳድኡን ክተሓጋገዙን ወዘተ ክሕግዝዎም ይግባእ። ከተባብዕዎም ይግባእ። ምስ ማሕበረሰብ ቤት ትምህርትን ከባብን ክወሃሃዱ ይምዓድዎም። ተምሃሮ ዝድለይ ፍልጠት፣ ክእለትን ብቕዓትን ንኽጥርዩ ተኸታታሊ ገምጋምን ፈተሻን ክካይዱ ይግባእ። ሓቢርካ ምስራሕን ምትሕግጋዝን ንዕዉትነት ከይዲ ምምሃር ምስትሃር ኣዐርዩ ሓጋዚ'ዩ።

እዚ መምርሒ ንመምህር! ትምህርቲ ሕብረተሰብ ንመፅሓፍ ተምሃራይ መሰረት ተገይሩ'ዩ ተዳልዩ። ኣብዚ መምርሒ ንመምህር! ብዛዕባ ትሕዝቶ፣ ውፅኢታት፣ ብቕዓታት፣ ዝተመደበ ክፍለ ግዜ፣ ዘድልዩ ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ፣ ፍልፍል ሓገዝቲ መፅሓፍቲ፣ ምትእስሳር መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን፣ ኣግባብ ኣመሃህራ፣ ፍሉይ መረዳእታ ንመምህር!፣ ኣግባብ ገምጋምን ፈተሻን፣ ከምኡ'ውን መልስታት ንመልመድታት መፅሓፍ ተምሃራይ ዝሓዘ'ዩ። ብፍላይ ኣግባብ ኣመሃህራ ፍሉይ ጠመተ ተዋሂብዎ መምህር! ብኸመይ ኣገባብ ክዳለዉ ከምዝግባእን እንታይ ዓይነት ሓገዝ መምህሪ መስተምህሪ ከምዘድልዮምን መሰረት ብምግባር ኣብ ውሽጢ ኽፍሊ ክኸተልዎም ዝግብእዎም ብዝርዝር ተሓቢሩ ስለዘሎ ግቡእ ጠመተ ክህብዎ ይግባእ። ይኹን ደኣ'ምበር ኣብ ክሊ ተሓቢሮም ዘለዉ ብምልኦም እንተይተደረቱ መምህር!'ውን ኣገደስቲ ዝበልዎም ምህዞታት ተጠቒሞምን እናወሰኹን ንተምሃሮ'ውን እናዋዘዩን እናሳተፉን ክምህርዎም ይግባእ'ዩ። ኣብ መወዳእታ'ዚ መምርሒ ንመምህር! ሲለበስ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 8ይ ኽፍሊ ስለዘሎ ብዛዕባ ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት ብቕዓትን ክእለትን ብዝርዝር ስለዘሎ ቅድሚ ምስትምሃር ምጅማርኩም ነዚኦም ብምልኦም ብግቡእ ብምርኣይን ብምግንዛብን'ዩ ዕለታዊ ወይድማ ሰሙናዊ ትልሚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ከዳልዉ ዝግባእ'ሞ ሓደራ ግቡእ ጠመተን ክትትልን ክገብሩ ንምሕፀን።

# ምዕራፍ ሓደ

# እንነብረላ ዓለም

## 1.መእተዊ

*እዚ ን8ይ ክፍሊ ተምሃሮ ዝተዳለወ ምዕራፍ ሓደ መፅሓፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ'ዩ። መምህር! ኣብ 7ይ ክፍሊ መፅሓፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ተምሃሮ ብዛዕባ ቀርኒ ኣፍሪካ ተማሂሮም ከምዝነበሩ ዝዝከር'ዩ። ተምሃሮ 8' ክፍሊ ኣብ ዓለም እንታይ ፍፃመታት እናተኻየዱ ከምዝኾኑ ክፈልጡን ክከታተሉን ኣለዎም። ዝነብሩላ ዓለም ንኽፈልጡዋ ድማ መጀመርያ እንታይነትን መርከቦን ክፍለ ዓለማት ክግንዘቡ ይግባእ። እዚ ምዕራፍ ተምሃሮ ኣብ ሞንጎ ህዝብታትን ክፍለ ዓለማትን ዓለምና ዘሎ ኣፈላላይ ተገንዚቦም ዘድንቕሉ ምዕራፍ ክኾን ኣለዎ። በዙይ መሰረት ተምሃሮ በዚ ምዕራፍ ኣቢሎም ብዛዕባ ክፍለ ዓለማት፣ ህዝብታት ዓለም፣ ዝርግሐን መነባብሮን ህዝብታት፣ ውፅኢታት ኢንዱስትርያላዊ ወያነን ወዘተ ዝመሳሰሉን ዝመሃሩሉ እዩ።*

## 2. ውፅኢታት'ዚ ምዕራፍ

*መምህር! ኣብ መወዳእታ'ዚ ምዕራፍ ብቕዓት ተምሃሮ ምዕቃን የድልይ'ዩ። ስለዚ ነዚ ምዕቃን ብቕዓት ምእንታን ክሕግዝ ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ ነዞም ዝስዕቡ ውፅኢታት'ዚ ትምህርቲ የማዕብሉን ይውንኑን'ዮም።*

- *መርከቦን ቀንዲ ገፅታትን ክፍለ ዓለማትን ቀንዲ ቋንቋታት ዓለምን ይገልፁ።*
- *ሓድ-ሓደ ጥንታዊ ስልጣነታት ዓለም ይርድኡን የድንቁን::*
- *ስሉውን ፅዑቅን በዝሒ ህዝቢ ዘለወን ከባብታት ዓለም የለልዩን ነዚ ኣፈላላይ ዘምፅኡ ምኽንያታት ይፈልዩን።*
- *ኢንዱስትርያዊ ወያነ ዘሕደሮ ፅልዋ ይገልፁ።*
- *ታሪኽ ተጋድሎ ኣንፃር ባዕዳዊ ኣገዛዝ ህዝብታት ኣፍሪካ ይግንዘቡ።*

- ሓደሸቲ ኣተሓሳስባታት ከመይ ከምዝመፁ ይገልፁን እንታይ ከምዝነበሩ የብርሁን።

## 3. ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'ዮም

- ካርታ ሸውዓቲኦም ክፍለ ዓለማት ይቖድሑ::
- ኣንፃራዊ መርክቦ እቶም ክፍለዓለማት ይገልፁ።
- ስፍሓት እቶም ክፍለ ዓለማት የነፃፅሩ።
- ኣብ መንጎ ኣዝዩ ዝለዓለን ዝተሓተን ብራኸታት ዓለምና ዘሎ ኣፈላላይ ይገልፁ።
- ቀንዲ ቃላያትን ሩባታትን ዓለምና የለልዩ።
- ቀንዲ ቋንቋታት ዓለምና ዝዝረብሎም ከባብታት ኣብ ካርታ የመልክቱ።
- ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዓለም ንኣብነት ከም ማንዳሪን፣ እንግሊዝኛ፣ ስፓኝ፣ ዓረብኛ ወዘተ ይገልፁ።
- እዞም ቋንቋታት ኣበየነዎት ሃገራት ከም ቋንቋ ስራሕ ኾይኖም ከምዘገልግሉ ኣብ ካርታ ዓለም ንኸመልክቱ ይሕተትዎም።
- ብምቕፃል ቋንቋ እንግሊዝኛ ንምንታይ ኣብ መላእ ዓለም ከምተስፋሕፈሐ ይመያየጡሉ።
- ቋንቋታት ኪኪዩ፣ እንግሊዝኛን ኪስዋሂሊን ዝዛረብ ወዲ ኪኪዩ ኣመልኪቱ ዝተገብረ መፅናዕቲ ይመያየጡሉ።
- ቋንቋ ኪስዋሂሊ ዝዝረበሎም ከባብታት (ሃገራት) ኣፍሪካ የለልዩ፣ ኣብ ካርታ ዝርግሐኡ የመልክቱ።
- ቀንዲ ፍፃመታት ጥንታዊ ስልጣነታት ይገልፁ።
- ጥንታዊ ስልጣነታት ንሕዚ ዘላ ዓለምና ዘበርከትዎም ነገራራት ይርድኡን የድንቑን::
- ኣዝዩ ስሕውን ፅዑቕን ህዝቢ ዘለዎም ከባብታት ዓለም የለልዩ።

- ኣብ ዓለምና ዘሎ ዝተፈላለየ ዝርገሐ ህዝቢ መንቀልታት ዝኾኑ ነገራት ይገልፁ።
- ብሄረተኝነትን ባዕዳዊ መግዛእትን ውፅኢታት ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ከምዝኾነ ይግንዘቡ።
- ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ኣበይ ከምዝተጀመረ የለልዩ።
- ኣፍሪካውያን ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ንዘይምውዳቕ ዝገበርዎ ምክልኻል የረድኡን ይንእዱን።
- ኣፍሪካውያን ዘካየድዎም መርኣያ ዝኾኑ ዕዉት ፀረ ባዕዳዊ መግዛእቲ ቃልስታት ይህቡ።
- ውፅኢታት ክልቲኦም ኲናታት ዓለም ይፈልጡ።
- ምውፃእ ሓደሽቲ ኣተሓሳስባታት ምስ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ዘለዎ ዝምድና ይገልፁ።
- ጥንታዊ ስልጣነታት ሮማን ቻይናን ኣመልኪቱ ዝተገብሩ መፅናዕትታት ይግለፁሎም። ብድሕሪኡ ነዞም ከባቢታት ኣብ ካርታ ከመልክቱ ይሕተትዎም።
- ኣስዒቦም ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነታት ካልኦት ከባቢታት ንኣብነት ከም ኢንካውያን፣ ፋርስያውን፣ ግሪካውያንን ወዘተ የብርህሎም። ተምሃሮ`ውን እንተኽኢሎም ብዛዕባ`ዞም ጥንታዊ ስልጣነታት መፅናዕቲ ከካይዱ ይሕተትዎም።
- ነዞም መፅናዕትታት ምስፈተሹ ቀንዲ ፍፃመታት እቶም ጥንታዊ ስልጣነታት ክዝርዝሩ ይሕተትዎም።
- ኣብ ሞንጎ ምብራቕ ኣፍሪካን ቻይናን ዝነበሩ ጥንታዊ ርክባት (ዝምድናታት) ንግድን ከምኡ`ውን ኣብ ገማግም ኬንያ ዝተረኽበ ሸኽላ ቻይናውያንን ይዘርዝሩ።

## 4. ክፍለ ግዘ

መምህር! ነዚ ምዕራፍ ሓደ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 8ይ ክፍሊ ዝተመደበ ጠቕላላ ክፍለ ግዘ 25 እዩ።

## 5. ቀንዲ ትሕዝቶታት'ዚ ምዕራፍ

*1.1 ክፍለዓለማት*

*1.2 ህዝብታት ዓለም*

*1.3 ዝርግሐ ህዝብን መነባብሮኦምን*

*1.4 ኢንዱስትርያላዊ ወያነን ሳዕቤናቱን*

## 6. ዝተሓበሩ ሓገዝቲ መምሀሪ መስተምሀሪ

- ካርታ ዓለም
- ካርታ መስመር በረራ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ
- ሉል (ግሎብ)
- ካርታ ነባሪ ኣየር ዓለም
- ካርታ ገፀ-ምድሪ ዓለም (Topographic map)
- ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ብምልኦም ስእልታትን ካርታታትን ከምኡ'ውን ሰደቓታት

## 7. ፍልፍል ሓበሬታ


- Addis Abeba University, የዓድዋ ድል መቶኛ ዓመት ኤግዚቪሽን ካታሎግ (Adwa Victory Centenary Exhibition Catalogue), February, 1996, Addis Ababa
- Aseffa Batu Bedane, The New Guide to Secondary Schools History: History for Grades 9 to 10; Ancient, Medieval and Modern History, (1999, 2000, 2001), Addis Ababa.
- Encyclopedia Britannica, 1989, Oxford, London, United Kingdom.
- Encyclopedia Americana, 1994, New York, the USA.
- Ethiopian Air Lines, Selamta, Quarterly Publication, London, Kenya.
- George Lichtheim, Europe in the Twentieth Century, 1972, London.
- Girma Alemayehu, Wondu T/Medhin, & Birhanu Lemma, The New Guide to Preparatory Program: History for Grades 11 to 12, World – African – Ethiopian History, (1999), Addis Ababa.

- Irving L.Gordon, Review Text in World History, Department of History and Economics, 1965, 1979, New York.
- Kevin Shillington, History of Africa, Revised 1995, MacMillan.
- Lapiso G. Delebo, የኢትዮጵያ ረጅም የህዝብና የመንግስት ታሪክ፡ 1982 ዓ.ም፣ ኣዲስ ኣበባ
- የገንዘብና ኢኮኖሚያዊ ልማት ሚኒስቴር፤ የኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስት የዕድገትና የትራንስፎርሜሽን ዕቅድ (2003 — 2007)፣ ህዳር 2003፣ አዲስ አበባ።
- Microsoft Encarta Encyclopedia, Corporation, 2009.
- Ministry of Information, Ethiopia: A Cradle of History, April 1989, Addis Ababa
- Molla Tedla Birru, The Battle of Adwa: Aftermath and Its Historical Significance, 2010, USA, UK, Germany, ISBN: 978-3-639-30810-5
- National Atlas of Ethiopia by the Ethiopian Mapping Authority, 1988, Addis Ababa.
- Tadesse Derese and Girma Alemayehu, Ethiopian History: From Early Axumite Period to the Downfall of Emperor Haile Selassie I, 1989, Addis Ababa.
- The Constitution of the Federal Democratic Republic Government of Ethiopia, 1995.
- ትምህርቲ ሕብረተሰብ - መፅሓፍ ተምሃራይ፣ 5ይ ክፍሊ፣ መምርሒ ስርዓተ ትምህርቲ፣ መፅናዕትን ምርምርን ትግራይ፣ 1997 ዓ.ም. መቐለ
- ___________________- መፅሓፍ ተምሃራይ፣ 6ይ ክፍሊ፣ መምርሒ ስርዓተ ትምህርቲ፣ መፅናዕትን ምርምርን ትግራይ፣ 1997 ዓ.ም. መቐለ
- ___________________- መፅሓፍ ተምሃራይ፣ 7ይ ክፍሊ፣ መምርሒ ስርዓተ ትምህርቲ፣ መፅናዕትን ምርምርን ትግራይ፣ 1997 ዓ.ም. መቐለ
- ___________________- መፅሓፍ ተምሃራይ፣ 8ይ ክፍሊ፣ መምርሒ ስርዓተ ትምህርቲ፣ መፅናዕትን ምርምርን ትግራይ፣ 1997 ዓ.ም. መቐለ
- Abere and Howell Company, Focus on Earth Science, 1987, Merill Publiching Company.
- David G. Armstrong, World Geography, Peoples and Places, 1995, Merill Publishing Company, Colombus, Ohio
- EMPD, Atlas for Secondary Schools of Ethiopia, 1984, EMPD.

- Goh Cheng Leong, Certificate Physical and Human Geography, 1994, Oxford University Press.
- Mesfin Woldeselassie, A New Guide to Preparatory Program Geography, 2007, Aster Nega Printing Press, Addis Ababa Ethiopia
- R.B.Bunnet, Physical Geography in Diagrams, 1978, Longman.
- Thomas.J.Baerward and Celeste Fraser, World Geography, 2000, Prentice Hall, Needleham Massachusetts Upper Saddle River, New Jersey.


## 8. መምርሒ ንመምህር ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዎ ምትእስሳር

| ቑፅሪ ተርታ | ርእሲ | ዝርዝር ዕላማታት | ዝተመደበ ክፍለ ግዜ | ገፅ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ | ገፅ ኣብ መፅሓፍ መምህር! | ፍልፍል |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1.1 | ክፍለ ዓለማት | • ካርታ ሸውዓተ ክፍለ ዓለማት ቀዲሖም ይስእሉ<br>• ኣንፃራራዊ መርክቦ እቶም ክፍለ ዓለማት ይገልፁ።<br>• ስፍሓት እቶም ክፍለ ዓለማት ይገልፁ<br>• ኣብ ዓለም ኣዝዩ ዝለዓለ በሪኽ ቦታን ኣዝዩ ድማ ዝተሐተ ቦታን ይፈልዩ<br>• ቀንዲ ቃላያትን ሩባታትን ዓለም የለልዩ። | 3 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1.2 | ህዝብታት ዓለም ቀንዲ ቋንቋታት ዓለም | • ኣብ ዓለም ዝርከቡ ቀንዲ ቋንቋታት የለልዩ። <br> • ኣብ ዓለም ዝዝረቡ ቀንዲ ቋንቋታት ኣብ ካርታ የመልክቱ። | 6 | | | |
| 1.3 | ጥንታዊ ስልጣነታት ዓለም <br> • ጥንታዊ ስልጣነ ግሪካውያን <br> • ጥንታዊ ስልጣነ ሮማውያን፣ <br> • ጥንታዊ ስልጣነ ቻይናውያን፣ <br> • ጥንታዊ ስልጣነ ኢንካውያንን | • ቀንዲ ፍፃመታት ጥንታዊ ስልጣነታት ዓለም ይገልፁ። <br> • ጥንታዊ ስልጣነታት ዝጀመሩሎም ከባብታት ይፈልጡ፣ ኣብ ካርታ የመልክቱ። <br> • ጥንታዊ ስልጣነታት ሕዚ ንዘላ ዓለምና ዘበርከትዎም ነገራት ይርድኡን የድንቑን። <br> • ኣብ ግሪክ፣ ሮም፣ ቻይናን ደቡብ ኣሜሪካን ዝተርኣዩ ጥንታዊ ስልጣነታት ብኣብነት ይገልፁ <br> • ጥንታዊ ስልጣነታት ሕዚ ንዘላ ዓለምና ዘበርክትዎ ነገራት ይርድኡን የድንቑን። | 3 | | | |
| 1.4 | ዝርግሐን መነባብሮን ህዝቢ ዓለም | • ኣዝዩ ስሕውን ፅዕቑን ህዝቢ ዘለዎም ከባብታት ዓለም የለልዩ። | (8) | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1.4.1 | ዝርግሐ ህዝቢ ዓለም፣ ስሕው ህዝቢ ዘለዎም ከባብታት ኣብነት ሃሩርን ዝሑልን ምድረበዳነት ምስ ፃዕቒ ህዝቢ ዘለዎም ከባብታት ህንዲ፣ ቻይናን ኣፍሪካን ምንፃር | • ፊዚካላዊ ምኽንያታት ኣብነት ነባሪ ኣየር፣ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ቅርፀ መሬት ይፈልዩ።<br>• ማሕበራዊ ምኽንያታት ኣብነት ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ መራኸብታት ወዘተ ይርድኡ።<br>• ኣብ ዓለም ዘሎ ኣፈላላይ ዝርግሐ ህዝቢ ብሰንኪ ፊዚካላዊ፣ ማሕበራውን ቁጠባውን ምኽንያታት ምዃኑ ይዝርዝሩ። | 3 | | | |
| 1.4.2 | መንቀልታት ኣፈላላይ ዝርግሐ ህዝቢ | | 3 | | | |
| 1.4.3 | መነባብሮ ህዝቢ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታትዓለም | | 1 | | | |
| 1.4.4 | ቀንዲ ሃይማኖታት ዓለም | | 1 | | | |
| 1.5 | ኢንዱስትሪያላዊ ወያነን ሳዕቤናቱን | • ብሄረተኝነትን ባዕዳዊ መግዛእትን ሳዕቤናት ኢንዱስትርያዊ ወያነ ከምዝኾነ የረድኡ።<br>• ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ኣበይ ከምዝጀመረ የለልዩ። | (8) | | | |
| 1.5.1 | ኣጀማምራ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ | | 1 | | | |
| 1.5.2 | ውፅኢታት | | 1 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ | • መንቀልታት ቀዳማይን ካልኣይን ኲናት ዓለም የረድኡ፣ ይትንትኑ።<br>• ኣፍሪካውያን ፀረ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝገበርዎ ተጋድሎ የረድኡ።<br>• ኣፍሪካውያን ዘካየድዎ መርኣያ ዝኾነ ዕዉት ፀረ ባዕዳዊ መግዛእቲ ቃልስታት ይገልፁ።<br>• ውፅኢት ክልቲኦም ኲናታት ዓለም ይፈልጡ፣ ይገልፁ፣ የብርሁ፣ የረድኡ። | | | | |
| 1.5.3 | ቀዳማይን ካልኣይን ኲናታት ዓለም | | 3 | | | |
| | ሀ. ቀዳማይ ኲናት ዓለም | | | | | |
| | ለ. ካልኣይ ኲናት ዓለም | | | | | |
| 1.5.4 | ኣፍሪካውያን ኣንፃር ምስፍሕፋሕ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዘካየድዎ ተጋድሎ | | 2 | | | |
| 1.5.5 | ተጋድሎ ኣፍሪካውያን ኣንፃር ሕግታት ባዕዳዊ መግዛእቲ | | 1 | | | |

## 9. ኣገባብ ኣመሃህራ

*መምህር! ነዚ ምዕራፍ ሓደ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 8ይ ክፍሊ ምስትምሃር እንትትጅምሩ ፈላማይ ክፍለግዘ ትምህርቲ ምሉእ ዓመት ምኳኑ ብምፍላጥ ኣዝዩ ዝነኣድን ሰሓባይን ምድላው ምግባር ከድልይ'ዩ። ነዚ ምዕራፍ ዘድልዩ ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ'ውን ብግቡእ ክዳለዉን ንተምሃሮ ኣብ ሕሉፍ ዓመታት ዝተምሃርዎ ትምህርቲ ብምዝኽኻር ምይይጥ እናገበሩ ከዋዝይዎም'ዩ ዝምዓድ። ስለዚ መምህር ነዚ ምዕራፍ ቅድሚ ምምሃርም ኣብ ሓገዝ መምህሪ መስተምህሪ ተሓቢሮም ዘለው ካርታታት ብምልኦምን ግሎብን ኣዳልዉ። ካርታታት ኣብዛ እንነብረላ ዓለም ዘሎ ሓፈሻውን ዝርዝርን ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካውን ካልኦትን ኩነታት ዕምቆት ብዘለዎ መንገዲ ግንዛበ ኽነሕድር ዝሕግዙና እዮም። መምህር! ነዚ ንኡስ ምዕራፍ ንምምሃር ምድላዋት ኣብ እትገብሩሉ እዋን መጀመርያ ነዞም ዝስዕቡ ሓሙሽተ ቑልፊ ሕቶታት ብምምላስ ምድላዋትኩም ኣዋድዱ።*

- *መርክቦ ሓደ ቦታ እንታይ ማለት'ዩ?*
- *ገፀ-ምድሪ ሓደ ቦታ ከመይ ይግለፅ?*
- *ሰባት ምስ ተፈጥሮኣዊ ኩነታት ሓደ ቦታ ከመይን እንታይ ዓይነትን ርክባት የማዕብሉ?*
- *ሰባት፣ ኣቑሕትን ሓሳባትን ካብ ቦታ ናብ ቦታ ከመይ ይመሓላለፉ?*
- *ቦታታት ካብ ካልኦት ቦታታት ከመይ ይፈላለዩን ይመሳሰሉን?*

*ብድሕር'ዚ ነዚ ንኡስ ምዕራፍ ንምምሃር እዞም ዝስዕቡን ዝመሳሰሉን ሕቶታት ናብ ተምሃሮ ብምቕራብ ሓጺር ምይይጥ ኣካይዱ። ተምሃሮ ካርታ እናረኣዩ ክምልሱ ይግበሩዎም።*

- *ኣበይ ትነብሩ?*
- *ኣበየናይ ክፍለ ዓለም ትነብሩ?*
- *ክፍለ ዓለም እንታይ እዩ?*
- *ነታ እትነብሩላ ክፍለ ዓለም ዝቐረበት ክፍለ ዓለም መን እያ?*
- *ንደቡባዊ ዋልታ ዝቐረበት ክፍለዓለም መን'ያ? ንሰሜናዊ ዋልታ ዝቐረበት ክ መን'ያ?*

- ቀንዲ ሩባታትን ቃላያትን ኣፍሪካ ፅርሑ? ኣብ ካርታ'ውን ኣርእዩ?
- ኣብቲ ተሰቒሉ ዘሎ ካርታ ዓለም እቲ ዝሰፍሐ መሬት ዘለዋ ክፍለ ዓለም ኣመልክቱ? መን ትበሃል?
- ኣብ ዓለምና ክንደይ ውቅያኖሳት ኣለዉ? ኣብ ካርታ ኣመልክቱ?

ተምሃሮ ዝመስሎም ሓሳባት ምስ ኣቕረቡ ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ሉል (ግሎብ) እንታይ ከምዝበሃልን እንታይ ረብሓ ከምዞለዎን ክመያየጡ ይግበሩዎም። ግሎብ ናብ ክፍሊ ኣቕርቡሎም። ብምኽፃል ነቲ ኣብ መፅሓፍ ዘሎ ካርታ 1.1 ኣብ ደፍተሮም ክስእሉ ይግበርዎም። ምስቲ ንሕድሕድ ክፍለዓለም ተዋሂቡ ዘሎ ቐፅሪ መሰረት ድማ ኩለን ክፍለ ዓለማት ከለልዩን ክፅርሑን ይግበሩዎም። ኣብዚ ኣግባብ ኣመሃህራ ሰሪሕኻ ምርኣይ ተጠቒምኩም ክእለት ኣሰኣእላን ኣናብባን ካርታ ከማዕብሉ ሓግዝዎም። ብድሕር'ዚ ካርታ 1.2 ተጠቒምኩም ስፍሓት ክፍለ ዓለማት ኽግንዘቡን እታ ዝዓበየት፣ ካልኣይቲ ዝኾነት... ወዘተ ክፍለዓለም መን'ያ? እናበልኩም ብምሕታት ኩለን ክፍለዓለማት ብመጠን ስፍሓተን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻብዓይ ሰሪያም ክፅሕፉ ይግበሩዎም።

መምህር! ቀንዲ ገፃት ክፍለዓለማት ዝብል ንኡስ ርእሲ ምምሃር ቅድሚ ምጅማርም ኣግባብ ኣመሃህራ ትምህርታዊ ዑደት ተጠቒምኩም ተምሃሮ ካብ ቤት ትምህርቶም ወፃኢ ይውስድዎም። ሰፊሕ ቦታ ክርእይሉ ኣብ ዝኽእሉ ቦታ ብምውሳድ ድማ ገፀ-መሬት ከባቢኦም ክገልፁ ይግበሩዎም። ዝተፈላለዩ ጎቦታት፣ ሜዳታት፣ መታሕት፣ ሩባ፣ ቃላይ ወዘተ ክርእዩን ክፀርሑን ይግበሩዎም። ናብ ክፍሊ ተመሊስኩም ድማ ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተሓቢሩ ዘሎ ገፀ ምድርታት ክፍለዓለማት ብዝግባእ ኽጭብጡ የመያይጥዎም። ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ስእሊ እምባ ሂማላያ ርእዮም ምስቲ ኣብ ከባቢኦም ዝረኣይዎ ከነፃፅሩ ይግበሩዎም።

መምህር! ቃላያትን ሩባታትን ዓለምና ቅድሚ መምሃርኩም ኣብ ሞንጎ ሩባ፣ ቃላይ፣ ባሕርን ውቅያኖስን ዘሎ ኣፈላላይ ግለፁሎም። ብምኽፃል ተምሃሮ ካርታ ዓለም ስኢሎም ነቶም ኣብ ዓለምና ዝርከቡ ዓበይቲ ሩባታትን ቃላያትን ካብ ካርታ ብሰማያዊ ሕብሪ ከመልክቱ ይግበሩዎም። በድሕር'ዚ ድማ ነቲ ዝሰርሕዎ ምስቲ ኣብ ካርታ 1.3 ዘሎ ከነፃፅሩ ይግበሩዎም። ኣብ መወዳእታ ድማ መምህር! መነባብሮ ሰባት

ኣብ እምባ ኤቨረስት ምስ መነባብሮ ሰባት ኣብ ምውት ባሕሪ፣ ኣብ ምድረበዳን ካልኦትን እንታይ ክመስል ከምዝኽእል መመያየጢ ሓሳባት እናቕረብኩም ኣመያይጥዎም።

መምህር! ኣብ ንኡስ ርእሲ 1.2 ክልተ ዓበይቲ ርእስታት ኣለዉ። እቲ ቀዳማይ ርእሲ ብዛዕባ ቋንቋታት ዓለም ዝምልከት እዩ። ነዚ ትምህርቲ ምስትምሃር ቅድሚ ምጅማሮም ተምሃሮ ኣብ ገዝኦም ኣንቢቦምን ተመያይጦምሉን ንኽመፁ ይግበሩ። ንመእተዊ ክኸውን ንተምሃሮ ዝስዕቡ ሕቶታት የቕርቡሎም፤ ኣብ 7ይ ክፍሊ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣፍሪካ ተማሂርኩም ከምዝነበርኩም ትዝክሩ ዶ? እስኪ ዘርዝርዎም። ቋንቋታት፣ ቤተሰብ ቋንቋታትን ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ንዝብሉ ዝተፈላለዩ ኣምራትን ትሕዝቶኦምን ኣብ 7ይ ክፍሊ ተማሂርኩም ነይርኩም። ትዝክሩ ዶ? ብዛዕባ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዓለምና ኽ ሰሚዕኹም ዶ ትፈልጡ? ከይዲ ኣመሃህራ ንተምሃሮ ማእኸል ዝገበረን ኣሳታፊይን ክኸውን ኣለዎ።ኣብዚኦም ሕቶታት ቁሩብ ምላሽ ምስረኸብኩም ነዚ ኮርኳሒ ኣቀራርባ ብምጉልባት ካብዚ ንታሕቲ ዘሎ ስእሊ ዝርግሐ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዓለም መሰረት ገይርኩም ብጉጅለ ክመያየጡ ይግበርዎም።

ጉጅለ ፩ - ኣብ ኣፍሪካ ዝርከቡ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታትን ብዙሕ ተዛረብቲ ዘለውዎም ቋንቋታትን ዘርዝሩ። ኣብ 7ይ ኽፍሊ ምስዝተምሃርዎ ዝተኣሳሰረ ማለት'ዩ።

ጉጅለ ፪ - ኣብ ኣውሮፓ፣ ኣሜሪካን ካናዳን ዝርከቡ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዘርዝሩ። ኣብዘን ሃገራት ዝዝረቡ ቋንቋታት ክንድዝከኣልኩም ግለፁ።

ጉጅለ ፫ - ኣብ ኣህጉር እስያ ዝርከቡ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዘርዝሩ። ብህዝቢ እስያ ዝዝረቡ ቋንቋታት ዝተወሰኑ ግለፁ።

ጉጅለ ፬ - ኣብ ዓለም ካብዝዝረቡ ቋንቋታት ብመሰረት ብዙሕ ህዝቢ ዝጥቀሙሎም ኣብ ቅድሚት ዝስርዑ ዓሰርተ ቋንቋታት ዓለምና ዘርዝሩ።

ብጉጅለ ፩ ኣቐዲሙ ዝቐርብ መብርሂ መበገሲ'ዚ ትምህርቲ ስለዝኸውን መምህር! ናብ ዝርዝር ገለፃ ቅድሚ ምእታዎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ካርታ ዓበይቲ

ስድራ ቋንቋታት ዓለምናን ዝርግሐኦምን ብዓብዪ ወረቐት ተሳኢሉ ንመምህሪ መስተምህሪ ሓገዝ ክጥቀሙሉ ይግባእ። ነዚ ካርታ መሰረት ዝስዕብ ሓፂር መግለፂ ንተምሃሮ ይሃብዎም።

ኣብ ዓለምና ልዕሊ 3000 ብህዝቢ ዝዝረቡ ቋንቋታት ኣለዉ። እዞም ቋንቋታት ነናይ ባዕሎም ቤተሰብ ቋንቋታትን ነዚኦም ዝጠምሩ ድማ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣለዉ። ንኣብነት ኣብ 7ይ ክፍሊ ክምዝተምሃርክምዎ ኣፍሮ ኤሽያቲክ (ሃማዊ ሴማዊ) ካብቶም ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ሓደ እዩ። ኣብ ትሕቲኡ ድማ ሃማዊ፣ ሴማዊ፣ ኩሻዊ፣ ኦሞቲክ ወዘተ ዝበሃሉ ቤተሰብ ቋንቋታት ከምዘለዉ ተማሂርኩም ነይርኩም። ኣብ ትሕቲ እዚኦም ድማ ንኣብነት ኣብ ትሕቲ ሴማዊ ቤተሰብ ቋንቋታት እንተወሲድና ከም ግእዝ፣ ትግርኛ፣ ኣምሃርኛ፣ ትግረ፣ ሃረሪ፣ ጉራግኛ፣ ሄብረው፣ ኮፕቲክ ወዘተ ዝመሳሰሉ ቋንቋታት ከምዘለዉ ተማሂርኩም ነይርኩም። ሕዚ`ውን ቀንዲ ቋንቋታት ዓለም እንትንመሃር ተመሳሳሊ ሰንሰለት ዘለዎ ኣቀራርባ ኢና ንጥቀም። ነዚ ከም መእተዊ ምስተጠቐምኩም ደጊምኩም ንተምሃሮ ነቲ ካርታ ርኣይዎ በሉዎም። ስለዚ ነዚ ካርታ መሰረት ብምግባር ኣብ ዓለምና ገፊሕ ሽፋን ዘለዎምን ተቐባልነት ዝረኸቡን ዓሰርተ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ኣለዉ። ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዓለምና ዝበሃሉ እዞም ዝስዕቡ`ዮም፤

1. ኢንዶ - ዩሮፕያን
2. ዩራሊክ
3. ካውካሲዮን
4. ሲኖ - ቲበታን
5. ኣውስትሮ - ኤሽያቲክ
6. ኣልታይክ
7. ኣውስትሮሲያን (ማለዮ-ፖሊኔስያን)
8. ኣፍሮ ኤሽያቲክ
9. ኒጀር ኮንጎ
10. ኒሎ ሰሃራን (ኣባይ ሰሃራዊ)

ኢሎም ሓፈሻዊ መብርሂ ይሃብዎም። ኣብዚ ነቲ መእተዊ ንምስራፅ ውሱን ሕቶታት ንተምሃሮ የቕርቡሎም። ድሕሪ'ዚ መእተዊ ንዓሰርቲኦም ዓበይቲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዓለም ሓደ ብሓደ እናተዘርዘሩ ብካርታ እናተደገፉ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ብዘሎ ኣገባብ መሰረት ገለፃ ይግበሩሎም። ሓደ ዓብዪ ቤተሰብ ቋንቋ እንትውዳእ ንተምሃሮ ዝተረድኦም ምኳኖም ደረጃ ብደረጃ እናሓተትኩምን ኣብ ማእኸል ገለፃ ድማ ሕቶን መልስን እናሓወስኩም ክተምህርዎም ይግባእ።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ዓለምና ብበዝሒ ተዛረብቶም ህዝብታት ኣብ ቅድሚት ዝስርዑ ዓሰርተ ቋንቋታት እንመን ከምዝኾኑን ኣበይ ከባቢ ወይድማ ሃገረ ዝዝረቡ ከምዝኾኑን ብሰደቓ ገይሮም የረድእዎም። ነዚ ርእሲ ንምዝዛም ተምሃሮ ዘሳትፉ ሕቶታት ንኣብነት ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ብደረጃ ዓለም ካብዝርከቡ ቋንቋታት ብዙሕ ተዛረብቲ ካብዘለውዎም እቶም ኣብ ቅድሚት ዝስርዑ ዓሰርተ ቋንቋታት ፈሊጥኩሞም ዶ? ቋንቋ ማንዳሪንኛ ኣብ ሲኖ-ቲበታን ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝምደብ ከምዝኾነን ቋንቋ ዓረብኛ ድማ ኣብ ኣፍሮ ኤሽያቲክ ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝምደብ ከምዝኾነ ተዓዚብኩም ዶ? ብደረጃ ዓለም ብዙሕ ተዛረብቲ ካብዘለውዎም ዓሰርተ ቋንቋታት ውሽጢ መብዛሕትኦም ኣብ ኢንዶ ዩሮፕያን ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዝምደቡ ከምዝኾኑ ኸ ተዓዚብኩም ዶ? ንኣብነት እንግሊዝኛ፣ ሂንዱ (ቋንቋ ህንዲ)፣ ስፓኝ፣ ፖርቱጊዝኛ፣ ሩስያኛ፣ ጀርመንኛ ወዘተ ብዝብሉ እናመያየጡ የጠቓልልዎ። ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ሕቶታት ኣብ ውሽጢ ኽፍሊ ምስ ተምሃሮ ይስርሕዎም።

መምህር! ኣብዚ ንኡስ ርእሲ ውሽጢ ዝርከብ ካልኣይ ርእሲ ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነታት ግሪካውያን፣ ሮማውያን፣ ቻይናውያን፣ ፈሪሳውያንን ኢንካውያንን ወዘተ ዝምልከት እዩ። ስለዚ ኣቐዲሞም ተምሃሮ ዝተውሃቦም መፅሓፍ ኣንቢቦም ክመፁ ምስገበሩ ንመበራበሪ ክኸውን ኣብ 7ይ ክፍሊ ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነ ኣመልኪትኩም ዝተምሃርኩምዎ ትዝክሩ ዶ? ጥንታዊ ስልጣነ ከመይ ትገልፅዎ? ኣብ ኣፍሪካ ዝተርኣዩ ጥንታዊ ስልጣነታት ትዝክርዎም ዶ? ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት ኣብ ውሽጢ መምህሪ ክፍሊ ብሕቶን መልስን ክመያየጡ ይግበርዎም። ድሕሪ'ዚ ብጉጅለ ኾይኖም ምዕባለ ጥንታዊ ስልጣነ ከመይ ከምዝተጀመረን መግለፂኦምን ክዝርዝሩ ይግበርዎም። ነዚ ከም መበገሲ ገይሮም ኣብ ታሕተዎት ክፍሊ ዝተምሃርዎ ክወስዱ ይኽእሉ'ዮም።

ጉጅለ ፩ - ምዕባለ ጥንታዊ ስልጣነ ከመይ ከምዝነበረ ተመያየጡ። ብዝርዝር ግለፁ።
ጉጅለ ፪ - መግለፅታት ጥንታዊ ስልጣነ እንታይ ከምዝኾኑ ዘርዝሩ።
ጉጅለ ፩ ነዚ ዝስዕብ ጥሙር ሓሳብ ብዝርዝር ክገልፁ ከምዝኽኣሉ የረጋግፁ። ጥንታውያን ሰባት ብሃደንን ብምእራይ ፍራምረን ቖፅላመፅልን ኣብዝናበሩሉ ግዘ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ቦታ ኣይቕመጡን ነይሮም። ኩሉ ግዘ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይዘዋወሩ ነይሮም። ሕርሻ ምስጀመሩ ግና ኣብዝተወሰነ ቦታ ሰፊሮም መነባብሮኦም ብቀዋምነት

ምምራሕ ጀሚሮም። በዚ`ውን ቑሸታት ክምስረታ ጀሚረን። እዘን ቑሸታት ድሕሪ ግዘ ናብ ከተማታት ማዕቢለን። ምምስራት ከተማታት ንምዕባለ ካልኦት ኣብነታት ስልጣነታት መንገዲ ፀሪገን። ስለዚ ጥንታዊ ስልጣነ ማለት ደቂ ሰባት ካብቲ ኣቐዲሙ ዝፀንሐ ኣብ ሃደንን ምእካብ ፍረምረን ዝተመስረተ ድሑር መነባብሮ ወፂኦም ናብ ዝለዓለን ኣብ ከተማታት ዝተመስረተን ምዕቡል ናብራ ዝተሰጋገሩሉ ኣገባብ መነባብሮ ጠሚሩ ዝገልፅ እዩ። ተምሃሮ ብኸምዚ መልክዕ ብጉጅለ ክምልሱን ክመያየጡን ይግበርዎም።

ጉጅለ ፪ ነዚ ዝስዕብ ጥሙር ሓሳብ ብዝርዝር ክገልፁ ከምዝኽኣሉ የረጋግፁ። ስልጣነ ጥንታውያን ሰባት ኣብ ከተማ ምንባር ምስጀመሩ ካብ እዋን ናብ እዋን እናማዕበለ ዝመፀ ኣገባብ መነባብሮ ደቂ ሰባት ጥራሕ ዘይኮነስ ምስዚ ብዝተኣሳሰረ ድማ ምምዕባል መንግስታት፣ ምዕባለ ንግድን እደ ጥበብን፣ ምዕባለ ጥበብ ፅሕፈት፣ ምዕባለ ሃይማኖት፣ ምዕባለ ስነ ቕርፃ ቕርፂ፣ ምዕባለ ሕርሻ፣ ኣብ ደርብታት ምምቃል ሕብረተሰብ ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። ምስ መነባብሮ ከተማ ዝተኣሳሰሩ ተወሰኽቲ መግለፅታት ስልጣነ`ውን ኣለዉ። ንኣብነት ዝማዕበለ ፅሑፍ፣ ኣብ ፅኑዕ ውዳበ ዝተመስረተ መንግስቲ፣ ፍልጠት ቴክኖሎጅን ሓፂን መፂንን፣ ስርፀት ስነ ጥበብ ቕርፃ ቕርፅን፣ ኣብ ተግባር ዝውዓለ ሳይንስን ሒሳብን፣ ምትእትታው ቴክኖሎጂ ሕርሻ ወዘተ ይጥቀሱ። ተምሃሮ ብኸምዚ መልክዕ ብጉጅለ ክምልሱን ክመያየጡን ይግበርዎም።

ከም መጠቓለሊ እዚ መእተዊ ኣብ ዓለምና ጥንታዊ ስልጣነ ጎሊሁ ክረኣ ዝጀመረን ኣብ ከባቢ 3500 ዓመተ ዓለም እዩ። ካብዚ እዋን ጀሚሩ ስልጣነ ብቐፃልነት እናማዕበለ ዝመፀ ታሪካዊ ተርእዩ እዩ። ብምኳኑ`ውን ጥንታዊ ስልጣነታት ኣብዝተፈላለዩ ክፍለ ዓለማት ማዕቢሎም ከምዝነበሩ ዝፍለጥ እንትኸውን እቶም ቀንዲ መበገሲ ጥንታዊ ስልጣነ ዓለምና ዝበሃሉ እዞም ዝስዕቡ`ዮም፤

1. ኣብ ኣፍሪካ ዝርከቡ ጥንታዊ ስልጣነታት ግብፂ፣ ኣኽሱምን ዚምባብዌን
2. ኣብ እስያ ዝርከቡ ጥንታዊ ስልጣነታት ሜሶፖታሚያ፣ ህንድን <u>ቻይናን</u>
3. ኣብ ኣውሮፓ ዝርከቡ ጥንታዊ ስልጣነታት <u>ግሪክን ሮማን</u>
4. ኣብ ኣሜሪካ ጥንታዊ ስልጣነ <u>ኢንካ</u>፣ ማያን ኣዝቴክን ይርከብዎም።

ኢሎም ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ነዚ ድማ ጥንታዊ ስልጣነታት ዝጀመሩሉ ከባብታት ዘመልክት ካርታ ሒዞም ናብ ክፍሊ ብምእታው ብዝበለፀ ነቲ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር የራጉድዎ። ድሕሪ ከምዚ ዝመሰለ ጥንኩር መበገሲ እዩ ናብ ዝርዝር ርእሲ ምዕባለታት ጥንታዊ ስልጣነ ግሪካውያን፣ ሮማውያን፣ ቻይናውያን፣ ኢንካውያንን ካልኦትን ሓደ ብሓደ ዝእተው።

ጥንታዊ ስልጣነ ግሪካውያን ንምስትምሃር እንትጅምሩ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ካርታ ጥንታዊት ግሪክን ክሬትን ብዓብዪ ወረቐት ስኢሎም ሒዞም ናብ ክፍሊ ይምፅኡ። ግሪክ ትበሃል ሃገር ኣበይ ከባቢ ከምትርከብ ምስገለፁ ነዚ ካርታ መሰረት ብምግባር ጥንታዊት ግሪክ ብ**ኣጄኣን**ን ብ**ሜዲቴራንያን**ን ባሕርታት ዝተኸበበት ከምዝኾነት ሪእኹም ዶ? ክሬት ድማ ኣብ ባሕሪ ሜዲቴራንያንን ትርከብ ደሴት ከምዝኾነት ተዓዚብኩም ዶ? ብዝብሉ ሕቶታት ተምሃሮ ብፍሉይ ስምዒት ነቲ ትምህርቲ ክከታተልዎ ይግበሩ። ድሕሪ'ዚ ተምሃሮ ብዝርድኦም ቀሊል ቋንቋታት ጥንታውያን ግሪካውያን ስልጣነኦም ከመይ ከምዝማዕበለን ዝነበሮም ፍሉይ መለለዪ ደረጃ ብደረጃ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ብዘሎ ኣገባብ የረድእዎም። ነዚ መሰረት ብምግባር ስልጣነ ግሪካውያን ዝማዕበሉለን ከተማታት ከም **ኣቴንስ**ን **ስፓርታ**ን ዝመሳሰሉ ከምዝነበሩ፣ ካብዚ ሓሊፉ ድማ ብመዳይ ስነ ጥበብ፣ ስነ ህንፃን ቅርፃ ቕርፅን፣ ቋንቋን ስነ ፅሑፍን፣ ብስፖርታዊ ውድድራት፣ ታሪክን ፍልስፍናን፣ ኣብ ዓውዲ ሳይንስ፣ ተዋስኦ፣ ኣፅዋራት ውግእን ዲሞክራሲያዊ ምምሕዳርን ብዝምልከት ዝነበሩ ምዕባለታት ብስእልታት እናደገፍኩም ግለፁሎም።

እቲ ገለፃ ብካርታ፣ ብስእልታትን ሕቶን መልስን ዝተሰነየ ክኸውን ይግባእ። ኣብ መወዳእታ ንተምሃሮ ትሕዝቶ ስልጣነ ጥንታዊ ግሪክ ተረዲእኩም ዶ? ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ጥንታዊት ግሪክ ንዓለም ዘደነቑ ብዙሓት ኣብነታት ዘለውዎም ስልጣነታት ከምዝነበሩ ፈሊጥኩም ዶ? ጥንታዊት ግሪክ ንስልጣነ መሰረት ዝኾኑ ፊደላት ከምዝነበርዋ፣ ፅሑፋት ከምዝነበሩ፣ ንዓለም ዘደነቑ ስነ ጥበብን ስነ ህንፃን ከምዝነበሩ፣ ኣብ በረኸቲ ቦታታት ይሃንፅዎም ዝነበሩን ይቐርፅዎም ዝነበሩን ምስልታት ይኹኑ ህንፃታት ንፅባቐ ከተማታትን ምዕባለ ባህልታትን ዓበዪ ተራ

*ከምዝነበሮም ኽ ተረዲእኹም ዶ? ዝብሉ ሕቶታት የቕርቡሎም። ኣብዚ ብዝረኸብዎ ምላሽ ተምሃሮ ዝተረድኦም ከምዝኾነ ምስ ኣረጋገፁ ናብ ዝስዕብ ርእሲ ይቐፅሉ።*

*መምህር! ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነ ሮማውያን እንተምህሩ'ውን ካርታ ግዝኣታት ጥንታዊ መንግስቲ ሮማ ኣብ ዝለዓለ ብርኪ ምስበፅሐ ዘመልክት ንሓገዝ መምህሪ መስተምህሪ ይጠቐሙሉ። ነዚ ካርታ መሰረት ብምግባር ድማ ንተምሃሮ ኣብቲ ካርታ ጥንታዊ ግዝኣት መንግስቲ ሮማን ሃገረ ጣልያንን ከለልዩ ይግበርዎም። ስለዚ ኣብ ውሽጢ ሃገረ ጣልያን ከተማ ሮም ኣበይ ከምዝርከቡ ኣልሹ ይበልዎም። ኣብ መወዳእታ ከተማ ሮም ኣብ ሃገረ ጣልያን እያ ትርከብ። ሃገረ ጣልያን ብ**__ትሪሄኒያን__**፣ **__ሜዲተራንያን__**ን **__ኣድርያቲክ__**ን ዝተብሃሉ ሰለስተ ባሕርታት ዝተኸበበት ኾይና ሲሲሊ፣ ሳርዲንያን ኮርሲካን ዝተብሃላ ደሴታት`ውን ዝጠመረት እያ ኢሎም ካርታ መሰረት ዝገበረ መግለፂ ሂቦም ነዚ መእተዊ ይዛዝምዎ።*

*ብድሕሪኡ ጥንታዊ ስልጣነ መንግስቲ ሮማውያን ካብ 8ይ ክፍለዘመን ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ክሳብ 5ይ ክፍለዘመን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ዝነበርዎ ምዕባለታት ብዝምልከት ኣብ ሰለስተ ምዕራፍ ከምዝምቀል ምግላፅ ይግባእ። ነዚ ዝሕግዙ ኣርባዕተ ዝተፈላለዩ ካርታታት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ስለዘለዉ ብዓብዪ ወረቐት ተሳኢሎም ንከይዲ ምምሃር ምስትምሃር መኀልበቲ ገይሮም ይጠቐሙሉ። መግለፂ ስልጣነ ሮማውያን ንዝኾኑ ከም ጥንኩር ሰራዊት ከምዝነበሩ፣ ብባሕርን ብምድርን ዝተጠናኸረ ምንቅስቓሳት ስራሕቲ ንግድን ሸቐጣትን ከምዝነበሩ፣ ጥንኩር ምምሕዳር ከምዝነበረ፣ ፊደል ላቲን መሰረት ቛንቛታት ሮማውያን ብምኳን ከምዘገልገለ፣ ፅፉፍን ጥንኩርን ስርዓት ስነ ህንፃን ቅርፃ ቕርፅን ከምዝነበሩ፣ ስነ ፅሑፍ፣ ፍልስፍና፣ ታሪክን ሳይንስን`ውን ማዕቢሎም ከምዝነበሩ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ስእልታት ሓገዝቲ ገይሮም ብዝርዝር ይግለፁሎም። ከም ሕቶን መልስን እውን ፍሉጣት ፈላስፋታት፣ ፀሓፍቲ ታሪክ፣ ተመራመርቲ ሳይንስን ክዋክብትን፣ ስነ ሕክምናን ዲዛይንን ብዝምልከት ከምኡ'ውን ነገስታትን ወተሃደራዊ ወፍሪ መረሕትን ተምሃሮ ንክፈልጥዎም እናደጋገሙ ይሕተትዎም።*

መምህር! ተመሳሳሊ ኣግባብ ኣመሃህራ'ውን ንስልጣነታት ቻይናውያንን ኢንካውያንን ይጠቐሙ። ንኣብነት ኣጀማምራ ጥንታዊ ስልጣነ ቻይናውያን ንተምሃሮ እንትገልፁ ካርታ ጥንታዊ ስልጣነ ቻይናውያን ዝተጀመሩሎም ሩባታት ሁዋንግ ሆን ያንግትዝን ከምዝኾኑ የርእይዎም። ጥንታዊ ስልጣነታት ቻይናውያን ዘመላኽቱ ካብ መዳብ ዝተሰርሑ ዝተፈላለዩ መሳርሕታት ኵናት፣ መቅድሒ ማይን ካልኦትን፣ ቻይናዊ ፈላስፋ ኮንፉሺዩስ፣ ኮንፉሺዩስን ደቀ መዛሙርቱን (ተምሃሮኡን)፣ ኣብ ሰሜናዊ ቻይና ወራር ወፃኢ ንምክልኻል ዝተነደቐ "ቀንዲ መንደቕ (ሓፁር)" ቻይናውያን፣ መስመር ንግዲ ሃሪ ቻይናውያን ወዘተ ዝመሳሰሉ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ስእልታትን መግለፅታትን ሓገዝ መምህሪ መስተምህሪ ገይሮም ይጠቐሙሎም። ተምሃሮ'ውን ጥንታዊ ስልጣነታት ግሪካውያን፣ ሮማውያንን ቻይናውያንን ንኽድንቑ ይግበርዎም።

መምህር! ጥንታዊ ስልጣነ ማእኸላይን ደቡባውን ኣሜሪካ ብዝምልከት ንተምሃሮ ንምግላፅ ሕዚ'ውን ከም ኣብነት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ስልጣነታት ማያውያን፣ ኢንካውያንን ኣዝቴካውያን ዝነበሩሎም ከባብታት ዘርእዩ ሰለስተ ዝተፈላለዩ ካርታታት ብዓብዪ ወረቐት ተሳኢሎም ከም ሓገዝ መምህሪ መስተምሃሪ ገይሮም ይጠቐሙሎም። ተምሃሮ'ውን ኣብ ማእኸላይን ደቡባዊ ኣሜሪካ ዝርከቡ ሃገራት ካርታ እናርኣዩ ክዝርዝሩወን ይግበሩ። ጥንታዊ ስልጣነ ማያውያን፣ ኢንካውያንን ኣዝቴክን ብዝምልከት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ስእልታት መሰረት ብምግባር ብዝርዝር ንተምሃሮ ይግለፁሎም። መምህር! እዞም ማያውያን፣ ኢንካውያንን ኣዝቴካውያንን ብፍሉይ ጥበብ ዝተሃነፁ መግለፅታት ስልጣነታቶም ከምዝነበሩ ብዝርዝር ይግለፁሎምን ንተምሃሮ'ውን ሕቶታት እናቕረቡ የመያይጥዎም። ንኣብነት ኣብ ኤልሳልቫዶር ዝርከብ ፍራስ ማያውያን፣ ቤተ መንግስቲ ማያውያን ኣብ ኡክስማል፣ ፍራስ ሙኽራብ ማያውያን ኣብ ቱሉም፣ ኣብ ማቹ ፒቹ (ደቡብ ፔሩ) ዝርከብ ፍራስ ኢንካ፣ ኣብ ሜክሲኮ ዝርከብ ፒራሚድ ኢንካውያን፣ ፍራስ መቓብር ማያውን ኣብ ትካል ጓዋቴማላ፣ ኣታሁኣልፓ ዝተብሃለ ንጉስ ኢንካ ኣብ ፔሩ፣ ኣብ ሳን ኣውጉስቲን (ኮሎምቢያ) ዝርከብ፣ ኣብ ቴኦቲሊካን (ምብራቓዊ ሜክሲኮ) ዝርከብ ፍራስ ፒራሚድ፣ ኣብ ቴኦቲሊካን (ምብራቓዊ ሜክሲኮ)

ዝርከብ ፍራስ ፒራሚድ ወዘተ ዝመሳሰሉ ስእልታት ብምርኣይ ተምሃሮ ጥንታዊ ስልጣነታት ማያውያን -ኢንካውያን - ኣዝቴካውያን - ከድንቑ ይግበሩ።

ስለዚ ኣብዚ ንኡስ ርእሲ ክጥቀሙሎም ዝግባእ ኣግባብ ኣመሃህራ ብገለፃን ሕቶን መልስን ዝተደገፉ፣ ብካርታታትን ስእልታትን ዝተሓገዙ፣ ኣብ ውሽጢ ክፍሊን ኣብ ገዝኦምን ተምሃሮ ብተፈላለዩ ዕዮታት ዝሳተፉሉ፣ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ተምሃሮ ማእኸል ዝገበረ ጥንኩር መንፈስን ትሕዝቶን ዘለዎ ኣሳታፊ ኣግባብ ኣመሃህራ ይኸውን። ኣብ መወዳእታ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ ሕቶታት መልመድታት ተምሃሮ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ክሰርሕዎም ይግበሩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ውፅኢታዊ ምኳኖም ንምርግጋፅ ኣብ መወዳእታ'ዚ ትምህርቲ ተምሃሮ ኣብ መሰረታዊ ዋኒናት'ዚ ንኡስ ርእሲ ክመያየጡ ይግበርዎም።

መምህር! ኣብዚ ምዕራፍ ሓደ ንኡስ ርእሲ 1.3 ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነታት ግሪካውያን፣ ሮማውያን፣ ቻይናውያንን ኢንካውያንን ንተምሃሮ ክተምህርዎም'ዩ ተዳልዩ ዘሎ። ነዚ ርእሲ ምስትምሃር ቅድሚ ምጅማርኩም ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃሮይ ዘሎ ፅሑፍ ብደንቢ ገይሮም ኣንቢቦም ንክመፁ ከም መልክዕ ዕዮ ገዛ ይሃብዎም። ዕዮ ገዛ ምሃብ ተምሃሮ ኣብ ክፍሊ ንዝመሃርዎ ትምህርቲ ቅድመ ምድላው ከምዝኾነ ምርድኡ ዕቡቕ'ዩ። ንከምህሩ ናብ ክፍሊ ምስ ኣተዉ ድማ ኣብ 7ይ ክፍሊ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ተምሃሮ ዝተምሃርዎ እናዘኻኸሩ ንሓፂር እዋን የመያይጥዎም። ንተምሃሮ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለ ተመቒሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ መመያየጢ ጉጅለ ንክመያየጡሎምን ኣብ 7ይ ክፍሊ ዝተምሃርዎ እናዘከሩ ነቲ ሕዚ ዝመሃርዎ ትምህርቲ ከስተማቕርዎ ይግበሩ። እዚ ኣገባብ ኣመሃህራ ተምሃሮ ዝምሃርዎ ትምህርቲ ንክፈልጡን ንክመሃሩ'ውን መንፈሶም ክስሕብን ኣብ ምግባር ዓብዪ ተራ ኣለዎ። ድሕሪ'ዚ ናብዝቕፅሉ ኣገደስቲ ርእሲ ሓደ ብሓደ ንተምሃሮ ክገልፁሎም ይግባእ።

ቀዲሉ ዝርከብ ንኡስ ርእሲ ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነታት ግሪካውያን ንምስትምሃር ብመሰረተ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ሓበሬታ ካርታ ሒዞም ክኣትዉን ተምሃሮ'ውን ግሪክ ትበሃል ሃገር ኣበይ ከምእትርከብ ክፈልጡ ይግበሩ። ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ

ዝርከብ ካርታ ጥንታዊት ግሪክን ክሬትን ኣብ ዓብዪ ወረቐት ክስእልዎን ግዝኣት ጥንታዊት ግሪክ ካበይ ናበይ ከምዝነበረን ክፍልጥዎም ይግባእ። ኣብዚ ካርታ እቲ ኣገዳሲ ሓጋዚ መምህሪ መስተምህሪ እዩ። ድሕሪ'ዚ ብዛዕባ ጥንታዊት ደሴት ክሬትን ምዕባለ ጥንታዊ መንግስትታት ግሪክን ብዝርዝር ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ስለዚ ገለፃ ሓደ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ዝኾነ ኣግባብ ኣመሃህራ እዩ። ንተምሃሮ ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነ ሄሌኒስካውያን ወይድማ ግሪካውያን ብዝርዝር ይግለፁሎም። ንዝግበር ገለፃ ተምሃሮ ብውነ ይከታተሉ ምኳኖምን ምስታፎምን ኣፀቢቕም ምክትታልን ምብርትታዕን ከድልይ'ዩ። ነዚ ኣሳታፋይን ምሃብን (ምግላፅን) ምቕባልን ማእከል ዝገበረ ብካሊእ ኣገላልፃ ተምሃሮ ማእከል ዝገበረ ኣሳታፋይ ኣግባብ ኣመሃህራ ብምጥንኻር ጥንታዊ ስልጣነ ግሪካውያን ንዓለም ዘበርከትዎ እንታይ ከምዝኾነ ይዘርዝሩሎም።

ብመሰረት'ዚ ድማ ኣብ ጥንታዊት ግሪክ ብዝተፈላለዩ መዳያት ንኣብነት ስነ ጥበብ፣ ስነ ህንፃ፣ ስነ ቅርፃ ቅርፂ፣ ዓንድታት ህንፃታት፣ ቋንቋን ስነ ፅሑፍን፣ ስፖርታዊ ውድድራት፣ ታሪክን ፍልስፍናን፣ ዓውዲ ሳይንስ፣ ተዋስኦ፣ ኣፅዋራት ውግእ፣ መንግስትን ዲሞክራሲያዊ ምምሕዳርን ዝነበሩ ስልጣነታት ንተምሃሮ ብዝርዝር ይግለፁሎም። ኣብዚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ተምሃሮ ነዞም መርኣያ ዝኾኑ ስልጣነታት ግሪካውያን ብደንቢ ገይሮም ክፈልጥዎም ዝሕግዞም መፅሓፍ ተምሃራይ ኣንቢቦም ክመፁን ብጉጅለ ኾይኖም ድማ እቶም ዝተሓበሩ ስልጣነታት እንታይ ማለት ከምዝኾነ እንትገልፁ ስለዝኾነ እዚ ኣግባብ ኣመሃህራ ጠመተ ክህብዎ ይግባእ። ስለዚ እንትምህሩ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ስእልታት ፓርቴኖን፣ ኣክሮፖሊስ፣ ዶሪክ - ኣዮኒክ - ኮሪንቲያን ዝበሃሉ ዓንድታት ህንፃ፣ ደቂቅ ፅሑፍን ዓብዪ ፅሑፍን ግሪካውያን፣ ሶቅራጦስ - ፕላቶ - ኣካዳሚ ፕሉቶ - ኣሪስጣጣሊስ ዝመሳሰሉ ፈላስፋታት፣ ሄሮዱቶስ - ፓይታጎራስ - ፖክራቶስ ዝተፃወትዎ ተራ ዓውደ ሳይንስ ወዘተ ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንተምሃሮ ብዝርዝር ይገለፁሎም። ተምሃሮ'ውን ብጉጅለ ይመያየጡሎም።

ስለዚ ኣብዚ ክጥቀሙሎም ዝግብኦ ኣግባብ ኣመሃህራ ንተምሃሮ ማእከል ዝገበረን ኣሳታፋይን ኾይኑ ገለፃ፣ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ነጥብታት ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ምፅሓፍ፣ ሰሪሕኻ ምርኣይ፣ ሕቶን መልስን፣ ዕዮ ጉጅለን ክፍልን፣ ምንባብን ኮርኳሒ

ኣቀራርባን፣ ብካርታን ስእልን ዝተደገፈ ሓባራዊ ምይይጥ፣ ምድጋምን መጠቓለልን፣ ኣብ መወዳእታ ምስ መልመድታት ዝተኣሳሰሩ ፈተነታት ምስራሕ እቶም ቀንድን ኣገደስትን ክጥቀሙሎም ዝግብኡ መስረፅቲ ኣግባብ ኣመሃህራ'ዮም።

ድሕሪ'ዚ ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነታት ሮማውያን ንምስትምሃር ብመሰረተ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ሓበሬታ ካርታ ሒዞም ክኣትዉን ተምሃሮ'ውን ሮም ትበሃል ዝነበረት ሃገር ኣበይ ከምእትርከብ ክፈልጡ ይግበሩ። ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ካርታ ጥንታዊት ሮም ኣብ ዓብዪ ወረቐት ክስእልዎን ግዝኣት ጥንታዊት ግሪክ ካበይ ናበይ ከምዝነበረን ክፍልጥዎም ይግባእ። ኣብዚ ካርታ እቲ ኣገዳሲ ሓጋዚ መምህሪ መስተምህሪ ምዃኑ ክፍለጥ ይግባእ። ብምቕፃል ብዛዕባ ጥንታዊት ሮምን ምዕባለ ጥንታዊ መንግስትታትን ብዝርዝር ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ስለዚ ገለፃ ሓደ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ዝኾነ ኣግባብ ኣመሃህራ እዩ። ግዝኣት ጥንታዊት ሮም ብንፁር ምግላፅን ካብ 8ይ ክፍለ ዘበን ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ክሳብ 5ይ ክፍለ ዘበን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ኣብዝነበረ እዋን ዝነበሩ ስልጣነታት፣ መነባብሮ ህዝብን ስርዓት መንግስትታትን ከምኡ'ውን ግዝኣታትን የብሩሁሎም። ነዚ መግለፂ መሰረት ብምግባር መግለፂ ስልጣነታት ጥንታዊት ሮም ዝምልከቱ መግለፅታት ይሃቡ። ብመሰረት'ዚ ስራሕቲ ህንፀት ኣባይቲ፣ መንገድታትን ኣብ ዙሪያ ከተማ ዝስራሕ ሓፁር መንደቕ፣ ካብ ሓፃውን ዝተሰርሑ መሳርሕታት ኲናት፣ ሓደሽቲ ወተሃደራዊ ጥበባት ወዘተ ኣብ ግብሪ ዝውዓሉ መግለፅታት ስልጣነኦም ከምዝነበሩ ንተምሃሮ ይዘርዝሩሎም። ነዚ መግለፂ ንምርኣድ ንተምሃሮ ዘሳትፍ ብዛዕባ ወተሃደራዊ ወፍርታትን ምስፍሕፋሕ ጥንታዊት መንግስቲ ሮምን ዝምልከቱ ካርታታት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ስለዘለዉ ንምይይጥ ይጠቐሙሎም። ስለዚ ምይይጥን ዕዮ ጉጅለን ንከይዱ ምምሃር ምስትምሃር ዘጎልብቱ ኣገደስቲ ኣግባብ መምህሪ'ዮም።

እሞ መምህር! ኣብ መወዳእታ'ዚ መግለፂኦም ፖለቲካዊ ታሪክ ዘበነ ጥንታዊት መንግስቲ ሮም ኣብ ሰለስተ መቑልካ ዝርኣይ ምዃኑ ብዝርዝር የረድእዎም። ተምሃሮ ኣብ ዝተውሃቦም መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ፅሑፋት ኣንቢቦም ክመፁን መግለፅታት ውፅኢት ስልጣነ ጥንታዊ ሮም ብዝተወሰነ መልክዑ ብጉጅለ ኾይኖም እናተመያየጡ

ከብርሁሎም ይግባእ። ብመሰረት'ዚ ድማ ጥንኩር ሰራዊት፣ ኣፅዋራት ውግእ፣ ንግዲ ባሕርን ምድርን፣ ህዝባዊ ባይቶታት፣ መርኣያ ዲሞክራሲያዊ ምምሕዳር፣ ሕግታት፣ ፊደል ላቲን፣ ስነ ፅሑፍ፣ ስነ ህንፃ፣ ስነ ቅርፃ ቅርፂ፣ ዝተፈላለዩ ምስለታት፣ ስእልታት፣ ምኹራባት፣ ኣምፊቴኣትር፣ ፍልስፍናን ታሪክን፣ ዓውደ ሳይንስ ወዘተ ማዕቢሎም ዝነበሩሎም ብምኳኑ ነዞም መግለፅታት ስልጣነኦም ተምሃሮ ክፈልጥዎምን ከስተማቕርዎምን ይግበሩ። ምዕባለ ጥበብን ቴክኖሎጂን ስነ ህንፃን ቅርፃቅርፅን ንምርዳእ ድማ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ስእሊ ውፅኢታት ስነ ህንፃን ቅርፃ ቅርፅን ጥንታውያን ሮማውያን ከም ኣብነት ምጥቃም ይከኣል'ዩ።

ስለዚ ኣብዚ ክጥቀሙሎም ዝግብኡ ኣግባብ ኣመሃህራ ንተምሃሮ ማእከል ዝገበረን ኣሳታፊይን ኾይኑ ገለፃ፣ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ነጥብታት ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ምፅሓፍ፣ ሰሪሕኻ ምርኣይ፣ ሕቶን መልስን፣ ዕዮ ጉጅለን ክፍልን፣ ምንባብን ኮርኳሒ ኣቀራርባን፣ ብካርታን ስእልን ዝተደገፈ ሓባራዊ ምይይጥ፣ ምድጋምን መጠቓለልን፣ ኣብ መወዳእታ ምስ መልመድታት ዝተኣሳሰሩ ፈተነታት ምስራሕ እቶም ቀንድን ኣገደስትን ክጥቀሙሎም ዝግብኡ መስረፅቲ ኣግባብ ኣመሃህራ'ዮም።

ካብዚ ብምቕፃል ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነ ቻይናውያን ንምስትምሃር ብመሰረተ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ሓበሬታ ካርታ ሒዞም ክኣትዉን ተምሃሮ'ውን ቻይና ትበሃል ሃገር ኣበይ ከምእትርከብ ክፈልጡ ይግበሩ። ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ካርታ ጥንታዊት ቻይና ኣብ ዓብዪ ወረቐት ክስእልዎን ግዝኣት ጥንታዊት ቻይና ካበይ ናበይ ከምዝነበረን ክፍልጥዎም ይግባእ። ኣብዚ ካርታ እቲ ኣገዳሲ ሓጋዚ መምህሪ መስተምህሪ ምኳኑ ክፍለጥ ይግባእ። ብምቕፃል ብዛዕባ ጥንታዊት ቻይናን ምዕባለ ጥንታዊ መንግስትታት ቻይናንን ብዝርዝር ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ስለዚ ገለፃ ሓደ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ዝኾነ ኣግባብ ኣመሃህራ እዩ። ጥንታዊ ስልጣነታት ኣብ ከባቢ ሽንጥሮታት ዝጀመሩ ምኳኖም ብምዝርዛር ብተመሳሳሊ ስልጣነ ቻይና ዝጀመረሎም ከባብታትን ሩባታትን ካርታ እናደገፉ ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ብመሰረት እዚ ተምሃሮ ከባቢ ሽንጥሮታት ሩባ ሁዋንግ ሆ ኣበይ ከምዝርከብ ኣብ ካርታ ንክሪኡ ይግበርዎም። ምስዚ ብምትእስሳር ኣብ ከባቢ ሽንጥሮ ሩባ ያንግትዝ ምልክታት ጥንታዊ ስልጣነታት ቻይና ከምዝነበሩ ይግለፁሎም። ስለዚ መምህር! ነዞም ኣብነታትን ምልክታትን

ጥንታዊ ስልጣነ ቻይና ንተምሃሮ ንምርዳእ ምእንታን ክጥዕምን ንሶም'ውን ብቐሊል ኣገባብ ንክርድኦምን ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ፅሑፋት ኣንቢቦም ክመፁ ይግበሩ። ተምሃሮ'ውን መፅሓፍ ምንባብ ምእንታን ክለምዱ ዘንበብዎ ኣብ ክፍሊ ንመሓዙቶም ክገልፁን ክረድኡን ይግበሩዎም።

ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ኣግባብ ኣመሃህራታት (ገለፃ፣ ካርታ፣ ስእልታት፣ ሓባራዊ ምይይጥ፣ ዕዮ ጉጅለ፣ ሰሪሕኻ ምርኣይ፣ ምንባብ፣ ዕዮ ገዛ ወዘተ ብሓፈሻኡ ኣሳታፊይን ተምሃሮ ማእከል ዝገበረን ኣግባብ ኣመሃህራ) መሰረት ብምግባር ኣብ ቻይና ዝነበሩ ጥንታዊ ስልጣነ ብዝርዝር ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ፖለቲካዊ ስርዓት ጥንታዊ ስልጣነ ቻይና ኣብ ስርወ ንግስና ዝተመስረተ ከምዝነበረ ንተምሃሮ ብግልፂ ክፈልጥዎ ብምግባር ኣብነታት እናጠቐሱ (ህሲያ፣ ሻንግ፣ገሮዮ (ቾዮ)፣ ቺን (ኩን)፣ ሃን ዝበሃሉ ስርወ ንግስናታት ከምዝነበሩ) ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ኣብዞም ዝተፈላለዩ ስርወ ንግስናታት ኣብዝነበረሉ እዋን ኣብ ቻይና ዝነበረ ስልጣነ ዘመልክቱ ንኣብነት ፍልስፍናታትን እምነታትን (ኮንፉሺዩሲዝም)፣ ዓብዪ መንደቕ ቻይናውያን፣ ካብ መዳብ ዝተሰርሐ ምስሊ፣ ስነ ጥበባውያን ውፅኢት ኣጎዳ፣ ካብ ሸኽላ (መሬት) ዝተሰርሑ ውፅኢታት፣ ካብ መዳብ ዝተሰርሐ መቅድሒ ማይ ወዘተ ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ እናገናዘቡ ይግለፁሎም። የብርሁሎም። ኣብዚ እዋን ኣብ ቻይና ዝነበሩ ውፅኢታት ሕርሻ፣ ምዕባለታት ከተማታት፣ ምርባሕ ሓሰኻ ሃሪ፣ ንግዲ፣ ካብ መዳብን ነሓስን ዝተሰርሑ ሳናቲም፣ ብማይ ዝሰርሕ ሰዓት፣ ወረቐትን ሕትመትን ወዘተ ዝመሳሰሉ ከምዝነበሩ'ውን ንተምሃሮ ዘርዚሮም የረድእዎም።

ስለዚ መምህር! ነዚ ርእሲ እንተምህሩ ክጥቀሙሎም ዝግብኡ ኣግባብ ኣመሃህራ ንተምሃሮ ማእከል ዝገበረን ኣሳታፊይን ኾይኑ ገለፃ፣ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ነጥብታት ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ምፅሓፍ፣ ሰሪሕኻ ምርኣይ፣ ሕቶን መልስን፣ ዕዮ ጉጅለን ክፍልን፣ ምንባብን ኮርኳሒ ኣቀራርባን፣ ብካርታን ስእልን ዝተደገፈ ሓባራዊ ምይይጥ፣ ምድጋምን መጠቓለልን፣ ኣብ መወዳእታ ምስ መልመድታት ዝተኣሳሰሩ ፈተነታት ምስራሕ እቶም ቀንድን ኣገደስትን ክጥቀሙሎም ዝግብኡ መስረፅቲ ኣግባብ ኣመሃህራ'ዮም።

መምህር! "ጥንታዊ ስልጣነ ኣብ ማእከላይን ደቡባውን ኣሜሪካ" ዝብል ቀዲሉ ዝርከብ ርእሲ እንተምህሩ'ውን ኣብ ላዕሊ ዝሓበርናዮም ኣግባብ ኣመሃህራ ብተመሳሳሊ መልክዑ ክጥቀሙሎም'ዩ ዝምከር። ምእንተዚ ድማ ካርታ ማእከላይን ደቡባውን ኣሜሪካ ሒዞም ናብ ክፍሊ ክኣትዉን ኣብዚ ዝርከባ ሃገራት'ውን ተምሃሮ ክፈልጥወን ይግበኦም። ነዘን ሃገራት እንትዝርዝሩን ተምሃሮ'ውን ክፈልጥወን እንትገብሩ ብፍላይ ኣብ ሃገራት ጓቴማላ፣ ሆንዱራስ፣ ኤልሳልቫዶር፣ ሜክሲኮ፣ ፔሩን ቺሊን ፍሉይ ጠመተ ይሃቡሎም። ኣብ ከባቢ'ዘን ሃገራት ይርከቡ ዝነበሩ ህዝብታት ማያ፣ ኢንካን ኣዝቴክን ኣብ ማእከላይን ደቡባውን ኣሜሪካ ጥንታዊ ስልጣነ ኣማዕቢሎም ከምዝነበሩ ንምግላፅ'ውን ይሕግዞም'ዩ። እዚኣን ክልተ መሰረታዊ ነገራት ተምሃሮ ብፍሉይ ክፈልጥዎም፣ ክርድእዎም፣ ክመልክዎም፣ ክዕውዕዎም ይግበኦም። ነዚ መሰረት ብምግባር ጥንታዊ ስልጣነ ህዝብታት ማያውያን፣ ኢንካውያንን ኣዝቴክያውያን ብዝርዝር ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ንተምሃሮ መግለፅታትን ዝርዝራትን እንትህቡ ድማ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ነጥብታት ኣብ ፀሊም ሰሌዳ እናፀሓፉ ክይዲ ምምሃር ምስትምሃር ከኅልብትዎ ይኽእሉ'ዮም።

ስለዚ መምህር! ክልተ ኣግባብ ኣቀራርባ ክይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክኸተሉ'ዮም ዘመዓዱ። እቲ ሓደ ብዛዕባ ስልጣነታትን ውዕኢት ስልጣነታትን ህዝብታት ማያ፣ ኢንካን ኣዝቴክን ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ብዝተገለፀ መሰረት ብዝርዝር ምግላፅ ይግባእ። እቲ ካልኣይ ድማ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ስእልታትን ካርታታትን መሰረት ብምግባር ነቲ ገለፃን ምይይጥን ከምኡ'ውን ሕቶን መልስን ኣግባብ ኣመሃህራታት ከኅልብትዎ ይግባእ። ንኣብነት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ከም ስልጣነ ማያ ዝነበረሎም ካባብታት ዝርእይ ካርታ፣ ኣብ ኤል ሳልቫዶር ዝርከብ ፍራስ ማያውያን፣ ኣብ ኡክስማል ዝርከብ ቤተ መንግስቲ ማያውያን፣ ኣብ ቱሉም ዝርከብ ፍራስ ሙኽራብ ማያውያን፣ ካርታ ስልጣነ ኢንካውያን ዝርከቡሎም ከባብታት፣ ኣብ ማቹ ፒቹ (ደቡብ ፔሩ) ዝርከብ ፍራስ ኢንካውያን፣ ኣብ ሜክሲኮ ዝርከብ ፒራሚድ ኢንካውያን፣ ኣብ ጓቴማላ ዝርከብ ፍራስ መቓብር ማያውያን፣ ኣብ ፔሩ ዝርከብ ኢታሁኣልፓ ዝተብሃለ ንጉስ ኢንካ፣ ኣብ ኣውጉስቲን (ኮሎምቢያ) ዝርከብ ምስሊ፣ ኣብ ቴኦቴኢካን (ምብራቓዊ ሜክሲኮ) ዝርከብ ፍራስ ፒራሚድ፣ ግዝኣት ስልጣነ ኣዝቴክ ዘመልክት ካርታ ወዘተ ዝመሳሰሉ ኣፀቢቖም ንመግለፂኦምን ምይይጥን

ክጥቀሙሉዎም ይግባእ። ስለዚ መምህር! እዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ክንድዝከኣል ብስእልታትን ካርታታትን ተደጊፉ ዝተዳለወ ስለዝኾነ ተምሃሮ'ውን ኣብ ገዝኦም ብዝግባእ ክንብብዎ ይሓብሩሎም።

መምህር! ኣብ ላዕሊ ብዝርዝር ከምዝተሓበረሎም ነዚ ርእሲ እንተምህሩ ክጥቀሙሉዎም ዝግብኡ ኣግባብ ኣመሃህራ ንተምሃሮ ማእከል ዝገበረን ኣሳታፉይን ኾይኑ ገለፃ፣ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ነጥብታት ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ምፅሓፍ፣ ሰሪሕኻ ምርኣይ፣ ሕቶን መልስን፣ ዕዮ ጉጅለን ክፍልን፣ ምንባብን ኮርኳሒ ኣቀራርባን፣ ብካርታን ስእልን ዝተደገፈ ሓባራዊ ምይይጥ፣ ምድጋምን መጠቓለልን፣ ኣብ መወዳእታ ምስ መልመድታት ዝተኣሳሰሩ ፈተነታት ምስራሕ እቶም ቀንድን ኣገደስትን ክጥቀሙሉዎም ዝግብኡ መስረፅቲ ኣግባብ ኣመሃህራ'ዮም። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ መወዳእታ ንኡስ ርእሲ 1.3 መማረፂ መልስታት ዘለውዎም ሕቶታት መልመዲ ስለዘለዉ ተምሃሮ ነዚኦም ብጉጅለ እናተመያየጡ ክመልስዎም ይግበሩ።

መምህር! ኣብዚ ምዕራፍ ሓደ ንኡስ ርእሲ 1.4 ብዛዕባ ዝርግሐን መነባብሮን ህዝቢ ዓለም ዝምልከት ንተምሃሮ ክተምህርዎም'ዩ ተዳልዩ ዘሎ። ነዚ ርእሲ ምስትምሃር ቅድሚ ምጅማርኩም ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃሮይ ዘሎ ፅሑፍ ብደንቢ ገይሮም ኣንቢቦም ንክመፁ ከም መልክዕ ዕዮ ገዛ ይሃብዎም። ዕዮ ገዛ ምሃብ ተምሃሮ ኣብ ክፍሊ ንዝመሃርዎ ትምህርቲ ቅድመ ምድላው ከምዝኾነ ምርድኡ ፅቡቕ'ዩ። እዚ ኣገባብ ኣመሃህራ ተምሃሮ ዝምሃርዎ ትምህርቲ ንክፈልጡን ንክመሃሩ'ውን መንፈሶም ክስሕብን ኣብ ምግባር ዓብዪ ተራ ኣለዎ። ድሕሪ'ዚ ናብዝቕፅሉ ኣገደስቲ ርእሲ ሓደ ብሓደ ንተምሃሮ ክገልፁሎም ይግባእ።

ኣብዚ ንኡስ ርእሲ 1.4 ሰለስተ ኣገደስቲ ርእስታት ንተምሃሮ ክተምህርዎም ተሓሲቡ ተዳልዩ'ሎ። ስለዚ ኣብ 7ይ ክፍሊ ብዛዕባ "በዝሒ ህዝብን ኣሰፋፍራን" ከምኡ'ውን "ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ" ዝህልዎ ሳዕቤን ብዝምልከት ዝተምሃርዎ ምዝኽኻርን ነዚ መሰረት ብምግባር ምምይያጥ ኣገዳሲ'ዩ። ነዚ ምይይጥ መሰረት ብምግባር ህዝቢ ከመይ ከምዝግለፅን ስነ ህዝቢ እንታይ ማለት ከምዝኾነን ንተምሃሮ ብምሕታት ዝህብዎ መልሲ ምክትታል የድልይ። ምስዚ ተኣሳሲሩ ድማ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ

እንታይ ማለት ከምዝኾነ ተምሃሮ ክረድኡ ይግበርዎም። ኣብዚ ጉዳይ ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ፅሑፍ ኣንቢቦም ክመፁን ኣብ ክፍሊ ንዝለዓሉ ሕቶታት ክምልሱን ምግባር ኣገዳስነት ኣለዎ። ድሕሪ'ዚ ብኣብነት እናደገፉ ነዞም ዝስዕቡ ኣምራት ስነ ህዝቢ ንተምሃሮ ይግለፁሎም።

- መጠን ውልደት
- መጠን ምውላድ እኖታት
- መጠን ምስዳድ
- መጠን ዕብየት ህዝቢ
- መጠን ሞት
- መጠን ብህይወት ዝንበረሉ ዕድመ
- መጠን ካብ ስደት ዝተመልሱ
- መጠን ሞት ህፃናት

ነዚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንምጉልባትን ዝሓልፍ ትምህርቲ ብቀሊሉ ተምሃሮ ንኽርድእዎን ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ስእላዊ መግለፂ ስታቲስቲክስ ዝርግሐ ህዝቢ ዓለምን በዝሕን ኣብ ዓብዪ ወረቐት ክስእልዎ'ሞ ናብ ክፍሊ ክምፅእዎ ይግባእ። እዚ ሓደ ሓገዝ መምህሪ መስተምህሪ'ዩ። ድሕሪ'ዚ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ መግለፂ ዕብየትን በዝሕን ህዝቢ ዓለም ዝምልከት ሓደ ስእላዊ መግለፂ ስታቲስቲክስ ኣዳልዮም ኣብ ዓብዪ ወረቐት ስዒሎም ናብ ክፍሊ ሒዞምዎ ክመፁ ይግባእ። ነዚ ዝሕግዝ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ "ሰደቓ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዓለምን ዝርግሐን ኣብ ሕሉፍ ሰለስተ ሚኢቲ ዓመታት" ዝብልን "ሰደቓ ኣገደስቲ ሓበሬታ ፀብፃብ ህዝቢ ዓለም ኣብ 2007 ዓ.ም.ፈ" ዝብሉ ክልተ ሰደቓታትን ኣብ ዓብዪ ወረቐት ተሳኢሎም ናብ ክፍሊ ክምፅእዎምን ኣገዳሲ ሓገዝ መምህሪ መስተምህሪ ክኾኑ ይግበሩ። ምስዚ ተኣሳሲሩ ድማ ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ኣርባዕተ ኣገደስቲ ኣምራትን ክልስ ሓሳባትን ስነ ህዝቢ ዝምልከቱ መግለፅታት ብዝርዝር ንተምሃሮ ክገልፁሎም ይግባእ።

- ዝርግሐ ህዝቢ
  - Population Distribution
- ፃዕቒ (ፀቕጢ) ህዝቢ
  - Population Density Pressure
- ብዙሕ ህዝቢ ዝነብረሎም
  -Densely Populated
- ስሕው ህዝቢ ዝነበረሎም
  -Scarcely Populated

ኣብዚ መግለጺ'ዚ "ሰደቓ ምኽንያታት ዝርግሐ ዕዑቕን ስሑውን ህዝቢ ዓለም" ዝምልከት ስለዘሎ ብፍላይ ነቶም ወሰንቲ ባእታታት ዝብሉ ብግልጺ ቋንቋን ቀሊል ኣቀራርባን ክትገልፁሎምን ክትዝርዝርዎምን ይግብኣኩም። ስለዚ መምህር! ንዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ወሰንቲ ዝኾኑ ቑልፊ ባእታታት ብመሰረት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ይግለፁሎም። እዚ ኣቀራርባን ኣግባብ ኣመሃህራን ኮርኳሒ ስለዝኾነ ተምሃሮ ክሓቱን ክሕተቱን፣ ክምልሱን ክምልሰሎምን ከምዝግባእ ብግልጺ ቋንቋ ኩልግዘ ኣብ መፈለምታ ክፍለ ግዘ ትምህርቲ ክሕብሩሎም ይግባእ። ኣብ መወዳእታ ብዛዕባ ቀንዲ ምኽንያታት ዝርግሐን ኣሰፋፍራን ህዝቢ ኣብ ሃገራት ዓለም ብዝምልከት ኣብ ክልተ ዓበይቲ ባእታታት መቒልካ ክርኣይ ከምዝኽል ንተምሃሮ የረድእዎም። እዚኦም ሰብኣውን ተፈጥሯውን ባእታታት ተባሂሎም ከምዝፍለጡ ብምግላፅ ብዝርዝር ንተምሃሮ ብዝርዳእ ቋንቋ ከብርህዎም ይግባእ። ነዚ ርእሲ 1.4.1 እንተምህሩ ካብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ብፅሑፍን ሕትመን ዝተዳለዉ መፃሕፍትን መፅሄታትን ከም ተወሳኺ ሓበሬታ ንምሃብ ክጥቀሙሎም ይግባእ። ንኣብነት ከም UNICEFን UNFPAን ከምኡ'ውን ምስ ተመሳሳሊ ስራሕ ምትእስሳር ዘለዎም ዓለምለኻውን ሃገራውን ትካላት ወይድማ ብደረጃ ክልል ትግራይ ወይድማ ካልኦት ክልላት ዝዳለዉ ፅሑፋትን ውፅኢት ሕትመታትን ናብ ክፍሊ እናምፅኡ ንተምሃሮ የንብቡሎም፣ ይግለፁሎም።

ስለዚ መምህር! ኣብ ላዕሊ ብዝርዝር ከምዝተሓበረሎም ነዚ ርእሲ እንተምህሩ ክጥቀሙሎም ዝግብኦ ኣግባብ ኣመሃህራ ንተምሃሮ ማእከል ዝገበረን ኣሳታፊይን ኾይኑ ገለፃ፣ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ነጥብታት ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ምፅሓፍ፣ ዝተፈላለዩ ፅሑፋትን ውፅኢት ሕትመታትን እናኣላለሽኩም ናብ ክፍሊ ሒዞም ብምምፃእ ንተምሃሮ ምንባብን ክንበበሎም ምግባርን፣ ሰሪሕኻ ምርኣይ፣ ሕቶን መልስን፣ ዕዮ ጉጅለን ክፍልን፣ ምንባብን ኮርኳሒ ኣቀራርባን፣ ብካርታን ስእልን ዝተደገፈ ሓባራዊ ምይይጥ፣ ምድጋምን መጠቓለልን፣ ኣብ መወዳእታ ምስ መልመድታት ዝተኣሳሰሩ ፈተነታት ምስራሕ እቶም ቀንድን ኣገደስትን ክጥቀሙሎም ዝግብኡ መስረፅቲ ኣግባብ ኣመሃህራ'ዮም። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ መወዳእታ'ዚ ርእሲ ዘሕቶታት መልመዲ ስለዘለዉ ተምሃሮ ነዚኦም ብጉጅለ እናተመያየጡ ክመልስዎም ይግበሩ።

መምህር! ኣብ ላዕሊ ካብዝተገለፀ ርእሲ ቀጺሉ ዝርከብ ንኡስ ኣርስቲ 1.4.2 ብዛዕባ "መንቀልታት ኣፈላላይ ዝርግሐ ህዝቢ" ዝምልከት'ዩ። ነዚ ርእሲ እንተምህሩ ኣብ 5ይ፣ 6ይን 7ይን ኽፍልታት ብዛዕባ "ምኽንያታት ንኣፈላላይ ኣሰፋፈራን ባህልን ህዝቢ" ዝምልከቱ ዝተምሃሩዎም እናዘከርኩም ብሕቶን መልስን መልክዕ ሓፂር መበገሲ ምይይጥ ምግባር የድልት'ዩ። ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንመእተዊ ዝተሓበሩ መበገሲ ሕቶታት'ውን ስለዘለዉ ነዚኦም መሰረት ዝገበሩ ሕቶታት ከልዕሉን ንተምሃሮ ከሳትፉን ይኽእሉ'ዮም። ድሕሪ'ዚ መበራበሪ ምንቅስቓስ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ፅሑፍ መሰረት ብምግባር ህዝቢ ኣብዝተፈላለዩ ከባብታት ዘለዎም ትሕዝቶ መነባብሮን ምስዚ ተኣሳሲሩ ዝርከብ ኣሰፋፍራን ዝምልከት ዝርዝር መብርህን መግለፅታትን ክህቡ'ዩ ዝግባእ። ነዚ መሰረታዊ ትሕዝቶ ንምርዳእ ተግባራት ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ኣፍሪካ ብዝምልከት ይግለፁሎም። ብምቕፃል ድማ ብዛዕባ ንዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ዝፀልዉን ፅዕንቶ ዘሕድሩን ባእታታት እናዘርዘሩን እናብርሁን ይግለፁሎም። ንምዝኽኻርን ንምምይያጥን ምእንታን ክሕግዝ'ውን ነዞም ግልፅን ሓፀርትን ዝኾኑ ሓሳባት እናፀሞቑ ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ይፅሓፍዎም።

መምህር! ምስ ምንቅስቓስ ህዝብን ቕልጡፍ ዕብየት ህዝብን ተኣሳሲሩ ዝመፅእ ምዕባለ ከተማታት'ዩ። ስለዚ ንምንታይ'ዩ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ምንቅስቓስን ፍልሰትን (ስደትን) ህዝቢ እናሓየለ ብምምፅኡ ከም መሰረታዊ መግለፂ ተርእዮታት ከምዝውሰድ ምስ ተምሃሮ ይመያየጡ። ኣብ ኣፍሪካን ሃገርናን ከም ኣብነት ብምውሳድ ብዙሕ ህዝቢ ካብ ገጠር ናብ ከተማታት እናኸደ መነባብሮኡ ይምስርትን ይሰፍርን ከምዝኾነ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተገሊፆም ዘለዉ መሰረት ብምግባር ንተምሃሮ እናመያየጡ የረድእዎም። ይግለፁሎም። ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ መግለፅታትን ስእልታትን'ውን ኣብ እዋን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክጥቀሙሎም'ውን ይግባእ። ስለዝኾነ ድማ ኣብ 1.4.3 ዝርከብ "መነባብሮ ህዝቢ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ዓለም" ዝብል ርእሲ እንተምህሩ ኣብ ላዕሊ ብዝርዝር ዝተገለፁ ኣገባብ ኣመሃህራን ኣቀራረብን ክኽተሉ ይግባእ። ምትእስሳር መነባብሮን ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታትን ህዝቢ ብግልፂ ቋንቋ ንፁር ገይሮም ንተምሃሮ ከረድእዎም ይግባእ።

ስለዚ መምህር! ኣብ ላዕሊ ብዝርዝር ከምዝተሓበረሎም ነዚ ርእሲ እንተምህሩ ክጥቀሙሎም ዝግብኦ ኣግባብ ኣመሃህራ ንተምሃሮ ማእከል ዝገበረን ኣሳታፊይን ኾይኑ ገለፃ፣ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ነጥብታት ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ምፅሓፍ፣ ዝተፈላለዩ ፅሑፋትን ውፅኢት ሕትመታትን እናኣላለሽኩም ናብ ክፍሊ ሒዞም ብምምፃእ ንተምሃሮ ምንባብን ክንበበሎም ምግባርን፣ ሰሪሕኻ ምርኣይ፣ ሕቶን መልስን፣ ዕዮ ጉጅለን ክፍልን፣ ምንባብን ኮርኳሒ ኣቀራርባን፣ ብካርታን ስእልን ዝተደገፈ ሓባራዊ ምይይጥ፣ ምድጋምን መጠቓለልን፣ ኣብ መወዳእታ ምስ መልመድታት ዝተኣሳሰሩ ፈተነታት ምስራሕ እቶም ቀንድን ኣገደስትን ክጥቀሙሎም ዝግብኦ መስረፅቲ ኣግባብ ኣመሃህራ'ዮም። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ መወዳእታ'ዚ ርእሲ ዘሕቶታት መልመዲ ስለዘለዉ ተምሃሮ ነዚኦም ብጉጅለ እናተመያየጡ ክመልስዎም ይግበሩ።

መምህር! ቀፂሉ ዝርከብ ንኡስ ርእሲ'ዚ ምዕራፍ ኣብ 1.4.4 ዝርከብ ብዛዕባ ቀንዲ ሃይማኖታት ዓለም ዝምልከት'ዩ። ንመበገሲ ተምሃሮ ኣብ 7ይ ክፍሊ ብዛዕባ ኣመፃፅኣ ሃይማኖት ክርስትናን እስልምናን ዝተምሃርዎ እናዘኻኸሩን ካብዚኦም ወፃኢ'ውን ዝፈልጥዎም ሃይማኖታት እንተልዩ እናሓተቱን ይጀምሩ። ነዚ ምይይጥ ምእንታን ክሕግዞም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ብዛዕባ ዝርግሐ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት ዝምልከቱ ፓይ ቻርትን ካርታን ኣብ ዓብዪ ወረቐት ስኢሎም ንተምሃሮ መመያየጢ የቕርቡሎም። ኣብዚ መፅሓፍ ብዛዕባ ሃይማኖታት ክርስትናን እስልምናን እንትግለፅ ቅዱስ መፃሕፍቲ'ዞም ክልተ ሃይማኖታት ብስእሊ ተሓቢሩ'ዩ። ይኹን'ምበር ንሶም ኣብ ክፍሊ እንተምህሩ ነዞም ክልተ ቅዱሳን መፃሕፍቲ'ዞም ሃይማኖታት ናብ ክፍሊ ሒዞም ክኣትዉ ይግባእ። ንተምሃሮ'ውን የርእይዎም። ኣብዚ ንሃይማኖታት ዝወሃብ ክብርን ማዕርነትን ሕገ መንግስታዊ መሰል ምዃኑ እናገናዘብኩም ዕላማ'ዚ ትምህርቲ ግና ብዛዕባ ኣብ ዓለም ዘለዉ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት ተምሃሮ ንክፈልጡ ምግባር'ዩ። ኣብዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ እቶም ሓሙሽተ ብዙሓት ሰዓብቲ ዘለውዎም ሃይማኖታት ጥራሕ'ዩ። ንኩሎም ሃይማኖታት ዝምልከቱ ስእልታት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ስለዘሎ እንተምህሩ ነዞም ስእልታት እናገናዘቡ ክኸውን ኣለዎ።

ስለዚ መምህር! ኣብዚ ክኽተልዎምን ከተግብርዎምን ዝግብኦ ኣግባብ ኣመሃህራ ምስ ስእልታትን ካርታን ዝተዛመደ ገለፃ፣ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ነጥብታት ኣብ ፀሊም ሰሌዳ


ምዕሓፍ፣ ዝተፈላለዩ ፅሑፋትን ውፅኢት ሕትመታትን እናኣላለሸኩም ናብ ክፍሊ ሒዞም ብምምፃእ ንተምሃሮ ምንባብን ክንበበሎም ምግባርን፣ ሰሪሕኻ ምርኣይ፣ ሕቶን መልስን፣ ዕዮ ጉጅለን ክፍልን፣ ምንባብን ኮርኳሒ ኣቀራርባን፣ ብካርታን ስእልን ዝተደገፈ ሓባራዊ ምይይጥ፣ ምድጋምን መጠቓለልን፣ ኣብ መወዳእታ ምስ መልመድታት ዝተኣሳሰሩ ፈተነታት ምስራሕ እቶም ቀንድን ኣገደስትን ክጥቀሙሎም ዝግብኡ መስረፅቲ ኣግባብ ኣመሃህራ'ዮም።

ኣብዚ ንኡስ ርእሲ 1.5 ሓሙሽተ ኣገደስቲ ርእስታት ንተምሃሮ ክተምህርዎም ተሓሲቡ ተዳልዩ'ሎ። እቲ ርእሲ'ዚ ንኡስ ርእሲ'ዚ ምዕራፍ ብዛዕባ ኢንዱስትሪያል ወያነን ሳዕቤናቱን ዝብል እንትኾውን ኣብ ውሽጡ ኣጀማምራ ኢንዱስትሪያል ወያነ፣ ውፅኢትን ሳዕቤናትን ኢንዱስትሪያል ወያነ፣ ቀዳማይን ካልኣይን ኲናታት ዓለም፣ ኣፍሪካውያን ኣንፃር ምስፍሕፋሕ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዘካየድዎ ተጋድሎ፣ ከምኡ'ውን ተጋድሎ ኣፍሪካውያን ኣንፃር ሕግታት ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝብሉ ይርከብዎም። ስለዚ ብትሕዝቶኦም ካብቶም ቅድም ክብል ዝገለፅናዮም ኣርባዕተ ንኡሳን ርእስታት ፍልይ ዝብሉ ብምኳኖም ተምሃሮ መበገሲ ዝኾውን ፍልጠት ሒዞም ክመፁ'ዮም ዝብል ኣተሓሳስባ ከይህልዎም። ተምሃሮ ዝፈልጥዎ ነገር ስለዘየለ ነዞም ኣገደስቲ ዝበሃሉ ኣርእስታት ንተምሃሮ ክርድኦም ብዝኸእል ኣገባብ ከመይ ከምህርዎም ከምዘለዎም ሓሲቦም ምሉእ ምድላው ክገብሩ ይግባእ። ስለዚ ከምቲ ኣብ ቅድም ዝበሉ ኣርባዕተ ንኡሳን ኣርእስታት ዝሓብናዮ ሓበሬታ ኣግባብ ኣመሃህራ ኣብዚ'ውን ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ ምጥቃምን ተምሃሮ'ውን መፅሓፎም ኣንቢቦም ክመፁ በብመዓልቱ ዕዮ ገዛ ምሃብን ዘይሕለፉ'ዮም።

ስለዚ እንትጅምሩ ንኣብነት ኣብ 1.5.1 ዝርከብ ኣጀማምራ ኢንዱስትሪያል ወያነ ዝብል ርእሲ ንምምሃር እዚ ርእሲ እንታይ ማለት ከምዝኾነን ሒዝዎ ዘለዉ ቁምነገራትን ብሓፂሩ ንመእተዊ ይጠቐሙሎም። ቀደም ብኢድን ጉልበትን ኣብ ግቢ መንበሪ ኣባይቲ የፍርዩ ነይሮም ደሓር ግና ዝተፈላለዩ መሳርሕታት መፍረይቲ ምስተመሃዙ እቲ ኣግባብ ምፍራይ ዓብዪ ዝላ ኣርእዩ እናበልኩም ምግላፅ ከድልይ'ዩ። ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ "ኢንዱስትሪያል ወያነ እንታይ ማለት'ዩ?" ዝብል ኣብ ሳንዱቕ ዝኣተወ ፅሑፍ ኣብ ዓብዪ ወረቐት ፅሒፎም ናብ ክፍሊ ሒዞምዎ ምእታው ብጣዕሚ ሓጋዚ'ዩ። ብከምዚ ኣገባብ ጀሚሮም ደሓር ካብ 1750 — 1850 ዝነበሩ

ምንቅስቓሳትን ምህዞታትን ምፍራይ መሳርሕታት ቴክኖሎጂ ብዝርዝር ይግለፁሎም። ነዚ መራጎዲ ክኸውን ድማ ትሽዓተ ፍሉጣት መሃዝቲ ዝተፈላለዩ መሳርሕታት መፈረይትን መጓዓዝያን ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተሓቢሮም ስለዘለዉ ሓደ ብሓደ ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ብፍላይ ድማ ውፅኢታት ኢንዱስትሪያል ወያነ ዝኾኑ ምህዞታትን መሳርሕታትን ዘመልክት ስእሊ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ስለዝርከብ ነዚኦም ተጠቒሞም ጉልቡት ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ከካይዱ'ዮም ዝምከሩ። ተምሃሮ'ውን ነዞም ምህዞታት ከድንቁ ይግበሩዎም።

ምህዞታት ዘመነ ኢንዱስትሪያል ወያነ




ስለዚ መምህር! ነዚ ርእሲ ብግቡእ ተምሃሮ ክርድእዎም ሕቶታት የልዕሉሎም። ንኣብነት ሎሚ ዘለዋ መጓዓዝያ ምድሪ፣ ባሕርን ኣየርን መዓዝ ግልጋሎት ምሃብ ጀሚሮም? ቅድሚ እዞም ምህዞታት ቴክኖሎጂ መጓዓዝያ እንታይ ዓይነት መጓዓዝያ ነይሩ? ሎሚ እንጥቀሞም ናውቲ ከም ክዳን ዝመሳሰሉ ኣብ ፋብሪካታት'ዮም ዝፈርዩ። ቅድሚ'ዞም ፋብሪካታትን ኢንዱስትሪታትን ምጅማሮም ክዳን ከመይ ይፍረይ ነይሩ? ካልኦት ቴክኖሎጂ'ውን ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል። ኣብዚ መዳይ'ዚ ኣልመዳ ቴክስታይል፣ ሳባ እምነበረድ፣ መሶቦ ሲሚንቶ ፋብሪካ ከመይ ከምዝሰርሑን

ከምዘፍርዩን ንተምሃሮ እናገናዘቡ ምርዳእ ይከኣል'ዩ። እዚኦም ኣብነታት ውፅኢት ኢንዱስትሪያል ወያነ እዮም። ካብዚ ብተወሳኺ ኢንዱስትሪያል ወያነ ኣብ ሃገረ እንግሊዝ ጀሚሩ ደሓር ናብ ኣውሮፓን ኣሜሪካን ተስፋሕፊሑ። ሎሚ ግና ኣሜሪካን ጃፓንን ብዕብየት ኢንዱስትሪያል ቴክኖሎጂ ኣብ ቅድሚት ይስርዓ። ንምንታይ'ዚ ኾይኑ ዝብሉ መመያየጢ ሕቶታት ንተምሃሮ እናልዓሉ የመያይጥዎም። እዚ ዓይነት ኣግባብ ኣመሃህራ ኮርኳሕን መሳታፋይን ስለዝኾነ ተመራፂ'ዩ። ኣሳታፋይን ተምሃሮ ማእከል ዝገበረን ኣግባብ ኣመሃህራ ተመራፂ'ዩ።

ስለዚ መምህር! ነዚ ርእሲ መሰረት ብምግባር ካብ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ዝርከብ ፍልጠት ዓለም ብምህዞታት ሳይንስን ቴክኖሎጂን ናብዚ ሕዚ በፂሓቶ ዘላ መስተንክራዊ ዕብየት ስለዝሰጎመት ተምሃሮ'ውን ኣብ ዝተፈላለዩ ምህዞታት ሳይንስን ቴክኖሎጂን ክሳተፉ የተባብዕዎም። ነዚ ክሕግዞም ዝኽእል ኣግባብ ኣመሃህራ ድማ ተምሃሮ ብዛዕባ ቶማስ ኒውኮመን፣ ጀምስ ዋት፣ ሮበርት ፉልተን፣ ጆርጅ ስቴፈንሰን፣ ሄንሪይ በስሜር፣ ሚካኤል ፋራዳይ፣ ኣሌክሳንደር ግራሃም ቤል፣ ሳሙኤል ሞርስ፣ ቶማስ ኤዲሶን፣ ኤድዋን ድራክ፣ ሩዶልፍ ዲዜል፣ ጎትሊይብ ዳይመለር፣ ዊልበርን ኦርቪሌ ራይት ወዘተ ካብ ዝተፈላለዩ ፅሑፋት፣ ኢንሳይክሎፔድያን ኢንካርታን ኣልሾም ብዛዕባ ምህዞታቶም ናብ ክፍሊ ክቕርቡ ይግበሩ።

ብዛዕባ ኢንዱስትሪያል ወያነ እንታይ ማለት ከምዝኾነን ኣጀማምራን እኹል ምርድዳእ ምስተገበረ ድማ ናብ ዝቕፅል ርእሲ ምእታው ይከኣል'ዩ። እዚ ርእሲ ኣብ 1.5.2 ዝርከብ "ውፅኢትን ሳዕቤናትን ኢንዱስትሪያል ወያነ" ዝብል እንትኸውን ጠመትኡ ኣብ ፖለቲካውን ኢኮኖሚያውን ስርዓት እቲ እዋን ዝነበሩ ተቓውሞታትን ዝተፈላለዩ ኣተሓሳስባታትን'ዩ። ነዚ ርእሲ እንተምህሩ ንተምሃሮ ክገልፁሎም ዝግብኡ ክልተ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ባእታታት ኣለዉ። እቲ ሓደ ኢንዱስትሪያል ወያነ ሰለስተ ብርኪ ዕብየት ዘለዎ ምዃኑ ምሕባር እንትኸውን እዞም ብርክታት ንተምሃሮ ግልፂ ክገብሩሎም ይግባእ። እቲ ካልኣይ ድማ ኢንዱስትሪያል ወያነ ኢኮኖሚያዊ መሰረት ሃገራት ዓለም ናብ ፍፁም ካፒታሊስታዊ ስርዓት ዘሰጋገረ ታሪካዊ ተርእዮ ምዃኑ'ዩ። ስለዚ ብምኽንያት ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ኢኮኖሚያዊ ስርዓት ካብ ሕርሻ ናብ ኢንዱስትሪ፣ ፋብሪካታት፣ ቴክኖሎጂ ተለዊጡ፤ ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዙ መጓዓዝያታት ግልጋሎት ምሃብ ጀሚሮም፤ ምስ ምምዕባል ከተማታትን ኳዕቲ ማእድናትን

ዝተኣሳሰሩ ምዕባለታት ወዘተ ብዝርዝር ንተምሃሮ ምግላፅ ይግባእ'ዩ። ንመመያየጢ ድማ ነዞም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ሓሳባት መሰረት ብምግባር ምስ ሕዚ ዘለዎ ምትእስሳር ብውነ ክርድኦም ብዕዮ መልክዕ ይሃብዎም። ድሕሪ'ዚ ኢንዱስትሪያል ወያነ ምስ ብሄረተኝነት፣ ምስፍሕፋሕ ባዕዳዊ መግዛእቲ፣ ዝተፈላለዩ ሓደሽቲ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባታት ምጅማር ወዘተ ከምዝተኣሳሰሩ ንተምሃሮ የረድእዎም።

ስለዚ መምህር! ኣብዚ ርእሲ'ዚ ተምሃሮ ኣፀቢቖም ክፈልጥዎ ዝግብኦም ንኣብነት ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ኣብ ሃገረ እንግሊዝ ዝጀመረን ደሓር ናብ ሃገራት ኣውሮፓን ኣሜሪካን ዝተጋፍሐን እንትኸውን ኣብ ምትብባዕ፣ ምግፋሕን ምስፍሕፋሕን ባዕዳዊ መግዛእቲ ከም መንቀሊ ተገይሩ ዝውሰድ ዓብዪ ተራ ዝነበሮ ምንባሩ'ዩ። ጥምር ኣቢሎም ንምግላፅ እንትፍትኑ ድማ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ከምዝተሓበረ ሃገራት ኣውሮፓ ንምግፋሕን ምስፍሕፋሕን ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝደለይሉ ምኽንያት ቀዳማይ ፍልፍል ጥረ ኣቑሑት (ጥረ ሃፍቲ) ንምርካብ፣ ካልኣይ ንዝፍረይዎን ንዘምረትዎን ኢንዱስትሪያላዊ ውፅኢታት ዕዳጋ ምትእልላኽ፣ ሳልሳይ ንኢንቨስትመንት (ኣብ መዳይ ሕርሻ፣ ማእደን ኣለሻ፣ ፋብሪካታት) ምቹው ቦታ ምድላይ፣ ራብዓይ ድማ ብተወሰነ መልክዑ ንዜጋታቶም ብስራሕን ኢንቨስትመንትን ከስፍርዎም ብምድላይ ዝብሉ ከምዝርከብዎ ክረድእዎም ይግባእ። ካብዚ ብምብጋስ ሃገራት ኣውሮፓ ንሃገራት ኣፍሪካ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቶም ንምእታውን ንምምቓልን ብጣዕሚ ምጉያይ ነይሩ'ዩ ዝብል መደምደምታ የቕሩቡሎም።

ስለዚ መምህር! ኣብዚ ክኽተልዎምን ከተግብርዎምን ዝግብኡ ኣግባብ ኣመሃህራ እንትንርእይ ምስ ስእልታትን ካርታን ዝተዛመደ ገለፃ፣ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ነጥብታት ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ምፅሓፍ፣ ዝተፈላለዩ ፅሑፋትን ውፅኢት ሕትመታትን እናኣላለሽኩም ናብ ክፍሊ ሒዞም ብምምፃእ ንተምሃሮ ምንባብን ክንበበሎም ምግባርን፣ ሰሪሕኻ ምርኣይ፣ ሕቶን መልስን፣ ዕዮ ጉጅለን ክፍልን፣ ምንባብን ኮርኳሒ ኣቀራርባን፣ ብካርታን ስእልን ዝተደገፈ ሓባራዊ ምይይጥ፣ ምድጋምን መጠቓለልን፣ ተምሃሮ ካብ ኢንሳይክሎፒድያን ኢንካርታን ብዛዕባ ምህዞታት ቴክኖሎጂን ሳይንስን ኣልሾም ፅሑፋት ከቕርቡ ምግባር፣ ኣብ መወዳእታ ምስ መልመድታት ዝተኣሳሰሩ

ፈተነታት ምስራሕ እቶም ቀንድን ኣገደስትን ክጥቀሙሎም ዝግብኦ መስረዕቲ ኣግባብ ኣመሃህራ ይርከብዎም።

መምህር! ቀፂሉ ዝርከብ ርእሲ ኣብ 1.5.3 ዝርከብ ብዛዕባ ቀዳማይን ካልኣይን ኲናታት ዓለም ዝምልከት'ዩ። ኣብዚ ርእሲ ንቕድም ዘምህርዎ ርእሲ ብዛዕባ ቀዳማይ ኲናት ዓለም (1914 — 1918 ዓ.ም.ፈ) እንትኾውን ነዚ ርእሲ ንምስትምሃር ኣቸዲሞም ክዳልውዎ ዘለዎም ካርታ ዓለም ብፍላይ ኣውሮፓ ኣብ 1912 ዓ.ም.ፈ ዝምልከት'ዩ ክኸውን ዘለዎ። እዚ ካርታ መሰረት ብምግባር በቲ ሽዑ እዋን ኣብ ኣውሮፓ ዝነበራ ሃገራት ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ንኣብነት ጀርመን፣ ቤልጂየም፣ ፈረንሳይ፣ እንግሊዝ፣ ስዊትዘርላንድ፣ ጣልያን፣ ሩስያ፣ ኣውስትሪያ ፣ ሃንጋሪ፣ ሩማንያ፣ ቡልጋርያ፣ ሰርቢያ፣ ሞንቴኔግሮ፣ ኣልባንያ፣ ግሪክን ኦቶማን ቱርክን ኢሎም ተምሃሮ ክፈልጥወንን ዝርከቡሎም ጂኦግራፊያዊ ካርታ ብዝርዝር የረድእዎም። ቀዳማይ ኲናት ዓለም ንምስትምሃር ተምሃሮ ነዞም ዝተጠቐሱ ሃገራት ክፈልጥወን ይግባእ። ስለዚ ነዚ ንምግላፅ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ካርታ ሃገራት ኣውሮፓ ቅድሚ ቀዳማይ ኲናት ዓለም ኣብ ዓብዪ ወረቐት ክስእልዎን ናብ ክፍሊ ሒዞምዎ'ውን ክኣትዉ ይግባእ። ምስዚ ብምትእስሳር ንምንታይ ቀዳማይ ኲናት ዓለም ከምዝተብሃለ'ውን ይግለፁሎም። ነዚ መሰረት ብምግባር ቅድሚ ቀዳማይ ኲናት ዓለም ዝነበሩ "ሓይልታት ማእኸል"ን "ሓይልታት ምሕዝነት"ን ዝበሃሉ ክልተ ግንባራት ከምዝነበሩ ይግለፁሎም። ድሕሪ'ዚ እዩ ብዛዕባ መንቀሊ ምኽንያታት ቀዳማይ ኲናት ዓለምን ውፅኢቶምን ዝብል ርእሲ ንተምሃሮ ክገልፁሎም ዝግባእ።

መምህር! መንቀሊ ምኽንያት ቀዳማይ ኲናት ዓለም ንተምሃሮ ብዝርዝር ምስ ገለፁሎም ካርታ እናርኣዩ'ውን ክመያየጡሎም ይግበሩ። ንተምሃሮ ገለፃ እንትገብሩ ብካርታ እናተሓገዙ ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ነቶም ዓበይቲ መልእኽትታት ይፅሓፉሎም። ኣብዚ ምይይጥ፣ ሕቶን መልስን፣ ብካርታ ዝተደገፈ ገለፃ፣ ምጥንኻር ስርፀት ትምህርቲ ኣገደስቲ ኣግባብ ኣመሃህራ እንትኾኑ ተምሃሮ'ውን ኣብ መፅሓፎም ዘሎ ፅሑፍ ኣንቢቦም ንክመፁ ምግባር ሓጋዛይን ዓብዪ ረብሓ ዘለዎን ኣግባብ ኣመሃህራ'ዩ። ድሕሪ'ዚ ቀዳማይ ኲናት ዓለም ከመይ ከምዝጀመረን ኣሰላልፋ ሃገራትን ብዝምልከት ብካርታ እናተደገፉ መግለፅን መብርህን ይሃብዎም። ኣብዚ ትምህርቲ'ዚ ብዛዕባ ክይዲ

ቀዳማይ ኲናት ዓለም ንምስትምሃር ዝተትሓዘ ዕላማ ከምዘየለ ምርድኡ ዕቡቕ'ዩ ዝኸውን። ካብ 1914 — 1917 ዓ.ም.ፈ ዝነበረ ኣሰላልፋ ሓይልታት ኣውሮፓ ምግላፁ ሓያልነት'ዚ ኲናት ክንደየናይ ከምዝነበረ የመልክት'ዩ። ተምሃሮ'ውን ገሊኦም ንሃገረ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፣ ገሊኦም ንሃገረ እንግሊዝ፣ ገሊኦም ንጀርመን፣ ገሊኦም ድማ ንኣውስትሪያ ሃንጋሪ ወዘተ ንክውክሉ ብምግባር ሕድሕዲኣን ሃገራት ዝነበረን ቅዋምን መበገሲ ድልየተንን ንኸገልፁ ምግባር ይከኣል'ዩ። ተምሃሮ ኣሰላልፋ ሓይልታት ቀዳማይ ኲናት ዓለም ብመልክዕ ሰሪሕኻ ምርኣይ ክትግብርዎ ይግበርዎም። እዚ እቲ ትምህርቲ ፈፂሙ ከይርሳዕን ንክመሃርዎ'ውን ድልየቶም ዘለዓዕል ኣግባብ ኣመሃህራ'ዩ።

ካብዚ ብምቕፃል ውፅኢት ቀዳማይ ኲናት ዓለም'ዩ ዝግለፅ። ነዚ ንምግላፅ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ክልተ ካርታታት ሃገራት ኣውሮፓ ቅድሚ ኲናትን ድሕሪ ኲናትን ቀዳማይ ዓለም ዝብሉ ኣብ ዓብዪ ወረቐት ክስእልዎምን ናብ ክፍሊ ሒዞምዎም'ውን ክኣትዉ ይግባእ። ድሕሪ'ዚ ተምሃሮ ኣብ ሞንጎ ክልቲኣን ካርታታት (ቅድሚ ኲናትን ድሕሪ ኲናትን) ብምንፅፃር ክመያየጡሉ ይግበርዎም። ድሕሪ ኲናት ዝተፈጠሩን ዝተመቓሉን ሃገራት ከለልይወን ይግበሩ። ኣብ መወዳእታ ውፅኢት ቀዳማይ ኲናት ዓለም እንታይ ከምዝመስል የብርሁሎም። ኣብዚ ኲናት 32 ሃገራት ዝተሳተፉ እንተኸውን ካብዚኦም እቶም 28 ምስ ሓይልታት ምሕዝነት እቶም ኣርባዕተ ድማ ምስ ሓይልታት ማእኸል ዝወገኑ ምንባሮም ተምሃሮ ክስተውዕልዎ ይግበሩ። ኲናት ክሳብ ክንደየናይ መብረሳይ ምዃኑ'ውን ተምሃሮ ክመያየጡሉ ይግበሩ። ብመሰረት ውዕል ቨርሳይለስ ድማ ሃገራት ኣውሮፓ ብኸመይ ኣገባብ ከምዝተኸፋፈሉ ንተምሃሮ የረድእዎም።

ብተመሳሳሊ ኣገባብ ብዛዕባ ካልኣይ ኲናት ዓለም ምስትምሃር ይቕፅሉ። ካልኣይ ኲናት ዓለም ካብ መዓዝ ክሳብ መዓዝ ከምዝተኻየደ፣ ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ዝነበረ ኣሰላልፋ ሓይልታት ሃገራት ንኣብነት "ሓይልታት ኣክሲስ"ን "ሓይልታት ምሕዝነት"ን ዝበሃሉ፣ ከምኡ'ውን መንቀሊ ምኽንያታት ካልኣይ ኲናት ዓለም ዝምልከት ብዝርዝር ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ነዚ መግለፂ እንትህቡ ድማ ቅድሚ ካልኣይ ኲናት ዓለም ዘመልክት ካርታ ኣውሮፓ ኣብ ዓብዪ ስእሊ ኣዳልዮም ክቐርቡ

ይግባእ። ድሕሪ'ዚ ብዛዕባ መንቀሊ ምኽንያታት ካልኣይ ኲናት ዓለም የብርሁሎም። መምህር! ነዚ መንቀሊ ምኽንያታት ካልኣይ ኲናት ዓለም እንተምህሩ ብዛዕባ ድሕሪ ምዝዛም ቀዳማይ ኲናት ዓለም ንሰላምን ርግዓትን ዝጠቕሙን ንኢኮኖሚያዊ ምዕባለ ሃገራት ዝረብሑን ሰለስተ ዓበይቲ ፍፃመታት ከምዝነበሩ ብምግላፅ ነዚኦም ድማ ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ይፅሓፉሎም። ካብዚ ብምቕፃል'ውን ኣብ መወዳእታ 1920ን ኣብ መጀመርታ 1930 ዓ.ም.ፈ ብደረጃ ዓለም ንብዙሓት ሃገራት ዘስካሕክሐ ዓለምለኻዊ ቅልውላው ኢኮኖሚ ብርኡይ ዝተርኣየሉ እዋን ከምዝነበረ የረድእዎም። ብፍላይ ድማ ጃፓን፣ ጀርመንን ጣልያንን ድማ ብዕሊ ዝተፈለጡ ፋሽስታውን ወተሃደራውን ስርዓት ይመርሑ ምንባሮምን እዚኦም ሰለሰቲኦም ፋሽስታዊ መንግስታት ድሕሪ ቀዳማይ ኲናት ዓለም ንዝነበሩ ውዕላት ዓለምለኽ ስምምዕነት ሰላም ተፃባዕቲ ከምዝነበሩ ይግለፁሎም። ስለዚ ካብ ኣባልነት ሊግ ሕብረት መንግስታት ዓለም ወፂኦም። ስሉስ ሕብረት ወተሃደራዊ ምትሕግጋዝ ኣብ ሞንጎ ሮም - በርሊን - ቶክዮ መስሪቶም። እዚ ድማ ሓይልታት ኣክሲስ ክምስርቱ ኣኽኢልዎም እንትብሉ ብኸመይ ኣገባብ ሓይልታት ኣክሲስ ክምስረት ከምዝኸኣለ የብርሁሎም።

እሞ መምህር! ነዚ መሰረት ብምግባር ጃፓን ኣብ ግዝኣት ቻይና ትርከብ ማንቹርያ ትበሃል ምስወረረት ደሓር ድማ ናብ ሰሜናዊ ክፋል ቻይና ብገፊሑ ወራር ኣካይዳ። ጣልያን ድማ ንኢትዮጵያ ብወራር ሒዛታ፣ ጀርመን ብወገና'ውን ንኦስትሪያ ወሪራ ምስ ሓዘታ ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ቼኮዝሎቫኪያ ንትርከብ ግዝኣት ሱደተንላንድ ናብ ግዝኣት ጀርመን ንምሕዋስ ድልየታ ኣርእያ ምንባራ ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ወራር ምክያድ መግለፂ ፋሽስታዊ ስርዓት ምንባሩ ድማ ተምሃሮ ክርድኦም ይግበሩዎም። ኣብ መወዳእታ ብመሰረት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ምኽንያታት መንቀሊ ካልኣይ ኲናት ዓለም ዘመልክቱ ዓሰርተ ነጥብታት ሓደ ብሓደ ይግለፁሎም። የረድእዎም። ፋሽዝም ክፉዕን መዕነዋይን ስርዓት ምንባሩ ይዘርዝሩሎም። ኣብዚ ተምሃሮ ብጉጅለ ተመቂሎም ነዞም ቀንዲ ምኽንያታት መንቀሊ ካልኣይ ኲናት ዓለም ክገልፁን ከብርሁን ይግበርዎም።

ኣብ መወዳእታ ውፅኢት ካልኣይ ኲናት ብዝምልከት ንተምሃሮ ብሕቶን መልስን እናበራበርኩም መግለፂ ክህቡ'ዩ ዝግባእ። እንትጠቓልሉ ድማ ብ1943 ዓ.ም.ፈ

ጣልያን ብፍፁም ስዕረትን ውርደትን ካብ ፀወታ ኲናት ከምዝወፀትን ስዕረታ ከምዘረጋገፀትን፣ ሰራዊት ጀርመን ድማ ብኣንፈት ምዕራብ ብሓይልታት ኣሜሪካን እንግሊዝን ብኣንፈት ምብራቕ'ውን ብሰራዊት ሶቭየት ሕብረት ብኸልተ ወገን ከቢድ ኲናት ተኸፊቱሉ ስለዝነበረ ነዚ ከይዲ ኲናት ክፃወሮ ብዘይምኽኣላ እናተስዓረትን እናተድኣኾትን ብምንባራ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 1945 ዓ.ም.ፈ ሰራዊት ሶቭየት ሕብረት ንበርሊን ርእሰ ከተማ ጀርመን ተቖፃፂሮምዋ እንትብሉ ብምግላፅ ኣብዚ እዋን ሂትለር ዓርሰ ቅትለት ፈፂሙ ዝብል ግልፂ መደምደምታ ንተምሃሮ የቕርቡሎም። ስለዚ ድሕሪ ቅሩብ መዓልትታት ጀርመን ብስዕረትን ብድልየታን የሻል ኢላ ካብ ዓውዲ ኲናት ከምዝወፀት ይግለፁሎም። ጃፓን ድማ ድሕሪ ብኣቶሚክ ቦምብ ኣብ ክልተ ከተማታታ (ሂሮሺማን ናጋሳኪን) ዝበፅሐ ብርቱዕን መሰክሕን ደብዳብ ብዘይ ቅድመ ኩነት ብስዕረት የሻል ኢላ ካብ ዓውደ ኲናት ከምዝወፀት ይግለፁሎም።

ስለዚ ንካልኣይ ኲናት ዓለም መበገሲ ዝነበሩ ሰለስቲኦም ፋሽስታዊ ሃገራት ኣብ ኲናት ተሳዒሮም ከምዝወፁ እንትገልፁሎም ከምቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝተሓበረ "ደርሆስያ ፅሒሩ … ፅሒሩ … ኣውፅኣት መሕረዲኣ ካራ" ዝብል ምስላ ወለድና ምስዚ ኣሰላልፋን ውፅኢትን ካልኣይ ኲናት ዓለም ብኸመይ ኣገባብ ከምዝተኣሳሰር የብርሁሎም። ተምሃሮ'ውን ኣብዚ ክመያየጡን ሪኢቶኦም ክህቡን ዕድል ይሃብዎም። ስለዚ ውፅኢት'ዚ ኲናት እንትርኣይ ልዕሊ 22 ሚሊዮን ህዝቢ ብኲናት ሞይቶም፣ ልዕሊ 34 ሚሊዮን ድማ ቆሲሎም'ዮም ዝብል መግለፂ ይሃብዎም። ተምሃሮ'ውን ኣብ ክፍሊ ኣብ ክልተ ጉጅለ ተመቒሎም ገሊኦም ንሓይልታት ኣክሲስ ገሊኦም ድማ ንሓይልታት ምሕዝነት ብምውካል ነቲ ዝተምሃርዎ ትሕዝቶ ካልኣይ ኲናት ዓለም ክገልፁን ክረድኡን ይግበርዎም።

ስለዚ ብዛዕባ ቀዳማይን ካልኣይን ኲናታት ዓለም ንተምሃሮ እንትምህሩ ክኽተልዎ ዝግባእ ኣግባብ ኣመሃህራ እንትፅሞቕ ምስ ስእልታትን ካርታን ዝተዛመደ ገለፃ፣ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ነጥብታት ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ምፅሓፍ፣ ዝተፈላለዩ ፅሑፋትን ውፅኢት ሕትመታትን እናኣላለሽኩም ናብ ክፍሊ ሒዞም ብምምፃእ ንተምሃሮ ምንባብን ክንበበሎም ምግባርን፣ ኣሰላልፋን ድልየትን ክልቲኦም ሓይልታት ኲናት ሰሪሕኻ

ምርኣይ፣ ሕቶን መልስን፣ ዕዮ ጉጅለን ክፍልን፣ ምንባብን ኮርኳሒ ኣቀራርባን፣ ብካርታን ስእልን ዝተደገፈ ሓባራዊ ምይይጥ፣ ምድጋምን መጠቓለልን፣ ኣብ መወዳእታ ምስ መልመድታት ዝተኣሳሰሩ ፈተነታት ምስራሕ እቶም ቀንድን ኣገደስትን ክጥቀሙሎም ዝግብኡ መስረፅቲ ኣግባብ ኣመሃህራ ይርከብዎም። ካብዚ ብተወሳኺ ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካብዝርከብ ቤተ ንባብ ነዚ ትምህርቲ ዝምልከቱ ካልኦት መፃሕፍቲ ወይድማ ኢንሳይክሎፔድያ ወይድማ ኢንካርታ ብምርኣይ ንዝተምሃርዎ ከጎልብቱ ክበረታትዑ ይግባእ።

መምህር! ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ኣብ መወዳእታ ዝቐርቡ ክልተ ንኡሳን ርእሲ ኣለዉ። እዚኦም ኣብ 1.5.4 ዝርከብ ብዛዕባ ኣፍሪካውያን ኣንፃር ምስፍሕፋሕ ባዕዳዊ መግዛዕቲ ዘካየድዎ ተጋድሎ ዝሕብርን ኣብ 1.5.5 ዝርከብ ብዛዕባ ተጋድሎ ኣፍሪካውያን ኣንፃር ሕግታት ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝምልከትን እዮም። ስለዚ ንቅድም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ብዛዕባ ብኣብነት ኣፍሪካ ቅድሚ 1912 ዓ.ም.ፈ ዝምልከት ካርታ ኣብ ዓብዪ ወረቐት ስኢሎም ናብ ክፍሊ ክቐርብ ይግበሩ። ብምቕፃል ኣፍሪካን ኣውሮፓን ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ዘመልክት ካርታ ሒዞም ናብ ክፍሊ ክኣትዉ ትዕቢት ይግበረሎም። ብፍላይ ድማ ካርታ ኣፍሪካ ኣብ 1914 ዓ.ም.ፈ ዝምልከት ኣብ ዓብዪ ወረቐት ስኢሎም ናብ ክፍሊ ሒዞም ክኣትዉ ይግባእ። ስለዚ ኣፍሪካውያን ካብ 1880ታት ጀሚሩ ብተፈላለየ መልክዑ የካይድዎ ዝነበሩ ኣንፃር ምስፍሕፋሕ ባዕዳውያን ገዛእቲ ኣብነታት እናልዓሉ የረድእዎም። ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ኲናት ዓድዋ ክንደየናይ ንህዝብታት ሃገራት ኣፍሪካ መርኣያ ኾይኑ ከምዘበራበሮም፣ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ እን ሳሞሬ ቱሬ የካይድዎ ዝነበሩ ምንቅስቓሳት፣ ኣብ ኬንያ ዝነበረ ምንቅስቓስ "ማዎ ማዎ" ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ ምንባሩ፣ ኣብ ታንጋኒካ ዝነበረ ምንቅስቓስ "ማጂ ማጂ" ወዘተ ዝመሳሰሉ ኣብነት እናልዓሉ ይግለፁሎም። ተምሃሮ'ውን ዝተውሃቦም መፅሓፍ ኣንቢቦም ክመፁ ይግበርዎም። ሕቶታት ከልዕሉን ንዝተልዓሉ ሕቶታት ድማ ክምልሱን የበራብርዎም።

መምህር! ኣብዚ ንተምሃሮ ክልተ ኣገደስቲ መልእኽትታት ከሕልፉሎምን ነዚኦም'ውን ኣፀቢቖም ከስተማቕርዎም ምግባር ከድልይ'ዩ። እቲ ሓደ ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘመን መወዳእታ ኣፍሪካውያን ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ቃልሲ ይገብሩ

ከምዝነበሩ'ዩ። እቲ ካልኣይ ድማ ይኹን ደኣ'ምበር ብዘይካ ኣንፃር ወተሃደራዊ ወረራ ባዕዳዊ መግዛእቲ ጣልያን ዝተኻየደ ጥንኩርን ህዝባዊ መሰረት ዝነበሮን ተጋድሎ ህዝብታት ኢትዮጵያ እቶም መብዛሕትኦም ኣፍሪካውያን ዘካየድዎም ቃልስታት ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ዕዉታት ኣይነበሩን ዝብል'ዩ። ስለዚ ኣብዚ ጉዳይ ተምሃሮ ንምንታይ ኣብዝብል ሕቶ ክመያየጡ ይግበርዎም። ድሕሪ ምይይጥ ድማ ኣፍሪካውያን ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን የካይድዎ ዝነበሩ ቃልስታት ንዘይምዕዋቶም ከም ቀንዲ ምኽንያታት ተገይሮም ዝውሰዱ ኣፍሪካውያን ባዕሎም ሕድሕዲኦም ብዓሌትን ሃይማኖትን ዝተኸፋፈሉን ኣዐርዮም ይገራጨዉ ብምንባሮም ጥንኩር ሕብረት ኣይነበሮምን ዝብል ሓሳብ ተምሃሮ ክጭብጥዎ ይግበሩ። ብመሰረት'ዚ ድማ ትርጉም ሕብረትን ሓድነትን ንዓወት ቃልሲ ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ዝነበሮ ዓብዪ ረብሓ ካብ ዝተሓፍሰ ዓወት ኲናት ዓድዋ ምርዳእ ከምዝከኣል ይግለፁሎም። ካብዚ ብተወሳኺ'ውን ኣውሮፓውያን ብሕልፊ ኣብ 1880 — 1900 ይዋግኡሎም ዝነበሩ ኣፅዋራት ኲናት ከም መዳፍዕን ካልኦት ዘመናዊ ኣፅዋራት ዝመሳሰሉ ብምልኦም እቶም ኣፍሪካውያን ስለዘይተዓጠቕዎም ክምክትዎም ኣይከኣሉን ዝብል'ውን ከም ምኽንያት ዝቐርብ ምዃኑ የብርሁሎም።

መምህር! ኣብ መወዳእታ ብዛዕባ ፖሊሲ ምምሕዳር ባዕዳውያን ገዛእቲ ኣውሮፓውያን ኣብ ኣፍሪካ ዝምልከት ዝርዝር መግለፂ'ዮም ክህቡ ትፅቢት ዝግበር። እዚ መግለፂ ድማ ክልተኣዊ ክኸውን ይግብኦ። ስለዚ ፖሊሲ እንግሊዝ "ዘይቀጥታዊ ምምሕዳር" ከምኡ'ውን ፖሊሲ ፈረንሳይ "ቀጥታዊ ምምሕዳር" ከምዝነበረ ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ኣብዚ ኣገዳሲ ዝኸውን ቀጥታውን ዘይቀጥታውን ምምሕዳራት ባዕዳውያን ገዛእቲ እንታይ ማለት'ዩ ዝብል'ዩ። ኣፍሪካውያን ድማ ነዞም ሕግታትን ፖሊሲታትን ምምሕዳር ባዕዳውያን ገዛእቲ ኣውሮፓ ኣዐርዮም ይቃወምዎ'ዮም ነይሮም። ብመሰረት'ዚ ኣብ ታንዛኒያ "ጁሊየስ ኒሬሬ"፣ ኣብ ጋና ዶ/ር ክዋሜ ንክሩማህ፣ ኣብ ኬንያ ጆሞ ኬንያታ ወዘተ የካይድዎ ዝነበረ ተሪር ምንቅስቓስ ብዝርዝር ይግለፁሎም። ኣብ መወዳእታ ድማ ፖሊሲን ሕግታትን ምምሕዳር ኣውሮፓውያን ይቃወሙ ዝነበሩ እዞም መረሕቲ ኣፍሪካውያን የካይድዎ ዝነበሩ ፍልስፍና ነፃነትን ሕብረትን ኣፍሪካውያን ዝምልከት ፅሑፍ ካብ ዝተፈላለዩ መፃሕፍቲ ኣሊሾም ክመፁ ንተምሃሮ ዕዮ ገዛ ይሃብዎም።

ስለዚ ብዛዕባ ኣፍሪካውያን ኣንፃር ምስፍሕፋሕ ባዕዳዊ መግዛዕቲ ዘካየድዎ ተጋድሎን ተጋድሎ ኣፍሪካውያን ኣንፃር ሕግታት ባዕዳዊ መግዛእትን ንተምሃሮ እንተምህሩ ክኽተልዎ ዝግባእ ኣግባብ ኣመሃህራ እንትዕሞቕ ምስ ስእልታትን ካርታን ዝተዛመደ ገለፃ፣ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ነጥብታት ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ምፅሓፍ፣ ዝተፈላለዩ ፅሑፋትን ውፅኢት ሕትመታትን እናኣላለሸኩም ናብ ክፍሊ ሒዞም ብምምፃእ ንተምሃሮ ምንባብን ክንበበሎም ምግባርን፣ ኣፍሪካውያን የካይድዎ ዝነበሩ ቃልስታትን ኣንፀር ፖሊሲ ምምሕዳር ባዕዳውያን ገዛእቲ ዝነበሮ ተሪር ተቓውሞ ሰሪሕኻ ምርኣይ፣ ሕቶን መልስን፣ ዕዮ ጉጅለን ክፍልን፣ ምንባብን ኮርኳሒ ኣቀራርባን፣ ብካርታን ስእልን ዝተደገፈ ሓባራዊ ምይይጥ፣ ምድጋምን መጠቓለልን፣ ኣብ መወዳእታ ምስ መልመድታት ዝተኣሳሰሩ ፈተነታት ምስራሕ እቶም ቀንድን ኣገደስትን ክጥቀሙሎም ዝግብኡ መስረፅቲ ኣግባብ ኣመሃህራ ይርከብዎም። ካብዚ ብተወሳኺ ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካብዝርከብ ቤተ ንባብ ነዚ ትምህርቲ ዝምልከቱ ካልኦት መፃሕፍቲ ወይድማ ኢንሳይክሎፔድያ ወይድማ ኢንካርታ ብምርኣይ ንዝተምሃርዎ ክኀልብቱ ክበረታትዑ ይግባእ።

## 10. ፍሉይን ተወሳኽን መረዳእታ ንመምህር

ብዛዕባ ዝኾነ ቦታ መፅናዕቲ ኣብ ዝካየደሉ እዋን መጀመርያ ክፍለጥ ዘለዎ እቲ ቦታ ኣብ ዓለም ዘለዎ መርክቦ እዩ። መርክቦ ድማ ብኽልተ መንገድታት እዩ ዝግለፅ። እቲ ቀዳማይ ኣንፃራዊ መርክቦ እዩ። ኣንፃራዊ መርክቦ ሓደ ቦታ ምስቶም ኣብ ከባቢኡ ዘለዉ ካልኦት ደረቕ መሬትን ማያዊ ኣካላትን ብምዝማድ ካብኣቶም በየናይ ኣንፈት ከም ዝርከብ ዝግለፀሉ እዩ። እቲ ካልኣይ ፍፁማዊ መርክቦ እዩ። ፍፁማዊ መርክቦ ሓደ ቦታ በቶም ናይ ሓሳብ መስመራት ዝኾኑ ኣብ ካርታ ዝሕንፀፁ መስመራት ዲግሪ ቃስታን ሞሮን ብምዝማድ ዝግለፅ እዩ። መስመራት ቃስታ ካብ ዜሮ ዲግሪ (0°) ክሳብ 180° ምዕራብን 180° ምብራቕን ዝተለክዑ እዮም። መስመራት ሞሮ ድማ ካብ ዜሮ ዲግሪ ክሳብ 90° ሰሜንን ደቡብን ይልክዑ። ዜሮ ዲግሪ ሞሮ ንዓለም ኣብ ክልተ ማዕረ ኣብ ሰሜናውን ደቡባውን ንፍቀ ክብታት ይመቕላ። ዜሮ ዲግሪ ቃስታ ድማ ንዓለም ኣብ ምዕራባውን ምብራቓውን ንፍቀ-ክብታት ይመቕላ::

ኣብ ዓለም ዝርከብ ዝኾነ ቦታ ማለት ክፍለዓለም ይኹን ሃገር፣ ከተማ ይኹን ቁሸት ዘይልወጥ ናይ በይኑ ዝኾነ ፍፁማዊ መርክቦ ኣለዎ። ክልተ ዝተፈላለዩ ቦታታት ብዝኾነ ዓይነት መንገዲ ተመሳሳሊ ፍፁማዊ መርክቦ ክህልዎም ኣይክእልን። ኣይልወጥን'ውን። ብኣንፃሩ ግና ኣንፃራዊ መርክቦ ብመንፅር ዝተፈላለዩ ቦታታት ስለዝግለፅ ዝተፈላለዩ መርክቦታት ክህልዎ ይኽእልዩ። ኣንፃራዊ መርክቦ ኣብ ግዜውን ክልወጥ ይኽእል'ዩ። ንኣብነት ኢትዮጵያ ኣብ ሓደ እዋን ብሰሜንን ሰሜን ምብራቕን ምስ ቀይሕ ባሕሪ ትዳወብ ኔራ። ሕዚ ግና ምስ ኤርትራ እምበር ምስ ቀይሕ ባሕሪ ኣይትዋሰንን ዘላ።

**ቋንቋታት ዓለም ብዝምልከት፤** መምህር! ተምሃሮ ኣብ 7ይ ክፍሊ ብዛዕባ ኣምር ቋንቋን ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ኣፍሪካን ዝተምሃርዎ ትዝክሩ ዶ? ኢሎም ክሓትዎም ይግባእ። ብዛዕባ ቋንቋ እንታይ ከምዝተምሃርኩም ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ነንርእስኹምን ብሓባር ኾይንኩምን ቋንቋ እንታይ ማለት ከምዝኾነን እንታይ ዓይነት ረብሓ ከምዘለዎን ተመያየጡ ኢሎም የመያይጥዎም። ስለዚ ቋንቋ ዝበሃል ብምልክት፣ ድምፅን ቃላትን ተሰንዩ ሰባት ሓሳባቶም፣ ድልየታቶምን ኣመለኻኽቶኦምን ዝገልፁሉ እዩ። ቋንቋ ወዲሰብ ማሕበራዊ ናብራን መዓልታዊ ስራሕን ዝምድናታቱን ዘካይደሉን ዘሳልጠሉን ስርዓት ዝሓለወ መረዳድኢ`ዩ። ቋንቋ ወዲሰብ ባህላዊ፣ ማሕበራውን መዓልታውን ምርድዳእ ዝምስርተሉ ንቡር ዝኾነን ቅቡል ቅጥዒ ዘለዎን ልሙድ ዘረባ`ውን እዩ። ቋንቋ ንቡር ወግዕን ቅቡል ቅጥዒ ዘለዎን ንፍጥረት ደቂ ሰብ ጥራሕ ዝተውሃበ ፀጋን ብሕታዊ ጥሪት ወዲሰብ`ዩ። ብምኻኑ`ውን ቋንቋ ብሓደ ወገን ማሕበራዊ`ዩ፣ ብኻሊእ ወገን ድማ ባህሊ እንትኸውን ብሳልሳይ መልክዑ ድማ መረዳድኢ እዩ።

በብከባቢኡ ምስዝርከቡ ህዝብታት ዝተኣሳሰሩ ነናይባዕሎም ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ኣለውዎም። ስለዚ ቋንቋ ምስ ዕብየት ወዲሰብ እናማዕበለ ዝመፀ እዩ። ኣብ መጀመርታ ደቂ ሰባት ብምልክት ይረዳድኡ ነይሮም። ድሕሪ ግዘ ብድምፂ ይረዳድኡ ጀሚሮም። ብምኻኑ`ውን ጥንታውያን ደቂ ሰባት ሓሳቦምን ድልየቶምን ብምግላፅን ንኻልኦት`ውን ንምርዳእን ኣብ ከወሒ ስእልታት ይስእሉ ነይሮም። ምስ ስልጣነን ዕብየትን ደቂሰባት ብዝተኣሳሰረ ድማ ብዝርርብን ፅሑፍን ሓሳቦም ምግላፅን ምምሕልላፍን ክኢሎም`ዮም። ስለዝኾነ`ውን ቋንቋ ውፅኢት ምዕባለታት ኣሽሓት

ዓመታት ከምዝኾነ ብዙሓት ምሁራን ይሰማምዑሉ`ዮም። ብሓፈሽኡ ቋንቋ ድልየት፣ ስምዒትን ሓሳብን ደቂሰባት ብምልክት፣ ብድምፂ፣ ብምዝርራብ ወይድማ ብፅሑፍ ክግለፀሉ ዝኽእል ኣገባብ እዩ።

ብዙሓት ፅሑፋት ከምዝገልፅዎም ኣብ ዓለምና ልዕሊ 3000 ዝዝረበሎም ቋንቋታት ኣለዉ። እዞም ቋንቋታት ነነይ ባዕሎም ስድራ ቋንቋን ነዚኦም ዝጠምሩ ድማ ዓበይቲ (ቀንዲ) ስድራ ቋንቋታት`ውን ኣለዉ። ንኣብነት ኣብ ኣፍሮ ኤሽያቲክ (ሃማዊ ሴማዊ) ካብቶም ዓበይቲ ስድራ ቋንቋታት ሓደ እንትኾውን ኣብ ትሕቲኡ ድማ ሃማዊ፣ ሴማዊ፣ ኩሻዊ፣ ኦሞቲክ ወዘተ ዝበሃሉ ስድራ ቋንቋታት ከምዘለዉ ተማሂርኩም ነይርኩም። ኣብ ትሕቲ እዚኦም ድማ ንኣብነት ኣብ ትሕቲ ሴማዊ ስድራ ቋንቋታት እንተወሲድና ከም ሂብሪው፣ ኮፕቲክ፣ ግእዝ፣ ትግርኛ፣ ኣምሃርኛ፣ ትግረ፣ ሃረሪ፣ ጉራግኛ ወዘተ ዝመሳሰሉ ቋንቋታት ከምዘለዉ ተማሂርኩም ከምዝነበረኩም ምዝካር ይከኣል። ሕዚ`ውን ቀንዲ ቋንቋታት ዓለም እንትንመሃር ተመሳሳሊ ሰንሰለት ዘለዎ ኣቀራርባ ኢና ንጥቀም።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ዓለምና ካብዝዝረቡ ልዕሊ 3000 ቋንቋታት ውሽጢ ኣዝዮም ብዙሓት ተዛረብቲ ዘለውዎም ብቕደም ሰዓብ ምርኣይ ይካል`ዩ። ኣብ ዓለም ካብዘለዉ ቋንቋታት ብዙሓት ተዛረብቲ ዘለውዎ ቋንቋ <u>**ማንዳሪን**</u> ዝበሃል ኣብ ሃገረ ቻይና ብልዕሊ 1.2 ቢሊዮን ህዝቢ ዝዝረበሉ`ዩ። ካብዚ ቐፂሉ ብኻልኣይ ደረጃ ብዙሕ ተዛረብቲ ዘለውዎ ቋንቋ <u>**ዓረብኛ**</u> እንትኾውን እዚ ኣብ ብዙሕ ሃገራት ማእኸላይ ምብራቕን ሰሜን ኣፍሪካን ልዕሊ 422 ሚሊዮን ህዝቢ ተዛረብቲ ዘለውዎ`ዩ። ብሳልሳይ ደረጃ ኣብ ዓለምና ብዙሕ ተዛረብቲ ዘለውዎ ቋንቋ <u>**ሂንዱ**</u> እንትኾውን እዚ ኣብ ሃገረ ህንዲ ልዕሊ 366 ሚሊዮን ህዝቢ ዝዛረበዎ`ዩ። ብራብዓይ ደረጃ ዝተሰርዐ ቋንቋ <u>**እንግሊዝኛ**</u> እንትኾውን ኣብ ሃገራት እንግሊዝ፣ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፣ ካናዳ፣ ኣውስትራሊያ፣ ኒውዚላንድ፣ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ ኣብዝነበራ ሃገራት ከም ህንዲ፣ ናይጀሪያ፣ ፓኪስታንን ደቡብ ኣፍሪካን ብልዕሊ 341 ሚሊዮን ህዝቢ ዝዝረብ`ዩ። ይኹን ደኣ`ምበር ቋንቋ እንግሊዝኛ ብካልኣይ ደረጃ ንግልጋሎት ስራሕ ዝጥቀሙሉ ሃገራት ናብ ግምት እንተኣትዩ በዝሒ ተዛረብቲ ናብ

508 ሚሊዮን ዝበፅሑ ተዛረብቲ ከምዘለውዎ ስለዝእመን ናብ ደረጃ ካልኣይ ክስራሕ ዝኽእል`ውን እዩ።

ብሓምሻይ ደረጃ ብዙሕ ተዛረብቲ ዘለውዎ ቋንቋ ስፓኝ እንትኾውን ካብ 322 ክሳብ 358 ሚሊዮን ዝበፅሑ ተዛረብቲ ከምዘለውዎ ይእመን። ደረጃ ሻድሻይ ዝሓዘ ቋንቋ ዓለምና ቤንጋሊ ዝበሃል እንትኾውን ብልዕሊ 207 ሚሊዮን ህዝቢ ዝዝረብ`ዩ። ካብዚ ብምቕፃል ብደረጃ ሻብዓይ ዝተሰርዐ ቋንቋ ዓለምና ፖርቱጊዝኛ እንትኾውን እዚ ብልዐሊ 176 ሚሊዮህ ንዝቢ ከምዝዝረብ`ዩ ዝእመን። ብደረጃ ሻምናይ ተሰሪዑ ብዙሕ ተዛረብቲ ዘለውዎ ቋንቋ ዓለምና ራሽኛ እንትኾውን ብልዕሊ 167 ሚሊዮን ህዝቢ ተዛረብቲ ዘለውዎ`ዩ። ብምቕፃል ብደረጃ ታሽዓይ ዝተሰርዐ ቋንቋ ዓለምና ጃፓንኛ እንትኾውን እዚ ድማ ካብ 125 ሚሊዮን ዘይነኣሰ ተዛረብቲ ከምዘለውዎ`ዩ ዝግለፅ። ኣብ መበል ዓስራይ ዝተመደበ ቋንቋ ጀርመንኛ እንትኾውን ካብ 100 ሚሊዮን ዘይነኣሱ ተዛረብቲ ኣለውዎ።

## 11. ኣግባብ ፈተሻን ገምጋምን

መምህር! ተምሃሮ ነቶም ክጭብጥዎም ዝግብኡ ቑምነገራት ትምህርትን ክውንኑዎም ዘለዎም ክእለታትን ብኞዓታትን ብትኽክል ከምዘዐወቱ ንምርግጋፅ ቀፃላይ ፈተሻ (Continous Assessment) ክካይዱ ግድን እዩ። ዝተፈላለዩ ሓገዛት ዘድልዮም ተምሃሮ ብቱቶርያል (REMEDIATION CLASS) ኣቢልኩም ናብቶም ካልኦት ዝበፅሕዎ ብርኪ ትምህርቲ ኽበፅሑ ምግባር’ውን ኣድላዪ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ስራሕን ተሳትፎን ሕድሕድ ተምሃራይ ነቶም ዕላማታት እዚ ምዕራፍ ከምዝጨበጡ ብተኸታታሊ ክፍተሽ ኣለዎ።

ሕድሕድ ተምሃራይ‘ውን በዞም ዝስዕቡ ብኞዓታት ክምዘን ኣለዎ። መምህር! ብትዕዝብቲ፣ ብሕቶን መልስን፣ ብዕዮታት ጉጅለን ውልቀን፣ ብሓፀርቲ ፈተናታትን ካልኦትን ኣቢልኩም ሕድሕድ ተምሃራይ ዘዕግብ ተደላዩ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ብተኸታታሊ ክትፍትሽዎ፣ ክትግምግምዎን ክትከታተልዎን ይግባእ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ። ኣብዚ መምህር! ማዕርነት ትምህርቲ ንምርግጋፅ ንተምሃሮ

ደቂኣንስትዮ ፍሉይ ጠመተ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ እቶም ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ፤

- ካርታ ሸውዓቲኦም ክፍለ ዓለማት ይቐድሑ::
- ኣንፃራዊ መርክቦ እቶም ክፍለዓለማት ይገልፁ።
- ስፍሓት እቶም ክፍለ ዓለማት የነፃፅሩ።
- ኣብ መንጎ ኣዝዩ ዝለዓለን ዝተሓተን ብራኸታት ዓለምና ዘሎ ኣፈላላይ ይገልፁ።
- ቀንዲ ቃላያትን ሩባታትን ዓለምና የለልዩ።
- ቀንዲ ቋንቋታት ዓለምና ዝዝረብሎም ከባብታት ኣብ ካርታ የመልክቱ።
- ቀንዲ ቤተሰብ ቋንቋታት ዓለም ንኣብነት ከም ማንዳሪን፣ እንግሊዝኛ፣ ስፓኝ፣ ዓረብኛ ወዘተ ይገልፁ።
- እዞም ቋንቋታት ኣበየነዎት ሃገራት ከም ቋንቋ ስራሕ ኾይኖም ከምዘገልግሉ ኣብ ካርታ ዓለም ንኸመልክቱ ይሕተትዎም።
- ብምቕፃል ቋንቋ እንግሊዝኛ ንምንታይ ኣብ መላእ ዓለም ከምተስፋሕፊሐ ይመያየጡሉ።
- ቋንቋታት ኪኪዩ፣ እንግሊዝኛን ኪስዋሂሊን ዝዛረብ ወዲ ኪኪዩ ኣመልኪቱ ዝተገብረ መፅናዕቲ ይመያየጡሉ።
- ቋንቋ ኪስዋሂሊ ዝዝረበሎም ከባብታት (ሃገራት) ኣፍሪካ የለልዩ፣ ኣብ ካርታ ዝርግሐኡ የመልክቱ።
- ቀንዲ ፍፃመታት ጥንታዊ ስልጣነታት ይገልፁ።
- ጥንታዊ ስልጣነታት ንሕዚ ዘላ ዓለምና ዘበርከትዎም ነገራራት ይርድኡን የድንቑን::
- ኣዝዩ ስሕውን ዕዑቅን ህዝቢ ዘለዎም ከባብታት ዓለም የለልዩ።
- ኣብ ዓለምና ዘሎ ዝተፈላለየ ዝርገሐ ህዝቢ መንቀልታት ዝኾኑ ነገራት ይገልፁ።
- ብሂረተኝነትን ባዕዳዊ መግዛእትን ውፅኢታት ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ከምዝኾነ ይግንዘቡ።
- ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ኣበይ ከምዝተጀመረ የለልዩ።
- ኣፍሪካውያን ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ንዘይምውዳቕ ዝገበርዎ ምክልኻል የረድኡን ይንእዱን።

- ኣፍሪካውያን ዘካየድዎም መርኣያ ዝኾኑ ዕዉት ፀረ ባዕዳዊ መግዛእቲ ቃልስታት ይህቡ።
- ውፅኢታት ክልቲኦም ኲናታት ዓለም ይፈልጡ።
- ምውፃእ ሓደሽቲ ኣተሓሳስባታት ምስ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ዘለዎ ዝምድና ይገልፁ።
- ጥንታዊ ስልጣነታት ሮማን ቻይናን ኣመልኪቱ ዝተገብሩ መፅናዕትታት ይግለፁሎም። ብድሕሪኡ ነዞም ከባብታት ኣብ ካርታ ከመልክቱ ይሕተትዎም።
- ኣስዒቦም ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነታት ካልኦት ከባብታት ንኣብነት ከም ኢንካውያን፣ ፋርስያውን፣ ግሪካውያንን ወዘተ የብርህሎም። ተምሃሮ`ውን እንተኽኢሎም ብዛዕባ`ዞም ጥንታዊ ስልጣነታት መፅናዕቲ ክካይዱ ይሕተትዎም።
- ነዞም መፅናዕትታት ምስፈተሹ ቀንዲ ፍፃመታት እቶም ጥንታዊ ስልጣነታት ክዝርዝሩ ይሕተትዎም።
- ኣብ ሞንጎ ምብራቕ ኣፍሪካን ቻይናን ዝነበሩ ጥንታዊ ርክባት (ዝምድናታት) ንግድን ከምኡ`ውን ኣብ ገማግም ኬንያ ዝተረኽበ ሸኽላ ቻይናውያንን ይዘርዝሩ።

መምህር! ነቶም ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ብፍላይ ድማ ተምሃሮ ደቂ ኣንስትዮ ክነኣዳን ብፃዕረን ንዝረኸብኦ ውፅኢት ድማ ኣፍልጦ ኽወሃበን ኣለዎ። ንቐፃሊ'ውን ተምሃሮ ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይተወሰኑ ጠንኪሮም ክሰርሑን ክተባብዑን ኣለዎም። እቶም ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ (Students working below the requirement level) ንመማህርቶም ሰዒቦም ንኽርክብዎም ተወሳኺ ደገፍ (Remediation) ክወሃቦም ኣለዎ። ኣብ ክፍልን ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ዕረፍትን በዓላትን ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርትን ክወሃቦም ኣለዎ። ኣግባብ ኣመሃህራ ማንዛ-ንማንዛ (Child to child or CTC) ብምጥቃም እቶም ካብ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ክሕግዝዎም ምግባር ኣገዳሲ እዩ።
መምህር ኣብ ከይዲ ፍተሻ ነቶም ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን ኽረኽቡ ንዝግበኦም ፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ አድላዪ ኹሉ ኽትገብሩሎም ይግባእ:: መምህር! ስራሕ፣ ውፅኢትን ተሳትፎን ሕድሕድ ተምሃራይ ኣብ ምሉእ'ዚ ምዕራፍ ብተኸታታሊ

ክፍተኸን ውፅኢቶም ድማ ምስዚ ዝስዕብ መግለፂ ብመሰረት ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ክነፃፀር ኣለዎ። ስለዚ ኣግባብ ፈተሻ'ዚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር'ዚ ምዕራፍ ብዝስዕቡ ኣግባባት ዝተሰነየ እዩ ዝኸውን።

1. ኣብ ሕድሕድ ክፍለግዘ ኣግባብ ሕቶን መልስን ስርዓት ሒዙ ክምራሕ ምግባር
2. ዕዮ ክፍልን ዕዮ ገዛን ስሩዕ ኣግባብን ስርዓትን ሒዙ ብተኸታታሊ ክትግበር ምግባር
3. ኣግባብ ምይይጥን ስርፀት ትምህርትን ብስርዓት ክምራሕ ምግባር
4. ሰሪሕኻ ምርኣይን ዕዮ ጉጅለን ብተኸታታሊ ብስርዓት ክምራሕ ምግባር
5. ተምሃሮ ዝተምሃርዎን ዝተረድእዎም ኣብ ክፍሊ ወፂኦም ክገልፁን ከረድኡን ምግባር
6. ኣብ ማእኸልን መወዳእታን እዚ ምዕራፍ ዘለዉ ሕቶታት ክሰርሑን ክመያየጡሉን ምግባር
7. መጠቓለልን ሓፀርቲ ፈተናታትን ከም ስርዓት ምትእትታው
8. ሓፀርቲ መፅናዕታዊ ፅሑፋትን መብርሂታትን ምቕራብ፣

## 12. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ መልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን ዝተውሃቡ መልስታት

√ **ንመልመዲ 1.1 ዝተውሃቡ መልስታት**

**ሀ**

1. ሓቂ 2. ሓሶት/ጌጋ 3. ሓቂ 4. ሓቂ 5. ሓቂ

**ለ**

1. ሀ 2. ሐ 3. ለ 4. መ 5. ሐ
6. ለ 7. ሀ 8. ሐ 9. ሀ 10. መ

**ሐ**

1. ሰ 2. መ 3. ሀ 4. ረ 5. ሐ

√ **ንመልመዲ 1.2 ዝተውሃቡ መልስታት**

1. ሐ 2. መ 3. ሀ 4. ለ
5. መ 6. ሐ 7. መ

√ **ንመልመዲ 1.3 ዝተውሃቡ መልስታት**

1. ሀ 2. መ 3. ለ 4. ሐ 5. ሰ
6. ሰ 7. መ 8. ሀ 9. መ 10. ሐ

√ **ንመልመዲ 1.4 ዝተውሃቡ መልስታት**

**ሀ. ሓቂ ወይድማ ሓሶት እናተብሃለ ንዝምልሱ ሕቶታት ዝተውሃበ መልሲ**

1. ሓቂ 2. ሓቂ 3. ሓሶት 4. ሓቂ 5. ሓሶት 6. ሓቂ 7. ሓሶት
8. ሓሶት 9. ሓቂ 10. ሓቂ 11. ሓቂ 12. ሓቂ 13. ሓቂ

**ለ. ቅኑዕን ትኽክለኛ ዝኾነ ምሉእ መልሲ ምሃብ ንዝምልከቱ ሕቶታት ዝተዳለዉ መልስታት**

1. ኣሰፋፍራ ማለት ህዝቢ ኣብ ሓደ ከባቢ መነባብርኡ ንምክያድ ተኣኪቡ ነናይባዕሎም መንበሪ ሰሪሑም ናብርኦም ዘካይድሉ ኣግባብ ዝገለፀሉ ኣምርን ክልስ ሓሳብን'ዩ። ኣሰፋፈራ ህዝቢ ምስ ተፈጥሮኣዊ ፀጋ ከባቢ፣ ስነ መሬታዊ ኣቀማምጣ፣ ቀረብ ግልጋሎት ማይ፣ ባህልን መነባብሮን፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ትካላት ምህላዎም ወዘተ ዝመሳሰሉ ጉዳያት ዝውስንዎ ስርዓት'ዩ።
2. መነባብሮ ህዝቢ ድማ ስድራ ዝናበሩሉ መሰረት ኢኮኖሚን ፍልፍል እቶትን፣ ብደረጃ ስድራ ዝህልው ሃፍተ-ገነትን ንከይዲ ዕለታዊ ህይወት ፍልፍል ዝኾነ ፀጋታትን ዝምልከት'ዩ። መነባብሮ ምስ ዕለታዊ ዓቕሚ ምግቢ፣ ንቑልዑ ዝግበር ክንክንን ሓለዋ ጥዕናን፣ ፋይናንሳውን ኢኮኖሚያውን ዓቕሚ ወዘተ ዝምልከት'ዩ። ንኣብነት መነባብሮ ህዝቢ ገጠር ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳትን ዝተመስረተ እዩ።
3. ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ኣፍሪካ እንትርኣይ ብምኽንያት ጠለብ፣ ደጉዓን ቆላን፣ ብራኸን መታሕትን፣ ኢንዱስትሪያላውን ሕርሻውን ምዕባለ ኢኮኖሚያዊ

ኩነታት'ውን ኣብ ግምት ብምእታው ኣፈላላይ ይግበር'ዩ። ኣብ ገጠርን ከተማን ዘሎ ኣሰፋፍራን መነባብሮ ህዝብን ብጣዕሚ ይፈላለይ'ዩ። ብተመሳሳሊ ድማ ኣብ ከበሳን መታሕትን ዘሎ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ኣዐርዩ ይፈላለይ'ዩ። ኣብ ከተማ ዘሎ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ብትልምን ኢኮኖሚያዊ ዓቕምን ዝተቐየደ ኾይኑ ዕዑቕ ኣቀማምጣ ዝጠልብ'ዩ። ኣብ ገጠር ዝርኣይ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ድማ ምስ ውልቀ ትሕዝቶ መሬት ዝተኣሳሰር ስለዝኾነ ስሕው ዝበለን ዝተረሓሓቐን'ዩ። ስለዚ ተግባራት ኣሰፋፍራን መነባብሮ ህዝቢ ኣፍሪካ ኣብ ኣርባዕተ መልክዕ ሰሊዕኻ ምርኣይ ይከኣል'ዩ።

4.

- ገጠርን ከተማን ኢልካ ብተግባራት ኣሰፋፍራን መነባብሮን ምርኣይ ይከኣል
- ከበሳን (ደጉዓን) መታሕትን (ቆላን) ኢልካ ውን ብኣቀማምጣ ይርኣይ
- ኣብ ገምገም ባሕሪ፣ ዓበይቲ ሃይቃትን ሩባታትን ዝርኣይ መነባብሮ
- ኢንዱስትሪያላውን ልምዓት ሕርሻን ማእኸል ዝገበሩ መነባብሮ ምርኣይ ይከኣል።

5. መንቀሊ ምኽንያታት ኣፈላላይ ዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ኣብ ክልተ መቒልካ ምርኣይ ይከኣል'ዩ። እዚኦም ድማ ዝስዕቡ'ዮም፤

- **ተፈጥሮኣውን ፊዚካላውን ባእታታት፤** ኣብ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ከተማን ገጠርን ኣፈላላይ ንምፍጣር መንቀሊ ምኽንያታት ዝኾኑ ተፈጥሮኣውን ፊዚካላውን ባእታታት ንኣብነት ኣቀማምጣ መሬት፣ ሃፍትታት ተፈጥሮ ውሽጢ መሬትን ልዕሊ መሬትን፣ ጠባይ ኣየር፣ ቀረብ ማይ፣ ልምዑነት መሬት፣ ግድሚ መሬት፣ ከውሒ መሬት፣ ወዘተ ክጥቀሱ ዝኽእሉ እዮም። ኣብ ገማግም ባሕሪ፣ ዓበይቲ ሃይቃትን ሩባታን'ውን ዝህልው ኣሰፋፍራ ብምኽንያት ተፈጥሮኣዊ ፀጋ ዝርከብ ዕድል'ዩ።
- **ሰብ ስራሕ ባእታታት፤** ኣብ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ከተማን ገጠርን መንቀሊ ምኽንያታት ዝኾኑ ተፈጥሮኣውን ፊዚካላውን ባእታታት ጥራሕ ዘይኮኑስ ሰብ ስራሕ ዝኾኑ'ውን ኣለዉ'ዮም። ሰብ ባዕሉ ዝፈጥሮም ኩነታት መንቀሊ ምኽንያታት ተገይሮም ይውሰዱ'ዮም። ብምኽንያት ደቂ ሰባት ዝውሰዱ ስጉምትታት። እዚ ዝኾነሉ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኣለዉ፤

ሀ. ካብ ፀላኢ ንምክልኻል ብዝግበር ፃዕሪ ደቂ ሰባት ኣብ ሓደ ከባቢ ክሰፍሩ ይኽእሉ'ዮም። ካብ ሓደጋታት ተፈጥሮን እንስሳትን'ውን።

ለ. ኣብ ከባቢ ብዝርከቡ ግልጋሎታት ንኣብነት ሹቕ፣ ቤት ትምህርቲ፣ ትካል ግልጋሎት ጥዕና፣ ዕዳጋ፣ መጓዓዝያን መንገዲ መኪናን ሃዲድ ባቡርን ወዘተ ተኸቲሎም ሰባት ይሰፍሩ'ዮም።

ሐ. ምዕባለ ቴክኖሎጂ፣ ምኽታምነት፣ ኢንዱስትሪን ፋብሪካታትን፣ ቱሪዝምን መዘናግዕን፣ ልምዓት ሃፍቲ ዓሳ ወዘተ መሰረት ተገይሮም ዝውሰዱ ፖለቲካውን ኢኮኖሚያውን ፖሊሲታት ዘስዕብዎም ውፅኢት ይጥቀስ።

6. ንዝርግሐ፣ ኣሰፋፍራን መነባብሮን ህዝቢ ሓደ ኣገርን ሓደ ከባብን ዝፀልዉን ዕዕንቶ ዘሕደሩን ባእታታት ብዙሓት ኣለዉ። ካብዚኦም ውሽጢ እዞም ዝስዕቡ ይጥቀሱ፤

- ምቹውን ዝሰማማዕ ነባሪ ኣየር፣ ጠባይ ኣየር፣ ኩነታት ተፈጥሮኣዊ ገፀ ምድሪ
- ልሙዕነት ሓመድ፣ ቀረብ ዕሩይ ማይ፣ ፀጋታት ሃፍቲ ተፈጥሮን ማእድንን
- ምኽታምነትን ዕብየት መሰረተ ልምዓትን
- ምችዉነት ንግድን ኢንቨስትመንትን
- ምንቅስቓስን ስደትን (ፍልሰት) ህዝቢ
- ምስ ኩነታት ፀጥታትን ድሕንነትን ዝዛመዱ ሳዕቤና ኲናትን ቅልውላውን
- ምዕባለ መስመራት መጓዓዝያ መኻይንን ሓዲድ ባቡርን
- ምዕባለ ፋብሪካታት፣ ኢንዱሰትሪን ልምዓት ቴክኖሎጂን
- ምትእትታው ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ኣብ ኢንቨስትመንት ልምዓት ሕርሻ
- ቀረብ ዕድል ስራሕን ኢኮኖሚያዊ ዓቕምን

7. ስለዚ ምስ ምንቅስቓስ ህዝብን ቕልጡፍ ዕብየት ህዝብን ተኣሳሲሩ ዝመፅእ ዝተፈላለዩ ከተማታት ምጥያሽ ሓደ ተርእዮ'ዩ። መንቀሊ ምኽንያት'ዚ ተርእዮ በዝሒ ህዝቢ፣ ኣሰፋፈራን ምንቅስቓስ ህዝብን እዩ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ዝርኣይ ተርእዮ ምኽታምነት ዝግለፅ ብዙሓት ሰባት ካብ ገጠር ናብ ከተማ ብምንቅስቓሶምን ምፍላሶምን ዝፍጠሩ'ዮም። እዚ ምንቅስቓስ ህዝቢ ካብ ገጠር

ናብ ከተማ ብምኽንያት ድልየት ትምህርቲ፣ ዕድል ስራሕ፣ ሓዱሽ ኣገባብ መነባብሮን ንግዳዊ ስራሕትን'ዩ። ምስ ምንቅስቓስን ኣሰፋፍራን ህዝቢ ተኣሳሲሩ እንትርኣይ ምኽታምነት ብግልፂ ዝርኣይ እንተኾነ'ውን ኣብ ከተማ ዝነብር ህዝቢ ግና ብመጠንን ብበዝሕን ብዙሕ ለውጢ ዘለዎ ኣይኮነን።

ምኽታምነት እንትበሃል ኣብ ከተማ ዝነብር በዝሒ ህዝቢ፣ ዝርግሐ መሰረተ ልምዓት፣ ዘመናዊ ህንፃታት፣ ስሉጥ ማሕበራዊ ግልጋሎት፣ ቀረብ ግልጋሎት ማይ፣ ትምህርትን ጥዕናን፣ ግልጋሎት ቴሌኮሙኒኬሽንን መራኸብቲ ቴክኖሎጂን፣ ዝሓሸ ዕድል ስራሕን መነባብሮን፣ ከባብያዊ ሓለዋን ዕርየት ምስ ፅባቓ፣ ቀረብ ሓይሊ መብራህትን መዘናግዕታትን ወዘተ ብዝሓሸ ኣገባብን ሰለጤንን ምህላዎምን ምቕሉል መነባብሮ ምህላዉን ዝገልፆ'ዩ። እዚ ኩነታት ንመነባብሮ ምፍልላይ መንቀሊ ምኽንያት ይኸውን'ሎ ማለት'ዩ።

8. ቕልጡፍን ስሉጥን ልምዓትን ዕብየትን ከተማታት (ምኽታምነት) ዝመፅእ ብምኽንያት ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝግበር ምንቅስቓስን ፍሰትን ህዝቢ እዩ። ኣብ ገጠር ዝነብር ህዝቢ ናብ ከተማታት ንክፈልስ (ክስደድ) ዝደፋፍእዎ ነገራት ኣለዉ። ኣብ ከተማታት ድማ ካብ ገጠር ብዙሕ ህዝቢ ንክፈልስ (ንክስደድ) ዝስሕቡ ነገራት ኣለዉ። እዞም ዝደፍኡን ዝስሕቡን ባእታታት ብዙሓት እዮም። ንኣብነት

- ኣብ ገጠር ንዘለዉ ሰባት ናብ ከተማ ንክስደዱን ክፈልሱን ዝደፍእዎም ኩነታት እንተሪእና ከም ስእነት ስራሕ፣ ሕፅረት ተሓራሳይ መሬት፣ ሕፅረት ንእንስሳት ዘቤት ዝኸውን ጋህዚ መሬት (መግሃጫ)፣ ምጉሕጓሕን ብርሰትን ሃፍቲ ተፈጥሮን ከባብያዊ ኩነታትን፣ እኹል ማሕበራዊ ግልጋሎት ዘይምህላዉ ናብራ ገጠር መሰልቸዊ ብምዃኑ ወዘተ ዝመሳሰሉ ይርከቡ። ብምኽንያት'ዚ ድማ ትሑት እቶት፣ ትሑት ኢኮኖሚያዊ መነባብሮ፣ በዝሒ ነባራይ ህዝቢ፣ ሕፅረት ግልጋሎት ትምህርትን ጥዕናን፣ ሕፅረት ቀረብ ማይ ዝጥቀሱ'ዮም።
- ኣብ ከተማታት ዝርከቡ ሰሓብቲ ሃይሊሰብ ካብ ገጠራት እንትንርእይ ድማ ጠለብ ጉልበት ስራሕ፣ ዕድል ስራሕ፣ ንግዲ፣ ዝሓሸ ቀረብ ናውትን ማሕበራዊ ግልጋሎትን፣ ዝለዓለን ዝተረጋግኣን እቶት፣ ዝሓሸ ኢኮኖሚያዊ መነባብሮን፣ መሐደስን መዘናግዕታትን፣ ስሉጥ ቴክኖሎጂ መራኸቢ፣ ፅቡቕ

ግልጋሎት ትምህርትን ጥዕናን፣ ዝሓሸ ቀረብ ማይ ኢንዱስትሪያላዊ ምዕባለን ፋብሪካታትን ወዘተ ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። ቕልጡፍ ዕብየት ከተማታትን ምኽታምነትን ኣብ ምልዋጥን ምምሕያሽን ኣግባብ መነባብሮ ህዝቢ ይኹን ከባብያዊ ህይወት መነባብሮ ህዝቢ ኣብዩ ተራ ኣለዎ።

√ <u>ንመልመዲ 1.5 ዝተውሃቡ መልስታት</u>

### ሀ. ሓቂ ወይድማ ሓሶት እናተብሃለ ንዝምልሱ ሕቶታት ዝተውሃበ መልሲ

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1. ሓሶት | 2. ሓቂ | 3. ሓሶት | 4. ሓቂ |
| 5. ሓሶት | 6. ሓሶት | 7. ሓቂ | |

### ለ. ቅኑዕን ትኽክለኛ ዝኾነ ምሉእ መልሲ ምሃብ ንዝምልከቱ ሕቶታት ዝተዳለዉ መልስታት

1. ሃይማኖታት ክርስትና፣ እስልምና፣ ሂንዱዝም፣ ቡድሂዝም፣ ጁዳይዝም
2. ሰዓብቲ ሃይማኖት ሃይማኖት ክርስትና ልዕሊ 2.1 እንትኾኑ ኣብ ምሉእ ዓለም'ዮም ዝርከቡ። ሰዓብቲ ሃይማኖት እስልምና ብዋናነት ኣብ ሃገራት ምዕራብ እስያን ሰሜን ኣፍሪካን ዝርከቡ እንትኾኑ ብዋናነት ድማ ኣብ ስዑድ ዓረብያ፣ ኪዌት፣ ሕቡራት ዓረበ ኢመሪትስ፣ ኳታር፣ የመን፣ ኢራን፣ ሶሪያ፣ ዒራቕ፣ ቱርኪ፣ ፓኪስታን፣ ባንግላዲሽ፣ ኣፍጋኒስታን፣ ኢንዶኔዥያ፣ ግብጺ፣ ሊብያ፣ ቱኒዝያ፣ ኣልጀርያ፣ ሞሮኮ፣ ወዘተ ዝመሳሰሉ ሃገራትይርከቡ። ሰዓብቲ ሃይማኖት ሂንዱይዝም ኣብ ሃገረ ህንዲ ዝርከቡ እንትኾኑ ሰዓብቲ ሃይማኖት ቡድሂዝም ግና ካብ ህንዲ ወፃኢ ኣብ ሃገራት ስሪላንካ፣ ታይላንድ፣ ካምቦድያ፣ በርማ፣ ላኦስ፣ ቻይና፣ ጃፓን፣ ቲቤት፣ ኔፓል፣ ሞንጎልያ፣ ኮርያን ቬትናምን ይርከቡ። ሰዓብቲ ሃይማኖት ጁዳይዝም ድማ ኣብ እስራኤልን ፍልስጤምን እዮም ዝርከቡ።
3. ኦርቶዶክስ ተዋህዶ፣ ካቶሊክን ፕሮቴስታንትን
4. ሰዓብቲ ሃይማኖት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ክርስትና ልዕሊ 300 ሚሊዮን እንትኾኑ ኣብ ሃገራት ሩስያ፣ ምዕራብ ኣውሮፓ፣ ግሪክ፣ ኣፍሪካን እስያን ይርከቡ። ሰዓብቲ ሃይማኖት ካቶሊክ ልዕሊ 1.2 ቢሊዮን እንትኾኑ ኣብ ሃገራት ኣውሮፓ፣ ላቲን ኣመሪካን ኣፍሪካን ይርከቡ። ፕሮቴስታንት ኣብ መበል 16 ክፍለ ዘበን

ዝተጀመረ እንትኸውን ኣብ ሃገራት ምዕራብ ኣውሮፓ፣ ኣመሪካ፣ ካናዳ፣ እንግሊዝን ኣፍሪካን እዮም ዝርከቡ።

5. ሉተራን ኢቫንጀሊካል፣ ካልቪኒስት፣ ኣናባፕቲስትን ኣንግሊካንን

√ <u>ንመልመዲ 1.6 ዝተውሃቡ መልስታት</u>

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1. ሓቂ | 2. ሓቂ | 3. ሓቂ | 4. ሓቂ | 5. ሓቂ | 6. ሓቂ | 7. ሓቂ |
| 8. ሓቂ | 9. ሓሶት | 10. ሓሶት | 11. ሓቂ | 12. ሓቂ | 13. ሓቂ | 14. ሓቂ |
| 15. ሓቂ | 16. ሓሶት | 17. ሓሶት | 18. ሓሶት | 19. ሓቂ | 20. ሓቂ | 21. ሓሶት |
| 22. ሓቂ | 23. ሓቂ | 24. ሓቂ | 25. ሓቂ | 26. ሓቂ | 27. ሓቂ | 28. ሓቂ |
| 29. ሓቂ | 30. ሓሶት | 31. ሓሶት | 32. ሓቂ | 33. ሓቂ | 34. ሓቂ | 35. ሓሶት |

√ <u>ንመጠቓለሊ ሕቶታት ምዕራፍ ሓደ ዝተውሃቡ መልስታት</u>

**ሀ. ንሕቶታት ምረፁ ዝተውሃቡ መልስታት**

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1. ሀ | 2. ለ | 3. ሀ | 4. ሀ |
| 5. ሐ | 6. ለ | 7. ለ | 8. ሸ |
| 9. ሸ | 10. ለ | 11. መ | 12. ሰ |
| 13. ለ | 14. ሀ | 15. ሐ | |

**ለ. ሓቂ / ሓሶት ተባሂሉ ንዝምለሱ ሕቶታት ዝተውሃቡ መልስታት**

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| 16. ሓቂ | 18. ሓሶት | 20. ሓቂ | 22. ሓቂ | 24. ሓሶት | 26. ሓቂ |
| 17. ሓቂ | 19. ሓሶት | 21. ሓቂ | 23. ሓሶት | 25. ሓቂ | |

**ሐ. ቅኑዕን ትኽክለኛ ዝኾነ ምሉእ መልሲ ምሃብ ንዝምልከቱ መልስታት ዝተዳለወ**

27. ብደረጃ ዓለም ዝርኣዩን ልሙድ ዝኾኑን መሰረት መነባብሮ ህዝቢ ዝበሃሉ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት ኣብ ሰለስተ ብርኪ ተመቒሎም ዝርኣዩ'ዮም።

- ብቀዳማይ ብርኪ ዝርኣዩ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት መነባብሮ ኣብ ምፍራይ ንምግብታት ዘድልዩ ምህርትታትን ጥረ ሃፍትታትን እዩ። እዚኦም ንውፅኢት ስራሕቲ ሃደን፣ ልምዓት ሕርሻ፣ ልምዓት ሃፍቲ እንስሳ፣ ልምዓት ዓሳ፣ ምእካብ ፍረምረ፣ ምክንኻን ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ምህርቲ ማእድናትን ወዘተ ዝምልከት'ዩ።

- ብካልኣይ ብርኪ ዝርኣዩ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት መነባብሮ ብቀዳማይ ብርኪ ንዝተረኽቡ ሃፍታት ናብ ውዱእ ምህርቲ ምልዋጥ ዝምልከት እዩ። ንኣብነት ብልምዓት ሕርሻ ዝርከብ ቀዳማይ ብርኪ ውፅኢት ምህርቲ ጡጥ ናብ ከይዲ ፍብረካ እንትእተው ንኣብነት ናብ ፈትልን ጨርቅን እንትልወጥ ዘርእየና ካልኣይ ብርኪ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈት'ዩ። ስለዚ ብምህርቲ ሕርሻን ማእድንን ዝተረኽቡ ውፅኢት ፍርያት ናብ ግልጋሎት ክውዕሉ ናብዝኽእሉ ብርኪ ዝግበር ከይዲ ፍብረካ ዝምልከት እዩ።
- ብሳልሳይ ብርኪ ዝርኣዩ ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት መነባብሮ ኣብ ምሃብ ግልጋሎት ንዘድሃቡ ንጥፈታት ኢኮኖሚ ዝምልከት እዩ። ንኣብነት ትራንፖርትን መጓዓዝያን፣ ቱሪዝምን ሆቴልን፣ ስራሕቲ መንግስታዊ ኣብያተ ፅዮ (ፀሓፍቲ፣ ክኢላታት፣ ድጋፍ ወሃብቲ፣ ቴክኒካል ሓይሊሰብ ...)፣ ምስላጥ ዘፈር ንግድን ግልጋሎታቱን ወዘተ ዝምልከት'ዩ። እዚ ዘፈር ኢኮኖሚያዊ ንጥፈታት ሰራሕተኛታት ተቖፂሮም ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ዝውዕሉን ብውልቀ ትካል ተጣይሹ'ውን ንመነባብሮ መሰረት ዝኾውን እቶት ብወርሓውን ብኮንትራትን ዝርከበሉ ዘፈር ኢኮኖሚ'ዩ።

28. ሕፅር ብዝበለ እንትርኣይ ከምዝስዕብ ይግለፅ።

ኢንዱስትሪያል ወያነ ኣብ መበል 18 ክፍለ ዘመን ኣብ ኣውሮፓ ሃገረ እንግሊዝ ኣብ ኣግባብ ኣፈራርያ (ምፍራይ) ናውትን ሸቐጣትን ዝተርኣየ ለውጢ ሰለጤንን ውፅኢታዊ ፅርየትን ዝምልከት እዩ። እዚ ማለት ብኢድን ብኢድ ብዝሰርሑ ብዙሕ ወፃእን ግዜን ጉልበትን ይሓቱን ዘየስልጡን ድንጉያትን ካብዝነበሩ ዝሑል ከይድታት ምፍራይ ናውትን ሸቐጣትን ናብ ስሉጥ፣ ቕልጡፍ፣ ውሑድ ወፃእን ግዜን ጉልበትን ዝሓትት፣ ብሓገዝ ማሽን ቴክኖሎጂ ይፈርዩ ናብዝነበሩ ውፅኢታዊ ለውጢ ምስግጋር ዝተርኣየሉ እዋን እዩ ነይሩ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነስ ጉልበትካን ጉልበት ስድራን እናተጠቐምካ ኣብ መንበሪ ገዛን ከባብን ጥራሕ ይፈርይን ይምረትን ዝነበረ ኣግባብ ከይዲ ናብ ኣብ ፋብሪካታትን ብማሽናት ዝተሓገዘ ቴክኖሎጂን ኣግባብ ስርዓት ምህርትን ምፍራይን ዝተኣታተወሉ ነይሩ። ስለዝኾነ ድማ ኢንዱስትሪያል ወያነ ማለት ውፅኢት ምፍራይን ምምሃዝን ማሽን ቴክኖሎጂታት ኣብ ህይወት ወዲሰብ ሱርበቀስ ዝኾነ ዓብዪ ለውጢ መነባብሮ ንክመፅእ መሰጋገሪ በሪ ዝኸፈተ ታሪካዊ ተርእዮ እዩ።

**ዝርዝር ብዝበለ ኣገባብ ድማ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ዝስዕብ ሓሳብ ኣስፊሕኻ ምግላፅ ይከኣል።**

ቅድሚ 1750 ዓ.ም.ፈ ዝተፈላለዩ ነገራት ንምፍራይ ናውቲ ወዲሰብ ብሓይሊ ኢድን ብኢድ ዝንቀሳቐሱን መሳርሕታት እናተጠቐመ'ዩ ነይሩ። ጉልበት ስድራ እናተቐሙን ኣብ ቅፅረ ግቢ መንበሪኦምን ኾይኖም ምህርቲ የፍርዩ'ዮም ነይሮም። ካብ 1750 ዓ.ም.ፈ ንደሓር ግና ኣብ ክይዲ ምፍራይ ናውቲ ዝተመሓየሸ ውፅኢት ንምፍጣር ዝሕግዙ መሳርሕታትን ቴክኖሎጂታትን ተማሂዞም ኣብ ስራሕ ውዒሎም። ናውቲ ንምፍራይ ወዲሰብ ይጥቀመሎም ዝነበሩ ብሓይሊ ኢድ ይንቀሳቐሱ ዝነበሩ ቀለልቲ መሳርሕታት በዚ እዋን ናብ ምጥቃም ዝተመሓየሹን ከቢድ ዓቕሚ ዘለዎምን ማሽን ቴክኖሎጂ ተሰጋጊሩ።

ምህርቲ ኣብ ክንዲ ኣብ ከባቢ መንበሪ ገዛ ብውልቀ ሰራሕተኛታት ኣብ ፋብሪካታት ብስርዓት ክፈርዩ ጀሚሮም። ማሽን ቴክኖሎጂን ፋብሪካታትን ብምትእትታዎም ብዝቐለለ ኣገባብ፣ ብዝተሓተ ዋጋን ወፃእን፣ ብጣዕሚ ብዙሕን ዝበለፀ ጥንካረን ዕርየትን ዘለዎም ናውቲ ይፈርዩ ጀሚሮም።

እዚ እዋን ዝተመሓየሹ ዘመናዊ ማሽን ቴክኖሎጂ ተማሂዞም ንኢንዱስትሪያላዊ ምዕባለን ልምዓትን ዘሳልጡ ዝተፈላለዩ ፋብሪካታት ዝተጣየሸሎም እዋን ስለዝነበሩ "ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ" ተባሂሉ ይፅዋዕ ጀሚሩ። ስለዚ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ዝበሃል ኣብ ዓለምና ንመጀመርታ ግዜ ዝተፈላለዩ ናውትን ሸቐጣትን ኣብ ክንዲ ብኢድን መሳርሕታት ኢድን ብሓይሊ ሞተር ብዘንቀሳቕሶም ማሽናት ምፍራይ ዝተራእየሉ መሰረታዊ ለውጢ'ዩ።

መሰረታዊ ለውጢ ዝበሃለሉ ምኽንያት ብኢድ ይሰርሑ ዝነበሩ መሳርሕታት ተሪፎም ብሓይሊ ሞተርን ሃፋን ዝንቀሳቐሱ ግዜን ዋጋን ጉልበትን ዝቑጥቡ ማሽናት ቴክኖሎጂ ተማሂዞም ቦታ መፍረዪ ድማ ኣብ ክንዲ ኣብ ውልቀሰባት መንበሪ ገዛ ናብ

ፋብሪካታት ዝዞረ ምዃኑ እዩ። እዚ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ንመጀመርታ ግዘ ኣብ ዓለም ዝተስፋሕፈሐሉ ኣብ ሃገረ እንግሊዝ ኣብ መበል መፋርቕ 18 ክፍለዘመን እዩ ነይሩ።

ብድሕሪኡ ካብ ሃገረ እንግሊዝ ካብ እዋን ናብ እዋን እቲ ጥበብን ምህዞ ቴክኖሎጂ ማሽናትን ምጥያሽ ቴክኖሎጂ እናተጋፍሐ ናብ ካልኦት ሃገራት ዓለም'ውን ተዘርጊሑ። ኢንዱስትሪያል ወያነ ብድሕሪ ሃገረ እንግሊዝ ዝተጋፍሐሎም ሃገራት ናብ ምዕራብ ኣውሮፓን ሰሜን ኣሜሪካን'ዮም ነይሮም።

ስለዚ ብኢድ ይንቀሳቐሱ ዝነበሩ መሳርሕታት ብማሽን ቴክኖሎጂ እንትትክኡ ንቅድም ፍልፍል ሓይሊ ኾይኑ ዝተምሃዘ ሃፋ ስለዝነበረ ብሃፋ ዝንቀሳቐሱ ሞተራት ኣብ ግልጋሎት ውዒሎም ነይሮም። ደሓር ፍልፍል ሓይሊ ካብ ማይን ሃፋን ናብ ፀሊም ፈሓም፣ ኤሌክትሪሲቲ፣ ዘይቲ፣ ነዳዲ፣ በብግዚኡ ተማሂዞም ኣብ ግልጋሎት ውዒሎም። ስለዚ በዚ እዋን ንቕድም ኣብ ከይዲ ወያናዊ ምስግጋር ዝኣተወ ምህርቲ ቴክኖሎጂ ጨርቃ ጨርቂ፣ ሓፂን መፂንን ፀሊም ፈሓምን ነይሮም። ንመንቀሊ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ መግለፂ ዝኾኑ ተርእዮታትን ምህዞታትን እንታይ ነይሮም? ዝተፈላለዩ ማሽናትን ምህዞታት ቴክኖሎጂን ኣብ ስራሕ ምህርትን ምፍራይን ስለዝወዓሉ ውፅኢት ምህርቲ ቴክስታይል ጨርቃ ጨርቂ ብጣዕሚ ብዙሕን ፅርየት ዘለዎን ጥራሕ ዘይኮነስ ዋጋን ወፃእን ዝነከየን ነይሩ።

29. ሃገራት ኣውሮፓ ንምግፋሕን ምስፍሕፋሕን ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝደለይሉ ምኽንያት እዞም ዝስዕቡ'ዮም፤

- ፍልፍል ጥረ ኣቑሑት (ጥረ ሃፍቲ)
- ዕዳጋ ንዝፍረይዎን ንዝምረትዎን ኢንዱስትሪያላዊ ውፅኢታት
- ንኢንቨስትመንት (ኣብ መዳይ ሕርሻ፣ ማእደን ኣለሻ፣ ፋብሪካታት)
- ብተወሰነ መልክዑ ንዜጋታቶም ንስራሕን ኢንቨስትመንትን ከስፍርዎም ብምድላይ

30. ምስፍሕፋሕ ባዕዳዊ መግዛእቲ፣ ህንፀት ወተሃደራዊ ኢንዱስትሪን ምስረታ ወተሃደራዊ ምሕዝነት፣ ምንቅስቓስ ሃገራውነት፣ ኣውስትሮ - ሃንጋሪ ኣብ ልዕሊ ሰርቢያ ዝወለዐቶ ኲናት
31. መንቀሊ ምኽንያታት ካልኣይ ኲናት ዓለም እንትንርእይ ዝስዕቡ እዮም፤

- ንዓለምለኽ ሰላምን ውሕስና ደሕንነት ዝተሓስበ ፃዕሪ ዕዉት ብዘይምኻኑ
- ፋሽስታዊ ስርዓት መንግስቲ ኣብ ጣልያን፣ ጀርመንን ጃፓንን ብምሕያሉ
- ሓይልታት ኣክሲስ ወተሃደራዊ ሕብረትን ሓድነትን ምምስራቶም
- ጀርመን ኣብ ምብራቕን ደቡብ ምብራቕን ሃገራት ኣውሮፓ ወራር ምክያዳ
- ጃፓን ኣብ ርሑቕ ምብራቕ እስያ ዓምደ ሰፊሕ ምስፍሕፋሕ ግዝኣት ምክያዳ
- ፍፁማዊ ሓይልታት ኣክሲስ ኣንፃር ዲሞክራሲን ሉኣላዊነትን ምስጓሞም
- ወተሃደራዊ ዓቕምን ሓይልን ሃገራት ኣክሲስ ብምሕያል ጎስጓስ ኲናት ምክያድ
- ብሕና ዝብል ልዑል ትምክሕታዊ መንፈስ ዝዓብለሎ ብሂረተኝነት
- ሃገራት ኣብትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ንምእታውን ወራርን ዝዓለመ ሃፀያውነት
- ትሑት እምነት ኣብ ጥሙር ሕብረት ሃገራት ኣውሮፓን ገለልተኝነት ኣሜሪካን

32. ኣውስትሪያ-ሃንጋሪ ኣብ ክልተ ተመቒላ፣ ብዙሕ ግዝኣታት'ውን ተወሲድዋ። ጀርመን'ውን ብዙሕ ግዝኣታት ተወሲድዋ'ዩ። ስለዚ ሓደሽቲ ሃገራት ተመስሪተን፤ ካብዚኣን ውሽጢ ድማ ኣውስትሪያ፣ ሃንጋሪ፣ ፖላንድ፣ ቺኮዝሎቫኪያ፣ ዩጎስላቪያ፣ ሊቱኣንያ፣ ላትቪያን ኢስቶንያን ይርከብወን።
33. ፈለማ ብዕለት 6 ነሓሰ 1945 ኣብ **ሂሮሺማ** ደሓር ድማ ብምቕፃል ብዕለት 9 ነሓሰ 1945 ኣብ **ናጋሳኪ** ደብዳብ ኣቶሚክ ቦምብ ተፈፂሙ። ከምዚ ዓይነት ደብዳብ ኣብ ታሪክ ዓለም ንፈለማ ዝተኻየደ እንትኸውን ጃፓን ክሳብ ሎሚ ነዘን መዓልትታት ብሓዘን ተውዕሎም።

34. ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ እትርከብ ጊኒ ትበሃል ሃገር ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ፈረንሳይ ንዘካየድዎ ቃልሲ ይመርሑን የተሓባብሩን ዝነበሩ ተቓላሳይ ሴኮ ቱሬ ዝበሃሉ ነይሮም። ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ እትርከብ ጋና ትበሃል ሃገር ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ መሪር ቃልሲ እንትተካይድ ብፍላይ ድማ ብሰላማዊ መንገዲ ነፃነት ጋና ክረጋገፅ መሪሕ ቃልሲ ዘካየዱ ዶ/ር ኩዋሜ ኑክሩማህ ዝበሃሉ ነይሮም። ኣብ ኬንያ ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ ይቃለሱ ንዝነበሩ ብዓሌት ኪኪዩ ዝምራሕ 'ማው ማው' ዝተብሃለ ምንቅስቓስ ይመርሑን የተሓባብሩን ዝነበሩ መራሒ ካኑ ፓርቲ ዝኾኑ ጆሞ ኬንያታ ዝበሃሉ ነይሮም። ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ እትርከብ ታንዛኒያ ትበሃል ሃገር ብታኑ ዝበሃል ፓርቲ መሪሕነት ንነፃነት ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ ቃልሲ ዝመርሑ ጁሊየስ ኒሬሬ ዝበሃሉ ነይሮም። ኣብ ሮደሽያ እትበሃል ሃገር ድማ ሎሚ ዚምባብዌ ተባሂላ ትፍለጥ መራሒ ዛኑ ዝበሃል ፓርቲ ዝነበሩ ሮበርት ሙጋቤ ኣንፃር ባዕዳዊ ገዛእቲ እንግሊዛውያን ቃልሲ ኣካይዶም'ዮም።

35. ፈረንሳይ ኣብ ባዕዳዊ ግዝኣታታ ትኽተሎ ዝነበረት ፖሊሲ ባዕዳዊ ምምሕዳር "ቐጥታዊ ምምሕዳር" ተባሂሉ ዝፍለጥ'ዩ። ብመሰረት'ዚ ፖሊሲ ኩሎም ሕግታትን ደንብታትን ሃገር ፈረንሳይ ተደንጊጎም ምስወፁ ብቐጥታ ኣብተን ባዕዳዊ ግዝኣታታ ይትግበሩ። ብተወሳኺ ኣመሓደርቲ እዘን ግዝኣታት ካብ ፈረንሳይ'ዮም ዝለኣኹ ነይሮም። እዚ ኣገባብ ምምሕዳር ባዕዳዊ ገዛእቲ ንኣፍሪካውያን ኣብቲ ምምሕዳር ክሳተፉ ኣይፈቕድን ነይሩ። ፖሊሲ ቐጥታዊ ምምሕዳር ኩሎም ህዝብታት ኣፍሪካ ቀስ ብቐስ ፈረንሳውያን ክኾኑ ንምግባር ዝዓለመ'ውን እዩ ነይሩ። ብመሰረት'ዚ ፖሊሲ ኣፍሪካውያን ቋንቋን ባህልን ፈረንሳውያን ተማሂሮም ምስ ወረስዎ ዜግነት ፈረንሳይ ክረኽቡ ይግበር ነይሩ። ብዜግነቶም ፈረንሳውያን ምስኮኑ ድማ ቋንቆኦምን ባህሎምን ረሲያም ንነፃነቶም ኣይቃለሱን ዝብል ግምት ዝነበሮ ፖሊሲ እዩ። እዚ ዓይነት ባህርይ ምምሕዳር ባዕዳዊ መግዛእቲ መንግስታት ቤልጅየም፣ ፖርቹጋልን ጀርመን'ውን ይኽተልዎ ዝነበረ'ዩ።

እንግሊዝ ኣብ ባዕዳዊ ግዝኣታታ ትኽተሎ ዝነበረት ፖሊሲ ምምሕዳር "ዘይቐጥታዊ ምምሕዳር" ተባሂሉ ዝፍለጥ እዩ። ነዚ ፖሊሲ ኣርክቴክት ኾይኑ ዝቐረፀ እንግሊዛዊ ሎርድ ፍረደሪክ ሉጋርድ ዝበሃል ኣብ ናይጀርያን ኡጋንዳን ኣመሓደሪ ዝነበረ'ዩ። ብመሰረት'ዚ ፖሊሲ ኣፍሪካውያን ብናይባዕልቶም

ኣመሓደርቲ ይመሓደደሩ ነይሮም ግና ዝመሓዳደሩሉ ሕግን ደንብን ወጺኡ ዝወሃቦም ካብቲ ላዕለዋይ ኣመሓዳደሪ ዝኾነ እንግሊዛዊ እዩ ነይሩ። መንግስቲ እንግሊዝ ነዚ ፖሊሲ ምምሕዳር ኣፍሪካውያን ብኣፍሪካውያን እቲ "መቓቒልካ ግዛእ" ዝብል ዓብዪ ፖሊሲ ንምትግባር ይጥቀመሉ ነይሩ። ንኣፍሪካውያን ብቛንቋ፣ ብባህሊ፣ ብዘርኢ፣ ብብሄር ብሄረሰብ፣ ብሃይማኖት ወዘተ ክመቓቐሉ ብምግባር ንሕድሕዶም ከይሳነዩን ከይሓብሩን ብምኽንያት ድማ ንነፃነቶም ሓቢሮም ተዋዲዶም ከይቃለሱን ዝግበር ፖሊሲ እዩ ነይሩ።

**መ. ንሕቶታት ኣዛምድ ዝተውሃቡ መልስታት**

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 36. ቸ | 39. ነ | 42. ከ | 45. ቀ | 48. ሐ |
| 37. በ | 40. ኘ | 43. ሀ | 46. ሸ | 49. ረ |
| 38. ተ | 41. አ | 44. ሰ | 47. መ | 50. ለ |

# ምዕራፍ ክልተ

# ገፀ-ምድሪ ዝልውጡ ሓይልታት

## 1. መእተዊ

እዚ ምዕራፍ ናይቲ ኣብ 7ይ ክፍሊ ብዛዕባ ፊዚካዊ ጂኦግራፊ ዓለምናን ምንባብ ካርታን ዝተመሃሩዎ መቐፀልታ እዩ። እቲ ፊዚካዊ ጂኦግራፊ ትሕዝቶ ትምህርቲ ብቐንዱ ኣብ ኣወቓቕራ ምድሪ ብመንፅር ቐፀላታት (ፅፍፃፋት) ምድርን ኣፈጣጥራን ዓይነታትን ከውሕታትን ዘተኮረ እዩ። ከምኡ'ውን እቲ ቐፂሉ ዝቐርብ ትምህርቲ ምንባብ ካርታ ኾይኑ ብቐንዱ ሓበሬታ ካብ ካርታ ከመይ ከምዝርከብ ዝገልፅን ብመንፅር መረዳእታት ህዳግ ካርታ መብርሂ ዝህብን እዩ።

## 2. ውፅኢት'ዚ ምዕራፍ

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስ ተምሃሩ

- ገፀ-ምድሪ ዝልውጡ ሓይልታትን ሳዕቤናቶምን የብርሁ።
- ኣብ ካርታ ስፍሓትን ርሕቐትን ይዕቅኑ።

## 3. ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ ነዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት ይውንኑን የማዕብሉን፤

- ገፀ ምድሪ ዝልውጡ ደጋዊ ሓይልታት ይገልፁ።
- ፍግረ መሬትን ምውህላል መሬትን ኣብ ገፀ መሬት ዘለዎም ሳዕቤን ይገልፁ።
- ገፀ ምድሪ ዝልውጡ ውሽጣዊ ሓይልታት ይገልፁ።
- ውሽጣዊ ሓይልታት ምድሪ ኣብ ገፀ-ምድርን ህይወት ደቅሰብን ዘለዎም ሳዕቤናት ይገልፁ።
- እንታይነት ሚዛን ካርታ ይገልፁ።

- ዝተፈላለዩ መግለፂ ሚላታት /መንገድታት/ መስመሪዊ ሚዛን ካርታታት ይፀርሑ።
- ምልውዋጥ ሚዛን ካርታ ይግብጡ
- ካብ ካርታ ርሕቐት ባይታን ስፍሓት ስሩዕ ቕርፂ ዘለዎም ስእልታትን የስልሑ።

## 4. ክፍለ ግዘ

ብሓፈሻ ነዚ ምዕራፍ ዝተመደበ ክፍለ ግዜ 15 ኾይኑ ብመሰረት እቲ ኣብዚ ቐፂሉ ቐሪቡ ዘሎ ሰደቓ ርክባት መፅሓፍ ተምሃራይን መምርሒ መምህር!ን ምሽንሻይን ይከኣል እዩ።

## 5. ቐንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ

ገፀ-ምድሪ ዝልውጡ ሓይልታት።

ደጋዊ ሓይልታትን ኣብ ህይወት ደቂ ሰባት ዘለዎም ሳዕቤንን

- ፍግረ መሬት (Erosion)
- ምውህላል መሬት (Deposition)

ውሽጣዊ ሓይልታትን ኣብ መነባብሮ ወዲሰብ ዘለዎም ሳዕቤንን

- እሳተ-ጎመራ (Volcano)
- ርእደ-ምድሪ (Earthquake)
- ምንቃዕ መሬት
- ምትዕፅፃፍ መሬት

ኣብ ካርታ ርሕቐትን ስፍሓትን ምዕቃን

- ትርጉም ሚዛን ካርታ
- መግለፂ መንገድታት መስመራዊ ሚዛን ካርታ (Linger Scale)
- ምልውዋጥ ሚዛን ካርታ
- ካብ ካርታ ርሕቐት ባይታ ምርካብ
- ስፍሓት ስሩዕ ቅርፅታት (Area of regular shapes)
- ምንፅፃር ሚዛናት ካርታ።

## 6. መምህሪ ሓገዝ

- ዝተፈላለዩ ስእልታትን ፎቶግራፋትን /እሳተ ጎመራ፣ ሳዕቤናት ርእደ ምድሪ፣ ምትዕፅፃፍ መሬት፣ ዝተፈገረ መሬትን ዝመሳሰሉን ዘርእዩ/
- ካርታት ዓለም
- መስመርያ (Ruler)
- ሜትሮ
- ንድፊ ካርታ
- ካርታ 1፡50,000
- ዝተፈላለዩ ሚዛናት ካርታ ዘለዎ ሓደ ካርታ
- ኣብ ክፍለ ዝርከቡ ዴስክታት (ጠረጴዛታት፣ በሪ፣ ሰሌዳ ወዘተ

## 7. ተወሳኺ ፅሑፋት

1. World Physical Geography
2. ኣቐድም ኣቢሎም ኣብ ጥቕሚ ዝወዓሉ መፃሕፍቲ ተምሃራይ ትምህርቲ ሕብረተሰብ
3. Geography Text books (Grade 9-12)
4. ኢንሳይክሎፔድያ ብሪታኒካ
5. ኢንካርታ

## 8. ሰደቓ ርክባት መምርሒ መምህር!ን መፅሓፍ ተምሃራይን

| ንኡስ ምዕራፍ | ርእሲ | ዝርዝር ዕላማታት | ክፍለ ግዘ | ቁፅሪ ገፅ መፅሓፍ ተመሃራይ | ቁፅሪ ገፅ መምርሒ | ፍልፍል ፅሑፍ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 2.1 | ደጋዊ ሓይልታትን ኣብ ህይወት | • ገፀ-ምድሪ ዝልውጡ ዳጋዊ ሓይልታት ይገልፁ። | 4 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | ደቂ ሰባት ዘለዎም ሳዕቤንን | • ፍግረ-መሬትን ምውህላል መሬትን ኣብ ገፀ-መሬት ዘለዎም ሳዕቤን ይገልፁ። | | | | |
| 2.2 | ውሽጣዊ ሓይልታትን ኣብ መነባብሮ ወዲ-ሰብ ዘለዎም ሳዕቤንን | • ገፀ - ምድሪ ዝልውጡ ውሽጣዉ ሓይልታት ይገልፁ። <br> • ውሽጣዊ ሓይልታት ምድሪ ኣብ ገፀ ምድርን ህይወት ደቂ ሰብን ዘለዎም ሳዕቤናት ይገልፁ | 5 | | | |
| 2.3 | ኣብ ካርታ ርሕቐትን ስፍሓትን ምዕቓን | • እንታይነት ሚዛን ካርታ ይገልፁ። <br> • ዝተፈላለዩ መግለፂ ሚላታት /መንገድታት/ መስመራዊ ሚዛን ካርታ ይፀርሑ <br> • ምልውዋጥ ሚዛን ካርታ ይግብጡ። <br> • ካብ ካርታ ርሕቐት ባይታን ስፍሓት ስሩዕ ቕርፂ ዘለዎም ስእልታትን የስልሑ። | 6 | | | |
| **ጠቕላላ ድምር** | | | 15 | | | |

# 9. ኣገባብ ኣመሃህራ

*መምህር! ነዚ ምዕራፍ ምምሃር ቅድሚ ምጅማርኩም መጀመርያ ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣብ ትሕቲ ቁፅሪ 2 ተቐሚጡ ዘሎ ዕዮ ጉጅለ ክሰርሑ ይግበሩዎም። ኣብ ምይይጥ ጉጅለኦም ዝኾነ ዓይነት ገፀ-መሬት ሓንሳብ ምስተፈጠረ ክምኡ ኢሉ ዝነብር ከምዘይኮነ ብዝተፈላለዩ ሓይልታት ተፈጥሮ ከምዝለዋወጥን ግንዛበ ከምዘሕደሩ ምስ ኣረጋገፅኩም ገፀ-ምድሪ ዝልውጡ ደጋዊ ሓይልታት ንምምሃር ዝተፈላለዩ ኣገባባት ኣመሃህራ ተጠቐሙ። ተምሃሮ ኣብ ቀረባ እዋን ዝረኣይዎ ዝኾነ ፍግረ መሬት ክጉብንዩን መፅናዕታዊ ዑደት ክገብሩን ይሓግዙዎም። ብሕልፊ ነቶም ካብ ተኸልታት ዝበረሰዎ እምባ ወይድማ ፀድፊ ብሰንኪ ወሓዚ ማይ ዝመፀ ፍግረ መሬት ዘመልክት መፅናዕቲ ዘካየዱ ጉጅለታት ስፍሕ ዝበለ ግዜ ሂብኩም ክገልፁ ይግበሩዎም። ድሕር'ዚ ትምህርታዊ ዑደት ድማ ተምሃሮ ነቲ ዝረኣይዎ ፍግረ መሬት ክገልፁ፣ መንቀልታት ፍግረ-መሬት ክዝርዝሩን ዝተፈገረ መሬት ናበይ ከምዝኸይድን ብምሕታት ሰፊሕ ምይይጥ ከካይዱ ይግበሩዎም። ብድሕሪ'ዚ ዝተፈገረ መሬት ንዝተወሰነ ርሕቐት ምስ ተጓዒዙ ኣብ ሓደ ቦታ ከምዝእከብን እዚ ድማ ምውህላል መሬት ከምዝበሃልን ኣብርህሎም።*

*ብምቕፃል ድማ ኩሎም ገፀ-መሬት ዝልውጡ ደጋዊ ሓይልታት ብሓፈሻ እትረኣዩ ብኸልተ ኣገባባት ከምዝካየዱ ንሳቶም ድማ ፊዚካላዊ ወይድማ ቅርፃዊ ኣገባብን ከሚካላዊ ወይድማ ኾመማዊ ኣገባባት ከምዝኾኑ ኣግባብ ኣመሃህራ ስሪሕኻ ምርኣይ ተጠቒምኩም ኣርእይዎም። ብምቕፃል ገፀ-መሬት ዝልውጡ ስለስተ ሓይልታት ከምዘለዉ ንሳቶም ድማ ምቅይያር መጠን ረስኒ፣ በረድን እቲ ሳልሳይ ሓይሊ ድማ እፅዋትን እንስሳት ከምዝኾኑ በብሓደ ክርእዩ ብምግባር ነቶም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ስእሊ ቑፅሪ 2.1፣ 2.2ን 2.3ን ቐሪቦም ዘለዉ ስእልታት እናረኣዩ ክመያየጡን ግንዛበ ክሕድሩን ይግበሩዎም። ኣብ መወዳእታ እዚ ንኡስ ምዕራፍ ድማ ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ቐሪቡ ዘሎ መሰረት ብምግባር ፍግረ መሬትን ምውህላል መሬትን ኣብ ህይወት ደቂ ሰባት ዘምፅእዎ ሳዕቤናት ዝምልከት ምይይጥ ኣካይዶም ክካትዑን ክገልፁን ይግበሩዎም።*

መምህር! ነቲ ንኡስ ርእሲ 2.2 ውሽጣዊ ሓይልታት ዝምልከቶ ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማርኩም ተምሃሮ ነቲ ኣብ 7ይ ክፍሊ ብዛዕባ ኣወቓቕራ ምድሪ ዝተመሃርዎ ባዕላቶም ዘኪሮም ባዕልኹም'ውን ውሲኽኩም ክመያየጡ ይግበሩዎም። በዚ ኣቢልኩም ድማ ገፀ መሬት ዝልውጡ ውሽጣዊ ሓይልታት ዝበሃሉ እንታይ ከምዝኾኑ በዞም ሓይልታት ምኽንያት ዝነበረ ገፀ-መሬት ብራኽኡ ክንኪ ወይድማ ክውስኽ ከምዝኽእል ከምኡ'ውን ክተዓፃፀፍ ክሰባበር ክነቅፅ ክጭበጥ ክዝርጋሕን ክሃምም ከምዝኽእል ብዝግባእ የብርሁሎም። ብሕልፊ ድማ ኣብቶም ኣርባዕተ ገፀ መሬት ዝልውጡ ቐንዲ ውሽጣዊ ሓይልታት ዝርዝር መብርሂ ብምሃብ ክገልፁ ይግበሩዎም። ተምሃሮ ነቶም ካብ ስእልታት ቁፅሪ 2.12 ክሳብ 2.16 ቐሪቦም ዘለዉ ስእልታት ብውነ ተመሊኪቶም ኣብ ደፍተሮም ክስእልዎም ይግበሩዎም። ብተወሳኺ እውን ኣብ ካርታ እሳተ ጎመራታት ምብራቕ ኣፍሪካ ከለልዩ ፎቶግራፍ ተጠቒሞም ፍሉጥ እሳተ ጎመራዊ ኮን ክምርምሩን ከፅንዑን ይግበሩዎም። ብምቕፃል ካርታ ዓለም ኣብ ሰሌዳ ሰቒልኩም ነቲ ኣብ ስእሊ ቁፅሪ 2.16 ቐሪቡ ዘሎ መሰረት ጌርኩም ኣብ ዓለምና ዝርከቡ ቐንዲ ቦታታት ርእደ ምድሪ ከለልዩ ይግበሩዎም። ካብዞም ቦታታት ሃይቲ እትበሃል ሃገር ኣለልዮም ብዛዕባ እቲ ብኣቆፃፅራ ፈረንጂ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2009 ዝተኸሰተ ርእደ ምድሪ መፅናዕቲ ኣካይዶም ኣብቲ ዘምፀኦ ሳዕቤናት ሰፊሕ ምይይጥ ከካይዱ ይግበሩዎም። መምህር! ውሽጣዊ ሓይልታት ምድሪ ኣብ ገፀ-ምድርን ህይወት ደቅሰብን ዘለዎም ሳዕቤናት ከተምህሩ እንተለኹም ከምቶም ኣብ ስእሊ 2.17 ዝበሉ ካልኦት ብሰንኪ ርእደ ምድሪ ዝመፅ ነቓዕ መሬት ዘስዕቦ ጉድኣት ዘርኢ ፎቶግራፍ ኣብ እዋን ርእደ ምድሪ ነቓዓት መሬት ከመይ ከምዝንቀሳቐሱ ዘርእዩ ስእልታት ከም ኣብነት ድማ ፎቶግራፍ ምብራቕ ኣፍሪካ ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ።

መምህር! ኣብ ካርታ ርሕቐትን ስፍሓትን ምዕቃን ዝብል ንኡስ ርእሲ ምምሃር ቕድሚ ምጅማርኩም ኣብ ዕላማታት እዚ ትምህርቲ ዝምልክት ሰፊሕ ምይይጥ ኣካይዱ። ብምቕፃል ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምቕራብ ነቲ ትምህርቲ ጀምርዎ። ንኣብነት እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብምቕሪብ ነቲ ትምህርቲ ምጅማር ይከኣል'ዩ። ንኣብነት እዞም ዝስዕቡ ሕቶታትን ዝመሳሰሉን ኣቕሪብኩም ተምሃሮ ክመያየጥሉ ይግበሩ። ኣብነት፡-

1. ሓድሓደ ሰባት ወይድማ ቱሪስትታት ካርታ ተጠቂሞም ናይቲ ክኸድዎ ዝደልዩ ቦታ ኣንፈት፣ ርሕቐትን መርከቦን ካብ ካርታ እንትእልሹ ርኢኹም ዶ ትፈልጡ?
2. ሓደ ወይድማ ሓንቲ መሃንዲስ ኣብ መሬት ብሜትሮ እናለከዐ/ት ንድፊ ካርታ ክሰርሕ ወይድማ ኽትስእል ተዓዚብኩም ዶ ትፍልጡ?
3. ኣብ ሓደ ካርታ-ገዛ ሚዛን ካርታ ዝብል ርኢኹም ዶ ትፍልጡ? ኣብ ካርታ ዓለም ከ? እቲ ዝረኣኹምዎ ሚዛን ካርታ ብኽመይ መንገዲ ዝተቐመጠ እዩ?

ኣብዚኦምን ዝመሳሰሉን ሕቶታት ምይይጥ ምስ ኣካየድኩም ተምሃሮ ባዕሎምን ብመምህሮም እናተሓገዙን ብመሰረት እቲ ኣብ 7ይ ክፍሊ ህዳግ-ካርታ ዝብል ዝተመሃሩዎን ነቲ ኣብ ካርታ ዘሎ ቑልፊ /መግለፂ/ ካርታ ሪኦምን ሚዛን ካርታ ንኽመልከቱ ሕተትዎም። ብምቕፃል ነቲ ዘመልከትዎ ሚዛን ካርታ እናረኣዩ እንታይነት ሚዛን ካርታ ይግለፁ። ከምኡ'ውን ዝረኣይዎም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሚዛን ካርታ ዘርዚሮም ይግለፁ። ብሕልፊ ኣብ መስመራዊ ሚዛን ካርታ ዝበለፀ ትኹረት ሂብኩም ተምሃሮ ዝተፈላለዩ መግለፂ ሜላታት /መንገድታት/ መስመራዊ ሚዛን ካርታ ክፀርሑ ይግበሩዎም።

መምህር! ኩሎም ተምሃሮኹም እንታይነት ሚዛን ካርታ ብዝግባእ ክገልፁ ከምዝኽእሉን ነቶም ሰለስተ ዓይነታት ሚዛን ካርታ ክዝርዝሩ ምኽኣሎምን ምስ ኣረጋገፅኩም ምልውዋጥ ሚዛን ካርታ ዝብል ትሕዝቶ ትምህርቲ ኣቕርቡሎም። ምልውዋጥ ሚዛን ካርታ ቕድሚ ምጅማሮም መጀመርያ ንምንታይ ምልውዋጥ ከምዘድሊ ብዝተፈላለዩ ሕቶታት ኽግንዘቡ ይግበሩዎም። ንኣብነት ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታትን ዝመሳሰሉን ምሕታት ኣገዳሲ'ዩ፣

- ካብቶም ሰለስተ ዓይነታት ሚዛን ካርታ ንዓኻትም ርሕቐት ንምርካብ ዝምችወኩምን ቕልል ዝብለኩምን ኣየንኡ እዩ? ኣብቲ ኣብ ኢድኩም ዘሎ ካርታ ሓደ ሚዛን ካርታ ጥራሕ እንተሃልዩ እሞ ንሱ ድማ እቲ ዘይምችወኩም ዓይነት እንተኾይኑ ናብቲ ዝምችወኩም ዓይነት ኽትቅርቅርዎ ትኽእሉ ዶ? ዝብሉን ካልኦትን ብምሕታት ክምልሱን ክመያየጡን ይግበርዎም። ብድሕሪ'ዚ ነቲ ዝምችዎም ካርታ ኣለሊዮም ነዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት ደረጃ ብደረጃ ክሰርሑ ይሕተትዎም፣

- ንውሓት መምሃሪ ክፍሎም ብሜትሮ ዓቂኖም ይመዝግቡ
- ወርዲ መምሃሪ ክፍሎም ይመዝግቡ
- ወርዲ በሪ መምሃሪ ክፍሎም ዓቂኖም ይመዝግቡ
- ንውሓትን ወርድን ዴስኮም ዓቂኖም ይመዝግቡ
- ዝምችዎምን ዝመረፅዎን ሚዛን ካርታ ንተምሃሮ ይንገሩ።

ብድሕሪ'ዚ ተምሃሮ ንድፊ ካርታ ክፍሎም ብምስኣል ነቶም ዴስክታት ኣብ ግቡእ ቦትኦም ይስኣልዎም። ብመሰረት ዘመዝገብዎም ዓቐናት ነቲ ዝስኣልዎ ንድፊ ካርታ ናይ ባዕሉ ሚዛን ካርታ የቐምጥሉ፤ሽ እቲ ዝመረፅዎ ሚዛን ካርታ ነቲ ኣብ ክፍሎም ዝመዝገብዎም ዓቐናት ምስቶም ኣብ ካርታ ዘለዉ ተመሳሰልቲ ዓቐናት ብትኽክል ዘገናዝበ ምዃኑ እናለክዑ የረጋግፁ።

ተምሃሮ ነዞም ንጥፈታት ሰሪሖም ካብ ካርታ ርሕቐት ናይ ምልካዕ ክእለት ምስ ኣማዕበሉ ስፍሓት ስሩዕ ቕርፅታት እውን ክዕቅኑ ከምዝኽእሉ የብርሁሎም። ብምቕፃል ድማ ነቲ ኣብ ስእሊ ቁፅሪ 2.23 ተሳኢሉ ዘሎ ካርታ ሓደ ቓላይ ብመስመር ጎኑን ቁሙቱን ለኪዖም ሚዛን ካርታ ተጠቂሞም ብመሰረት ፎርሙላ ሬክታንግል ስፍሓት ናይ ቓላይ ብትርብዒት ኪሎ ሜትር የቐምጡ። ኣብ መወዳእታ ድማ ስፍሓት መምሃሪ ክፍሎም ካብቲ ካርታ ኣስሊሖም የቐምጡ ብኣካል ድማ ሜትሮ ተጠቂሞም ቁመትን ጎንን ክፍሎም ለኪዖም ስፍሓት ክፍሎም ብምዕቃን ምስቲ ካብ ካርታ ዝረኸብዎ ስፍሓት ተመሳሳሊ ምዃኑ የረጋግፁ።

## 10. ፍሉይ መረዳእታ ንመምህር

***<u>ገፀ-ምድሪ ዝልውጡ ደጋዊ ሓይልታት፡-</u>*** ደጋዊ ሓይልታት ዝበሃሉ ካብ ውሽጢ ምድሪ ዘይኾኑስ ካብ ወፃኢ ናብ ምድሪ ብምእታው ገፀ-ምድሪ ዝልውጡ ሓይልታት እዮም። መረዳእታታት ሳይንስ ከም ዝሕብርዎ ኣብ መጀመርያ እዋን ምድርና ብቐንዱ ሜዳ ዓይነት እዩ ኔሩ። ኮይኑ ግና በብእዋኑ ብዝኽሰቱ ደጋዊ ሓይልታት ምኽንያት ገፀ-ምድሪ እናተለዋወጠ መፂኡ እዞም ደጋዊ ሓይልታት ብዘዕርፍዎ ሳዕቤን ድማ በረኽቲ ዝነበሩ ብፍግረ-መሬት (Erosion) ናብ ሜዳ እናተለወጡ እቶም ሜዳታት ዝነበሩ ድማ ብምኽንያት ምውህላል መሬት (Deposition) በረኽቲ እናኾኑ መፂኦም። ካብቶም ገፀ

መሬት ዝልውጡ ደጋዊ ሓይልታት ምቅይያር ረስኒ ብዝበለፀ ሓይሉ ዝርኣይ ኣብ ከባብታት ምድረበዳ እዩ። በረድ ድማ ብሕልፊ ኣብ እዋን ሓጋይ ኣብ ከባብታት ዋልታን ማእኸላይ ረስንን (Temperate zones) ከምኡ'ውን ኣብ ከም ሂማላያን ዝመሳሰሉን በረኽቲ እምባታት እዩ። ካልኣት ገፀ-ምድሪ ዝልውጡ ደጋዊ ሓይልታት ከም እፀዋትን እንስሳትን ንፋስ ወሓዚ ማይ /ሩባ/ ይርከቡዎም። እዞም ዝተገነፁ ሓይልታት ኣብ ልዕሊ ገፀ-ምድሪ ዘስዕብዎ ለውጢ ፊዚካላዊ ወይድማ ቕርፃዊ እዩ። ኣብ ልዕሊ ገፅ ምድሪ ኬሚካላዊ ወይድማ ቅመማዊ ለውጢ ዘምፅኡ ከም ማይ፣ እፅዋትን እንስሳትን እንትኾኑ በዚኣቶም ዝመፅእ ለውጢ ገፀ-ምድሪ ብግልፂ ብዓይኒ ዝርኣይ ኣይኮነን። ኬሚካላዊ ለውጢ ብዝበለፀ ዝርኣይ እቲ ገፀ- መሬት ብከውሕታት ኖራ (Limestone) ዝተሸፈነ እንተኾይኑ እዩ። በዚ ድማ ከምቲ ኣብ ክልል ኦሮሚያ ዞባ ባሌ ዝርከብ በዓቲ ሶፍዑመር ብዝተንጠልጠሉ ኣብ ናሕሲ ብዝርከቡን ኣብ ባይታ ዘለዉን ኖራ ይምላእ። እቶም ኣብ ናሕሲ በዓቲ ዝርከቡ (Stalactite) እንትበሃሉ እቶም ኣብ ባይታ ዘለዉ ድማ stalagmite ይበሃሉ። እዞም ክልተ ፍሉይ ኬሚካላዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ኖራታት ናሕስን በዓትን ቁመቶም እናወሰኸ እንትኸይድ ይራኸቡን ይገጣጠሙን እሞ ዓንድታት ድማ ይመስሉ። እዚ ንደቅሰባት ብሕልፊ ድማ ንቱሪስትታት (ዑደተኛታት) ዝስዕብ ምልኩዕ ክሰትት እዩ።

**መፅናዕታዊ ፁሑፍ**

**ፍግረ መሬት ኣብ ላዕለዋይ ሩባ ሰማያዊ ናይል /ሩባ ኣባይ/**

መምህር! እቲ ካብ ሃገርና ኢትዮጵያ ተበጊሱ ንምዕራብ ገፁ ዝፈሰሰ ሩባ ኣባይ ሰማያዊ ናይል እንትብል እቲ ካብ ከባቢ ቓላይ ቪክቶርያ ተበጊሱ ንሰሜን ኣንፈት ዝፈሰሰ ድማ ፃዕዳ ናይል ተባሂሉ ይፅዋዕ። ክልቲኦም ሩባታት ኣብ ሃገረ ሱዳን ከተማ ካርቱም ተራኺቦም ብግብፂ ኣቢሎም ናብ ባሕሪ ሜዲቴራንያን ክሳብ ዝኣትው ድማ ሩባ ናይል ተበሂሎም ይፅውዑ።

ካብ ማይ ሩባ ናይል እቲ 70% ዝኸውን ካብ ሩባ ኣባይ ዝመፅእ እዩ። ሩባ ኣባይ ካብ ፍልፍሉ ተበጊሱ ንቑሩብ ኪሎ ሜትራት ምስ ተጓዓዘ ኣብ ከባቢ ከተማ ባህርዳር ጢስ-እሳት ዝበሃል ዓብዪ መንጫዕጫዕታ ይፈጥር። ሩባ ኣባይ ንሚልዮናት ዓመታት ብኸምዚ መንገዲ እንትጓዓዝ ኣብ መንገዱ ኣዝዩ ዓብዪ ሸንጥሮ ፈጢሩ እዩ (ABBAY GORGE)። ሩባ ኣባይ ምስቶም ከም ሩባታት በሺሎ፣ ጅማ፣ ጉደር፣ ዴዴሳ፣ ደቡስ፣

በለስን ዝበሃሉ ገባራቱ ኣቢሉ ብሚልዮናት ኹንታላት ዝግመት ሓመድ ካብ ሃገርና እናባሕጎ ናብ ወፃኢ ሃገራት ተሸኪሙ ይኸይድ እዩ። ሩባ ኣባይ ህይወት ግብፃውያን እዩ ዝበሃል'ውን ነዚ እዩ። ብሓፈሻ እንትረኣይ ሩባ ናይል ናብ ባሕሪ ሜዲቴራንያን ክሳብ ዝኣቱ ንኣስታት 6695 ኪሎ ሜትሮ መሬት እናባሕገ እዩ ዝጓዓዝ።

ካብ ሓፈሻዊ በዝሒ ህዝቢ ግብፂ ልዕሊ 90% ዝኸውን መነባብሮኡ ኣብ ሩባ ናይል ዝተመሰረተ እዩ። ሩባ ናይል ኣብ ግብፂ እንትፈስስ ኣብ ሰጣሕ መሬት ስለዝጓዓዝን ፍጥነቱ ስለዝንክን እቲ እናተባሕጎ ዝመፀ ሓመድ ዝፅፍፀፈሉን ዝዋህለለሉን እዩ። በዚ ድማ ዴልታ ይፍጠር።። ዴልታ-ሩባ ናይል ስፍሓቱ 250 ትርብዒት ኪሎሜትሮ እዩ።

ግብፂ ብኣቆፃፅራ ፈረንጂ ብ1958 ብዝሃነፀቶ ዓብዪ ሓፅቢ /ግድብ/ (Aswan Dam) ንማይ ናይል ኣብ እዋን ሓጋይን ክረምትን ክትቆፃፀሮ (control) ክኢላ እያ። ካብዚ'ውን ሕርሻ መስኖ፣ ፍርያት ዓሳ፣ ሓይሊ ኤሌክትሪክ፣ መጓዓዝያ ማይ ኣዝዩ ክሰፍሕን ክምዕብልን ኣኺኢልዋ እዩ።

**ገፀ ምድሪ ዝልውጡ ውሽጣዊ ሓይልታትን ኣብ መነባብሮ ወዲሰብ ዘለዎም ሳዕቤናትን**

1. **እሳተ ጎመራ፡-** እሳተ ጎመራታት ኣብ መነባብሮ ወዲሰብ ዘለዎም ሳዕቤን ኣብ ክልተ መቒልካ ምርኣይ ይክኣል እዩ። እቲ ቐዳማይ ቕጥታዊ ሳዕቤን እንትኾን እቲ ካልኣይ ድማ ዘይቕጥታዊ ሳዕቤን እዩ። ቕጥታዊ ሳዕቤን ዝበሃል ብምኽንያት እቲ ከም ውሕጅ ዝፈስስ ምኩኽ ከውሒ (Magma)፣ ትፉእ ጎመራን (Lava) ከምኡ'ውን ብቶም ብጋዛት ስብርባር ከውሕታት ሓሙኽሽትን ኣብ ልዕሊ ሰባትን ንብረትን ዝበፅሕ ጉድኣት እዩ። ብቕጥታዊ ሳዕቤን ዝበፅሕ ጉድኣት ኣዝዩ ሓደገኛን ብዙሕ ጉድኣት ዘብፅሕን ብቐንዱ ብምኽንያት ዘለዎም ልዑል ረስኒ /ልዕሊ 850°ሴ/ ወይድማ ብምኽንያት እቲ ዘለዎም ልዕሊ 250 ኪሎ ሜትር ኣብ ሰዓት ዝኾነ ኣዝዩ ልዑል ፍጥነት እዩ።

ካብዚኣቶም እቲ ትፉእ ጎመራ ፍጥነቱ ትሕት ዝበለ ስለዝኾነ ኣብ ልዕሊ ንብረት እምበር ኣብ ልዕሊ ህይወት ደቅሰባት ዝብፀሖ ጉድኣት ትሕት ዝበለ እዩ። ናይ ስብርባር ከውሕታት እሳተ ጎመራ ንፍሰት ምኹኽ ከወሕን ግን ጉድኣቱ ዓበዪ እዩ።

ንኣብነት ብኣቆፀጻራ ፈረንጂ ታሕሳስ 13/1985 ኣብ ላቲን ኣሜሪካዊት ሃገር ኮሎምብያ ዝተለዓለ እሳተ ጎመራ ልዕሊ 23000 ሰባት ቐቲሉን ዓብዪ ንብረት ኣጥፊኡን እዩ። ብዘይቐጥታዊ (Indirect hazards) ሳዕቤን ዝበፅሕ ጉድኣት እቲ ድሕሪ ምግንፋል እሳተ ጎመራ ዝበፅሕ ጉድኣት እዩ። ንኣብነት ንግንፈላ እሳተ ጎመራ ስዒቡ ዝኸሰት ርእደ ምድሪ ወይድማ ካልእ ተርእዮ ኣብ ልዕሊ ሰባት ጥሜት ሕማምን ካልእ ጉድኣትን የብፅሕ እዩ። ብምኽንያት ግንፈላ እሳተ ጎመራ ኣብ ትሕቲ ውቅያኖሳትን ባሕርታትን ዝርከብ ባይታ (Sea Floor) ክንቀሳቐሱን ክናጋዕን ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ደሴታትን ገማግም ባሕርን ክፍጠራ ይገብርን ኣብ ልዕሊ ህይወት ደቂ ሰባትን ንብረትን ሰፍ ዘይብል ጥፍኣት የብፅሕን።

ካልእ ሳዕቤን ዘይቐጥታዊ ጉድኣት እሳተ ጎመራ ድማ ድሕሪ ግንፈላ እሳተ ጎመራ ኣብ ልዕሊ ሰፊሕ ቦታታት ሕርሻን ካልእን ዝወሀለል ሓሙኸሽቲ (Volcanic Deposits) እዩ። እዚ ድማ ፍርያት ሕርሻ ኸጠፍእ ስለዝግብር ኣብ ልዕሊ ሰባትን እንስሳትን ሕማም ጥሜትን ሞትን የስዕብ። ድሕሪ 1980 ዘይቐጥታዊ ሳዕቤን እሳተ ጎመራ ኣብ ልዕሊ ኣውሮፕላናት (Jet Air craft) እናተራእየ መፂኡ እዩ። ኣስታት 60 ዝኾና ሰባት ዘመላልሳ ኣውሮፕላናት ኣብ ኣየር እናሃለዋ ብዘጋጥመን ሳዕቤን ብብዙሕ ሓሙኸሽቲ እሳተ ጎመራ (Volcanic Ash) ተኸዲነን ጉድኣት በፂሑወን እዩ። ከምዚኦም ዝመሳሰሉ ሳዕቤናት እሳተ ጎመራ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ዝነበሩ እዮም። ንኣብነት ኣብ ሃገረ ጣልያን ዝርከብ እምባ ቪቡብየስ ብ79 ዓመተ ምሕረት እሳተ ጎመራ ተፊኡ ኔሩ። ኣብቲ እዋን እቲ ኣዝያ ምዕብልቲ ከተማ ዝነበረት ፓምፐይ (Pompeii) እተባህለት ከተማ ምሉእ ብምሉእ ዓንያ እያ።

2. **ርእደ-ምድሪ፡-** ርእደ ምድሪ ዝኸሰት ከውሕታት ላዕለዋይ ክፋል ምድሪ ሃንደበታውን ብቕፅበታውን ምንቅስቃሳት እንትገብሩ እዩ። ቐንዲ መበገሲ ርእሰ ምድሪ ኣብ ውሽጢ ምድሪ ዘለዉ ሓይልታት (Energy) ብድንገት እንትንቀሳቐሱ እዩ። እዚ ካብ ከውሕታት ውሽጢ መሬት ዝልቀቕ ሓይሊ ብመልክዕ ማዕበል (Waves) ናብ ልዕሊ መሬት በፂሑ ርእደ-ምድሪ የስዕብ። ካብ ርእደ ምድሪ ዝበፅሕ ጉድኣት ኣዝዩ ከቢድ ወይድማ ቀሊል ክኾን ይኽእል እዩ። ነዚ ዝውስኑ መጠን ዝልቀቕ ሓይልን (Magnitude) ዝወሰደ ግዜን እዩ። ብተወሳኺ'ውን ዝበፅሕ ጉድኣት ብዓይነት ኣሰራርሓ ገዛውቲ ይውሰን'ዩ። ኣብ ዓለምና ኣብ

መዓልቲ ብኣማኢት (Hundreds) ዝቑፀሩ ርእደ ምድርታት ይምዝገቡ እዮም። ኾይኑ ግና ገሊኦም ቐለልቲ ገሊኦም ማእኸለዎት እቶም ዝወሓዱ ድማ ዓበይቲ ርእደ ምድርታት እዮም። ሳዕቤኖም እውን ብኡ መጠን እዩ። ንኣብነት እቲ ኣብ ቻይና ኣብታ ታንግሻን ዝተበሃለት ከተማ ዝተለዓለ ርእደ ምድሪ ልዕሊ 240,000 ሰባት ሞይቶም እዮም። ሳዕቤናት ምንቃዕ መሬትን ምትዕፃፍ መሬትን እውን ብውሽጣዊ ሓይልታት ምድሪ ዝፍጠሩ ስለዝኾኑ ዘብፅሕዎ ጉድኣት ምስ ርእደ ምድሪ ዝተተሓሓዘ እዩ።

## 11. ኣግባብ ፈተሻን ገምጋምን

መምህር! ፈተሻ መዓስ ይካየድ? ፈተሻ ኣብ እዋን ፈተና ጥራሕ ዝካየድ ኣይኮነን። ፈተሻ በብመዓልቱን ኩልግዘ ኣብ እዋን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃርን ዝካየድ እዩ። ፈተሻ ብትዕዝብቲ፣ ብሕቶን መልስን፣ ብዕዮ ጉጅለ፣ ብዕዮ ገዛን ክፍልን፣ ብሰራሕቲ ፕሮጀክት፣ ብሓፀርትን ዓበይትን ፈተናታትን ካልኦትን ዝካየድ እዩ። ፈተሻ ዝካየደሉ ቐንዲ ምኽንያት ነፍሰወከፍ ተምሃራይ ብማዕርነትን ብዘይ ኣፈላለይን ነቶም ብቕዓታትን ውፅኢታትን ትምህርቲ ብዝግባእ ምጭባጡን ዘይምጭባጡን ንምርግጋፅን መምህር! ዘድሊ ስጉምቲ ንምውሳድ ንኽጥዕሞምን እዩ። ኣብነት መምህር! ነዚ ምዕራፍ እንትምህሩ ነፍሰወከፍ ተምሃራይ ገፀ ምድሪ ዝልውጡ ሓይልታት ክገልፅ ፍግረ መሬትን ምውህላል መሬትን ኣብ ገፀምድርን ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባትን ዘለዎም ሳዕቤናት ከረጋግፅ ገፀ ምድሪ ዝልውጡ ውሽጣውን ደጋውን ሓይልታት ዘርዚሩ ክገልፅ ሚዛን ካርታ እንታይ ከምዝኾነን ዓይነታቱን ክፀርሕ ክእለት ምልውዋጥ ሚዛን ካርታ ከምዘማዕበለ ካብ ካርታ ርሕቐት ባይታን ስፍሓት ስሩዕ ቅርፂ ዘለዎምን ክግብጥ ምኽኣሉን ዘየምኽኣሉን ከተረጋግፁ ኣለኩም ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርሩ ብቕዓታትን ውፅኢታት ትምህርተን ገለገለ ተምሃሮ ብዛዕግብ ደረጃ ዝረኸቡን ዘይረኸቡን ተምሃሮ ፈሊኹም ክተነፅሩ ኣለኩም።

ብድሕሪ'ዚ ነቶም ካብቲ ዘዕግብ ደረጃ ንላዕሊ ዝስርሑ ተምሃሮ ክትንእድዎም ክትሽልምዎምን ኣፍልጦ ኽትህቡዎም ይግባእ። እዞም ተምሃሮ ኣግባብ ኣመሃህራ ማንዛ ንማንዛ (Child-To-Child Approach) ተጠቒሞም ንቶም ካብ ዝግባእ ተዳላዩ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ ክሕግዝዎም መምህር! ድማ ባዕልኹም ተወሳኺ ደገፍ

ክትገብሩሎምን ይግባእ። መምህር! ብሳልሳይ ደረጃ ክትትል ክትገብሩሎም ዝግባእ ፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ (Students with special needs) ኣለሊኹም ፍሉይ ሓገዝ ክትገብሩሎም ከምዘለኩም ከነዘኻኽር ንፈቱ።

## 12. መልሲ ንመልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን

✓ <u>*ንመልመዲ 2.1 ዝተውሃበ መልሲ*</u>

1. ምቅይያር መጠን ረስኒ፣ በረድን እፅዋትን እንስሳትን።
2. ማይ፣ እፅዋትን ንስሳትን
3. <u>ዝተፈላለዩ ዓይነታት</u> ሓመድን ከውሕታትን ብደጋዊ ሓይልታት እናተባሕጉ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ እንትንቀሳቐሱ ፍግረመሬት ይበሃል።
4. ብፍግረመሬት ተባሕጒጉ ዝተጎዓዓዘ ሓመድን ከውሕን ኣብ ሓደ ቦታ ተነባቢሩ እንትእከብ ምውህላል ሓመድ ይበሃል።
5. ማይ-ሩባን ንፋስን እዮም።

✓ <u>*መልሲ ንመጠቓለሊ ሕቶታት*</u>

**ሀ/ ሓቂ ወይ ጌጋ በሉ**


| | | | |
|---|---|---|---|
| 1. | ሓሶት | 6. | ሓቂ |
| 2. | ሓሶት | 7. | ሓሶት |
| 3. | ሓሶት | 8. | ሓቂ |
| 4. | ሓሶት | 9. | ሓቂ |
| 5. | ሓቂ | 10. | ሓቂ |

**ለ/ ትኽክለኛ መልሲ ምረፁ።**

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1. | መ | 6. | ሀ |
| 2. | ሀ | 7. | ሀ |
| 3. | ለ | 8. | ሐ |
| 4. | መ | 9. | መ |
| 5. | መ | 10. | ሀ |

## ዕዮ ጉጅለ

1.1፡200,000

2. 

ኪ.ሜ

3.1፡ 200,000

# ምዕራፍ ሰለስተ
# ሊድ ሳእታውነት ደቅ ሰብ
# ኣብ ስርዓተ ምህዳር

## 1. መእተዊ

ኣብ ዝሓለፉ ትሕዝቶታት ትምህርቲ ሕብረተሰብ ተምሃሮ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ሃፍትታት ተፈጥሮ ሰፊሕ ዝበለ ግንዛበ ከምዘሕደሩ ዝዝከር እዩ። ኣብዚ ምዕራፍ ድማ ደቅሰብ ኣብ ልዕሊ እዞም ሃፍትታት ተፈጥሮ ዘሕድርዎ ፅዕንቶን ብርሰትን ብዝምልከት ተወሳኺ ግንዛበ ንኸሕድሩ ዝሕግዞም ትምህርቲ ክረኸቡ እዮም። ደቅሰብ ኣብ ስርዓተ ምህዳር ብሓፈሻ ኣብ ብኽለት ኣየርን ማይን ድማ ብፍላይ ዘብፅሕዎ ጉድኣትን መፍትሒኡን ዝምልከት ትምህርቲ ዝረኽቡሉ ምዕራፍ እዩ። ኣብ መወዳእታ እዚ ምዕራፍ'ውን ብተወሳኺ ኣብ መንቀልታትን ሳዕቤናትን ምውዓይ ዓለም ብዑምቀት ዝመሃሩሉ ምዕራፍ እዩ።

## 2. ውፅኢታት'ዚ ምዕራፍ

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ብዝግባእ ምስተምሃሩ፡-

- መንቀልታትን ሳዕቤናት ጉድኣት ሃፍትታት ተፈጥሮ ይገልፁ።
- ቀንዲ ብኽለትን መካላኸሊ ተግባራትን የለልዩ።
- መንቀልታትን ሳዕቤናትን ምውዓይ ዓለም ይርድኡ።

## 3. ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስ ተምሃሮ ነዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት ይውንኑን የማዕብሉን።

- ጉድኣት ሃፍትታት ተፈጥሮ ኣብ ልዕሊስርዓተምህዳር ዘምፅኦ ሳዕቤናት ይትንትኑ።
- ኣብ ከባቢኦም ኣብ ዝነበሩ ንጥፈታት ዕቀባ ሃፍትታት ተፈጥሮ ይሳተፉ።
- ቀንዲ በከልቲ ማይን ኣየርን ይፀርሑ።

- *መንቀልታት ምውዓይ ዓለም ይረድኡ።*
- *ምውዓይ ዓለም ኣብ ህዝቢ እፀዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዘምፀኦ ሳዕቤናት ይግምግሙ።*

## 4. ክፍለ ግዜ:-

*ነዚ ምዕራፍ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ 8 እዩ።*

## 5. ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ

*ኢድ ኣእታውነት ደቅሰብ ኣብ ስርዓተ ምህዳር።*

**3.1 *ደቅ ሰብ ኣብ ሃፍትታት ተፈጥሮ ዘሕድሮ ፅዕንቶ እፀዋት ተፈጥሮ ማይ ኣየርን ሓመድን***

- *ብርሰት ሃፍትታት ተፈጥሮ ኣብ ስርዓተ ምህዳር ዘለዎ ፅዕንቶ*
- *ብኽለት ማይን ኣየርን መፍትሕታቱን።*

**3.2 *መንቀልታትን ሳዕቤናትን ምውይይ ዓለም***

- *መንቀልታት*
  - ክሎሮፍሎሮ ካርቦን (CFC)
  - ካርባን ሞኖክሳይድ
- ሳዕቤናት
  - ምሽንቋር ኦዞን
  - ምምኻኽ በረድ
  - ኣሲድ ዝናብ
  - ውሕጅ።

## 6. መምሃሪ ሓገዝ

- ስእልታትን ፎቶግራፋትን
- ካርታታት ኢትዮጵያ ኣፍሪካ ዓለም
- ፈሳሲ ኣሲድ
- ፈሓም
- በረድ

## 7. ተወሳኺ ፅሑፋት

- ዝሓለፉ ዓመታት ኣብ ስራሕ ኣብ ስራሕ ዝወዓሉ መፃሕፍ ተምሃራይ ትምህርቲ ሕብረሰብ
- መፅሓፍ ተምሃራይ ካልኣይ ብርኪ
- World Geography
- ፅሑፋት ካብ ኢንቴርኔት
- ኢንካርታ

## 8. ሰደቓ ርክባት መምርሒ መምህር!ን መፅሓፍ ተምሃራይ

| ገኡስ ምዕራፍ | ርእሲ | ዝርዝር ዕላማታት | ክፍለ ግዜ | ቁፅሪ ገፅ መፅሓፍ ተመሃራይ | ቁፅሪ ገፅ መምርሒ | ፍልፍል ፅሑፍ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 3.1 | ሰብ ኣብ ሃፍትታት ተፈጥሮ ዘሕድሮ ፅዕንቶ። /እፀዋት ተፈጥሮ ማይ ኣየርን ሓመድን ። | • ጉድኣት ሃፍትታት ተፈጥሮ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ምህዳር ዘምፅኦ ሳዕቤናት ይትንትኑ።<br>• ኣብ ከባቢኦም ኣብ ዝግበሩ ንጥፈታት ዕቀባ ሃፍትታት ተፈጥሮ ይሳተፉ። | 4 | | | ናይ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ትምህርቲ ሕብረሰብ መፃሕፍቲ ተምሃራይ |
| 3.2 | መንቀልታትን ሳዕቤናትን ምውዓይ ዓለም። | • ቀንዲ በከልቲ ማይን | | | | ኢንካርታ<br>ኢንተርኔት |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | - መንቀልታት<br>- ሳዕቤናት። | ኣየርን ይፀርሑ።<br>• መንቀልታት ምውዓይ ዓለም ይርድኡ<br>• ምውዓይ ዓለም ኣብ ህዝቢ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዘምፅኦ ሳዕቤናት ይግምግሙ | 4 | | | |
| ጠቕላላ ድምር | | | 8 | | | |

## 9. ኣግባብ ኣመሃህራ

መምህር! ንኡስ ርእሲ 3.1 ምምሃር ቕድሚ ምጅማርኩም ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ብርስት ዱርን ድሑር ኣተሓራርሳን ኣብነት ብምሃብ ዘምፅእዎ ሳዕቤናትን ብኣግባብ ኣመሃህራ ኮርኳሪ ሓንጎል (Brainstorming) ክመያየጡ ሕተትዎም። ካብቶም ዘቕረቡዎም ሓሳባት ብዛዕባ ፍግረ-መሬት ምዝባዕ ነባሪ ኣየር ምጥፋእ በዝሃ-ህይወት (Biodiversity) ድርቅን ዝመሳሰሉን ዝበለፀ ትኹረት ክትህቡ ይግባእ። ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ሓሳባት ዘራጉዱ ካብ ካልኦት ሃገራት ክልተ መፅናዕትታት ብምፍታሽ ግንዛቤኦም ከማዕብሉ ይግበሩ። ንኣብነት ብርሰት እፅዋት ተፈጥሮ ዝምልከት ዱር ኣማዞን ምውሳድ ይካኣል። ከምኡ'ውን ብኽለት ኣየር ዝምልከት ካብ ከተማታት ንኣዲስ ኣበባ ምውሳድ ይካኣል።

ዱር ኣማዞን ኣስታት 7 ሚልዮን ትርብዒት ኪሎሜትር ዝሸፈነ ኣብ ደቡብ ኣሜሪካ ዝርከብን ኣብ ዓለም ዝለዓለ በዝሒ እፅዋትን እንስሳትን ዝሓዘ ስርዓት-ምህዳር ከምዝኾነ ኣዘኻኽርዎም። ይኹን ደኣ'ምበር እብዚ ሕዚ እዋን ደቅሰባት ንሕርሻን

ንፋብሪካታት ዕንፀይትን ክጥቀምሉ ብምሕሳብ ኣብ ልዕሊ እዚ ዱር በብመዓልቱ ኣዝዩ ዝለዓለ ብርሰት እናብፅሕሉ እዩም። ኣብ ዩር ኣማዞን ዝበፅሕ ዘሎ ብርሰት ኣመልኪቱ Nature ዝተበሃለ ዓለምለኸ መፅሄት ሰፊሕ መፅናዕቲ ኣካይዱ ከምዝነበረ ንተምሃሮ ኣብርሁሎም። ብመሰረት እዚ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 1999 /ኣቆፃፅራ ፈረንጂ/ ዝተኻየደ መፅናዕቲ ዱር ኣማዞን ልዕሊ 50% በሪሱ እዩ።

ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ብኸለት ኣየር ናይ ዓለምና ቐንዲ ጠንቂ ልምዓትን ጥዕናን እናኾነ ከምዝመፀን መበገሲ ምውዓይ ዓለም ከምዝኾነን በብመዓልቱ ኣብ መራከቢ ሓፋሽ ከምዝግለፅ ንተምሃሮ ብምዝኽኻር ነዚ ዝምልከት መፅናዕቲ ክካይዱ ይግበሩዎም። ከም ኣብነት ነቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብሰንኪ ካብ መኻይን፣ ፋብሪካታትን ገዛውትን ዝወፅእ ትኪ ከምኡ'ውን ርስሓት ንኣየር ኣዲስ ኣበባ ክብከል ከምዝገበርዎ ብዝግባእ ኣብርሁሎም። ተምሃሮ'ውን ብኸለት ኣየር ዝምልከት ብጉጅለ ኾይኖም መፅናዕቲ ክካይዱ ኸተባብዑ ይግባእ። ብተወሳኺ'ውን ኣብ ሀንዲ ካብ ፋብሪካ መፃረዩ ኬሚካል ዘምፅኦ ብኸለት ኣየር ኣመልኪቱ ዝተገበረ መፅናዕቲ ኣቕርቡሎም።

ብምቕፃል ድማ ብኸለት ማይ ካብ መንበሪ ገዛውቲ፣ ሆቴላት፣ ጋራጃት፣ ፋብሪካታትን ዝመሳሰሉን ዝወፅእ ርስሓት ገርፈጣትን ወዲ ሰብ እቶት ሕርሻ ንምድንፋዕ ዝጥቀመሎም ኬሚካላትን መዳበርያታትን (ከም ድኹዒ ዘገልግሉ) ከምዝኾኑ ሰፊሕ ምይይጥ ክካየድ ይግበሩ። ብምትሕሓዝ ድማ ወለዶም ልዕሊ ዓቐን ኬሚካላት ዝጥቀሙ እንተኾይኖም ንተኽልታት ከምዘይጠቅም ከምኡ'ውን ንነበርቲ ከባቢኦምን እንስሳቶምን'ውን ከምዝምርዝን ናብ ከርሰ ምድሪ ኣትዩ ብክለት ማይ ከምዘስዕብን ግቡእ ግንዛባ ክሕድሩ ይግበሩዎም። መምህር! እዚ ብዝተፈላለዩ ኣግባባት ኣመሃህራ ተጠቒምኩም ንተምሃሮኹም እተቕርብዎን ብዛዕባ ኢድ-ኣእታውነት ደቅሰብ ኣብ ልዕሊ ሰርዓት ምህዳር ዝበፅሕ ጉድኣት ግንዘበ እተጨብጥዎን ምስቲ ኣብ ከበቢኦም ዝረኣይ ኩነታት ብምትሕሓዝ ክኸውን ኣለዎ። ንኣብነት ወለዶም ድኹዒ ዝጥቀሙ እንተኾይኖም ካብ ዝድለይ መጠን ንላዕሊ ንኸጥቀሙ ክሕብሩሎም፣ ነቲ ኣብ ልዕሊ መቓፀሪ ድኩዒ ተፃሒፉ ዘሎ መምርሒ ብዝግባእ ኣንቢቦም እንተተጠቒሞም ድማ ካብ ብኸለት ማይን ኣየርን ምክልኻል ከምዝካኣል ግንዘበ ክጭብጡ ይግበሩዎም። ዝኾነ ኬሚካል እንተሒዞም ድማ ኩሉግዜ ኣእዳዎም ብሳሙናን ማይን ክሕፀቡ

ከምዘለዎም ኣጠንቅቕዎም። መምህር! ኣግባብ ኣመሃህራ ክትዕ ተጠቒምኩም ዓበይቲ መኻይን ካብ ዝህበኦ ጥቕሚ ጉድኣቱ ይበልፅ ዝብሉን ኣይበልፅን ዝብሉን ክልተ ጉጅለታት መስሪትኩም ክካትዑ ይግበሩዎም። መብዛሕትኡ ሃገርና ንወፃኢ እትልእኾን ካብ ወፃኢ እተእትዎን ኩሉ ካብ ወደብ ጂቡቲ ብዓበይቲ መኻይን ከም ዝመላለስ ከም ኣብነት ኣቕርቡሎም። ኮይኑ ግና ካብዘን መኻይን ፅዕነት ዝወፅእ ትኪ ኣየር ኣብ ምብካል ብተወሳኺ መንቀልታት ብዙሓት ሓደጋታት ከምዝኾና ትኹረት ሂብኩም ተመያየጥሉ መፍትሒ እንተሃልዩ ድማ ከቕርቡ ይግበሩዎም። ንኣብነት ኣብ ክንዲ ዓበይቲ መኻይን ምጥቃም ወደብ ጂቡቲ ምስ ዝተፈላለዩ ከባብታት ሃገርና ዘራኽብ ሃዲድ ባቡር ምዝርጋሕ ዘለዎ ጥቕምን ጉድኣትን ክመያየጥሉ ይግበሩዎም። መምህር! ኣብ መወዳእታ ልዕሊ ሓደ ሚእቲ ዓበይቲ መኻይን ዝፅዕንኦ ፅዕነት ብሓንቲ ባቡር ምፅዓን ከምዝካኣል ኣረጋግፁሎም።

መምህር! መንቀልታትን ሳዕቤናትን ምውዓይ ዓለም ዝብል ንኡስ ርእሲ ቕድሚ ምምሃርኩም ካብ ጋዜጣታት ወይንን ካልኦት ፅሑፋት ብዛዕባ እዚ ርእሲ ቀዳማይ ሚኒስተር መለሰ ዜናዊ ምስ ዋዕላ ኮፐንሃገን ኣተሓሒዞም ዝሃብዎ መግለፂ ንተምሃሮ ኣንበቡሎም። ምስዚ ብምትሕሓዝ ድማ ንምውዓይ ዓለም ቐንዲ መንቀልታት ዝኾኑ ከም ክሎሮ፣ ፍሎሮ፣ ካርቦን፣ ካርቦን ሞኖኦክሳይድ፣ ካርቦን ዳይኦክሳይድን ከምዝኾኑ ከምኡ'ውን ሳዕቤን ምውዓይ ዓለም ድማ ከም ምስሓው ኦዞን ምውሳኽ ፀፍሒ ባሕሪ ኣሲድ ዝናብን ካልኦትን ከምዝኾኑ ብዝግባእ ንኸለልዩ ኣግባብ ኣመሃህራ ዕዱም ጋሻ ተጠቒምኩም ሓደ መምህር! ኬሚስትሪ ሓፂር ትምህርቲ ክህቡዎም ይግበሩ።

## 10. ፍሉይ መረዳእታ ንመምህር

***<u>ስርዓተ- ምህደር፦</u>*** ኣብ ሓደ ከባቢ ዝርከቡ ህይወት ዘለዎምን ዘይብሎምን ነገራትን ኣብ ሞንጎኦም ዝህሉ ርክብን ፅልዋን ብሓፈሻ ***<u>ስርዓተ-ምህዳር</u>*** ይበሃል። ስርዓተ ምህዳር ወይድማ Ecosystem ዝብል ቃል ንፈለማ ዝሰየመ ጆርጅ ታንስለይ ዝተበሃለ እንግሊዛዊ ተመራማሪ እንትኾን እዋኑ ድማ ብኣቆፃፅራ ፈረንጂ ኣብ 1935 ዓ.ም እዩ። እዚ ተመራማሪ ከም ዝበሎ ኩሎም ስርዓታት ተፈጥሮ ኣብ ሞንጎኦም ሓደ ቀዋሚ ዝኾነ ልውውጥን ርክብን (Constant interchange) ከምዘለዎ'ዩ። ስፍሓትን ቅርፅን ስርዓተ ምህዳር ውሱን ኣይኮነን። ሓደ ንእሽተይ ከባቢ ይኹን ምሉእ ስፍሓት

ምድሪ ሓደ ስርዓት ምህዳር ጌርካ ምውሳድ ይካኣል'ዩ። ዝኾነ ዓይነት ስፍሓትን ዕምቆት ይሃልዎ ዝኾኑ ዓይነታት ህይወት ዘለዎምን ዘይብሎምን ነገራት ኣብ ሕድሕዶም ዝኾነ ዓይነት ርክብ (Habitats) ኣለዉ።

መንበሪ ዝበሃል ሓደ ተመሳለስቲ ጉጅለ ህይወታውያን (Living organisms) ዝነብሩሉን Population ተባሂሎም ዝፅውዑን ዝሓቑፈ'ዩ። ዝተፈላለዩ Populations ኣብ ሕድሕዶም ርክብ ፈጢሮም ዝነብሩሉ ስርዓት Community (ሕብረተሰብ) ይበሃል። ኣብ መወዳእታ ድማ እቲ ብህይወታውያንን ህይወት ዘይብሎምን ኣካላት ዝምስረት ርክብ ድማ ስነ ምህዳር ይበሃል። ኣብ ሓደ ስነ-ምህዳር ቀፃልነት ህይወት ንኽህሉ ብውሕዱ ማይን ሓይልን (Water and energy) ክህሉ ግድን'ዩ። ስለዚ ድማ ሓደ ዓይነት ስርዓት ሓለዋን ክንክን (Conservation) ኣድላዪ'ዩ። ኣብ ብዙሓት ስነ-ምህዳራት ዋላ'ኳ ብግልፂ ዝረኣይ ኣይኹን'ምበር ዝኾነ ዓይነት ተፈጥሮኣዊ ክንክንን ሓለዋን ሃፍትታት ተፈጥሮ ኣሎ እዩ። ንኣብነት እቲ ካብ እንስሳታት ዝወፅእ ካርቦን ዳይኦክሳይድ ምስቲ ካብ ተኽልታት ዝወፅእ ኦክሲጅን ብዝፍጠር ርክብ ንባዕሉ ክይዲ ክንክንን ሓለዋን ሃፍቲ ተፈጥሮ እዩ። ናይ ሓደ ጉጅለ ህይወታውን ሃፍትን (Waste) ናይቲ ካልእ ጉጅለ ህይወታውያን ምግቢ ይኸውን እዩ። ተፈጥሮ ባዕሉ ኣብ ክንክን ሃፍቲ ተፈጥሮ እጃሙ እንተበርክት ወዲሰብ ድማ ብኣንፃሩ ኣብ ልዕሊ ሃፍትታት ተፈጥሮ እዚ ዘይበሃል ዕንወትን ብርሰትን የብፅሕ ኣሎ። ኢድ ኣእታውነት ደቂ-ሰባት ኣብ ልዕሊ ስርዓተ ምህዳር ዘብፀሖ ዕዕንቶ ኣዝዩ ብዙሕን ከቢድን እኳ እንተኾነ ኣብ ልዕሊ እፅዋት ተፈጥሮ ማይ ኣየርን ሓመድን ዘብፅሖ ብርሰት ከምኡ'ውን ኣብ ዓለምና ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ምውዓይ ዓለምን ግና እቶም ዝኸበዱን ንዓለምና ኣብ ዝለዓለ ቅልውላው ዘእትውዋ ዘለዉን ተርእዮታት'ዮም።

## ብኽለት ማይን ኣየርን

ኣብ ዓለምና ብምኽንያት ብኽለት ዓብዩ ጉድኣት ዝበፅሖም ክልተ ኣካላት ማይን ኣየርን እዮም። ይኹን'ምበር ብኽለት ማይ ዘስዕቡ ኹነታት ካብቶም ብኽለት ኣየር ዘብፅሑ ኩነታት ዝተፈላለዩ እዮም። ብኣንፃሩ ድማ ብኽለት ማይ ይኹን ብኽለት ኣየር ኣብ ልዕሊ ህይወት ዘለዎም ፍጥረታት ኣዝዩ ሰፍ ዘይብል ጉድኣት የብፅሑ። ቐንዲ ፍልፍል ብኽለት ኣየር ካብ መኻይንን ካልኦት ከም ኣግራባት ዝመሰሳሉ

ነዳድን ዝወፅእ ትኪ እዩ። ቐንዲ ፍልፍል ብኽለት ማይ ድማ ካብ ዓበይትን ኣናእሽትን ፋብሪካታትን መንበሪ ገዛውትን ዝወፅእ ርስሓት እዩ።

መብዛሕትኡ ከባቢ ኣየር ብናይትሮጅን፣ ኦክሲጅን፣ ኣርጎንን ካርቦንዳይኦክሳይድን ዝተሸፈነ እዩ። እዚ ድማ ተፈጥሮኣዊ ኸስታት እዩ። ይኹን'ምበር ካብዚ ተፈጥሮኣዊ ኸስተታት ወፃኢ ኣብ ዓመት ኣስታት 6.6 ቢልዮን ቶን ዝኸውን ዝተፈላለዩ ጋዛት ናብ ከባቢ ኣየርና ይኣቱ እዩ። እዚኣቶም ጋዛት እዮም። በከልቲ ዝበሃል ብኽለት ኣየርን ማይን ዘስዕቡን'ዮ። እዞም በከልቲ ጋዛት ጥቕልል ኣቢልካ እንትረኣዩ ሓሙሽተ ዓይነታት እዮም። ንሳቶም ድማ፤

1. ካርቦን ሞኖ ኦክሳይድ
2. ናይትሮጀን ኦክሳይድን
3. ሃይድሮ ካርቦን
4. ሳልፈር ኦክሳይድስ
5. ካልእ ኣካላት ጋዝን እዮም።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ በከልቲ ኣየር ጋዛት ብኽልተ መንገዲ እዮም ክረኣዩ ዘለዎም። ፈለማ <u>ብመንፅር ፃዕቂ ትሕዝትኦም</u> እንትረኣዩ ንኣብነት ካብ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ነዞም ጋዛት ካርቦን ሞኖ ኦክሳይድ 56% ዝሓዘ እዩ። ብኻልኣይ ደረጃ እንትረኣዩ ግና ብመንፅር ዘብፅሕዎ ፃዕቒ ብኽለት እዩ። በዚ እንትረኣዩ ድማ ንኣብነት ካብ ካርቦን ሞኖ ኦክሳይድ (CO) ዝበፅሕ ፃዕቒ ብኽለት 2.5% ጥራሕ እንትኾን ካብ ሃይድሮ ካርቦን ዝበፅሕ ብኽለት ድማ ካብቲ ጠቕላላ 71.5% እዩ። ነዚ እዩ ድማ ሽሕኳ ካርቦን ሞኖ ኦክሳያድ ኣዝዩ ሰፊሕ ቦታ ዝሸፈነ ትሕዝቶ እንተሃለዎ ዘብፀሖ ብኽለት ግና ኣዝዩ ትሑት እዩ ዝበሃል። ብኣንፃሩ ድማ ሃይድሮ ካርቦንስ ብትሕዝቶኦም 13% ጥራሕ ዝሓዙ እንተኾኑ ካብ ዝበፅሕ ብኽለት ኣየር ግን እቲ ሰለስተ ርብዒ ዝኸውን ካብዚኣቶም እዩ ዝመፅእ። ፔትሮልየም ብብዙሓትን ዝተሓላለኹን ውህደት ሃይድሮ ካርቦንስ ዝተመልአ እዩ። ነዚ እዩ ድማ ካብ ዝተፈላለዩ ዓይነታት መጓዓዝያን ፋብሪካታትን ዝመፅእ ትኪ ፔትሮልየም ኣብ ልዕሊ ዓለምና ብኽለት ኣየር ዘብፅሕ ዘሎ።

## ሳዕቤናት ብኽለት

ብኽለት ኣብ ልዕሊ ጥዕና ደቂ ሰባት ዘብፅሖ ጉድኣት ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ብኽለት ኣየር ብቐንዱ ኣብ ልዕሊ መተንፈሲ ኣካላትን ቆርበትን ደቂ ሰባት ዘብፅሖ ፀገም ጥዕና ኣሎ እዩ። ብኽለት ኣየር ካንሰር ቆርበት የስዕብ እዩ። ብኽለት ኣየር ዓለምና ኣብ ዝሓለፉ 50 ዓመታት እናነከየ መፂኡ እዩ። ምኽንያቱ ድማ ኣብዚ ሕዚ እዋን ከምቲ ሕሉፍ ግዜ ፈሓም ቐንዲ ፍልፍል ሓይሊ ኣይኮነን። ይኹንምበር ብኽለት ኣየር ኣብ ልዕሊ ቐፀላ ኦዞን ዘብፅሖ ጉድኣት ዓብዪ እዩ። በብዓመቱ ፃዕቕን ሓይልን ቐፀላ ኦዞን ብ2% ኣብ ከባብታት ዋልታ ድማ ብ5% እናተሸንቆረ እዩ። ንምሽንቋር ኦዞን ቐንዲ መበገሲ ዝኾኑ ክሎሮፍሎሮካርቦንስ (CFC) ዝተብሃሉ በከልቱ ኣየር ጋዛት እዮም። ቐፂላ ኦዞን እናተሸንቆረ ብዝኸደ ቁፅሪ እቲ ካብ ፀሓይ ዝመፅእ ኡልትራቫዮሌት ዝተበሃለ ሓደገኛ ጨረር ናብ ኣየር እናኣተወ ጉድኣት የብፅሕ። ኡልትራቫየለት ጨረት ናብ ዓለምና ብምእታው ካንሰር ቆርበት፣ ሕማም ዓይኒ፣ ከምኡ እውን ምንካይ ዓቕሚ ምክልኻል ሕማማት (Immune system) የስዕብ። ጨረር ኡስትሪቫዮሌት ኣብ ልዕሊ ኸባቢ ተፈጥሮ እውን ጉድኣት የብፅሕ እዩ። ንኣብነት እዚ ጨረር ናብ ከባቢ ኣየር ምስኣተወ ኣዝዮም ደቀቕን ኣናእሽትን ፍጥረታት (Organisms) ይቐትል እዩ።

ኣብ ውሽጢ ማያዊ ኣካላት ዝርከቡ ከም ኘላንክተን ዝመሳሰሉ ቐንዲ ፍልፍል ምግቢ ዓሳታት ንኽቕተሉ ይገብር እዩ። እዞም ደቀቕቲ ኣካላት ምስ ሞቱን ምስ በስበሱን ዝወፅእ ካርቦን ዳዮኦክሳይድ ($C^o_2$) ዝተበሃለ ጋዝ ኣሎ። እዚ ጋዝ ድማ ብግዲኡ ኣብ ምሽንቋር ፀፍፃፍ ኦዞን ዓብዪ ግደ ስለዘለዎ እቲ ዑደት ክቕፅል ይገብሮ። ካልእ ሳዕቤን ብኽለት ኣየር ድማ ቕድሚ ቐፀላ ኦዞን ምሽንቋሮም መጀመርያ ቐንዲ መበገሲ ግሪን ሃውስ ኢፌክት (Green house Effect) ምዃኖም እዩ። እዞም ኬሚካላት ነቲ ብርሃን ፀሓይ ናብ መሬት ንኽምለስ ስለዝግብሩ ኣብ ልዕሊ ምውዓይ ዓለምና ዓብዪ እጃም ዘለዎም እዮም። እዚ ምውዓይ ዓለምና እዩ ድማ Green house effect ዝበሃል።

# 11. ኣገባብ ፈተሻን ገምጋምን

*መምህር! ኣገባብ ፈተሻ ኣካል ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር እዩ። ብዘይ ሓደ ዝኾነ ዓይነት ኣገባብ ፈተሻ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዕዉት ኣይኸውንን። ዝወሃብ ትምህርቲ ናብ ሕድሕድ ተምሃራይ ክሰርፅ ኣለዎ። እዚ ድማ ብኣገባብ ፈተሻ እዩ ዝረጋገፅ። ስራሕን ንጥፈትን ሕድሕድ ተምሃራይ እዚ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፍተሽን ነቲ ስራሕን ንጥፈትን ምስ እዚ ዝስዕብ መግለፂ ብመሰረት ብቕዓታትን ውፅኢትን እዚ ምዕራፍ ክነፃፀርን ይግባእ። ተኸታታሊ ፈተሻ ወይድማ ተኸታታሊ ምዘና ኣድላይ እዩ ዝበሃል ዘሎ። ሕድሕድ ተምሃራይ ዘዕግብ ተደላዪ ረብሓ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምፍላጥ እዩ። መምህር! ነዚ ምስ ፈለጥኩምን ምስ ኣረጋገፅኩምን ጥራይ እዩ ናብቲ ዝቕፅል ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ኽትሰጋገሩ ዘለኩም። ተኸታታሊ ምዘና ማለት ግድን ናይ ፅሑፍ ፈተና ምሃብ ጥራሕ ማለት ኣይኮነን። መምህር! ከይዲ ተኸታታሊ ፈተሻ* (Continuous Assessment) *ብብዙሓት ኣገባባት ዝካየድ እንትኾን ካብዚኣቶም ውሽጢ ብቐፃልነት ክትግብርዎም ዝግባእ እዞም ዝስዕቡ ይርከቡዎም፤*

- *ብትዕዝብቲ /ሕድሕድ ተምሃራይ/*
- *ብሕቶን መልስን*
- *ብዕዮ ጉጅለ*
- *ብተግባር ምፍታሽ*
- *ብዕዮታት ክፍልን ገዛን*
- *ብሓፂር ፈተና ፅሑፍ*
- *ብሓፂር ቃል መሕትት*

*ብመሰረት እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ኣገባባት ፈተሻ እዚ ምዕራፍ ብዝግባእ ዝተምሃረን ዘዕግብ ተዳላዪ ደረጃ ዝሰርሐን ተምሃራይ፤*

- *ብልህነት ዝጎደሎ ኣጠቓቕማ ሃፍትታት ተፈጥሮ ኣብ ስርዓት ምህዳር ዘስዕቦም ፀገማት ይትንትን።*
- *ኣብ ንጥፈታት ዕቀባ ሃፍትታት ተፈጥሮ ብተግባር ይሳተፍ።*
- *ቐንዲ ብክለታታት ማይን ኣየርን ይፀርሕ። መንቀልታት ምውዓይ ዓለም ይግንዘብ።*
- *ምውዓይ ዓለም ኣብ ህዝቢ እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ዘሕድሮ ዕንቶ ይትንትን።*

ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ብቕዓታት ካብቲ ተዳላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሐ ሕድሕድ ተምሃራይ ስሙ እናተፀርሐ ክነኣድን ብፃዕሩ ንዝረኸቦ ውፅኢት ድማ ኣፍልጦ ክወሃቦን ኣለዎ። ንቐፃሊ'ውን ብዝረኸቦ ውፅኢት ከይዓገበ ጠንኪሩ ንኽሰርሕ ክተባባዕ ይግባእ። ኣብዚ ክርሳዕ ዘይብሉ ሓደ ዓብዪ ጉዳይ ኣሎ። ተኸታታሊ ፈተሻ ኣብ ክፍሊ ንዝርከቡን ፍሉይ ድሌት ንዘለዎምን ተምሃሮ ብምንፃር ሞራሎም ንምዕባይን ብዝበለፀ ንኽሰርሑ ብምትብባዕን ፍሉይ ትኹረት ክወሃቦም ኣለዎ።

መምህር! ብመሰረት እቲ ብተኸታታሊ ፈተሻ ዝተገንዘብዎ ኩነታት ብቕዓት ሕድሕድ ተምሃራይ ገለገሊኦም ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ክህልው ስለዝኾኑ ተፈልዮም ኽንፅሩ ይግባእ። እዞም ካብቲ ዝድለይ ዘዕግብ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ ምስቶም ካልኦት መማህርቶም ማዕረ ንምስራዕ ተወሳኺ ደገፍ የድልዮም እዩ። ብመልክዕ ቱቶርያልን ማንዛ ንማንዛ ኣግባብ ኣመሃህራን (Child-To-Child) ቐፃልነት ዘለዎ ሓገዝን ደጋፍን ክግበረሎም ይግባእ። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ'ውን መምህር! ባዕሎም ፍሉይ ጠመተ ክገብሩሎም ይግባእ። ኣብ ዕዮታት ጉጅለ'ውን ብዝግባእ ይሳተፉ ምህላዎምን ዘይምህላዎምን ክከታታሉ ይግባእ።

## 12. መልሲ መልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን

✓ <u>መልሲ ንመጠቓለሊ ሕቶታት</u>

**ሀ/ ሓቂ ወይድማ ሓሶት/ጌጋ እናተብሃሉ ንዝምለሱ ሕቶታት ዝተውሃበ መልሲ**

1. ሓቂ 2. ሓቂ 3. ሓሶት 4. ሓሶት

**ለ/ ትኽክለኛ መልሲ ምረፁ ንዝብሉ ሕቶታት ዝተውሃበ መልሲ።**

5. ሀ 6. መ 7. መ 8. ለ

9. ሐ 10. መ 11. ሐ

# ምዕራፍ ሓርባዕተ

# ውራይ ህዝቢ

## 1. መእተዊ

*መምህር! እዚ ምዕራፍ ኣርባዕተ መፅሓፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 8ይ ክፍሊ ብዛዕባ ውራይ ህዝቢ እዩ ዝድህስስ። ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ ብጣዕሚ ኣገደስቲ ኣብዝኾኑ ጉዳያት እናተመያየጡን እናሓተቱን ክመሃሩ ትፅቢት ይግበረሎም። ውራይ ህዝቢ ዝብል ምዕራፍ ንተምሃሮ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮ ማሕበረሰብ ኣፀርዩ ዝጠቕሞም መሰረታዊ ጉዳይ'ዩ። ስለዚ ሕድሕዲኡ መመያየጢ ዛዕባን ኣብ ክፍሊ ዝወሃብ ትምህርትን ክንድዝከኣል ተምሃሮ ኣፀቢቖም ክርድእዎም ምግባር ወሳናይ'ዩ።*

*መምህር! ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ ምስ ህዝቢ ተዛማዳይነት ዘለዎም ኣገደስቲ ዝበሃሉ ውራያት ህዝቢ ክመሃሩ'ዮም። ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ተምህርዎም ርእስታት ብዛዕባ ምስ ጉዳያት ህዝቢ ዝተኣሳሰሩ ዛዕባታት ክህልዉ'ዮም። ምስዚ ተኣሳሲሩ ድማ ብዋናነት ዝስዕቡ ርእስታት ይርከቡ፤*

- ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ዛዕባታት ከም መናእሰይን ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስን ዝምልከቱ፤
  - ግደ መናእሰይ ኣብ ምውጋድን ምክልኻልን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ
    - ክእለታት ህይወት ምምዕባል፣ ምዕቃብ፣
    - ፅዕንቶ መሓዛ ምቅዋም፣ ብዛዕባ መፃኢ ኩነታት ምሕሳብ ወዘተ
  - ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንዝነበሩ ወገናት ምሕብሓብን ምድጋፍን
- ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምንካይ ዘድልዩ ስትራተጂታትን ፖሊሲታትን ከምኡ'ውን ዝተሓንፀፁ ሜላታት
  - ኣንፈት ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ
  - ሜላታት መከላኸሊ ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ

    - *ንኣብነት ምምሃር ኣዋልድ፣ ምጣነ ስድራ፣ ምውጋድ ትሕቲ ዕድመ መርዓ*
  - *ግደ መናእሰይ ኣብ ምስራዕ ፖሊሲታት ስነ ህዝብን ምንካይ ድኽነትን ኣብ ኢትዮጵያ*
- *መሰላትን ድሕንነትን ደቂ ሰባት - መሰላት ህፃናትን ኣግባብ ጥንቃቐ ድሕንነት ዝብል ምስ ጾታዊ ኩነታትን ወዲንነትን ተዛሚዱ ዝቐርብ ኣሎ፤*
  - *ስርዓተ ፆታ*
    - *ኣፈላላይ ፃታን ስርዓተ ፆታን ከምኡ'ውን ሜላታት ምስፍሕፋሕ ማዕርነት ስርዓተ ፆታን*
    - *ድኽነት ንምንካይ ሓቢርካ ምስራሕ*
    - *ደቂ ኣንስትዮ ናብ ስልጣን ምብቃዕ፣ ኣብ ገዛ ዘለዉ ፆታዊ ሁከትን ጥቕምታትን ምውጋድ*
    - *ግደ መናእሰይ ኣብ ዛዕባታት ስርዓተ ፆታ*
  - *ካብ ሁከትን ዕግርግርን ምርሓቕ*
    - *ወዲንነት፣ ዕውልና፣ ወልፊ እፃት፣ ምግዳፍ ባህላዊ ፀጋታት (እሴታት) ምስኣን፣ ምዝራፍን ምዕማፅ ኣንስትን*
    - *ምክልኻል ወዲንነት፣ ዓርሰ ግንዛበ ብምዕባይ ፅዕንቶ መሓዛ ምቅላል፣ ግዘኻ ኣብ ማእኸል መናእሰይ ምሕላፍ፣ ምስ ስድራኻ ሓሳብን ተሞክሮን ምልውዋጥ*
- *ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለምን ዓለምለኻውነትን (ግሎባላይዜሽን)*
  - *መርሃ ግብርታት ንኢጋርነት*
    - *ዕላማታትን መትከላትን ውድብ ሕቡራት መንግስታትን መሓውራቱን*
  - *ዓለምለኻውነትን ሉላውነትን (ግሎባላይዜሽን)*

*ዝምልከቱን ካልኦት ዝተፈላለዩ ርእስታት ኣለዉ።*

ምስዚኦም ዝተኣሳሰሩ ዓበይቲ ቁምነገራትን ዝመሳሰሉን ዛዕባታት ይርከብዎም። መምህር! እዚ ምዕራፍ ውራይ ህዝቢ ን20 ክፍለ ግዚያት ዝተዳለወ'ዩ። እዚ ምዕራፍ እንትዳለው ተሓሳቢ ተገይሮም ዝተወሰዱ ዕላማታት እንትንርኣይ ኣብ መወዳእታ'ዚ ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ ነዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ውራያት ህዝቢ ኣፀቢቖም ይፈልጡን ይርድኡን፣ ካብዚ ንታሕቲ ዘለዉ ክእለታትን ግንዛበታትን ብዕሙቐት ከጥርዩ'ዮም ዝብል'ዩ ተቐሚጡ። እዚኦም ድማ ዝስዕቡ'ዮም፤

- ግደ መናእሰይ ኣብ ምክልኻል ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ይዝርዝሩ። የስርፁ።
- ግደ መናእሰይ ኣብ ምትግባር ፖሊሲ ስነ ህዝብን ስነ ፆታን ይገልፁ። የድንቑ። የስርፁ።
- ግደ መናእሰይ ኣብ ምንካይ ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ የብርሁ። የረድኡ። የስርፁ።
- ወዲንነትን ብእፅ ዝተበከለ መንፈስን ከመይ ገይርካ ከምዝውገድ ይገልፁ።
- ኣብነታት መወገዲ መንገድታት ወዲንነት ይገልፁ። ኣብ ማሕበረሰብ ይነጥፉ።
- ዕላማታትን መትከላትን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይዝርዝሩ።
- ብዛዕባ ቀንዲ ዕላማታት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለምን ኣምር ሉላውነትን ወይድማ ዓለምለኻውነት የብርሁ። ብኣብነት ዝተደገፉ መብርሂ'ውን የቕርቡ።

## 2. ውፅኢት'ዚ ምዕራፍ

መምህር! ኣብ መወዳእታ'ዚ ምዕራፍ ብቕዓት ተምሃሮ ምዕቃን የድልይ'ዩ። ስለዚ ነዚ ምዕቃን ብቕዓት ምእንታን ክሕግዝ ተምሃሮ ኣብ መወዳእታ'ዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ፤

- ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንምውጋድ ዘኽእልዎም ክእለታት ህይወት የማዕብሉ።
- ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንዝነብሩ ወገናትን ስድረኦምን ዝሕብሕቡን ዝድግፉን ሰባት ኣብነታቶም ተኸቲሎም ይሰርሑ።
- ኣንፈት ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ ይትንትኑ።
- ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምንካይ ዝተሓንፀፁ ሜላታት የለልዩ።

- ረብሓ ፖሊሲ ስነ ህዝብን ንምንካይ ድኽነትን ዝተሓንፀፁ ሜላታትን ኢትዮጵያ ኣብ ህዝቢ የስርፁ።
- ኣብ ሞንጎ ፆታን ስርዓት ፆታን ዘሎ ዓ.ም.ፈላላይ ይገልፁ።
- ባህርያት ማዕርነት ስርዓተ ፆታ የለልዩ።
- ግደ መናእሰይ ኣብ ምስፍሕፋሕ ማዕርነት ስርዓተ ፆታ የረድኡ።
- ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ኣብነታት ፆታዊ ሁከታትን ጥቕዓታትን ብዝርዝር የመልክቱን ይመያየጡሉን።
- ንደቂ ኣንስትዮ ናብ ስልጣን ምድያብን ብሓባር ምስራሕን ድኽነት ኣብ ምንካይ ዘለዎ ረብሓ ይገልፁ።
- ዝተፈላለዩ ኣብነታት ወዲንነትን ዕውልናን ይገልፁን የብርሁን።
- ወዲንነትን ዕውልናን ከመይ ከምዝውገድ ይገልፁ። ምስ ማሕበረሰብ ይመያየጡ።
- ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ወዲንነትን ዕውልናን ብዕሙቐት ይገልፁ።
- ዕላማታትን መትከላትን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም የብርሁ።
- ቀንዲ መሓውራት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለምን ዕላምኦምን የለልዩ።
- ክልስ ሓሳብን ኣምርን ሉላውነት (ዓለምለኻውነት) ይግንዘቡ። የረድኡ።
- ኣብ ንግዲ፣ ሓበሬታን ባህልን ክመፁ ዝኽእሉ ዕድላትን ፈተናታትን የለልዩ።

## 3. ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ

- ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንምውጋእ ዘኽእልዎም ክእለታት ህይወት tማዕብሉ።
- ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንዝነብሩ ሰባትን ስድረኦምን ዝሕብሕቡን ዝድግፉን ሰባት ኣብነታቶም ተኸቲልኩም ትሰርሑ።
- ኣንፈት ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ ትትንትኑ።
- ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምንካይ ዝተሓንፀፁ ሜላታት ተለልዩ።
- ረብሓ ፖሊሲ ስነ ህዝብን ድኽነት ንምንካይ ዝተሓንፀፁ ሜላታትን ኢትዮጵያ ኣብ ህዝቢ ተስርፁ።
- ኣብ ሞንጎ ፆታን ስነ ፆታን ዘሎ ኣፈላላይ ትገልፁ።

- ባህርያት ማዕርነት ስርዓተ ፆታ ተለልዩ።
- ግደ መናእሰይ ኣብ ምስፍሕፋሕ ማዕርነት ስርዓተ ፆታ ትርድኡ።
- ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ፆታዊ ሃብታትን ጥቕዓትን ተመልክቱ።
- ንደቂ ኣንስትዮ ስልጣን ምሃብን ብሓባር ምስራሕን ድኽነት ኣብ ምንካይ ዘለዎ ረብሓ ትገልፁ።
- ኣብነታት ወዲንነት ተለልዩ።
- ወዲንነት ከመይ ከምዝውገድ ትገልፁ።
- ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ወዲንነት ተመልክቱ።
- ዕላማታትን መትከላትን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ተብርሁ።
- ቀንዲ መሓውራት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ትፀርሑን ዕላማታቶም ተብርሁን።
- ፅንሰ ሓሳብ ዓለምለኻውነት ትግንዘቡ።
- ፅቡቕ ኣጋጣምታት ፈተናታትን ንግዲ፣ ሓበሬታን ባህልን ተለልዩ።

## 4. ዝተመደበ በዝሒ ክፍለ ግዝያት

መምህር! ነዚ ምዕራፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 8ይ ክፍሊ ዝተመደበ ጠቕላላ ክፍለ ግዘ 20 እዩ።

## 5. ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ

ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ ክፈልጥዎም ዝግብኡ ተባሂሎም ዝተሓረዩ ኣገደስቲ ዝኾኑ ሓሙሽተ ርእስታት ኣለዉ። ተምሃሮ ምስ ውራያት ህዝቢ ተኣሳሲሮም ካብዘለዉ ጉዳያት ውሽጢ ብዛዕባ ምስ ህዝቢ ዝተኣሳሰሩን ዝተዛመዱን ዛዕባታት ኣለዉ። ብመሰረት'ዚ ድማ ግደ መናእሰይ ኣብ ምውጋድ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝብል ምስ ኣተኩሮ ህዝቢ ብተዛመደ መልክዑ ክመሃሩ'ዮም። ካብዚ ብተወሳኺ ሳዕቤናትን ፅዕንቶን ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ማእኸል ዝገበረ ምስ ንምንካይ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ተኣሳሲሮም ዝተሓንፀፁ ሜላታት፣ ኣንፈት ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ፣ ግደ መናእሰይ ኣብ ምስራዕ ፖሊሲታት ስነ ህዝብን ምንካይ ድኽነትን ኣብ ኢትዮጵያ፣ መሰላትን ድሕንነትን ደቂ ሰባት፣ ምውጋድ ሁከትን ዕግርግርን፣ ወዲንነትን ዕወልናን፣ ከምኡ'ውን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለምን ሉላውነትን

(ዓለምለኻውነትን) ዝምልከቱ ርእስታት ኣለዉ። ስለዚ መምህር! ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

## 4.1 ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ዛዕባታት

### 4.1.1 ግደ መናእሰይ ኣብ ምክልኻልን ምውጋድን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ

- ክእለታት ህይወት ምምዕባል፣ ምዕቃብ፣
- ዕዕንቶ መሓዛ ምቅዋም፣ ብዛዕባ መፃኢ ኩነታት ምሕሳብ ወዘተ
- ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንዝነበሩ ወገናት ምሕብሓብን ምድጋፍን

### 4.1.2 ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምንካይ ዘድልዩ ስትራተጂታትን ፖሊሲታትን ከምኡ'ውን ዝተሓንፀፁ ሜላታትን

ሀ. ኩነታት ስነ - ህዝቢ ኣብ ኢትዮጵያ

- ኣንፈት ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ

ለ. ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምንካይ ዝፍፀሙ ተግባራት

- ሜላታት መከላኸሊ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንኣብነት ምምሃር ኣዋልድ፣ ምጣነ ስድራ፣ ምውጋድ ትሕቲ ዕድመ መርዓ

ሐ. ግደ መናእሰይ ኣብ ምስራፅን ምትግባርን ፖሊሲ ስነ ህዝቢ

- ግደ መናእሰይ ኣብ ምስራፅ ፖሊሲታት ስነ ህዝብን ምንካይ ድኽነትን ኣብ ኢትዮጵያ

መ. ኣብ ኢትዮጵያ ግደ መናእሰይ ድኽነት ኣብ ምውጋድ

ሰ. ረብሓ ምጣነ ስድራ

- ጥዕና ኤዴታት የመሓይሽ
- ትምህርቲ ንምምሃር ምቹው ባይታ ይፈጥር
- ናብ ስራሕ ንምውፋር ይከኣል
- ካብ ዘይተደለየ ጥንሲ ምክልኻል
- ኣጠቓቕማ ምጣነ ስድራ

ሸ. ኣብ ግልጋሎት ምጣነ ስድራ ክፍፀሙ ዝግብኦም ተግባራት፤

- ጥሙር ስምምዕነት ኣብ ምጣነ ስድራ
- ንምግፋሕ ምጣነ ስድራ ዝሕግዙ ኣገደስቲ ውራያት

- ህዝባዊ ግልጋሎት ጥዕና ስነተዋልዶ ወኪላት
- ግደ መንግስቲ

4.2 መሰላትን ድሕንነትን ደቂ ሰባት - ሰብኣዊ መሰላትን ንምፍፃም ዘድልዩ ጥንቃቐታትን (ኣግባብ ጥንቃቐ ድሕንነትን) - ምስ ፆታዊ ኩነታትን ወዲንነትን

4.2.1 ባህሪያት ሰብኣዊ መሰላት

- ስርዓተ ፆታ
  - ኣፈላላይ ፃታን ስርዓተ ፆታን ክምኡ'ውን ሜላታት ምስፍሕፋሕ ማዕርነት ስርዓተ ፆታን

4.2.2 ሕገ መንግስታዊ መሰላት ደቂ ኣንስትዮ፤

1. መሰል ማዕርነት - ድኽነት ንምንካይ ሓቢርካ ምስራሕ
2. ንመሰላት ተፈጥሯዊ ኩነታት ደቂ ኣንስትዮ ዝንቀሉ፤
3. ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍፀሙ ተግባራት ሓይሊ (ምግዳድ)
   - ፍሉይ ድጋፍ ደቂ ኣንስትዮ - ደቂ ኣንስትዮ ናብ ስልጣን ምብቃዕ፣ ኣብ ገዛ ዘለዉ ፆታዊ ሁከትን ጥቕዓታትን ምውጋድ
   - ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፓርላማ (ቤት ምኽሪ)፤
   - ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፈፃሚት ስራሕ መንግስቲ (ካቢኔ)፤

4.2.3 ግደ መናእሰይ ኣብ ዛዕባታት ስርዓተ ፆታ - ግደ መናእሰይ ኣብ ዛዕባታት ስርዓተ ፆታ

4.2.4 ምቁፅፃር መፀገምቲ ማሕበራዊ ኩነታት - ካብ ሁከትን ዕግርግርን ምርሓቕ

- እንታይነት ወዲንነት፣ ዕውልና፣ ወልፊ እፃት፣ ምግዳፍ ባህላዊ ፀጋታት (እሴታት) ምስኣን፣ ምዝራፍን ምዕማፅ ኣንስትን (ምዝራፍ)
- ወዲንነትን ንምክልኻል ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት
- ምክልኻል ወዲንነት፣ ዓርሰ ግንዛበ ብምዕባይ ፅዕንቶ መሓዛ ምቅላል፣ ግዘኻ ኣብ ማእኸል መናእሰይ ምሕላፍ፣ ምስ ስድራኻ ሓሳብን ተሞክሮን ምልውዋጥ
- ብዝተፈላለዩ ኣካላት ወዲንነት ንምክልኻል ክውሰዱ ዝግበኦም ስጉምትታት

- ወዲንነት ንምክልኻል ብደረጃ ስድራ ክግበሩ (ክውሰዱ) ዝግብኦም ስጉምትታት፧
- ኣካላት መኸበርቲ ሕጊ ክወስድዎ ዝግብኦም ስጉምትታት፧
- ኣድማስ ግንዛበ ሕብረተሰብ ንክሰፍሕ ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት፧

1. ፀገም ጥዕና የስዕቡ
2. ኣብ ልዕሊ ኣእምሮ ዓብዪ ፀገም የስዕብ።
3. ኢኮኖሚያዊ ፀገም ይፈጥር።
4. ማሕበራዊ ፀገማት

4.3 ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለምን ዓለምለኻውነትን (ግሎባላይዜሽን)

4.3.1 ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም (ው.ሕ.መ.ዓ)፧

- ዕላማታት፣ መትከላት፣ መሓውራትን ቀንዲ ትካላትን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም፧
  - ሓፈሻዊ ጉባኤ
  - ቤት ምኽሪ ፀጥታ
  - ቤት ፅሕፈት
  - ዓለምለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ
  - ማሕበራውን ኢኮኖሚያዊ ካውንስል
  - ካልኦት ውዳበታት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም

4.3.2 ግሎባላይዜሽን (ዓለምለኻውነት - ሉላውነት)

## 6. ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ

- ብዛዕባ መመሓላለፍቲ መንገድታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝገልፁ ፖስተራት ካብ ቤት ፅሕፈት ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ወይድማ ቤት ፅሕፈት ጥዕና
- ብዛዕባ ጎደእቲ ባህላዊ ልምድታት ዘመላኽቱ ዝተፈላለዩ ፎቶግራፋት፣ ፖስተራትን ስእልታትን ናብ ክፍሊ ሒዞም ይምፅኡ።

- መናእሰይን ሕብረተሰብን ኣብ ጉዳይ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣመልኪቶም ዝገብርዎ ዘተ ዘመልክት ካርቶን ስእሊ ይጠቐሙ። ኣብ ዓብዪ ወረቐት ምስኣል የድልይ።
- ምምቅቃል መሬት፣ ብርሰት ሃፍቲ ተፈጥሮን (ደን) ፍግረ መሬትን ዝምልከቱ ፖስተራትን ፎቶግራፋትን የዳልዉ።
- ስእላዊ መግለፂ መትከላት ሰናይ ምምሕዳርን ኢጋይሸ መንግስታዊ ኣብያተ ፅዮ ጣብያን
- ኮንቬንሽን መሰላት ህፃናት፣ መፅሄታት፣ ስእላዊ መግለፅታት መሰላት ህፃናትን ምግሃስ መሰላት ህፃናትን
- ምግላልን ምፅያፍን ዝምልከቱ ስእልታትን ፎቶግራፋትን
- ንስርፀት ትምህርትን መመያየጥን ዝኾኑ ሕቶታት ንጥፈት ዝተፅሓፈሉ ዓብዪ ወረቐት
- ስእላዊ መግለፂ ናህሪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ
- ስእልታት ብርሰትን ፍግረ መሬት
- መሰላት ህፃናትን ምግሃስ መሰላት ህፃናትን ዝምልከቱ ስእላዊ መግለፅታት
- ኣርማ ኢ.ጋድን መድረኽ ሃገራት ተፋሰስ ሩባ ናይልን
- ካርታ ምብራቕ ኣፍሪካን ሃገራት መድረኽ ተፋሰስ ሩባ ናይል
- ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያን መጣየሺ ኣዋጅ ሓባሲ ንብዓት ህፃናትን ደቂ ኣንስትዮን
- ንጥፅና ህፃናት ዝጎድኡ ስራሕቲ ዘመላኽቱ ስእልታት
- ፅሚቕ መሰላት ህፃናት ዘመላኽት ዝርዝር
- ናህሪ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ሃገርና ዘርእይ ሰደቓ
- ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኣፍሪካ ዘመልክት ሰደቓ
- ስእላዊ መግለፂ መትካላት ሰናይ ምምሕዳር
- ፓኬጅ ሰናይ ምምሕዳር ከተማታት፣ ሚኒስቴር ስራሕን ልምዓትን ከተማ፣ጉንበት 2001
- ፓኬጅ ሰናይ ምምሕዳር ወረዳታት ገጠር፣ ሚኒስቴር ህንፀት ዓቕሚ፣ ሰነ 1998 ዓ.ም
- ስእላዊ መግለፂ ረብሓ ምጣነ ስድራ

- ኣርማን ባንዴራን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም
- ሰደቓ ዝለዓለ በዝሒ ህዝቢ ዘለወን ሃገራት ዝርዝርን ባንዴረአንን

## 7. ፍልፍል ሓበሬታ


- በኢትዮጵያ የጎጂ ልምዶችና ኤች.አይ.ቪ/ኤድስ ያላቸው ትስስር፣ ኢ.ጎ.ባ.ኢ.ኮ (2001 ዓ.ም)፣ ከUFPA ጋር በመተባበር የተካሄደ ጥናት
- ፓኬጅ ሰናይ ምምሕዳር ገጠር ወረዳታት፣ ሰነ 1998 ዓ.ም
- የከተሞች መልካም አስተዳደር ፓኬጅ፣ ግንቦት 25 ቀን 2001 ዓ.ም
- የኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ሕገ መንግሥት፣ 15 ነሓሰ 1987 ዓ.ም፣ ኣዲስ ኣበባ
- ሕጊ ቤተመንግስቲ፣ ኣዋጅ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ፣ 2000 ዓ.ም
- የህፃናትና ሴቶች ጉዳይ ዕምባ ጠባዊ ኮሚሽን ማቋቋሚያ ኣዋጅ
- ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ስትራቴጂ መቀፃፀሊ ህዝባዊ ምልዕዓል፣ MoH and HAPCO (1997 ዓ.ም)
- የኢትዮጵያ ስነ ህዝብ ፖሊሲ፣ 1985 ዓ.ም
- የገንዘብና ኢኮኖሚያዊ ልማት ሚኒስቴር፤ የኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስት <u>የዕድገትና የትራንስፎርሜሽን ዕቅድ (2003 — 2007)</u>፣ ህዳር 2003፣ አዲስ አበባ።
- African Charter on Democracy, Election and Governance, (2007), AU.
- AIDS Epidemic Update, UNAIDS and WHO (2007).
- Governance for the future: Democracy and Development in the Least Developed Countries, (2006), UNDP
- AIDS Report in Ethiopia, Six Months Report, MoH and HAPCO (2007)
- Child Protection, A Handbook for Parliamentarians, IPU and UNICEF (2004)
- California Department of Health Services: Fact Sheet on Benefits of Family Planning, USA, (2003)
- Erin M. Brown, et al: Youth and the Global HIV/AIDS Crisis, (2002)
- Population Action International (1999), Forest Futures, Washington DC.
- Shiravasava, (1995), Democraphic Transition and Economic Development.

- Shalina Mahta, (2004), Understanding HIV/AIDS: Myths, Efforts and Achievements.
- Todaro, M (2004), Economic Development
- Uganda Aids Commission (2007), Scaling Up Strategic Planning on HIV/AIDS mitigations.
- World Bank, (2007), The World Bank's Commitment to HIV/AIDS in Africa, our agenda for action 2007 – 2011.
- WHO, (2005), Human Rights, Health and Poverty Reduction Strategy.
- UN, (1978), Children Right Convention
- UN, (1948), Universal Declaration of Human Rights

**Websites**

- www.un.org/history and organizational functions of UNO;
- www.au.org/transition from OAU to AU;
- www.globalization, Wikipedia;
- www.NBI.org/2010 Nile Basin Initiatives (Nile- Com)
- www.un.org/ world population
- www.au.org/ Regional Organizations: Establishment and membership


## 8. መምርሒ ንመምህር ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሰዎ ምትእስሳር

| ቑፅሪ ተርታ | ርእሲ | ዝርዝር ዕላማታት | ዝተመደበ ክፍለ ግዘ | ገፅ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ | ገፅ ኣብ መፅሓፍ መምህር | ፍልፍል |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 4.1 | ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ዛዕባታት | | 9 | | | |
| 4.1.1 | ግደ መናእሰይ ኣብ ምክልኻልን ምውጋድን | ▪ክእለታት ህይወት ምምዕባል፣ ምዕቃብ፣<br>▪ዕዕንቶ መሓዛ ምቅዋም፣ ብዛዕባ መፃኢ ኩነታት | 4 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | ኤች.ኣይ.ቪ/ ኤድስ | ምሕሳብ ወዘተ<br>▪ ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንዝነበሩ ወገናት ምሕብሓብን ምድጋፍን | | | | |
| 4.1.2 | ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምንካይ ዘድልዩ ስትራተጂታትን ፖሊሲታትን ከምኡ'ውን ዝተሓንፀፁ ሜላታትን | ሀ. ኩነታት ስነ - ህዝቢ ኣብ ኢትዮጵያ<br>- ኣንፈት ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ<br>ለ. ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምንካይ ዝፍፀሙ ተግባራት<br>• ሜላታት መከላኸሊ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንኣብነት ምምሃር ኣዋልድ፣ ምጣነ ስድራ፣ ምውጋድ ትሕቲ ዕድመ መርዓ<br>ሐ. ግደ መናእሰይ ኣብ ምስራፅን ምትግባርን ፖሊሲ ስነ ህዝቢ<br>▪ ግደ መናእሰይ ኣብ ምስራፅ ፖሊሲታት ስነ ህዝብን ምንካይ ድኽነትን ኣብ ኢትዮጵያ<br>መ. ግደ መናእሰይ ድኽነት ኣብ ምውጋድ<br>ሰ. ረብሓ ምጣነ ስድራ ኣብ ኢትዮጵያ<br>▪ ጥዕና ኣዴታት | 5 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | የመሓይሽ<br>▪ ትምህርቲ ንምምሃር ምችው ባይታ ይፈጥር<br>▪ ናብ ስራሕ ንምውፋር ይከኣል<br>▪ ካብ ዘይተደለየ ጥንሲ ምክልኻል<br>▪ ኣጠቓቕማ ምጣነ ስድራ<br>ሸ. ኣብ ግልጋሎት ምጣነ ስድራ ክፍፀሙ ዝግብኦም ተግባራት፤<br>• ጥሙር ስምምዕነት ኣብ ምጣነ ስድራ<br>• ንምግፋሕ ምጣነ ስድራ ዝሕግዙ ኣገደስቲ ውራያት<br>• ህዝባዊ ግልጋሎት ጥዕና ስነተዋልዶ ወኪላት<br>• ግደ መንግስቲ | | | | |
| 4.2 | መሰላትን ድሕንነትን ደቂ ሰባት - ሰብኣዊ መሰላትን ንምፍፃም ዘድልዩ ጥንቃቐታት ን (ኣግባብ | | 6 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | ጥንቃቐ ድሕንነትን) - ምስ ያታዊ ኩነታትን ወዲንነትን | | | | | |
| 4.2.1 | ባህሪያት ሰብኣዊ መሰላት | ስርዓት ያታ - ዓ.ም.ፈላላይ ፃታን ስርዓት ያታን ክምኡ'ውን ሜላታት ምስፍሕፋሕ ማዕርነት ስርዓት ያታን | 3 | | | |
| 4.2.2 | ሕገ መንግስታዊ መሰላት ደቂ ኣንስትዮ | 1. መሰል ማዕርነት - ድኽነት ንምንካይ ሓቢርካ ምስራሕ<br><br>2. ንመሰላት ተፈጥሯዊ ኩነታት ደቂ ኣንስትዮ ዝንቀሉ፤<br>3. ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍፀሙ ተግባራት ሓይሊ (ምግዳድ)<br>▪ ፍሉይ ድጋፍ ደቂ ኣንስትዮ - ደቂ ኣንስትዮ ናብ ስልጣን ምብቃዕ፣ ኣብ ገዛ ዘለዉ ያታዊ ሁከትን ጥቕምታትን ምውጋድ | 1 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | • ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፓርላማ (ቤት ምኽሪ)፤<br>• ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፈፃሚት ስራሕ መንግስቲ (ካቢኔ)፤ | | | | |
| | ግደ መናእሰይ ኣብ ዛዕባታት ስርዓተ ፆታ - ግደ መናእሰይ ኣብ ዛዕባታት ስርዓተ ፆታ | | 1 | | | |
| | ምቁፅፃር መፀገምቲ ማሕበራዊ ኩነታት - ካብ ሁከትን ዕግርግርን ምርሓቕ | ▪ እንታይነት ወዲንነት፣ ዕውልና፣ ወልፊ እፃት፣ ምግዳፍ ባህላዊ ፀጋታት (እሴታት) ምስኣን፣ ምዝራፍን ምዕማፅ ኣንስትን<br>• ወዲንነትን ንምክልኻል ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት<br>▪ ምክልኻል ወዲንነት፣ ዓርሰ ግንዛበ ብምዕባይ ፅዕንቶ መሓዛ ምቅላል፣ ግዘኻ ኣብ ማእኸል | 1 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | መናእሰይ ምሕላፍ፣ ምስ ስድራኻ ሓሳብን ተሞክሮን ምልውዋጥ<br>• ብዝተፈላለዩ ኣካላት ወዲንነት ንምክልኻል ክውሰዱ ዝግበኦም ስጉምትታት<br>• ወዲንነት ንምክልኻል ብደረጃ ስድራ ክግበሩ (ክውሰዱ) ዝግብኦም ስጉምትታት<br>• ኣካላት መኸበርቲ ሕጊ ክወስድዎ ዝግብኦም ስጉምትታት፤<br>• ኣድማስ ግንዛበ ሕብረተሰብ ንክሰፍሕ ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት<br>1. ፀገም ጥዕና የስዕቡ<br>2. ኣብ ልዕሊ ኣእምሮ ዓብዪ ፀገም የስዕብ።<br>3. ኢኮኖሚያዊ ፀገም ይፈጥር።<br>4. ማሕበራዊ ፀገማት | | | | |
| 4.3 | ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለምን ዓለምለኻውነትን | | 5 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | (ግሎባላይዜ ሽን) | | | | | |
| 4.3.1 | ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም (ው.ሕ.መ.ዓ) | ዕላማታት፣ መትከላት፣ መሓውራትን ቀንዲ ትካላትን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም፤<br>○ ሓፈሻዊ ጉባኤ<br>○ ቤት ምኽሪ ፀጥታ<br>○ ቤት ፅሕፈት<br>○ ዓለምለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ<br>○ ማሕበራውን ኢኮኖሚያዊ ካውንስል<br>○ ካልኦት ውዳበታት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም | 3 | | | |
| 4.3.2 | ግሎባላይዜሽ ን (ዓለምለኻውነ ት- ሉላውነት) | | 2 | | | |
| ጠቕላላ ድምር | | | 20 | | | |

# 9. ኣግባብ ኣመሃህራ

መምህር! ኣብዚ ምዕራፍ ብዛዕባ ውራይ ህዝቢ ንኽምህሩ እንትዳለዉ ኣርባዕተ ን24 ክፍለግዝያት ከምዘምህሩ ሓሲቦም ቅድመ ምድላው ክገብሩ ይግባእ። ካብዚኦም እቲ ቀዳማይ ርእሲ / ርእሲ ንሓሙሽተ ክፍለግዘ ዝተዳለወን ብዛዕባ ምስ ህዝቢ ዝተዛመዱ ጉዳያት ኾይኑ ግደ መናእሰይ ኣብ ምውጋድን ምክልኻልን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝምልከት'ዩ። መምህር! ቅድሚ ነዚ ርእሲ ንምምሃር ናብ ክፍሊ ምእታዎም ብዛዕባ'ዚ ርእሲ እኹል ቅድመ ምድላው ምግባር ከድልዮም'ዩ። ብፍላይ ብዛዕባ ግደ መናእሰይ

ዝምልከት ካብ ፓኬጅ መናእሰይ ብምብጋስ እኹል ምድላው ምግባር ከድልይ'ዩ። ነዚ መሰረት ገይሮም ዘዳልውዎ ትልሚ ምምሃር ምስትምሃር ብመሰረት'ዚ መበገሲ ኣግባብ ኣመሃህራ ክዋደድ ይግብኦ።

መምህር! ነዚ ምዕራፍ ምምሃር እንትጅምሩ ኣቐዲሞም ክዳለዉሎም ዝግብኡ መሰረታዊ ጉዳያት ኣለዉ። ግደ መናእሰይ ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣመልኪቶም እንተምህሩ ነዞም ዝስዕቡ ኩነታት ምርኣይ ግድን ይኸውን፤

- ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ስፍሓትን ዕምቆትን እቲ ሕማም ክመያየጡን ዝፈልጥዎ ነገር ነፃን ግልፅን ኮይኖም ሓሳቦም ከቕርቡ ምግባር ከድልይ'ዩ።
- ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይን መምርሒ ንመምህርን ዝተቐመጡ ሰደቓታት ዝርግሐ ኤድስ ዘለዎም መልእኽቲ መብርሂ ምሃብ ከድልይ'ዩ።
- ተምሃሮ ኣብ ሰለስተ ጉጅለ ክምቀሉ ብምግባር ማለት እቲ ሓደ ነቲ ሕማም ዝተቐልዑ ክፍልታት ሕብረተሰብ፣ እቲ ካልኣይ ካብቲ ሕማም ንምክልኻል ክግበር ዝግበኦ ክምኡ'ውን እቲ ሳልሳይ መናእሰያት (ካብ 15 ክሳብ 24 ዕድመ) ንምንታይ በቲ ቫይረስ ብበዝሒ ከምዝተሓዙ ዝብሉ ርእስታት ብምምቃል ምምይጥ ክካይዱ ምግባር
- መናእሰይ ብውልቀን ብውዳበን በቲ ሕማም ንዝተትሓዙ ወገናት ኣብ ምሕብሓብ ክገብርዎ ዝግብኡ ነገራት ምግላፅ። ንኣብነት ጥንቃቐ ብዝተመልአ መንገዲ ሕሙማት ምጥያቕ፣ ስድራ ዘይብሎም ፍሉይ ክንክን ክግበረሎም ተወዲብካ ምድጋፍ ወሳናይ'ዩ።

ነዚኦም መሰረት ብምግባር ድማ ሕቶን መልስን ምክያድን ንተምሃሮ ምምይያጥን ኣገደስቲ ኣግባብ ኣመሃህራ እዮም። መናእሰይ ዝበሃሉ ኣበየናይ ክሊ ዕድመ ዘለዉ'ዮም? መናእሰይ ንምንታይ'ዮም ንሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብቐሊሉ ክቃልዑ ይኽእሉ'ዮም ዝበሃሉ? ኣብዚ ጉዳይ ንተምሃሮ የመያይጥዎም። ስለዚ መምህር! ኣብዚ መምርሒ ንመምህር! ዝርከብ ተወሳኺ ሓበሬታ መሰረት ብምግባር ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ እናዋደድኩም ዝስዕቡ ኣርእስታት ንተምሃሮ ኣብ ውሽጢ ክልተ ክፍለግዘ ብዝርዝር ይግለፁሎም።

1. ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንምክልኻል ዝተገበረ ፃዕርን ንቅድሚት ክግበር ዝግብኦ
2. ኣድላይነት ምቕፅፃል ህዝባዊ ምልዕዓል ኣንፃር ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ
3. መትከላት ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ
   - ሕብረተሰብ መሪሕን ብዓል ዋና ክኸውን ምግባርን
   - መራሕቲ ፖለቲካ፣ ትካላት ማሕበረሰብን ሓለፍቲ ስራሕን ብቑርፀኝነት ነቲ ምንቅስቓስ ክመርሑ ምግባር።
   - እቲ ምንቀስቃስ ንኹሉ ዝሓቖፈን ኩሉ ሴክተር ዘሳተፈ ክኸውን ንምግባር
   - ንኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስዝተቓልዑ ክፋላት ሕብረተሰብ ኣብቲ ምንቅስቓስ ልዑል ተሳተፍቲ ክኾኑ ምግባር
4. ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ቫይረስ ዝነብሩ ሰባት ኣብ ምልዕዓል

መምህር! ነዚ ርእሲ እንተምህሩ ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ሳዕቤን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ከለልዩንክመያየጡን ይግበሩ። ምስዚ ብምትእስሳር ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኢትዮጵያ ኣመልኪቱ ውድብ ጥዕና ዓለም (WHO) ዘውፅኦ ስታቲስቲካዊ መረዳእታ ምስ ካልኦት ሃገራት ክነፃፅሩ ይግብኦም። ስለዚ ግደ መናእሰይ ኣብ ምውጋድ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ እንትገልፁ ብዛዕባ ክእለታት ምምዕባል፣ ተዓቅቦ፣ ምቅዋም ፅዕንቶ መሓዛ፣ መፃኢ ኩነታት ምሕሳብ፣ ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንዝነበሩ ሰባት ምሕብሓብን ምድጋፍን ግቡእ ጠመተ ይሃብዎም። ኣብ መወዳእታ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ስርፀት ትምህርትን ንጉጅለ መመያየጥን ዝኾኑ ንጥፈታት መሰረት ብምግባር ኣብ ክፍሊ ምይይጥ ምግባር ከድልይ'ዩ። እዚ ርእሲ እንተምህሩ ተግባራዊ መረዳእታ ዝገበረ እንተኾይኑ'ዩ ዝበለፀ ንውፅኢታውነት ዝምረፅ። ስለዚ መምህር! ገለፃን ሕቶን መልስን ማእኸል ዝገበሩ ምይይጥ መሰረት ዝገበሩ ኣግባብ ኣመሃህራ ክህልው ግድን እንትኸውን ካብዚ ብተወሳኺ ድማ ኣብ ከባቢ ዳህሳስ ምክያድ፣ መልመድታት ምስራሕን መጠቓለልን ኣገደስቲ እዮም።

ድሕሪ'ዚ ብዛዕባ ናህሪ ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምንካይ ዘድልዩ ስትራተጂታትን ዝተሓንፀፁ ሜላታትን ንሓሙሽተ ክፍለግዘ ዝቐርብ ትምህርቲ'ዩ። መምህር! ነዚ ርእሲ ንምስትምሃር ቅድሚ ምጅማሮም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣብዝርከብ ሳንዱቕ ዘሎ ትሕዝቶ ዕላማታት ፖሊሲ ስነ ህዝቢ ሃገርና መበገሲ

ገይሮም ንተምሃሮ የመያይጥዎም። ትሕዝቶ ፖሊሲ ስነ ህዝብን ናህሪ ዕብየት በዝሒ ህዝብን ብዝምልከት ሕቶታት እናቕረቡ ተምሃሮ ዝህብዎ መልስታት እናገናዘቡ ሓፀርትም ግልፅን መልስታት ይሃቡ። ንተምሃሮ ካብዝቐርቡ ሕቶታት ውሽጢ እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፤

- ኩነታት ስነ ህዝቢ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ እንታይ ይመስል?
- ዕላማታት ፖሊሲ ስነ ህዝቢ ሃገርና እንታይን እንታይን ዝሓዘ'ዩ?
- ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ሃገርና ኣብ 1987 ዓ.ምን 1999 ዓ.ምን ከመይ ትግምግምዎ?
- ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምንካይ እንታይ ተግባራት ክፍፀሙ ኣለዎም?
- ግደ መናእሰይ ኣብ ምስራፅን ምትግባርን ፖሊሲ ስነ ህዝቢ እንታይ ይመስል?
- ረብሓ ምጣነ ስድራ ከመይ ትገልፅዎ?
- ድኽነት ኣብ ምውጋድ ግደ መናእሰይ እንታይ ክመስል ኣለዎ?
- ኣብ ግልጋሎት ምጣነ ስድራ ክፍፀሙ ዝግብኦም ተግባራት እንታይ'ዮም? ዝብሉን ካልኦት'ውን ምውሳኽ ይከኣል'ዩ።

ብዛዕባ ናህሪ ቅልጡፍ በዝሒ ህዝብን መከላኸሊ ሜላታት እንተምህሩ ኣብ መምርሒ ንመምህር! ዝርከቡ ሓገዝቲ ፅሑፋት ካብዝሓዝዎም መረዳእታ ውሽጢ ንኣብነት ናህሪ ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ፣ በዝሒ ህዝቢ ዘለወን 16 ሃገራት፣ ብከላ ኣየር፣ ብከላ ኣየር ዝፈጥሩ ተዋሳእቲ ከባቢ ኣየር፣ ብከላ ማይ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ፍልፍላት፣ ብከላ ማይ ዝፍጠረሉ መንገዲ፣ ንብከላ ማይን ኣየር ምኽንያት ዝኾኑ ጉዳያት ሜላታት መቆፃፀሪ ብከላ ኣየርን ማይም፣ ዕልዋታት በዝሒ ህዝቢ ቴክኖሎጂን ኣብ ለውጢ ኣየርን ምግፋሕ በረኻነት ከምኡ'ውን ለውጢ ኣየር ዝፈጥሮም ሳዕቤናት ዝብሉ ስለዝረከብዎም ንመራጎዲ ምይይጥን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንምጥንኻርን ይጠቐሙሎም።

መምህር! ነዚ ርእሲ እንተምህሩ ብዛዕባ ምጣነ ስድራ ኣመልኪቱ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ስእላዊ መግለፅን መናእሰይ ኣብ ጉዳይ ስነ ህዝቢ እንትመያየጡ ዘመልክት ካርቱንን ብዓብዩ ወረቐት ስኢሎም ንመመያየጢ ናብ ክፍሊ ሒዞምዎ

ይምዕኡ። ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ሕቶታትን ስእላዊ መግለፅታትን መበገሲ ብምግባር ኣብዝስዕቡ ንኡስ ርእስታት ገለፃ ክገብሩ ይግባእ።

ሀ. ኩነታት ስነ - ህዝቢ ኣብ ኢትዮጵያ፤

ለ. ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምንካይ ዝፍፀሙ ተግባራት፤

ሐ. ግደ መናእሰይ ኣብ ምስራፅን ምትግባርን ፖሊሲ ስነ ህዝቢ፤

መ. ኣብ ኢትዮጵያ ግደ መናእሰይ ድኽነት ኣብ ምውጋድ፤

ሰ. ረብሓ ምጣነ ስድራ፤

ረ. ኣጠቓቕማ ምጣነ ስድራ፤

ሸ. ኣብ ግልጋሎት ምጣነ ስድራ ክፍፀሙ ዝግበኦም ተግባራት፤

ጎና ጎኒ ገለፃ ንተምሃሮ ዘዘናግዑ ተጓንፎታትን ዝምልስዎም ሕቶታትን ምቕራብ ክዝውተር ዝግብኦ ኣግባብ ኣመሃህራ'ዩ። ኣሳታፋይነት ወሳናይ እንትኸውን ምስ ኮርኳሓይ ኣግባብ ኣመሃህራ ተገናዚቡ ብምይይጥ እናተሰነየ ክምሃሩ ምግባር ይምከር። ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ሰደቓታትን ስእላዊ መግለፅታትን ብግቡእ ክጥቀሙሎም ይግባእ። እዚ ርእሲ እንተምህሩ ኣብ 5ይ፣ 6ይን 7ይን ክፍልታት ተምሃሮ ዝተምሃርዎ መሰረታዊ ቁምነገራት ብምዝኽኻር ውዑይ ሕቶን መልስን ምይይጥን ከምኡ'ውን ዕዮ ክፍልን ዕዮ ገዛን ክህልው ይግበሩ። ኣብ መወዳእታ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ንስርፀት ትምህርትን ንጉጅለ መመያየጥን ዝኾኑ ሕቶታት ንጥፈት ብመልክዕ ዕዮ ገዛ ንተምሃሮ ብምሃብ ንዝሰርሕዎም መልስታት ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ክመያየጡሉ ይግበሩ። ንመጠቓለሊ ዝተሓበሩ ሓፀርቲ መልእኽትታት ንተምሃሮ የቕርቡሎም። እዚ ንሽዱሽተ ክፍለ ግዝያት ዝተመደበ ኣርእሰቲ ንምስትምሃር ብሓፈሽኡ ገለፃ (ስሩዕን ዘይስሩዕን)፣ ምይይጥ፣ ሕቶን መልስን፣ ዕዮ ክፍልን ገዛን ምሃብ፣ ኣሳታፋይን ኮርኳሕን ኣግባብ ኣመሃህራ ክጥቀሙ ይምከሩ። ተምሃሮ ንወለዶም ሓቲቶም ሒዞምዎም ብዝመፁ መልስታትን መጠቓለልታትን እናጠናኸሩ ንስርፀት ትምህርቲ ኣበርቲዖም ክሰርሑ ይምከሩ። ስለዚ

- ኣንፈት ምዕባለ በዝሒ ህዝቢ ኣብ ኢትዮጵያ ብከተማን ገጠርን ብምፍላይ ምርኣይ ብፍላይ ኣብቲ ሰደቓ ከም ሃዋሳ ዝኣምሰላ ከተማታት ዝፈጠረኦ ምዕባለ ከም ኣብነት ወሲድካ ምርኣይ

- ኣብ ምጣነ ስድራ ኣመልኪቱ ተምሃሮ ዝፈልጥዎ ክመያየጡ ምግባርን ኣብ ተምሃሮ ዘለዎ ኣዎንታ ክፈልጡ መብርሂ ምሃብ
- ሚላታት ምጣነ ስድራ ብስእሊ ወይ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ትካል ጥዕና ብምትሕብባር ክፈልጥዎ ምግባር
- ፖሊሲ ስነ ህዝቢ ኣብ ቓይና ሓደ ቆልዓ ፖሊሲ ዝተገበረሉ ኩነታት ክፈልጡ ምግባር
- ፖሊሲ ስነ ህዝቢ ምትግባር ማለት ኢኮኖምን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ምምጥጣን በዚ ኣቢሉ ድኽነት ኣብ ምውጋድ ዘለዎ ግደ ተምሃሮ ክመያየጡ ምግባር

ኣገዳስነት ዘለዎም ጉዳያት እዮም። ስለዚ መምህር! ነዚ ርእሲ ናህሪ ቕልጡፍ በዝሒ ህዝቢ እንተምህሩ ኣብ መምርሒ ንመምህር! ዝርከብ መረዳእታ ዝለዓለ በዝሒ ህዝቢ ዘለዎም ሃገራት ዝምልከት ሰደቓ ንተምሃሮ ኣብ ዓብዪ ወረቐት ፅሒፎም ናብ ክፍሊ ከምፅኡ ይግባእ።

ሳልሳይ ኣገዳሲ ርእሲ ብዛዕባ መሰላትን ድሕንነትን ደቂ ሰባት ብፍላይ ሰብኣዊ መሰላት ደቂ ሰባት ንምትግባር ዘድልዩ ጥንቃቐታት ዝምልከት እዩ። ስለዚ መምህር! ነዚ ርእሲ እንተምህሩ ንቕድም ብዛዕባ ባህርያት ሰብኣዊ መሰላት ብዝምልከት እንታይ ከምዝፈልጡን ከምዘይፈልጡን ንምግንዛብ ሕቶታት ምቕራብ ይግባእ። ነዚ ርእሲ እንተምህሩ ብሕቶታት ይጀምሩ። ንዝቕርብዎም ሕቶታት ብዝወሃብ መልስታት ዝግበር ምይይጥ ንተምሃሮ ምስታፍ ይከኣል። ሰብኣዊ መሰላት ብዝምልከት ኣብ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ሕገ መንግስቲ ኢ.ፌ.ዴ.ሪ ዓንቀፅ 14 - 28 ብዝርከብ መረዳእታ መበገሲ ብምግባር ገለፃ ይሃቡ። ኣርማን መትከላት ሰብኣዊ መሰላት ብዝምልከት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ሓበሬታ መበገሲ ገይሮም ይውሰድዎ። ሰብኣዊ መሰላት ዝበሃሉ ኣብ ዓብዪ ወረቐት/ጨርቂ ብምፅሓፍ ኣብ መንደቕ ሰቒሎም ተምሃሮ ክመያየጡሎም ይግበሩ። ንኣብነት ብህይወት ምንባር፣ ንብረት ምውናን፣ ትምህርቲ ምርካብ፣ ነፃነትን ኣካላዊ ደሕንነትን፣ ክብርን ስምን ከምኡ'ውን ዜግነትን ምርካብ ወዘተ እንታይ ማለት ከምዝኾኑ ምምይያጥ ይከኣል'ዩ። ድሕሪ'ዚ ሕገ መንግስታዊ መሰላት ደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት ርእሲ ንገለፃ ቅድሚ ምጅማርኩም ዓንቀፅ 35 ሕገ መንግስቲ ኢ.ፌ.ዴ.ሪ መሰረት

ብምግባር ንተምሃሮ ሕቶታት የቕርቡሎም። ኣብ መሰል ደቂ ኣንስትዮ ዘለዉ ፀገማትን ዕዕንቶታትን መሰረት ብምግባር ምስ ፆታን ስርዓተ ፆታን እናገናዘቡ የመያይጥዎም።

ምስዚ ብምትእስሳር ፍሉይ ድጋፍ ንደቂ ኣንስትዮን ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ቤት ምኽርን ዝምልከት ሕቶን ምይይጥን የካይዱ። ከምዚ ብዝመሳሰሉ ሕቶታትን ምይይጥን ናብ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፈፃሚት ስራሕ መንግስቲ ከመይ ከምዝመስል ምግላፅ ይቐፅሉ። ንመዛዘሚ'ዚ ርእሲ ግደ መናእሰይ ኣብ ዛዕባታት ስርዓተ ፆታ ብዝምልከት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ሓበሬታት ንተምሃሮ የመያይጥዎም። ተምሃሮ ብዛዕባ መሰላት ደቂ ኣንስትዮ እኹል ግንዛበ ክረኽቡ ብዝኽእሉ መንገዲ ስሩዕን ዘይስሩዕን ገለፃ ምስ ምክያዶም ጎና ጎኒ ሕቶን መልስን፣ ምይይጥ፣ ዕዮታት ገዛን ክፍልን፣ ዳህሳስን ሓፀርቲ ፅሑፋትን ምድላው፣ ኣብ መወዳእታ ነዞም ብምልኦም ዝተኻየዱ ኣስተምህሮታት ንስርፀት ብዝሕግዙ ኣገባብ መጠቓለሊ ብምግባር ይዛዝምዎ። ኣብ መወዳእታ'ዚ ርእሲ ንስርፀት ትምህርትን ጉጅለ ምይይጥን ዝሕግዙ ሕቶታት ንጥፈት ተምሃሮ ዕዮ ገዛ ሰሪሖም ኣብ ክፍሊ ከመያየጡሎም ምስገበሩ ኣብ መጠቓለሊ ዘለዉ ሕቶታት ንተምሃሮ የብርሁሎም። ስለዚ ኣሳታፊይ ኣግባብ ኣመሃህራ ንክህልዎም ብሕቶታትን መልስታትን ከምኡ'ውን ምይይጥን ዝተሰነዩ ስሩዕን ዘይስሩዕን ገለፃ ምስ መጠቓለልን ስርፀት ትምህርትን ምውዳድ ኣገዳስነት ኣለዎ። ስለዚ

- ኣብ ፆታን ስርዓተ ፆታን ዘሎ ዓ.ም.ፈላላይ ምይይጥ ምግባርን ኣብዚ ዘሎ ድሑር ኣተሓሳስባ ከውግዙ ምግባር
- ደቂ ኣንስትዮን ኣብቲ ክፍሊ ዘለወን ድሌትን ዝበፅሐንን ኣብቲ ከባቢ ዝረኣ ወፅዓ ክገልፃን እዚ ፀገም ብከመይ ክፍታሕ ከምዘለዎ ምግላፅ
- ኣብ ሃገርናን ክልልናን ብዝተፈላለዩ ሞያታት ዝተዋፈሩ ደቂ ኣንስትዮ ንኣብነት ብኣመራርሓ፣ ብስፓርት፣ ኢንቨስትመንት ወዘተ እናፀርሑ ከመያየጡ ምግባር
- ማዕርነት ንምርግጋፅ ካብ ክፍሊ ሞኒተር ስካብ ላዕለዋይ ኣመራርሓ ንምምፃእ ዝግበር ፃዕሪ ምዝኽኻር
- ደቂ ኣንስትዮ ናብ ስልጣን ንምብቃዕ ክግበር ዝግበኦ ማለት ብትምህርትን ስልጠናን ምድጋፍ፣ ብኣተሓሳስባ ምልዋጥ ወዘተ ምግላፅ

- *ኣብ ማዕርነትን ተጠቃምነትን ደቂ ኣንስትዮ ንምርግጋፅ ካብ መናእሰይ ትፅቢት ዝግበሩ ብፍላይ ምስ ማሕበራዊ ለውጢ ብዝተዛመደ ኣገባብ ክፈልጥዎን ኣብ ቀፃሊ ዘድሊ ቅድመ ምድላዋት ፈሊጦም ክፀንሑ ምግባር ዝብሉ'ዮም።*

*ኣገዳስነት ዘለዎም ጉዳያት እዮም።*

*ብተመሳሳሊ መንገዲ ብዛዕባ ምቁፅፃር መፀገምቲ ማሕበራዊ ኩነታት ንዝብል ርእሲ ካብ ሁከትን ዕግርግርን ምርሓቕ ዝከኣለሉ መንገዲ ንዝምልከት ርእሲ ንምግላፅ ብሕቶታት ይጀምሩ። ንምኳኑ ወዲንነት እንታይ እዩ? ምክልኻል ወዲንነት ከመይ ይከኣል? ዝብሉ ሕቶታት መሰረት ብምግባር ተምሃሮ ከባቢኦም ክፍትሹ ይግበሩ። መግለፂ ወዲንነት ብዝርዝር ምስኣረድኡ ብዝተፈላለዩ ኣካላት ወዲንነት ንምክልኻል ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት፣ ብደረጃ ስድራ ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት፣ ኣካላት መኸበርቲ ሕጊ ክወስድዎ ዝግብኦም ስጉምትታት ከምኡ'ውን ኣድማስ ግንዛበ ሕብረተሰብ ንክሰፍሕ ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት ብዝምልከት ብዝርዝር እናመያየጡን እናሳተፉን ይግለፁሎም። ድሕሪ'ዚ ሳዕቤናት ወልፊ እፅ ዝምልከት መግለፂ ይሃብዎም። ንተምሃሮ መግለፂ እንትህቡ ብሕቶ ዝስነዩ ምይይጥ ምህላዎምን ኣብ መወዳእታ መጠቓለሊ እናሃቡ ንስርፀት ትምህርቲ ብዝሕግዝ መልክዑ ኣሳታፋየን ኮርኳሕን ኣግባብ ኣመሃህራ ንኽጥቀሙ ይምዓዱ። ስለዚ*

- *ንዕውልናን ወዲንነትን መበገሲ ዝኾኑ ጉዳያት እቶም ተምሃሮ ክመያየጡ ምግባርን ናብ ሓደ ምርድዳእ ምብፃሕ*
- *ዕውልና ኣብቲ ህፃንን ስድራን ከምኡ'ውን ኣብቲ ከባቢ ዝፈጥሮ ኣሉታ ክፈልጡ ምግባር*
- *ወዲንነት ምስ ስርቂ፣ ባእሲ፣ ምዕማፅ ደቂ ኣንስትዮ ወዘተ ዝኣምሰሉ ማሕበራዊ ፀገም ኣብ ምግፋሕ ዘለዎ ተራ ምርኣይ*
- *ወዲንነትን ምጥቃም ዕፃትን ዝግበር ምክልኻልን ምቁፅፃርን ብፍላይ ኣብ ኣሜሪካን ካልኦት ሃገራትን ዝፈጥሮ ፅልዋን ዝግበር ስራሕ ምምይያጥ*
- *ኣገዲድካ ብምድፋር ዝውሃብ ፍርዲ ከቢድ ከምዝኾነ ካብ ተሞክሮ ክፈልጡ ሓበሬታ ምሃብን ነዚ ዝኾነሉ መንገዲ ምስ ሰብኣዊ መሰል ተኣሳሲሩ ስለዝረኣ ምኳኑ ብኣብነት ምግላፅ ወዘተ ኣገዳስነት ዘለዎም ጉዳያት እዮም።*

መምህር! መበል ራብዓይ ርእሲ'ዚ ምዕራፍ ንኣርባዕተ ክፍለግዝያት ዝተዳለወ ብዛዕባ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለምን ግሎባላዜሽንን (ሉላውነት ወይድማ ዓለምለኻውነት) ዝምልከት እዩ። ነዚ ርእሲ ቅድሚ ምጅማርም ተምሃሮ ብዛዕባ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዝፈልጥዎ ጉዳይ እንተሃልዩ ይሕተትዎም። መበገሲ ሕቶታት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣለዉ። ንሕትኦም ንምጥንኻር ድማ ኣርማ፣ ባንዴራን ኣብ ኒዎርክ ዝርከብ ህንፃ ቤት ፅሕፈት ው.ሕ.መ.ዓ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ስለዝርከብ የርእይዎም።

ነዚኦም መሰረት ብምግባር ምይይጥ የካይዱ። ድሕሪ'ዚ ብዛዕባ ኣመሰራርታን ዕላማታትን ው.ሕ.መ.ዓ ንተምሃሮ ይገለፁሎም። ኣብዚ ሎሚ እዋን ብዛዕባ ሽቶ ልምዓት ሚሊኒየም ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ንተምሃሮ እናዘርዘሩ ይገለፁሎም። ተወሳኺ ሓበሬታ ካብ መምርሒ ንመምህር! እናገናዘብኩም ምጥቃም ይከኣል'ዩ። ተምሃሮ ብዛዕባ መሓውርን ቀንዲ ትካላትን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዝምልከት ዝርዝር ሰሪሖም ክመፁ ዕዮ ገዛ ይሃብዎም። ድሕሪ'ዚ ኣብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዘለዉ ዝተፈላለዩ ትካላትን ውዳበታትን ኣርምኦም መሰረት ብምግባር ይገለፁሎም። የርእይዎም። ሕቶን መልስን እናገበሩ ንተምሃሮ የመያይጥዎም። ተወሳኺ መረዳእታ ካብ ኢንቴርኔት ብምእካብ ንተምሃሮ የቕርቡሎም። ንኣብነት ዩኔስኮ፣ ዩኒሴፍ፣ ዩኤንዲፒ፣ ዩ.ኤን.ኤይድስ ወዘተ ማለት'ዩ።

መምህር! ብዛዕባ ው.ሕ.መ.ዓ ዝገብርዎ ገለፃን ምይይጥን ምስወድኡ ብምቕፃል ብዛዕባ ዓለምለኻውነት ወይድማ ሉላውነት (ግሎባላይዜሽን) ከምኡ'ውን ሉኣላውነት ሃገር ብዝምልከት ንተምሃሮ ገለፃ ይግበሩሎም። ተምሃሮ ብዛዕባ ግሎባላይዜሽን ዝፈልጥዎ ነገር እንተሃልዩ ኣቐዲሞም ይሕተትዎም። ዓለምለኻውነት ብትሕዝትኡ፣ ምስ መራኸብቲ ሚላታት ሓበሬታን ንግድን ትራንስፖርትን ዝተዛመዱ መግለፅታት ንተምሃሮ የቕርቡሎም።

ኣብ መምርሒ ግሎባላይዜሽን ኣመልኪቱ ዝውሃቡ ዝተፈላለዩ ትርጉማትን ታሪካዊ ጉዕዞን ምዕባለን ግሎባላይዘሽን፣ ዝተፈላለዩ መግለፅታት ዓለምለኻውነትን ግሎባላይዜሽን ምዕቃን ዝምልከቱ ነጥብታት ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክጥቀሙሎም ይግባእ። ኣብ ካልኣይ ክፍለግዘ ድማ ብዛዕባ ሉኣላውነት ይገለፁሎም።

ሉኣላውነት ምስ ሕገ መንግስትን ሃገራዊ ትርጉምን ንተምሃሮ እናገናዘቡ ይግለፁሎም።

ኣብ ምዕራፍ ሓደ ብዛዕባ ሓድነትን ሕብረትን ኣመልኪቱ ንተምሃሮ ዘቕረብኩምሎም መግለፅታት ምስዚ ርእሲ ብምትእስሳር ብዝርዝር እናመያየጡ የብርሁሎም። እዚኦም ክልቲኦም መሰረታዊ ሓሳባት መወዳእታ'ዚ ምዕራፍ ስለዝኾኑ ኣብ መወዳእታ ንስርፀት ትምህርትን ጉጅለ ምይይጥን ዝተዳለዉ ዓሰርተ ሕቶታት ንጥፈት ንተወሳኺ ዕዮ ክፍልን ገዛን ይጠቐሙሉም።

ስለዚ መምህር! ብዝስዕቡ መሰረታዊ ትሕዝቶታት ንጠቐላላ ሕቶን መልስን ከምኡ'ውን ገለፃታት ኣግባብ ኣመሃህራ የጠቓልሉ፤

- ዕላማታትን መትከላትን ብድሕሪኦም ዘለዎም ትርጉም ብዝርዝር ምግላፅን ኣብዚ ዘለዎም ፀገም ብሕቶን መልስን ምቕራብ
- መሓውራት ውድብ ሕቡራት መንግስቲ ምርኣይን ብፍላይ ኣብ ካውንስል ፀጥታ ተዛሚዱ ዘሎ ስራሕ ምርኣይ ብፍላይ ሰላም ኣብ ምኽባር
- ኢትዮጵያ ኣባል ዉድብ ሕቡራት መንግስቲ ብምኳና ዝረኸበቶ ረብሓ ኣመልኪቶም ምይይጥ ምክያድ
- ኣብ ኢትዮጵያ ብበዝሒ ዝፍለጡ ትካላት ውድብ ሕቡራት መንግስቲ ከም WHO, UNICEF, UNESCO, WFP, FAO ዝመሳሰሉ ፍሉይ ጠመተ ብምሃብ ምይይጥ ምግባር
- ዕላማን መትከልን ብፍላይ ኣብቲ መወከሲ ዝተገለፁ ታሪካዊ ኣመፃፅኣ ሉላውነት ምግላፅ
- መግለፂ ሉላውነት ብፍላይ ምስ ሞባይል፣ ኢንተር ኔት፣ ትራንስፖርት ዘሎ ቅልጣፈን ሰለጤንን ርክብ ምርኣይ
- ኣብ ዓለም ዘለዉ ዶብ ሰገር ትካላት ከም ኮካኮላ፣ ኣዲዳስ ጫማ፣ ማክዶናልድ ሳንዱች፣ ቶዮታ መኪና ወዘተ ዝፈጥሮ ፅልዋ ምግላፅ
- ዝማዕበላ ሃገራት ብዘለወን ምህርቲ ኢንዱስትሪ ከምኡ'ውን ዘይማዕበላ ሃገራት ከም ኢትዮጵያ ብምህርቲ ሕርሻ ከም ቡንን ቅብኣት እኽሊ ዘሎ ንግዲ ልውውጥ ምስ እቶት ፍትሓውነትን ምግምጋም ከም ኣገዳሲ

ንጥብታትን እቲ መፅሓፍ ተምሃራይን መምርሒ መምህር!ን ብምዝማድ ሰፊሕ ምይይጥ ምክያድ ኣገዳስነት ዘለዎም ጉዳያት እዮም።

ኣግባብ ኣመሃህራ ዕዉት ዝኾውን ብሓገዝ መምህሪ መስተምህሪ እንትስነይ'ዩ። ስለዚ ዝተሓበሩ ሓገዝ መምህሪ መስተምህሪ ይጠቐሙሎም።

# 10. ተወሳኺ መረዳእታ ንመምህር

## ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንምክልኻል ዝተገበረ ፃዕርን ንቅድሚት ክግበር ዝግብኦ

ለበዳ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብዝተወደበን ዝተዋደደን ኸምኡ'ውን ንኹሉ ሕብረተሰብ ብዘሳትፍ ምንቅስቃስ ንምክልኻልን ምቁፅፃርን ክሕግዝ ብሄራዊ ፖሊሲ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝወፀ እንትኾውን ነዚ ፖሊሲ መሰረት ገይሩ ኩሉ ሴክተር ዘሳትፍ ስራሕቲ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝመርሕ ብሄራዊ ቤት ምኽርን ዕለታዊ ሰራሕቲ ዝትግብር ብሄራዊ ቤት ፅሕፈት ተጣይሹ ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ።

ክሳብ ሕዚ ዝተገበሩ ፃዕርታት እንትንዕዘብ ኣብ ዝሓለፉ 3 ዓመታት ኣብ 263 ወረዳታት ካብ 8000 ጣብያታት ንላዕሊ ካብ 22 ሚልዮን ህዝቢ ንላዕሊ ዝነብረለን ፕሮግራም ፀረ-ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ እናተተግበረ ይርከብ። ብድልየት ዝፍፀም ምርመራ መመርመሪ ማእኸላት ቅድሚ 3 ዓመት ካብ 100 ኣይበልፁን ነይሮም። ሕዚ ግና ናብ 270 ክብ ክብሉ ክኢሎም ኣለዉ። ቅድም ክብል ዘይነበረ መደብ ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ ካብ ኣዶ ናብ ዕሸል ኣብ 57 ማእኸላት ብምጅማር ኣብ ሓደ ዓመት ጥራሕ 10000 /ሕሙማት ኤድስ ሕክምና ፀረ-ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ተጠቀምቲ ክኾኑ ክኢሎም'ዮም።

## ኣድላይነት ምቅፅፃል ህዝባዊ ምልዕዓል ኣንፃር ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ

ህዝባዊ ምልዕዓል ማለት ሕብረተሰብ ብዋናነት ንፀረ-ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ስራሕ ምንቅስቃስ ክገብር ምልዕዓልን እጃም መሪሕነት ክፃወት ምግባር'ዩ። ማሕበረሰብ ብሰንኪ ለበዳ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ቀንዲ ተጠቃሚ ስለዝኾነ ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን ከምኡ'ውን ብሰንኪ ኤድስ ዝስዕብ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ቅልውላው ንምንካይን ንኹሉ ዝሓቖፈ ግብራዊ ምላሽ ምትላም ምፍፃምን ግዲኡ ክፃወት ምግባር'ዩ። ገፊሕ ህዝባዊ መሰረት ዘለዎ ፀረ-ኤድስ ምንቅስቃስ ንምግባር

ብቐጻምነት ሕብረተሰብ ኣብ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ናይ ባዕሉ ፀገም ምኳኑን ነዚ ፀገም ንምፍታሕ እቲ ቀንዲ ባዕል ዋና ባዕሉ ህዝቢ ምኳኑን ኣብ ክይዲ ህዝቢ ሃፍቲ ኣተኣኻኺቡ ምጥቃም ከምዘለዎ ክግንዘብ ኣለዎ። እዚ ኽይዲ ድማ ህዝባዊ ምልዕዓል ምጥቃም ከምዘለዎ ክግንዘብ ኣለዎ። እዚ ኽይዲ ድማ ህዝባዊ ምልዕዓል ንምክያድ ኣድላይ ክኾን ይገብር። እቲ ምልዕዓል ብዋናነት ሃፍቲ ማሕበረሰብን ከባቢን ማእኸል ዝገበረን ኮይኑ ኣብዚ ከም ቁልፊ ዕላማ ዝውስዶ ኣሎ። እዚ ድማ ህዝቢ በዓልዋና ስራሕቲ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንምግባር ኣብዚ መጻይ እቲ ሕብረተሰብ ንጡፍ ተሳትፎ ክገብርን ዘሎ ተፀባይነት ብምውጋድ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን ኣብ ከባቢኡ ዘለዎ ትካላውን ህዝባውን ዓቕምታት ፀንቂቑ ንምጥቃም ዘኽእል ምንቅስቃስ ምፍጣር'ዩ።

## መትከላት ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ

### 1. ሕብረተሰብ መሪሕን ብዓል ዋና ክኸውን ምግባርን

ነቲ ለበዳ ምክልኻል ዝከኣል ተጠቃዒ ናይቲ ለበዳ ዝኾነ ሕብረተሰብ ባዕሉ ብምኳኑ በዓል ዋና ሰራሕቲ ምክልኻል'ውን ባዕሉ ሕብረተሰብ ክኸውን ጥራሕ'ዩ። ብመንፅር'ዚ ካብ ምትላም ጀሚሩ ክሳብ ምትግባር ስራሕቲ ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ብምጉልባት ፈቓደኛነት ብዝፈጥር ኩነታት ሕብረተሰብ ዘማእኸለ ክኸውን ምግባር። ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንምክልኻል ረድኤት ጠቓሚ ተኾነውን ረድኤት በይኑ መፍትሒ ቑልፊ ፀገም ኣይኾነን። እኳደኣስ ረድኤት ንበይኑ ናይ ተፀባይነትን ዕግዕተኛነት ስምዒት ዝፈጥር ብምኳኑ ቀፃሊ ዝኾነን ውዕኢታዊ ዝኾነ ስራሕቲ ምክልኻል ንምስራሕ ተፀባይነት ብምውጋዱ ንናይ ባዕልና ፀገም ባዕልና ንበፅሕን መፍትሒ ደለይቲ ምኳንናን ብምግንዛብ ዘለና ሓይሊ ኩሉ ፀንቂቕና ክንጥቀም ይግባእ።

### 2. መሪሕቲ ፖለቲካ፣ ትካላት ማሕበረሰብን ሓለፍቲ ስራሕን ብቑርፀኝነት ነቲ ምንቅስቓስ ክመርሑ ምግባር።

ብመንፅር ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ መንግስቲ ዝፃወቶ ግደ ነዊሕ'ዩ። በዚ መንፅር በብደረጅኡ ዝርከቡ ኣካላት ኣመራርሓ ግልፅነትን ተሓታቲነት

ብዝተኸተለ ኣሰራርሓ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ከም ቁልፊ ኣጀንዳ ልምዓት ተዋዲዶም ክትግበሩ ምኽኣል።

### 3. እቲ ምንቅስቓስ ንኹሉ ዝሓቖፈን ኩሉ ሴክተር ዘሳተፈ ክኸውን ንምግባር

ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ፀገም ጥዕና ጥራሕ ከይኾነ ዝተሓላለኸ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያውን ስነ-ኣእምሮኣውን ቅልውላው እዩ። ስለዝኾነ ነዚ ለበዳ ንምክልኻል ንኹሉ ዝሓቖፈን ዘሳትፍን ፃዕሪ ብምግባር ብውልቀ ሰብ ቤተሰብን ብትካል ብርኪ ለውጢ ባህሪ ከምፅእ ዝኽእል ካብ ጣብያ ክሳብ ሃገርለኸ ትልሚ ምሕንፃፅ ብስርዓት ምምራሕን ኣገዳስነት ኣለዎ።

### 4. ንኤች.ኣይ.ቪ. ዝተቓልዑ ክፉላት ሕብረተሰብ ኣብቲ ምንቅስቓስ ልዑል ተሳተፍቲ ክኾኑ ምግባር

ንኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝተቓልዑ ክፉላት ሕብረተሰብ /ብዝሙት ዝመሓደራ 'ጎዳና ተመሓደርቲ' መናእሰይ 'ደቂ ኣንስትዮ' ነዊሕ ርሕቐት ዝጓዓዙ ሹፌራት ከበድቲ መኻይን' ኣባላት ሰራዊት ወዘተ/ ብማሕበር ተወዲቦም ኣድላይ ዝኾነ ደገፍ ተገይሩሎም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ምክልኻል ስራሕቲ ክሳተፉ ብምግባር ኣብ ከይዲ ካብ ዝርከቡሉ ኩነታት ህይወት ክናገፎም ዘኽእሎም ፃዕርታት ምግባር።

### ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ቫይረስ ዝነብሩ ሰባት ኣብ ምልዕዓል

ሕብረተሰብ እጃም ሃልይዎም ምግላል 'ፍርሒን ምዕያፍን ሰይሮም ክወፁን ለበዳ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን ኣብ ዝግበር ሃገራዊ ምንቅስቓስ ካብ ተፀባይነት ብዝረሓቐ ኩነት ዕዙዝ ግደ ክህልዎም ምግባር።

### ናህሪ ቐልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ

ኣብ መበል 20 ክፍለ ዘመን ብሰንኪ ምንካይ ሞትን ሓምለዋይ ለውጢ ዝተረኸበ ምህርቲ ሕርሻ ምውሳኽ ዝፈጠሮ ባይታ ኣብ ዓለምና ዘሎ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ክዓቢ ገይርዎ ኣሎ። በዚ መዳይ ኣብ 2000 ዓ.ም.ፈ. ብሕቡራት መንግስቲ ዝወፀ መረዳእታ ዝሕብሮ ኣብ ዓለም በብዓመቱ 1.14% ወይ ከባቢ 75 ሚልዮን ህዝቢ ወሰኽ ከምዝርኢ ተሓቢሩ እዩ። እዚ ማለት ድማ ኣብ 2009 ዓ.ም.ፈ. በብመዓልቱ 220,980

ከምዝውለዱ ይሕብር። እተን ኣብ ዓለምና ብበዝሒ ህዝቢ ዝነብረለን ሃገራት ኣብዚ ሰደቓ ከከም ብርኪ ዕብየትን ብዝስዕብ ኣገባብ ተቐሚጡ ኣሎ።

| በዝሒ ህዝቢ ዘለወን 16 ሃገራት | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| ደረጃ | ሃገር | በዝሒ ህዝቢ | ዕለት | ሽፋን ብሚኢታዊ | |
| 1 | ቻይና | 1,339,290,000 | ነሓሰ 19, 2010 | 19.51% | |
| 2 | ህንዲ | 1,184,890,000 | ነሓሰ 19, 2010 | 17.26% | |
| 3 | ኣሜሪካ | 310,030,000 | ነሓሰ 19, 2010 | 4.52% | |
| 4 | ኢንዶኔዝያ | 231,369,500 | | 3.37% | |
| 5 | ብራዚል | 193,367,000 | ነሓሰ 19, 2010 | 2.82% | |
| 6 | ፓኪስታን | 170,310,000 | ነሓሰ 19, 2010 | 2.48% | |
| 7 | ባንግላዲሽ | 162,221,000 | 2009 | 2.36% | |
| 8 | ናይጀርያ | 154,729,000 | | 2.25% | |
| 9 | ራሽያ | 141,927,297 | ጥሪ 1, 2010 | 2.07% | |
| 10 | ጃፓን | 127,530,000 | ታሕሳስ 1, 2009 | 1.86% | |
| 11 | ሜክሲኮ | 107,550,697 | | 1.57% | |
| 12 | ፊሊፒንስ | 92,226,600 | ማእኸል-2009 | 1.34% | |
| 13 | ቬትናም | 85,789,573 | ሚያዝያ 1, 2009 | 1.25% | |
| 14 | ጀርመን | 81,882,342 | መጋቢት 31, 2009 | 1.19% | |
| 15 | ኢትዮጵያ | 76,221,000 | ሓምለ 2008 | 1.15% | |
| 16 | ግብጺ | 78,650,000 | ነሓሰ 19, 2010 | 1.15% | |

**ብከላ ኣየር**

ከባቢ ኣየርና ብዝተፈላለዩ ጋዛት ዝተሸፈነ እንትኸውን ካብኡ እቲ ንህይወት ኣድላዪ ዝኾነ 21% ዝሸፍን ኦክሲጅን'ዩ:: እዚ ድማ መበቆሎ 70% ካብ ኘላንክተን ዝብሃሉ ኣብ ውቅያኖስ ዝርከቡ ደቀቕቲ ተኽልታትን 30% ኣብ መሬት ካብ ዝርከቡ ተኽልታት ይርከብ:: እዚ ዘመላኸት እንድሕር ማይ ተበኪሉን ኣግራባት በሪሶምን እዚ መጠን ይዛባዕን ህይወት ዘለዎም ነገራት ኣብ ሓደጋ ይወድቑ። ኣየር ብቀጥታ ኣብ

ሞንጎ እቶም ንጥረ ነገራት ብዝፍጠር ፍሕፍሕን ብሰንኪ ካብ ዝተፈላለዩ ፋብሪካታትን ክሽነታትን ዝወፅእ ትኪ (smoke) ዝፍጠሩ እዮም።

**ብከላ ኣየር ዝፈጥሩ ተዋሳእቲ ከባቢ ኣየር**

1. ካርቦን ሞኖ ኦክሳይድ ካብ መኻይንን ካብ ተፈጥሮ ነዳድታት ብዝቀፃፀል ትኪ ዝፈጠር'ዩ:: ንኣብነት ብ1983 ዓ.ም.ፈ ኣብ ኣሜሪካ ጥራሕ 67 ሚልዮን ቶን ካርቦን ሞኖ ኦክሳይድ ናብ ከባቢ ኣየር ክሰራጨው ክኢሉ ተባሂሉ ነይሩ::
2. ሳልፈር ኦክሳይድ ኣብ ናይ ዝፈጥር ፈሓም ነዳዲ ስለዝርከብን እዚ ድማ ኣብ ከባቢ ኣየርና ምስ ማይ ትነት (Water Vapor) እንተተሓዊሱ ስለዝሓቅች ብዛዕዛዕታ መልክዕ ናብ ኣሲድ ተቐይሩ ሓደጋ ይፈጥር::
3. ናይትሮ ኦክሳይድ እዚ እውን ሓያል ዋዒ ካብዘለዋም ንተፈጥሮኣዊ ነዳዲ ምቅፅፃል እንትኸውን ካብ ካልኦት ባክቴርያታትን ዝግበር ፍሕፍሕ ኣብ ከባቢ ኣየር ካብዘሎን ዝፍጠር እዩ።
4. ሃይድሮ ካርቦንስ እዚኦም ኣብ ከይዲ ምቅፅፃልን ምዕራይ ነዳዲ ሙሉእ ብሙሉእ እንተይተቓፀለ ብዝተርፍ ጋዝ እቶም ሓደገኛ ናይ ሃይድሮ ካርቦን ትሕዝቶ ዘለዎን ሚቴን ($CH_4$) ምኺኑ ይፍለጥ።
5. ብክለታት (Particulates) ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዝተፈላላዩ ናይ ማእድናት ስራሕቲ እንትካየድ ብከላን ናብ ኣየር እንትሕወሱ ብፍላይ ሬድዮ ኣክቲቭ እንብሎም ከም ሜርኩሪን ሊድን (እርሳስ) ሓደገኛ ኩነታት ኣየር ይፈጥሩ።

**ብከላ ማይ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ፍልፍላት** (sources)

1. ነቑጣዊ ብከላ (Point source pollution)፣ ኣብ ዝተወሰነ ቦታ ብዝፈጥሩ ብኽለት ማይ ዝፍጠር
2. ዝተዘርግሐ ብከላ ዝበሃል ኣብ ካሊእ ቦታ ተፈጢሩ ብዝተፈላላዩ ኣገባባት /እንተስ ብንፋስ፣ ብማይ ወይድማ ፈሳሲ / ዝፍጠር እንትኾን ኣብዚ ንኣብነት ዝጥቀስ ኣብ ጎዳና ዝፈሱ ውሑጃት

**ብከላ ማይ ዝፍጠረሉ መንገዲ**

1. ፈሳሲ (Sewage)፣ 70% ህይወት ካብ ዘለዎ (Organic) ከምኡድማ 30% ህይወት ካብዘይብሎም (In Organic) ትሕዝቶ ዘለዎ ኮይኑ ንልዕሊ 100 ዓይነት ቫይረሳት መበቆል ክምዝኾነ ዝተፈላለዩ መፅናዕትታት ይሕብሩ። ብፍላይ ፈሳሲ ኩሉሻዕ ምስ ናይ ክሽነ ጓሐፍ እንተተሓዊሱ ጥንክር ዝበለ ብከላ ይፈጥር።

ብሓፈሻ ዝተፈላለየ ብርኪ ፈሳሲ ኣሎ። እዚ ድማ ብዘለዎ ናይ ኩሎራይድ ትሕዝቶ ይውሰን ::

2. ናይ ኢንዱስትሪ ሓተላ (Industrial wastages)፣ እዚ ብፍላይ መሬትና ኣብ ዓብዩ ሓደጋ ኣውዲቕዎ ዝርከብ ዘሎ ከምናይ ኑክሌር ናይ መፃረዪ ነዳድታትን ካልኦት ሓተላታት ንብዙሕ ኣብ ባሕሪ ንዝርከብ ህይወታት መጥፋእቲ ይኸውን ኣሎ::

**ንብከላ ማይን ኣየር ምኽንያት ዝኾኑ ጉዳያት**

1. ካብ ኳዕቲ ማዕድንን ብሓያል ሙቐት ዝንቀሳቐሱ ፋብሪካታትን ናይ ብሎኬት ስራሕትን::
2. ናይ ተፈጥሮ ፈሓም ብበዝሒ ካብ ምጥቃም
3. ካብ ግልጋሎት መጓዓዝያ ዘቀላጥፋ መኻይን ዝወፅእ ትኪ
4. ካብ በዝሒ ህዝቢ ዝመፅእ ጓሓፍትን ፈሳስን ብፍላይ ኣብ ውሽጢ ገዛ ክሽነ ዝፍጠር ብከላ (Indoor air pollution) እዮም።

**ሜላታት መቆፃፀሪ ብከላ ኣየርን ማይን**

ሀ. ተጠቒምና ኣብ እንጉሕፎም ተረፈ ምህርቲ ማለት ሓተላን ፈሳስን ብሓፈሻ ደጋጊምካን ኣፃሪኻን ምጥቃም ምኽኣል

ለ. ዝተፈላለዩ ሜላታት ኣጠቃቕማን ኣተሓሳልዋን (ምሕካም ማይ) ቁጠባዊ ማይ ግልጋሎት ምምሃዝ

ሐ. ዝማዕበለ፣ እዋናውን ዘላቕን ዝኾነ ከባቢያዊ ቁፅፅር ምክያድ

መ. ከባቢያዊ መፅናዕቲ ትኹረት ዝሃበ ፅሩይ ማይ ኣለኻ ምምዕባል

ረ. ከባቢኻ ብተኽሊ ምሽፋን እዚ ድማ ብከላ ትኪ በቶም ተኽልታት ክንኪ ምግባር

ሰ. ካብ መካይንን ካልኦት ትካላትን ዝወፅእ ሃይድሮ ክሎሮ ካርቦን ምቕናስ ስለዚ ድማ ዝፈርዩ ምፍርቲ ካብዚ ናፃ ክኾኑ ምግባር። ንኣብነት ኣብዚ እዋን ዝፈርዩ ፍሪጃት ካብዚ ናፃ ክኾኑ እናተገበረ 'ዩ።

**ፅልዋታት በዝሒ ህዝቢ ቴክኖሎጂን ኣብ ለውጢ ኣየርን ምግፋሕ በረኻነትን**

1. ምሽንቋር ንፃፍ ኦዞን ኣብ ከባቢ ኣየርና ወይድማ ስትራቶስፌር ኣብ ዝበሃል ክፍሊ ካብ መሬትና ኣስታት 15 - 40 ኪ.ሜ ርሕቐት ዝርከብ ንመሬት ካብ ሓደገኛታት ጨረር ፀሓይ ብርሃን ዝከላከል ንፁፍ ኣየር'ዩ:: እዚ ግና ኣብዚ ሕዚ

እዋን መጠኑ እናነከየን - እናረቐቐን ጨረር ፀሐይ ብርሃን ብቐሊሉ ክሕልፍ እናተገደደን ይርከብ። ነዚ ምኽንያት ተገይሮም ዝውስዱ ድማ ክሎሪንን ናይትሪክ ኦክሳይድን እዮም።

ሀ. ሃይድሮ ፍሎሮ ካርቦን እንትኾውን እዚ እውን ዝፍጠረሉ መንገዲ ካብ ፍሪጅ ፎም' ፍሊት' ካልኦትን እዩ። እዚ ምህርቲ CFC ካብ 1930 ጀሚሩ ምስ ምስፍሕፋሕ ፋብሪካታት እናዓበየ መፂዩ ኣሎ።

ለ. ናይትሪክ ኦክሳይድ ዝፍጠር ካብ ኒትሬትን (Nitrate) ናይትሬትን Nitrites ዝበሃሉ ኣብ ሓመዱን ማይ ካብ ዝርከቡ ብፍላይ ብሓይሊ ባክቴርያ ዝፃረዩ እዮም። እዚኦም ንቆልዕ ክሳብ ሞት ብምብፃሕ ይፍለጡ።

## 2. ዋዒ መሬት ምውሳኽ (Global Warming)

"Green house effect" እናተብሃለ ኣብ መሬትና ዝፍለጥ ብምኽንያት ካርቦን ዳይ ኦክሳይድ ኣብ ከባቢ ኣየር መጠን ምውሳኽ እንትኾውን ንሱ ድማ እቶም ካብ ፀሓይ ዝመፁ ነዋሕቲ ጨረር ካብ መሬት ተመሊሶም ናብ ህዋ ክኸይድ እንትብሉ (reradiating) ኣብ ሞንጎ እቲ ካርቦን ዳይ ኦክሳይድ ዓቢጡ ስለዝሕዞም መሬትና ካብቲ ቀደም ዝነበረ ዋዒ ንምውሳኽ ትግደድ። ስለዚ እዚ ጋዝ ብናህሪ ፀሓይ ጨረር ናይ ምሓዝ ተኽእሎ ስለዘለዎ ምሁራት ከምዝግምትዋ ካብ 1860 ዓ.ም.ፈ ጀሚሩ ክሳብ ሕዚ ኣብ ልዕሊ 130 ዓመታት ውሽጢ ከባቢ ኣየርና መጠን ካርቦን ዳይ ኦክሳይድ 30% ወሲኹ ይርከብ።

ንኣብነት ኣብዚ ዓመት እዚ 0.3 $^0$C በብዓሰርተ ዓመት ይውስኽ ኣሎ። እዚ ማለት ድማ ንልዕሊ 10000 ዓመት ካብዝነበሮ ወሰኽ ማለት መሬትና ካብዚ ሕዚ ዘለዋ ዋዒ ብ0.5$^0$C እንተወሲኻ ኣብ መሬትና ርኡይን መሰረታዊ ለውጢ ኣብ ከባቢና ይፍጠር። ንኣብነት ምሕቃቕ በረድ ዕፊት ባሕሪ ምውሳኽ (Sea invasion) ካልኦት ፀገማትን ይፈጥሩ። እዚ ማለት ድማ በብ10 ዓመት ዕፊት ባሕሪ እንትወስኽ ማለት ኾይኑ በዚ መሰረት ኣብ 2030 ዓ.ም.ፈ ፀፍሒ ባሕሪ ብ20 ሜ. ክዓቢ እዩ ተባሂሉ ይግመት።

ካርቦን ዳይ ኦክሳይድ ($CO_2$) ጥራሕ እንተይኮነስ ሜቴን ካብ 20 - 40% ናይትሪክ ኦክሳይድ ካብ 10 - 20% መጠኖም ስለዝውስኽ እዚኦም ተደማሚሮም ምስቲ ዘሎ ተዓፃፃፋይ በዝሒ ህዝቢ ተወሲኹ ናይ ተፈጥሮ ሚዛን ምዝባዕን ብዘምፀኦ ሽግር ኣብ

ሓደጋ ንምውዳቕ ይግደዱ። ናይዚ ፍርያት ድማ ሕፅረት ዝናብ፣ ምህርቲ ሕርሻ ምንካይን ምዕልቕላቅ መሬትን ይኸውን:: ብሃገር ደረጃ ድማ ናይ ኤ.ፌ.ዲ.ሪ መንግስቲ ነዚ ኣመልኪቱ ዝተፈላለዩ ሕግታት ዘውፀአ እንትኸውን ብፍላይ ፖሊሲ ከባቢ (environmental policy) ዝስዕቡ ቁምነገራት ሒዙ ይርከብ::

- ናይ ኣየር ለውጢ ብዝምልከት ተኸታታሊ ቁፅፅር ብሃገር ደረጃ ምክያዱን ችግርና በዚይ መዳይ ኣነፂርካ ምፍላጥ ብፍላይ ሃገርና ንለውጢ ኣየርን ንምግፋሕ በረኻን ዝተቃለዐት ብምኻና
- ንፁርን ግልፂ ዝኾነ ዝምድና ኣብ ሞንጎ ሃብቲ ተፈጥሮን ምህርቲ ሕርሻን ጥዕና፣ ሓደጋ ምክልካልን መንበሪ ቦታን ምስ ከባቢ ሓለዎ ዘለዎ ዝምድና ምርኣይ፣
- ኣብ ንፃፍ ኦዞን ዝግበር ዓለም ለኻዊ ቁፅፅር ምትሕብባር ብፍላይ ኣብ በረኸቲ ቦታታት ሃገርና ይኹን ኳዕቲ ማይ ትኹረት ምግባርን ዝብሉ ’ዮም።

3. ኤልኒኖ

ኤልኒኖ ዝብሃል ናይ ተፈጥር ክስተት መበገሲኡ ኣብ ሞንጎ ውቅያኖስ ፖስፊክ ይረአ። እዚ ኩነታት ካብ ደቡብ ኣብ ዝነፍሱ ነፋሳት (South ease trade winds) ኣብቲ ላዕለዋይ ገፀ ናይ ውቅያኖስ ውዕየት ስለዝውስኽ ካብ 1-4$^{0}$C እቲ ዑደት ክሰናኸል ምኽንያት ይኾን። እዚ ድማ ካብ 3-7 ዓመታት ሓደ ጊዜ ይፍጠር። ካብዚ ተደሪኾም ንምክልኻል ኤልኒኖ /ወይድማ ቅድመ መጠንቀቕታ/ ሳይንቲስት ቅድመ ትንበያ ምሃብ ክኢሎም ኣለዉ። ብኤልኒኖ ካብ ዝፍጠሩ ቀንዲ ኢኮኖሚያዊ ፀገማት ዝበሃሉ፤

- ኣብ ፓስፊክ ውቅያኖስ ብፍላይ ብርሰት ዓሳታት ይኸሰት
- ናይ ሞንሱን (monsoon) ዝበሃል ኣብቲ ከባቢ ዝረአይ ነፋስ ዑደቱ እንትዛብዐ፤ ንኣብነት ኣብዚ እዋን 20 ሚልዮን ፓኪስታናውያን ብሰንኪ ውሕጅ ኣብ ሓደጋ ምውዳቖምን ኣብ ቻይና ዘጋጠመ ፀገም ናይዚ ውፅኢት ከምዝኾነ
- ድርቂ ውሕጅ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ዓለም ክፍልታት ምህላዉ
- ጥፍኣት ኣብ ልዕሊ መሰረታዊ ትካላት /መንገዲ መራኸቢ ወዘተ/

- እቶት ኢንዱስትሪን ሕርሻን ምንካይ
- ብርሰት ኣብ ብዝሓ ሂወት (Biodiversity) ፍግረ መሬት ምግፋሕ። ኣብ ሃገርና ኤልኒኖ ፅልዋ የሕድር ምኳኑ እናተፈለጠ ይኸይድ ኣሎ። እዚ ዝግለፀሎም ኣብ ምህርቲ ሕርሻ ምንካይን ምስፍሕፋሕ ሕማም ዓሶን መግለፂ ኤልኒኖ እዩም::

**ለውጢ ኣየር ዝፈጥሮም ሳዕቤናት**

ናይ ሞት መጠን ይውስኽ። ብሰንኪ ሓያል ዋዒ ዘጋጥም ምኽንያት ሕማም ልብን ሳንባን ብፍላይ ኣብ ቆልዑን ኽማግለታትን ንሞት የቃልዑ።

1. ተላበድቲ ሕማማት ብበዝሒ ይሰራጨዉ። እዚ ማለት እቶም ሕማም ዘስዕቡ (Vectors) ብቐሊሉ ንክራብሑ መንገዲ ይኸፍት።
2. ናይ ማይ ሕፅረት - ዝናብ ምንኣስ 'ዓቐን ሓፉ ናብ ሰማይ ምውሳኽን ድርቅን ጥምየትን መጋደዲ ይኸውን
3. ዝተፈላለዩ ዘራእቲ ተኽሊ ይኹኑ እንስሳት ካብ ገፀ ምድሪ ንሓዋሩ ምጥፋእ ነዚ ምኽንያት ተባሂሉ ዝግመት ለውጢ ኣየር ጥራሕ እንተይኮነስ ብለውጢ ኣየር ምኽንያት ብዝፍጠሩ ሓሳኹን ሕማምን'ዩ::

**ዓለምለኽ ትካላትን መትከላትን ሰብኣዊ መሰል**

ሕቡራት መንግስቲ ካብ ዝተመሰረተሉ ጀሚሩ ዝተፈላለዩ ኣዋጃትን ስምምዕን ኣብ ሰብኣዊ መሰላት ምርግጋፅ እናተኻየደ መፅዩ እዩ። ነዚ ንምርዳእ ከምቸወና ግና በብቅደም ሰዓቦም ብሕቡራት መንግስቲ እናተሳለጡ ዝመፁ ዓበይቲ መደባት ሰብኣዊ መሰል ክንሪኢ ኢና።

1. ኣብ ቻርተር ሕቡራት መንግስቲ ኩሎም ኣባል ሃገራት ኣብ ሰብኣዊ መሰል ናብ ሓደ ምርድዳእ ንኽበፅሑ ተገይሩ።
2. ውድብ ሕቡራት መንግስቲ ካብቲ ዘለዎ ቻርተር ተበጊሱ ኩለመዳያዊ (ኣድማሳዊ) ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰል ከም ፈላማይ መስርሕ ሰብኣዊ መሰል ንኽእወጅን ንኽጋውሕን ተገይሩ።
3. ንልምዓትን ምዕባለን ወዲሰብ ኣገደስቲ ዝኾኑን ኣብ ሰብኣዊ መሰል ከም ኣገደስቲ መስርሕ ዝተወሰዳ ክልተ ገዛእቲ ኣዋጃትን መስርሕ ሰብኣዊ መሰልን

ተጻልዮም ክቸርቡ ክኢሎም። እዚኦም ድማ ማሕበረ ኢኮኖምያውን ባህላውን መሰላት እዮም።

4. ኣብ 1970ታት ንዝነበሩ መዕነውቲ ተግባራት ማእኸል ዝገበሩ ፀረ ዘርኣውነትን (ፀረ ኣፓርታይድን) ኢሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ገበነኛታት (torture) ኣመልኪቶም ዝወፁ መስርሓት
5. ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ብግልፂ ዝረኣዩ ፀገማት፤ ንተኣሳሕቲ ወገናት ዝድግፉ ንደቂ ኣንስትዮን ምግላልን ንመሰል ህፃውንቲ ዝጣበቑ ክልተ ኣገደስቲ መስርሕ ሰብኣዊ መሰል ኣለዉ።
6. ካብ እዋን ናብ እዋን ብሰንኪ ኩናት፤ ድርቂ፤ ድኽነት ዝስደዱ ሰራሕተኛታት ምስ ስድርኦም ሓለዋ ዝግበረሉ መስርሕ ምትግባር
7. ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ሕግታትን መስርሕን ኣብ ባይታ ብኸመይ ኣገባብ ይትግበሩ ከምዘለዉ ዝከታተል ናይ ሓባር ምርድዳእ ዘለዎ ስምምዕ (treaties) ብኣባል ሃገራት ምፅዳቕ
8. ኣብ ኣፍልጦን ኣተሓሳስባን ሰብኣዊ መሰላት ንፁር ስራሕ ንምስራሕ ዘኽእል ኣወዳድባ ክትትልን ምህላው።

**ሓፈሻዊ መትከላት (General principles)**

1. ናይ ህዝብታት ዓርሰ ውሳነ ምርግጋፅ መሰል (ዓንቀፅ 1 )
2. መሰላት ማሕበረ-ኢኮኖምን ባህልን ቀንዲ ትኹረቱ ኣብ ተቐፃፃላይ ምዕባለን ሃፍቲ ተፈጥሮ ብዝለዓለ ብርኪ ምጥቃምን ዓለም ለኸ ሕብረት ዘጠናኽር ክኸውን (ዓንቀፅ 2፡1)
3. ሰብኣዊ መሰል ኣብ ምኽባርን ምርግጋፅን ዝኾነ ኣፈላላይ ክህሉ የብሉን (ዓንቀፅ 3)
4. ኣብ ሰብኣዊ መሰል ምርግጋፅ ንፆታዊ ማዕርነት ትኹረት ምሃብ (ዓንቀፅ 3 )
5. ሰብኣዊ መሰል ብግቡእ ተኸቢሩ ዝበሃል ኣብ ታሕቲ ዝግለፁ ዝርዝር መሰላት እንትትግበሩ እዮም (ዓንቀፅ 4)

**ኣገደስቲ መሰላት (substantive rights)**

ዓንቀፅ 6 ናይ ምሰራሕ መሰል

ዓንቀፅ 7 መሰል ምችው ኩነታትን ፍትሓውን ስራሕ

ዓንቀፅ 8 መሰል ምውጻብ ሰራሕተኛታት

ዓንቀፅ 9 መሰልማሕበራዊ ድሕንነት

ዓንቀፅ 10 ቤተሰብ ኣዴታትን ህፃውንትን ምክንኻን

ዓንቀፅ 11 መሰል ደረጅኡ ዝሓለወ ጥዕና ናይ ምርካብ

ዓንቀፅ 12 ብቕዓቱ ዝሓለወን ዝለዓለ ሓለዋ ጥዕና ናይ ምርካብ መሰል

ዓንቀፅ 13 ትምህርቲ ናይ ምርካብ መሰል

ዓንቀፅ 14 ቀዳማይ ብርኪ ትምህርቲ ናይ ምርካብ

ዓንቀፅ 15 ባህላዊ መሰል ምርግጋፅ ፣ ተጠቀምቲ ሳይንሳዊ ምዕባለን ክንክን ንብረት ውፅኢት (Intellectual property)

ስለዚ ልምዓት ናይ ምርካብ መሰል እንትብሃል ዝርዝር ሰብኣዊ መሰል ተፈልዩ ዘይረአይ ኾይኑ ነዚ ትኹረት ንምሃብ ዝተፈለየ ግና ኣብ ኣፈፃፅማ ሰብኣዊ መሰል ይኹን ልምዓት ህዝቢ ብሓፈሻን ውልቀ ዜጋ ብፍላይን ኣብ ሃገራውን ከባቢያውን ልምዓት ናይ ምስታፍ ወፈያ ምግባር፣ ብውፅኢት ፖለቲካ፣ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያውን ባህላውን ልምዓት ተረባሓይን ሕጉሱን ምግባር ይኸውን። እዚ ኣካይዳ ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ መደባት ተመቒሉ ክረኣይ ኣለዎ ዝብሉ ብዙሓት ምሁራት እዮም። እዚ ድማ ኣብ ቪየና /ኦስትርያ/ ዝተኻየደ ኮንፈረንስ /1993 ዓ.ም.ፈ/ ዘረጋገፆም ኣንፈታት እዮም። እዚኦም ድማ፣

1. ደቂ ሰባት ናይ ልምዓት ማእኸል ስለዝኾኑ እዚኦም ድማ ብንጥፈትን ብነፃነትን ኣብቲ ልምዓት ብምስታፍ ናይዚ ውፅኢት ተረባሕቲ ክምዝኾኑ ምእማንን ንኣፈፃፅምኡ ፍሉይ ጠመተን ተበግሶን ምግባር።
2. ኩሎም ዜጋታት ኣብ ልምዓት ከባቢኦም ብውልቀን ብሓባርን ናይ ምስታፍ መሰልን ግቡእን ኣለዎም። ነዚ ንምፍፃም ድማ መትከላት ሰብኣዊ መሰልን፣ ነፃነትን ተሓልዮም ነቲ ሕብረተሰብን ንውልቆምን ድልየትን ረብሓን ብዘላቕነት ንምርግጋፅ ዘኽእሉ ኣግባባት ልምዓት ተጠቒሞም ካብ ድኽነትን ድሕረትን ምንጋፍ።
3. መንግስቲ መሰል ማእኸል ዝገበረ ልምዓት ንምርግጋፅ ዘኽእል ሃገራዊ ናይ ልምዓት ፖሊሲ ብምውፃእ ህዝቢ ተረባሓይ ልምዓት ንምግባርን ህዝቢ ትርጉም

ዘለዎ ተሳትፎ ዘረጋገፀሉ ልምዓት ተፈጢሩ ፍትሓዊ ዝርግሐ ልምዓት ምምዝጋብ ግቡእ ከምዘለዋ ርዱእ ምግባር ዝብሉ'ዮም።

"ኣብ ከይዲ ልምዓት ብቐጻምነት እቶም ኣገደስቲ ዘይኮኑን ነፃነት ዝግህሱ ኣንፈታት ብሕጋዊ መንገዲ ክውገዱ ኣለዎም። ነዚ ምስተገብረ ድማ ነፃነትን ልምዓትን ዘይፈላለዩን ዝደጋገፉን ምኺኖምን እኹል ኣፍልጦን ምሉእ ምርድዳእን ክግበር ኣለዎ። ነዚ እንትፍፅም ድማ ዘላቒ ልምዓት ጥራሕ እንተይኾነስ ህዝቢ ተረባሓይን ሕጉስን ዝገብር ልምዓት ይምዝገብ" ይብል ኣማርትያ ሲን።

"ልምዓት እንትብሃል ናብራ ዜጋታት ሰፊሕ መማረፅን ነፃነት ዝህብ፤ ናይ ምግላል ስምዒትን ኣካይዳን ዝንኪ፣ ብሰንኪ ሕማም ዝበፅሕ ቃንዛ ዝንኪ ፤ ከባቢ ሓለዋ ኣጠናኺሩ ብርስት ዝንኪ፣ ብሂወት ዝንበረሉ እዋን ተናዊሑ ምቹው ናብራ ዝፈጥር፣ ካብቲ ዝነበረ ድሑር ኣተሓሳስባ ናብ ዘመናውን ስልጡን ኣተሓሳስባን ባህልን ዝልውጥ ከምኡ ድማ ንህዝቢ ምዕባለ ዕንቅፋት /ማሕለኻ/ ዝኾነን ኹሎም ተግባራት መምዩ ዘውግድ ከምዝኾነን ነዚ ንምስላጥ ድማ ሓዱሽ ኣንፈት ናይ ልምዓት ስትራተጂ ይሓትት ይብል" ጆሴፍ ስቲግሊዝ። "ናይ ምእተ ዓመት ሽቶታት ጥራሕ ናይ ሕብረሰብ ሓፈሻዊ ዕላማታት ዘፈፅሙ ኣይኮኑን። የግዳስ ሽቶታት ብምንፃር ካብ ምሒር ድኽነት ንምንጋፍ ኣንፈት ዝሕብሩን ንመፃኢ ብሩህ እዋን ዓለምና ንምንፃርን ነዚ ንምትግባር ኩሉ ቃል ዝኣትወሉ ከምዝኾነ ይሕብሩ" ጂፍሬይ ሳክስ።

ኣብ ሕቡራት መንግስቲ ውሳነ ቁፅሪ 1997/72 ከምኡ'ውን 1998/72 ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰል ብኸምዚ ኣገባብ ኣቐሚጥዎ ይርከብ። ሓቐኛን ዘላቕን ልምዓት ዝረጋገፅ ፖለቲካዊ፤ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን መሰላት ህዝቢ ብሙሉእምነት እንትኸበር'ዩ። እዚኦም ኣብ ህዝቢ ማዕርነት ንምፍጣርን ሰላም ኣብ ምርግጋፅን ዝለዓለ ግደ ኣለዎም። ስለዚ ልምዓት ናይ ምርካብ መሰል ማለት ኩሎም መትከላት ሰብኣዊ መሰል ዝተኸበሩ ምኺኖም መዐቀኒ እዩ። እዚ ድማ ናይ ኩላትና ዕማም ኮይኑ ኩሎም ውልቀ ሰባት ነዚ ንምትልባት ዝከኣሎም ኩሉ ክገብሩን ብንጥፈት እናሳተፉን ርኡይ ለውጢ ማሕበረሰብ ኣብ ኩሉ ክፍጠር ይግባእ ብምባል ይገልፅ።

ክይዲ ልምዓት ናይ ምርካብ መሰል ንምፍታሽን ንምግምጋምን እንትድለይ ትኹረት ክውሃብ ዝግብኦም መዐቀንታት ሰብኣዊ መሰል ብሓደ ወገን ኣገደስቲ መለክዕታትን መትከልን ልምዓት ብኻሊእ ወገን ተዛሚዶምን ተዋዲዶምን ንምስራሕ ይኹን ኣፈፃፅመኦም ንምግምጋም ናይ ባዕሉ ኣሰራርሓ ክዳለወሉ ይግባእ።

**ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም**

**ዝተፈላለዩ ፍሉያት ትካላት ውድብ ሕቡራት መንግስትታት ዓለም**

| ሽም | ዝርዝር ሽም | ቤት ፅሕፈት | ዝተጣየሸሉ እዋን (ዓ.ም.ፈ) |
|---|---|---|---|
| FAO | ትካል ምግብን ሕርሻን | ጣልያን ሮም | 1945 |
| IAEA | ትካል ዓለምለኸ ኣቶሚክ ኢነርጂ | ኦስትርያ ቪየና | 1957 |
| IFAD | ዓለምለኸ ፋይናንስ ንልምዓት ሕርሻ | ጣልያን ሮም | 1977 |
| ILO | ዓለምለኸ ውድብ ሸቃሎ | ስዊዘርላንድ ጄኔቫ | 1946 |
| IMF | ዓለምለኸ ትካል ፋይናንስ | ዩ ኤስ ኤ ዋሺንግተን | 1945 |
| UNESCO | ትካል ትምህርቲ፣ ሳይንስን ባህልን | ፈረንሳይ ፓሪስ | 1946 |
| UNIDO | ዓለምለኸ ትካል ንልምዓት ኢንዱስትሪ | ኦስትርያ ቪየና | 1967 |
| WB | ትካል ባንኪ ዓለም | ዩ ኤስ ኤ ዋሺንግተን | 1945 |
| WFP | ትካል ፕሮግራም ምግቢ ዓለም | ጣልያን ሮም | 1963 |
| WHO | ውድብ ጥዕና ዓለም | ስዊዘርላንድ ጄኔቫ | 1948 |
| WIPO | ውድብ ምሁራዊ ንብረት | ስዊዘርላንድ ጄኔቫ | 1974 |
| UNWTO | ዓለምለኸ ትካል ቱሪዝም | ስፔን ማድሪድ | 1974 |

ኣብዚ ዓርባዕተ ዝተፈላለያ ትካላትን ኣብ ስራሕቲ ይኹን ዕማማት ናይቲ ውድብ ንምዕዋት ዘኽእሉ ካብቲ ኣብ ናይ ተምሃሮ መፅሓፍ ዝተገለፀ ንመሳልበቲ ብዝኸውን ኣገባብ ክቐርብ'ዩ።

**ዓለምለኻ ውድብ ሸቃሎ**

እዚ ውዳበ 182 ኣባል ሃገራት ሒዙ ዓርሱ ዝኸኣለ ሕግን ስርዓትን ብምድላው ስራሕቱ ዘሳልጥ ትካል'ዩ። ነዚ ትካል ዝመርሕ ፈፃሚ ኣካል ኮይኑ ዘገልግል ውክልና 28 ሃገራት ዝሓዘ እንትኾን ካብዚኦም እተን ዓሰርተ ብቀዋምነት ኣባላት ዝኾና እየን። እዚአን ብቀዋምነት ኣባል ዝዝኾና ዝርዝረን ብራዚል፣ ቻይና፣ ፈረንሳይ፣ ጀርመን፣ ህንዲ፣ ጣልያን፣ ጃፓን፣ ራሽያ፣ ዓባይ ብሪታንያን ሕቡራት መንግስቲ ኣሜሪካን እየን። ዝተረፉ ኣባል ሃገራት በብስለስተ ዓመት ብመረፃ ዝካየድ'ዩ።

እዚ ውዳበ ቀንዲ ዕላምኡ ብዓለም ብርኪ ስርዓትን ሕግን ምምሕዳር ጉልበት ኣመልኪቱ መዐቀንታት ብምድላው ኣብ ስራሕ ክውዕል ይገብርን ዓ.ም.ፈፃዕምኡ ይከታተልን። ምስዚ ተዛሚዶም ዝረኣዩ ናፅነት ሸቃሎ፣ ምቹው ናይ ስራሕ ቦታ፣ ንጥዕና ዘመቹ ስራሕ ምህላው፣ ናይ ምሸት ስራሕ፣ ምግላል፣ ጉልበት ህፃናትን ኣገዲድካ ምስራሕን ዝኣምሰሉ ጉዳያት ስጡም ክትትል ብምግባር ስራሕቱ ይፍፅም። ነዚ ዝምልከቱ ኣባል ሃገራት ሕጊ ንኸህልወን የተሓባብር። ነዚ ዝኾኑ ብመፅናዕቲ ዝተደገፉ ሕግታት ብምውፃእ በብሃገሩ ምስቲ ሕጊ ሃገሮም ተዋዲዱ ክዳሎን ከምኡ'ውን ከምዘሎ መገደዲ ሕጊ ኮይኑ ክትግበር ፃዕሪ ዝገብር ውዳበ 'ዩ። ኣብ ውድብ ዓለምለኸ ሸቃሎ ዝለዓለ ጠመተ ዝውሃቦ ምዝመዛ ጉልበት ህፃናት ምክትታል እንትኾን ነዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ

- ብስነ ኣእምሮ፣ ኣካል፣ማሕበራውን ሞራልን ኣብ ህፃናት ጉድኣት ስለዘብፅሕ፣
- ኣብ ትምህርቲ ኣሉታዊ ሳዕቤን ስለዘለዎ
- ዕድል ትምህርቲ፣ ትኹረት ኣብ ትምህርቲ፣ ትምህርቲ ንምቁራፅ ምኽንያት ስለዝኸውን
- ከቢድን ንነዊሕ ሰዓት ክሰርሑ ምግባር ዘብፀሖ ፀገም ዝኸፍኣ ስለዝኸውን ኣብዚ ዝግበር ትኹረት ዝለዓለ ይገብሮ።

ብተመሳሳሊ እዚ ትካል ኣገዲድካ ምስራሕ ዘውግዝን እዚ ተግባር ኣብ ምውጋድ ሰፊሕ ተግባር እናፈፀመ ይርከብ። ነዚ ኣመልኪቱ ኩለን ኣባል ሃገራት ብፈርማ

ዘፅደቐኦ ስምምዕነት ተፈፂሙ'ዩ። በዚ መሰረት በብዓመቱ ኣብዚ ዝነበረን ኣሉታን ኣዎንታን ዝምልከቱ ዳህሳስ ብምክያድ ፀብፃብ የቕርብ'ዩ።

ብኻሊእ ገፅ ሽቓሎ ኣብ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘሎ ግንዛበ ብምዕባይን ንሕሙማት ኤድስ ዝግበር ደገፍን ክትትልን ዝምልከት ፖሊሲን መምርሕን ብምድላው ክትትል እናገበረ ይርከብ። ኣብዚ ፖሊሲ ፍሉይ ጠመተ ዝተውሃቦም ጉዳያት፤

- ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ
- ሽቓሎ ዓለም ኩነታትን ዕልዋን ኤድስ ምክትታልን እቲ ሕማም ዝንክየሉ መንገዲ ምፍጣር
- በቲ ሕማም ዝተትሓዙ ሽቓሎ ምሕብሓብን ምድጋፍን
- ኣብ ሕሙም ኤድስ ዘሎ ምግላልን ምፅያፍን ምውጋድ ዝብሉ 'ዮም።

ኣብ ሃገራት ዘለዉ መበቆል ነበርቲ (Indigenous) መሰሎም ዝሕለየሉን ባህሎም መነባብሮኦምን ክሕሎን ክድገፉን ብምግባር ምስቲ ዘሎ ካሊእ ባህልን ልምድን ተሸባቢሮም ዝነብሩሉ ኣገባብ ምሕንፃፅን ነዚ ብተግባር ምውዓል። ብሓፈሻ እዚ ትካል በብዓመቱ ኩነታት ሽቓሎ ብምክትታል መፅናዕቲ ብምክያድ ንልምዓትን ካልኦት ስራሕትን ረብሓ ክውዕል ኣብ ምግባር ንጡፍ ተራ ዘለዎ ዓለማዊ ትካል'ዩ።

**ውድብ ፕሮግራም ምግቢ ዓለም**

እዚ ትካል ከም ቁልፊ ገይሩ ዝወስዶ ድኽነት ምውጋድን ኣብ ጉድለት ምግቢ ዘሎ ክፍተት ምምላእን እንትኾን ነዚ ንምፍፃም ዝስዕቡ ተግባራት ዘሳልጥ'ዩ።

1. ኣብ ስደት ንዘለዉን ኣብ ዘይተሓሰበ ሓደጋ ንዝወደቑ ደገፍ ብምሃብ ሂወት ምድሓን
2. ንሓደጋ ዝተቓልዑ ህዝብታት ሂወቶም ካብ ሓደጋ ምሕላውን ኣብ ስነ መኣዛ ዘሎ ፀገም ዝመሓየሽሉ ኩነታት ምፍጣር
3. ንድኻታት ዝተፈላለዩ ጉልበት ተኮር ስራሕቲ ብምፍጣር ኣብዚ ብምውፋርን ጥሪት ዘዋህልሉሉን ዓርሶም ንምኽኣል ሰፋሕቲ ፃዕርታት ምግባር ዝብሉ'ዮም።

ትካል ምግቢ ዓለም ኣብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ሓገዝ ምግቢ ዝካየደሉ ትካል እንትኾን እዚ ድማ ሰብኣውነት ማእከል ገይሩ ኣብ መላእ ዓለም ስራሕቲ ዝፍፅም'ዩ። በዚ መዳይ ብማእኸላይ 90 ሚልዮን ዝኸውን ህዝቢ በቲ ትካል ዝሕገዝ ኾይኑ ካብዚ 58 ሚልዮን ህፃናት'ዮም። ንኣብነት ኣብ 2006 ዓ.ም.ፈ ኣርባዕተ ሚልዮን ሜትሪክ ቶን ምግቢ ን87.8 ሚልዮን ህዝቢ ኣብ 78 ሃገራት ሓገዝ ምግቢ ተኻይዱ። ካብዚ ተጠቃሚ 63.4 ሚልዮን ብህፁፅ ኩነታት ሓገዝ ምግቢ ዝተዓደሉ እዮም። ኣብዚ እዋን ብቐጥታ ዝገብሮ ወፃኢ 2.9 ቢልዮን ዶላር ዝበፅሐ ኮይኑ ካብዚ መብዛሕትኡ ንህፁፅ ሓገዝ ወፃኢ ዝግበር'ዩ። በዚ መሰረት 64 ሚልዮን ተሓጋዚ ዘለዋ ዝለዓለት ናይዚ ፕሮግራም ተጠቃሚት ሱዳን እያ። ብኻልኣይ ብርኪ ኢትዮጵያን ኬንያን እየን።

ትካል ምግቢ ዓለም ዋና ቤት ፅሕፈቱ ኣብ ጣልያን ሮም ኮይኑ ኣብ 80 ሃገራት ቅርንጫፍ ወይድማ ወኪል ቤት ፅሕፈት ኣለዎ። ኣብዚ ዝሰርሑ ልዕሊ 9139 (2007 ዓ.ም.ፈ) ዘለዉ እንትኾኑ ካብዚኦም ልዕሊ 90% ዝኾኑ ኣብ ባይታ ዝተዋፈሩ'ዮም። እዚ ትካል ዝምራሕ ንሓሙሽተ ዓመት ዘገልግል ዋና ዳይሬክተር ኮይኑ እዚ ድማ ብዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስትን ዳይሬክተር ጀነራል ትካል ምግብን ሕርሻን ዓለም ዝሸየም'ዩ።

ብሓፈሻ ትካል ምግቢ ዓለም ኣብ ዘካይዶ ደገፍ ምግቢ ንህፃናት ደቂ ኣንስትዮን ፍሉይ ጠመተ ብምሃብ ስራሕቱ የፈፅም። ንኣብነት ኣብ 2010 ዓ.ም.ፈ ኣብ ሃይቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ምንቅጥቃጥ መሬት ወይ ርእደ መሬት ነዚ ማእከል ብምግባር ናይ ምግቢ ደገፍ ዝገበረ'ዩ። ብተወሳኺ በዚ ትካል ደገፍ ዝግበረሉ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝካየድ ናይ ምግብና ግልጋሎት (School feeding program) ኣብ 71 ሃገራት ንተምሃሮ ሓገዝ ዘካይድ'ዩ። ኣብዚ ዝግበር ደገፍ ተምሃሮ ብሰንኪ ስእነት ምግቢ ትምህርቶም ከየቋርፁን ብኣግባቡ ትምህርቶም ክከታተሉ ንምግባር እንትኾን ኣብዚ ብፍላይ ፀገም ተምሃሮ ደቂ ኣንስትዮ ንምቅላል ዝዓለመ'ዩ።

**ኣብ 2009 ዓ.ም.ፈ ንሕቡራት መንግስታት ዓለም ዝለዓለ ክፍሊት ዝሃባ 10 ሃገራት**

| ሽም ሃገራት | መጠን ብሚኢታዊ |
|---|---|
| ሕቡራት መንግስቲ ኣሜሪካ | 22.00% |
| ጃፓን | 16.624% |
| ጀርመን | 8.577% |
| ዓባይ ብሪታንያ | 6.642% |
| ፈረንሳይ | 6.301% |
| ጣልያን | 5.079% |
| ካናዳ | 2.977% |
| ስፔን | 2.968% |
| ቻይና | 2.667% |
| ሜክሲኮ | 2.257% |
| ካልኦት ኣባል ሃገራት | 23.908% |

**ግሎባላይዘሽን (ሉላውነት)**

**ግሎባላይዜሽን ኣመልኪቱ ዝውሃቡ ዝተፈላለዩ ትርጉማት**

- ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዘለዉ ንርክብ ማሕለኻ ዝኾኑ ማለት ፍሰት ካፒታል፣ ሸቀጥ፣ ሓይሊ ሰብ፣ ግልጋሎት ወዘተ ብምውጋድ ንምትእስሳር ምችው ባይታ ምፍጣር
- ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዓለም ዘሎ ርክብ ብምጥንካር ብዝተኣፃፀፈ መንገዲ ዘሎ ፖሊስን ፖለቲካዊ ምምሕዳርን ብምትዕርራይ ሃገራውነት መንፈስ ብምልዋጥ ዓለምለኻውነት ምጥንኻር ምኽኣል ማለት እዩ።
- ኣብ ዓለም ዘሎ ስርዓት ምህርትን ልውውጥን ካብ ሃንቲ ሃገር ናብ ካሊእ ንምዝውዋር ብመንግስቲ ዝካየድ ዝነበረ ምክልካል ምውጋድን ነፃ ዝውወር ምፍቃድ ዝብሉ ብዋናነት ዝውሃቡ ትርጉም'ዮም።

**ታሪካዊ ጉዕዞን ምዕባለን ግሎባላይዘሽን**

ኣብ ዓለም ዘሎ ምትእስሳር ምስ ጉዕዞ ደቂ ሰባት ዝተኣሳሰረ ከምዝኾነ ዝፍለጥ ኮይኑ ብወሳናይ መልክኡ ናብዚ ሐዚ ዘለናዮ ብርኪ ንምብፃሕ ዝተፈፀሙ ዓበይቲ ተግባራት ብሓፂሩ ክቐርብ እዩ።

1. ኣብ እዋን 15 ክፍለ ዘመን ብዝለዓለ ደረጃ ዝሳለጥ ዝነበረ ዳሕሳስ ሓደሽቲ ከባብታት ኣብ ምርካብን ባህሊ ህዝቢን ምሕርቲን ንምልውዋጥ ዝሳለጡ ዝነበሩ

ዳህሳሳት ብፍላይ ብፖርቹጋላውያንን ብስፔናውያንን ይግበር ዝነበረ ዑደት ኣብ ሞንጎ ሃገራት ኣብ ንግዲ ዝተመስረተ ርክብ ንምዕባይ ምኽንያት ከምዝኾነ ይፍለጥ። ነዚ ከም ኣብነት ዝዝከር ኣብ 1492 ዓ.ም.ፈ. ብኮሎምበስ ናብ ኣሜሪካ ዝተገበረ ዳህሳስ ከም ሓደ ኣብነት መሰረት ከይኑ ኣውሮፓውያንን ኣሜሪካውያንን ንምርካብ ዝለዓለ ተራ ዝነበሮ'ዩ። ነዚ ስዒቡ ድማ ኣውሮፓውያንን ንኣሜሪካ ብኮለኒ ምትሓዞምን ብሕርሻ፣ ብባህሊ፣ ብንግዲ ምትእስሳር ክዓብይ ገይሩዎ እዩ።

2. ኣብ 16ን 17ን ክፍለ ዘመን ዓባይ ብሪታንያን ዳች ሆላንድን ዝተገበረ ንግዳዊ ምንቅስቃስን ነዚ ኣመልኪቱ በብቦትኡ ይጣየሹ ዝነበሩ ኩባንያታት ንኣብነት ብ1602 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ህንዲ ዝተጣየሸ ኩባንያ ነዚ ዓለምለኻ ምትእስሳር ዕቡቕ ባይታ ከምዝነበሮ ይዝከር።

3. ኣብ 19 ክፍለ ዘመን ዓባይ ብሪታንያ ብዝነበራ ኢኮኖሚያዊ ልዕልና ተመስሪቶም ንዝተጣየሹ ኢንዱስትሪታት ከምኡ'ውን መራኸቢ ሜላታት ንኣብነት ባቡር ካብ ሃገር ናብ ሃገር፣ ሰብ ሓይልን ምህርትን ብቕልጡፍ ንምዝውዋር ብምኽኣሉ በብኸባቢኡ ዝተፈላላዩ ማእድናት ክወፁ ብምኽኣሎም ካብ ኣውሮፓ ናብ ካልኦት ሃገራት ዝለዓለ ንግዳዊ ምትእስሳር ክፍጠር ተኻኢሉ'ዩ።

4. ኣብ መበል 20 ክፍለ ዘመን ዝተለዓለ ቀዳማይ ውግዕ ዓለም ስዒቡ ዝመፀ ዓብዪ ኢኮኖሚያዊ ቅልውላው ኣብ ሞንጎ ሃገራት ሓበራዊ ምርድዳእ ዝፈጥሩ መድረኻት ተፈጢሮም ብሰንኪ ድማ ዓለም ለኻዊ ስምምዕ ተኻይዶም እዮም። ብተወሳኺ ድሕሪ ካልኣይ ውግዕ ዓለም ኣብ ኣውሮፓን ኣሜሪካን ዝተፈጠሩ ዶብ ሰገር ኩባንያታት ኣብ መላእ ዓለም ብምዝርገሖም ብሓደ ገፅ ኣብ ሳይንስን ቴክኖሎጂን ሓደሽቲ ምዕባለታት ዘመዝገቡ እንትኾኑ ብካሊእ ገፅ ብምዕራባዊ ባህልታት ብሚዲያ፣ ብሙዚቃ፣ ብሬድዮን ብቴሌቪዥን ንኸጋውሑ ዝኽእሉ ኩነታት ተፈጢሩ። እዚ ድማ ዓለምለኻዊ ኣተሓሳስባ ክዓብን ክጠናኸርን ገይሩዎ እዩ።

5. ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም ነቲ ዝተፈጠረ ጥፍኣትን ብኽነትን ንምምሕያሽን ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዘሎ ሰላማዊ ርክብ ንምዕሳል ውድብ ሕብራት መንግስቲ ሓዊስካ ዝተፈላላዩ ትካላት ተጣይሸም እዮም። ካብዚኦም እቲ ዝላዓለ ቦታ

ዝውሃቦም ናይ ፋይናንስ ትካላት ዝኾኑ ከም  ትካል ባንኪ ዓለምን  ናይ ገንዘብ ፈንድን  ምጥያሾም ዓለም ብፋይናንስን ኢኮኖምን ኣብ ምትእስሳር ዝለዓለ ግደ ዝነበሮም እዮም ።  ብተመሳሳሊ ኣብ ዓለም ዘሎ ንግዲ ልውውጥ ብዘይምንም ማሕለኻ ብነፃ ንምዝውዋር ዘኽእል ስምምዕ ብምክያድን ነዚ ዘበረታትዕ ውድብ ትካል ንግዲ ዓለም ክጣየሽ ብምግባር ኣብ ምንቅስቃስ ንግዲ ዝነበሩ ፀገማት ብምውጋድ ምንቅስቃስ ንግዲ ካብቲ ዝነበሮም ብዝበለፀ መንገዲ ክሳለጥ እናገበሮ እዩ።

## ዝተፈላለዩ መግለፅታት ዓለምለኻውነት

ብሰንኪ ኣብ ዓለምና ዝረአ ዘሎ ስጡም ርክብን ምትእስሳርን ኣብዚ እዋን ዓለምና ዘለዋ ምስሊ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ንምግላፅ ይከኣል። በዚ መሰረት ፍሉይ ጠመተ ዝተውሃቦም ገፅታታት ካብዚ ንታሕቲ ክቐርብ'ዩ።

1. **ኢንዱስትሪ፤** ኣብ ዓለም ዘሎ ምህርቲ ብዝተዓፃፀፈ መንገዲ ኣብ ምዕባይ ስለዝርከብ እቲ ርክብ ናብ ዝለዓለ ብርኪ ክሳገር ክኢሉ'ዩ። ንኣብነት ብማኑፋክቸሪንግ ዝተረኽበ ፍርያት ኣብ 50 ዓመት ውሽጢ (ካብ 1955 ናብ 2005 ዓ.ም.ፈ) 100 ዕፅፊ ብምዕባዩን እዚ ድማ ናብ ገንዘብ እንትቕየር ካብ 95 ቢልዮን ናብ 12 ትሪልዮን ክበፅሕ ምኽኣሉ ዘመላኽት እቲ ምትእስሳር ክህልዎ ዝግባእ ምስሊ'ዩ። ብተመሳሳሊ ካብ 2000-2007 ኣብ ዘሎ ጊዜ ጥራሕ ቻይና ምስ ኣፍሪካ ዘሎ ንግዲ ብሾውዓተ ዕፅፊ ከምዝዓበየን እዚ ድማ ናይቲ ርክብ መርኣያ ይኸውን።

2. **ፋይናንስ፤** ኣብ 21 ክፍለ ዘበን ልዕሊ 1.5 ትሪልዮን ዝኣክል ገንዘብ ኣብ ዓለማውን ሃገራውን ኣብ ንግዲ ልውውጥ ልቓሕን ኢንቨስትመንትን ሓዊሱ ኣብ ስራሕ ከምዝውዓል ይግመት።

3. **ኢኮኖሚ፤** ኣብ ዓለም ዘሎ ንግዲ ልውውጥ፣ ፍሰት ካፒታልን ብነፃነት ንኽንቀሳቐስን ኣብ ሞንጎ ዝግበር ኢኮኖሚያዊ ምትእስሳር ንምጥንኻር ምቹው ባይታ ዝፈጥር ኾይኑ ኣብ ከይዲ ዝህሉን ዘጋጥምን ኢኮኖሚያዊ ቅልውላው ሃገራት ንምፍታሕን ንምድጋፍን ይከኣል።

4. **ጥዕና፤** ኣብዚ እዋን ኣብ ዓለም ዘሎ ኩነታት ጥዕና ምስ ንግዲ ተዛሚዱ ከም ሸቐጥ ስለዝረአን ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝፈረዩ መድሓኒታትን ንዋያት ሕክምናን ናብ ኩለን ሃገራት ኣብ ምዝርጋሕ ይርከብ። ብፍላይ ምስ ሳይንስን ቴክኖለጅን ዝፍረዩ መድሓኒታት ቀልጢፎም ናብ ዕዳጋ ዝበፅሑሉን በብሃገሩ ተረኺቦም መሰረታዊ ግልጋሎት ጥዕና ኣብ ምብፃሕ ዝለዓለ ግደ ኣለዎ።

5. **ፖለቲካ፤** ኣብ ከይዲ ዓለምለኻውነት ኩለን ሃገራት ተረባሕቲ ዝኾናሉ ኩነታት ዘሎ እንትኾን ብዝበለፀ ግና ሕቡራት መንግስቲ ኣመሪካ ኣብዚ ጉዳይ ልዕለ ሓያል ሃገር ብምኳና ብዝልዓለ ተረባሒት እያ። ኣብዚ እዋን ግና ቻይና ብኢኮኖምን ፖለቲካን ምዕባለ እናርኣየት ስለዝኾነት ኣሜሪካ ዝበፅሖቶ ብርኪ ንምብፃሕ እናተቐራረበት ትርከብ። ብኻሊእ ገፅ ኣመሪካ ኣብ ዓለም ዘለዋ ፀብለልታን ሓለፋን ብብዙሓት ሃገራት ተቓውሞ እናስዓበን ናይ ማዕረ ተጠቃምነት ሕቶ ብሰፊሑ እናተጋፍሐ ይርከብ።

6. **ሓበሬታ፤** ኣብዚ እዋን ዘሎ ፍሰት ሓበሬታ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ንምብፃሕ ዘኽእሉ መሳርሕታት ብዘመናዊ ቴክኖሎጂ ተደጊፎም ማለት ብሳተላይት፣ ቴሌኮም፣ ኢንተር ኔትን ብምጥቃም እዋናዊ ሓበሬታታትን መረዳእታን ናብ ኩለን ሃገራት ዓለም ብቐሊሉ ስለዝጋዋሕ እቲ ርክብን ምትእስሳርን ክቀላጠፍ እናገበሮ'ዩ።

7. **ባህሊ፤** ኣብ ከይዲ ኢኮኖምን ማሕበራውን ርክብ ዝተመስረተ ባህሊ ልውውጥ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ዕልዋ ዘለዎ እንትኾን ምስዚ ተኣሳሲሩ ክረኣዩ ዝግበኦም ጉዳያት ብከምዝስዕብ ቀሪቦም ኣለዉ።

   - ብፊልም፣ ድራማ፣ ሙዚቃ፣ ኣከዳድና ወዘተ ኣብ ሞንጎ ሃገራት ልውውጥ ክህሉ ይገብር። ንኣብነት ኣብዚ እዋን ኣብ ምዕባይ ዝርከባ ሃገራት ብምዕራባውያን ባህሊ ወራር ምኽንያት ኣብቶም መናእሰያት ኣሉታ እናፈጠረ ይርከብ።

- **ቋንቋ፤** ኣብ ዓለም ብበዝሒ ዝዝረበሉ ቋንቋ ማንደሪን ዝበሃል ኣብ ቻይና ዝዝረብ ኮይኑ 845 ሚልዮን ተዛረብቲ ኣለዉዎ። ስፓንሽ 329 ሚልዮን

ተዛረብቲ ካልኣይን እንግሊዝኛ 328 ሚልዮን ተዛረብቲ ብሳልሳይ ብርኪ ኣለዉ።ዎም። ኮይኑ ግና ኣብ ዓለም 35% መልእኽቲ፣ 40% ሬድዮ ፕሮግራምን ከባቢ 50% ኢንተርኔት ብእንግሊዝኛ ይካየድ። እዚ ድማ ካብ እንግሊዝን ኣሜሪካን ብዝመፀ ዕልዋ ምኧኑ ዘረዳድእዩ።

- **ቱሪዝም**፣ ዝተፈላለዩ ዜጋታት ሰብ ሰራሕን ተፈጥሮኣውን ኩነታት ንምርኣይ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ዑደት ይግበርዩ። በዚ መዳይ ብእግረ መንገዱም ናይ ባህሊ ልውውጥ ንምክያድ ምችው ኩነታት ይፈጥር። እዚ ናይ ቱሪዝም ኢንዳስትሪ እናተጠናኸረ እንትኸይድ ይረአ። ንኣብነት ኣብ 2008 ዓ.ም.ፈ ልዕሊ 922 ሚልዮን ቱሪስት በፃሕቲ ከምዝነበሩ ይሕበር።

- **ፍልሰት**፣ ብሰንኪ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖምን ማሕበራውን ፀቕጢ ዝተፈላለዩ ኣካላት ድኻታት ሕብረተሰብ ናብ ዝማዕበላ ሃገራት ይስደዱ እዮም። በዚ ኣቢሉ ባህላዊ ልውውጥ ንምክያድ ይከኣል። በዚ መሰረት ኣብዚ እዋንል ዕሊ 200 ሚልዮን ዝኾኑ ስዱዳት ኣብ ዓለም ከምዝርከቡ መረዳእታታት ይሕብሩ።

- **ስፖርት**፣ ኣብዚ ብዋናነት ኦሎምፒክን ኩዕሶ እግሪ ዓለም ንኣብነት ምጥቃስ ይከኣል። እዚ ድማ ዜጋታት ብስፖርት ኣቢሎም ዝገብርዎ ርክብ ባህላዊ ልውውጥን ስጡም ርክብን ንምፍጣርን ዝተመቻቸወ ባይታ ከምዝፈጥር ብተግባር እናተርኣየ ይርከብ።

8. **ማሕበራዊ**፣ ኣብ ዓለም ዘለዋ ድኻታት ሃገራት ብዝተፈላለዩ መበገሲ ማሕበራዊ ፀገማት ይረኣዩ እዮም። ነዚ ንምፍታሕ ብዝተፈላለዩ ዕላማታት ተመስሪቶም ደገፍ ዝገብሩ ዘይመንግስታዊ ትካላት ብበዝሒ እናተዋፈሩ ይርከቡ። ኣብዚ ስራሕ እንትዋፈሩ ምስቲ ኸባቢ ብባህልን ካልኦት ኣገባባትን ልውውጥ ንምፍጣር ዝኽእለሉ ኩነታት ይፍጠርዩ።

9. **ሕጋዊ ኩነታት**፣ ኣብ ዓለም ሕጋዊ ኣሰራርሓ ንምስፋን ከምኡ'ውን ገበንን ራዕድን ንምክልኻል ዘኽእል ርክብን ኣወዳድባን ብምፍጣር ዕቡቕ ተግባራት እናተፈፀሙ እዮም። ነዚ ኣመልኪቱ ሰፊሕ ስራሕ እናፈፀሙ ዝርከቡ ትካላት

ኢንተር ፖልን (ዓለም ለኸ ትካል ፖሊስ) ቤት ፍርዲ ዓለምን ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል።

**ግሎባላይዜሽን ምዕቃን**

ኣብ ስርዓት ዓለምለኻውነት ምስ ኢኮኖሚያዊ ምትእስሳርን ፍሰትን ተዛሚዶም ዝረኣዩ ገዛእቲ ዝኾኑ ዓርባዕተ ጉዳያት ኣለዉ። እዚኦም ድማ ዝስዕቡ እዮም።

- **ፍሰት ሸቐጣትን ግልጋሎትን፤** እዚ ምስ ወፃእን ኣታውን ተዛሚዱ ዝረኣን ኣብ ብሄራዊ እቶትን ሕድሕድ ብፅሒት ሃፍቲ ዜጋታት ዘለዎ ረብሓ ዘመላኽት'ዩ።
- **ፍሰት ሓይሊ ሰብ፤** እዚ ምስ ኣታውን ወፃእን ፍልሰት ሓይሊሰብ ዝረኣይ እንትኸውን ኣብቲ ህዝቢ ዝፈጥሮ ዕልዋ ዘመላኽት ይኸውን።
- **ፍልሰት ካፒታል፤** እዚ ምስ ቀጥታ ኢንቨስትመንትን ወይድማ ኣብ ኣታውን ወፃእን ካፒታል ምስ ብሄራዊ እቶት እናተዛመደ ዝረኣይ'ዩ።
- **ቴክኖለጂ፤** እዚ ኣብ ዓለምለኸ ዝተገበሩ መፅናዕትን ምርምርን ናብ ልምዓት ዝሳገሩሉን ዝተፈላለዩ ዝርግሐ መሰረተ ልምዓት ንምዝርጋሕ ብዘመቹ መንገዲ ዝሳለጥ'ዩ።

እዚኦም ኣብ ኢኮኖሚ ምትእስሳር ኣመልኪቶም ብቕዓትን ውፅኢትን ዓለምለኻውነት ንምዕቃን ዘኽእል እንትኾን ጥቕልል ብዝበለ መልክዑ እንትርኣይ እዚ ጉዳይ ኣብ ሓንቲ ሃገር ዘለዎ ኣሉታን ኣዎንታን ንምፍላጥ ኢኮኖሚ፣ ማሕበራውን ፖለቲካውን ጉዳያት ኣመልኪቱ ብመረዳእታ ዝተደገፈ ትንተና ምክያድ ኣገዳሲ ይኸውን። ካብዚ ብምብጋስ ድማ ነቶም ኣሉታታት ብዘወግድ መንገዲ እዚ ምትእስሳር ነታ ሃገር ረብሓ ዝውዕለሉ ኣሰራርሓ ምትእትታው የድልይ።

## 11. ኣግባብ ፈተሻን ገምጋምን

*መምህር! ተምሃሮ ነቶም ክጭብጥዎም ዝግብኡ ቑምነገራት ትምህርትን ክውንኑዎም ዘለዎም ክእለታትን ብቕዓትን ብትኽክል ክምዘዐወቱ ንምርግጋፅ ቀፃላይ ፈተሻ* (Continous Assessment) *ክካይዱ ግድን እዩ። ዝተፈላለዩ ሓገዛት ዘድልዮም ተምሃሮ ብቱቶርያል* (REMEDIATION CLASS) *ኣቢልኩም ናብቶም ካልኦት ዝበፅሕዎ ብርኪ*

ትምህርቲ ኽበፅሑ ምግባር'ውን ኣድላዪ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ስራሕን ተሳትፎን ሕድሕድ ተምሃራይ ነቶም ዕላማታት እዚ ምዕራፍ ከምዝጨበጡ ብተኸታታሊ ክፍተሽ ኣለዎ። ሕድሕድ ተምሃራይ'ውን በዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት ክምዘን ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተዳላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ። መምህር! ኣብዚ ማዕርነት ትምህርቲ ንምርግፅ ንተምሃሮ ደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ጠመተ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ እቶም ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ፤

- ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንምውጋእ ዘኽእልዎም ክእለታት ህይወት የማዕብሉ።
- ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንዝነብሩ ሰባትን ስድረኦምን ዝሕብሕቡን ዝድግፉን ሰባት ኣብነታቶም ተኸቲሎም ይሰርሑ።
- ኣንፈት ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ ይትንትኑ።
- ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምንካይ ዝተሓንፀፁ ሜላታት የለልዩ።
- ረብሓ ፖሊሲ ስነ ህዝብን ድኽነት ንምንካይ ዝተሓንፀፁ ሜላታትን ኢትዮጵያ ኣብ ህዝቢ የስርፁ።
- ኣብ ሞንጎ ፆታን ስነ ፆታን ዘሎ ኣፈላላይ ይገልፁ።
- ባህርያት ማዕርነት ስርዓተ ፆታ የለልዩ።
- ግደ መናእሰይ ኣብ ምስፍሕፋሕ ማዕርነት ስርዓተ ፆታ ይርድኡ።
- ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ፆታዊ ሃብታትን ጥቕዓትን የመልክቱ።
- ንደቂ ኣንስትዮ ስልጣን ምሃብን ብሓባር ምስራሕን ድኽነት ኣብ ምንካይ ዘለዎ ረብሓ ይገልፁ።
- ኣብነታት ወዲንነት የለልዩ።
- ወዲንነት ከመይ ከምዝውገድ ይገልፁ።
- ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ወዲንነት የመልክቱ።
- ዕላማታትን መትከላትን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም የብርሁ።
- ቀንዲ መሓውራት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ይፀርሑን ዕላማታቶም የብርሁን።
- ዕንሰ ሓሳብ ዓለምለኻውነት ይግንዘቡ።
- ዕቡቕ ኣጋጣምታት ፈተናታትን ንግዲ፣ ሓበሬታን ባህልን የለልዩ።

መምህር! ነቶም ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ብፍላይ ድማ ተምሃሮ ደቂ ኣንስትዮ ክነኣዱን ብፃዕሮም ንዝረኸብዎ ወፅኢት ድማ ኣፍልጦ ክወሃቦምን ኣለዎ። ንቸባሊ'ውን ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይተወሰኑ ጠንኪሮም ክሰርሑን ክተባብዑን ኣለዎም። እቶም ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ (Students working below the requirement level) ንመማህርቶም ሰዒቦም ንኸርክብዎም ተወሳኺ ደገፍ (Remediation) ክወሃቦም ኣለዎ። ኣብ ክፍልን ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ዕረፍትን በዓላትን ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርትን ክወሃቦም ኣለዎ። ኣግባብ ኣመሃህራ ማንዛ-ንማንዛ (Child to child or CTC) ብምጥቃም እቶም ካብ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ክሕግዝዎም ምግባር ኣገዳሲ እዩ። መምህር ኣብ ከይዲ ፍተሻ ነቶም ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን ኸረኽቡ ንዝግበኦም ፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ አድላዪ ኹሉ ኽትገብሩሎም ይግባእ:: ስለዚ ኣግባብ ፈተሻ'ዚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር'ዚ ምዕራፍ ብዝስዕቡ ኣግባባት ዝተሰነየ እዩ ዝኸውን።

1. ኣብ ሕድሕድ ክፍለግዘ ኣግባብ ሕቶን መልስን ስርዓት ሒዙ ክምራሕ ምግባር
2. ዕዮ ክፍልን ዕዮ ገዛን ስሩዕ ኣግባብን ስርዓትን ሒዙ ብተኸታታሊ ክትግበር ምግባር
3. ኣግባብ ምይይጥን ስርፀት ትምህርትን ብስርዓት ክምራሕ ምግባር
4. ሰሪሕኻ ምርኣይን ዕዮ ጉጅለን ብተኸታታሊ ብስርዓት ክምራሕ ምግባር
5. ተምሃሮ ዝተምሃርዎን ዝተረድእዎም ኣብ ክፍሊ ወዒኦም ክገልፁን ከረድኡን ምግባር
6. ኣብ ማእኸልን መወዳእታን እዚ ምዕራፍ ዘለዉ ሕቶታት ክስርሑን ክመያየጡሉን ምግባር
7. መጠቓለልን ሓፀርቲ ፈተናታትን ከም ስርዓት ምትእትታው
8. ሓፀርቲ መፅናዕታዊ ፅሑፋት ምቕራብ፣ ፖሊሲታትን ሕግታትን ምፅሟቕ

# 12. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ መልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን ዝተውሃቡ መልስታት

√ ንመልመዲ 4.1 ዝተውሃቡ መልስታት

ሀ.

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 1.ሓቂ | 2.ሓቂ | 3.ሓቂ | 4. ሓቂ | 5. ሓቂ |

ለ.

1. ጠመተ ዘድልዮም ጉዳያት እዞም ዝስዕቡ'ዮም፤

- ለውጢ ባህርይ ዘምፅኡ ስራሕቲ ህንፀት ዓቕሚ ምሃብ፣
- ኣብ ስራሕቲ መናእሰይ ርኡይ ለውጢ ዘመዝገቡ ኣካላትን ከባቢታትን ብምፍላይ ልምድን ተሞክሮን ክለዋወጡ ምግባር፣
- መናእሰይ ኣብ ፖለቲካ፣ ኢኮኖምን ማሕበራውን ጉዳያት ከባቢኦም ክሳተፉን ኣብ ዝዳለዉ ፖሊሲን ፕሮግራማትን ሓሳቦምን ድልየቶምን ብምፍላይ ልዑልጠመተ ምሃብን ክኣትው ብምግባርን ኣብዚ መዳይ ንጡፋት ተሳተፍቲ ዝኾኑሉ ኣገባብ ከም መትከል ምውሳድ፣
- መናእሰይ ማእኸል ዝገበሩ ግልጋሎት ዝህቡ ትካላት በብኸባብኡ ምኽፋትን እቶም ትካላት ኩለመዳያዊ ግልጋሎት ማለት ግልጋሎት ምኽሪ ዝረኽቡሉ ኩነታት ምምችቻው፣
- ኣብ ቤት ትምህርቲ ክለባት ጥዕና ስነ ተዋልዶ ወይድማ ስነ ህዝቢ ብምጥያሽ መናእሰይ ኣብዚ ሕማም ዘለዎም ግንዛበ ክዕብዩ ምግባር፣
- ንመናእሰይ ደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ጠመተ ምሃብ፣
- ኣብ ጥዕና ስነ ተዋልዶ ንመናእሰይ ኣብ ዝጥምቱ ጉዳያት መንግስቲ፣ ዘይመንግስታዊ ትካላትን ማሕበረሰብን ዝተዋደደ ስራሕ ምስራሕ።

2. ሓፈሻዊ ፖሊሲ ስነ ህዝቢ ሃገርና

- ህንፀት ኢኮኖሚ ብምጥንኻር ቁፅሪ በዝሒ ህዝቢ ብትልሚ ብምንካይን ኣብ ሞንጎ ዘይተመጣጠነ በዝሒ ህዝብን ትሑት ኢኮኖሚያዊ ዓቕምን ዘሎ ኣፈላላይ ምውጋድ፣
- ብዝተዋደደ መደብ ልምዓት ኣቢልካ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ዕብየት ብምቅልጣፍ ኢኮኖሚያዊ ምንቅስቓስ ክሰፍሕን ዕድል ስራሕ ክፈጥርን ምግባር፣
- ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝግበር መጠን ፍልሰት ህዝቢ ምንካይ፣
- ከባቢ ሓለዋን ክንክንን ዘጠናኽሩ ኣድለይቲ ስጉምትታት ብምውሳድ ብፍላይ ኣብ ከባቢ ገጠር ዝነብሩ ሰባት ናይ ምንባር ዓቕሞም ክሕለውን ክመሓየሽን ምግባር፣
- ደቂ ኣንስትዮ ካብ ፅዕንቶ ከቢድን ኣድካምን ስራሕ ብምንጋፍ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ መፍረይቲ ኾይነን ክሳተፋ ብምግባር ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ደረጀአን ክብ ምባል፣ ብቐሊሉ ብሓደጋ ክጥቅዑ ንዝኽእሉ ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮ መናእሰይን ህፃናትን።

3. ዕላማታት ፖሊሲ ስነ ህዝቢ ሃገርና

- ኣብ ሞንጎ ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝብን ትሑት ኢኮኖሚያዊ ምዕባለን ዘለዎ ክፍተት ንምምላእ ዝኽእሉ ብትልሚ ዝምራሕ ዕብየት በዝሒ ህዝብን ቕልጡፍ ኢኮኖሚያዊ ምዕባለን ምርግጋፅ፤
- ከይዲ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ብዝተዋደደ መንገዲ ምስላጥ፤
- ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዘሎ ፍሰት ወይድማ ስደት ምንካይ፤
- ደቂ ኣንስትዮ ካብ ባህላዊ ፅዕንቶታት፤ ካብ ከበድትን መድከምትን ስራሕቲ ዝላቐቓሉ ኣገባብ ምሕንፃፅን ናብ ዝለዓለ መፍረይቲ ክኾናን ብቑጠባ ዝጉልብቱሉ ባይታ ምፍጣር፤
- ሓለዋን ክንክንን ከባቢ ዘጠናኽሩ ስጉምቲ ምውሳድን መሬት ካብ ምሽካም ዓቕሚ ንላዕሊ ዝኾነሉ ባይታ ምንካይን ምክልኻልን፤
- ንሓደጋ ዝተቓልዑ ወገናት ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮ፣ መናእሰይ፣ ህፃናትን ኣረጋውያንን ማሕበራውን ቁጠባውን ኩነታት ምምሕያሽ ዝብሉ እዮም።

4.

| | ክልል | ሽፋን መሬት ብኪ/ሜ² | ብ1987 ዓ.ም በዝሒ ህዝቢ | ብ1999 ዓ.ም በዝሒ ህዝቢ | ዝተመዝገበ ዕብየት 12 ዓመታት |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ምሕዳር ኣዲስ ኣበባ | 530 | 2,100,031 | 2,738,248 | 30.39 |
| 2 | ዓፋር | 96,848 | 1,051,641 | 1,411,092 | 34.18 |
| 3 | ኣምሓራ | 159,174 | 13,270,898 | 17,214,056 | 29.71 |
| 4 | ቤንሻንጉል ጉሙዝ | 49,289 | 460,325 | 670,847 | 45.73 |
| 5 | ምምሕዳር ድሬዳዋ | 1,213 | 248,549 | 342,827 | 37.93 |
| 6 | ጋምቤላ | 25,802 | 162,271 | 306,916 | 89.14 |
| 7 | ሃረሪ | 311 | 130,691 | 183,344 | 40.29 |
| 8 | ኦሮምያ | 353,007 | 18,465,449 | 27,158,471 | 47.08 |
| 9 | ሶማሊ | 327,068 | 3,144,963 | 4,439,147 | 41.15 |
| 10 | ትግራይ | 50,079 | 3,134,470 | 4,314,456 | 37.65 |
| 11 | ደቡብ ህዝቦች | 112,343 | 10,377,028 | 15,042,531 | 44.96 |
| | **ድምር** | **1,127,127** | **51,766,239** | **73,918,505** | **42.79** |

5.

| | ከተማታት | በዝሒ ህዝቢ ብ1987 ዓ.ም | በዝሒ ህዝቢ ብ1999 ዓ.ም | ዝተመዝገበ ዕብየት 12 ዓመታት |
|---|---|---|---|---|
| 1 | ኣዲስ ኣበባ | 2,084,588 | 2,738,248 | 31.36 |
| 2 | ድሬዳዋ | 164,851 | 342,827 | 107.96 |
| 3 | ሃዋሳ | 69,169 | 259,803 | 275.61 |
| 4 | ኣዳማ/ናዝሬት | 127,842 | 222,035 | 73.68 |
| 5 | ባህር ዳር | 96,140 | 220,344 | 129.19 |
| 6 | መቐለ | 96,938 | 215,546 | 122.35 |
| 7 | ጎንደር | 112,249 | 206,987 | 84.40 |
| 8 | ሃረር | 76,378 | 183,344 | 140.05 |
| 9 | ደሴ | 97,314 | 151,094 | 55.26 |
| 10 | ጅማ | 88,867 | 120,600 | 35.71 |

5. - ኣብ ፖሊሲ ስነ - ህዝቢ ኣመልኪቱ ትምህርቲ ምሃብ፣
- ንደቂ ኣንስትዮ ምምሃርን
- ትሕቲ ዕድመ መርዓ ምውጋድን

6.

- መናእሰይ ሕማም ናይ ምኽልኻል ፍልጠቶምን ዓቕምን ክዓቢ ብምግባር ንዝተፈላለዩ ሕማማት ዘለዎም ተቓላዕነት ምንካይ፤
- መናእሰይ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣ ዓሶን ካልኦትን ተመሓላለፍቲ ሕማማት ዝጋፍሑሉ መንገዲ ተረዲኦም ክከላኸሉን ነዚ ዝኸውን ነፃ ግልጋሎት ክረኽቡን ምግባር፤
- መናእሰይ ኣብ ጥዕናን ስነ ተዋልዶን ዘለዎም ግንዛበ ብምዕባይ ነዚ ግልጋሎት ንምሃብ ዝተጣየሹ ትካላት ተጠቃሚ ምዃንን ንባዕሎምን ስድርኦምን ተጠቀምቲ ምጣነ ስድራ ኾይኖም ኢኮኖሚያዊ ረብሓኦም ምርግጋፅ፤
- ኣብ ከባቢ ዘለዉ ብዝተፈላለየ መንገዲ ዝትግበሩ ጎዳእቲ ልምድታት ንኸውገዱ ንባዕልኻን ነቲ ሕብረተሰብን ግንዛበ ክዓቢ ምግባርን መሊኡ ንኸውገድ ምቅላስ፤

- መናእሰይ ንሓለዋ ከባቢ ፍሉይ ጠመተ ምሃብን ከባቢኦም ሓምለዋይ ኣብ ምግባር ተግባራት መርኣያ ዝኾነ ተግባር ምፍፃም፤
- ከባቢ ኣብ ምሕላውን ሓምለዋይ ኣብ ምግባር ዘሎ ምንቅስቓስ ኣመልኪቱ ንጡፍ ተሳትፎ ንዝነበሮም መናእሰይ ምብርትታዕ፤
- በብደረጅኡ ዕላማታት ፖሊሲ ስነ ህዝቢ ንምዕዋት ኣብ ክለባት ምጥርናፍን ዝተውሃበካ ዜግነታዊ ሓላፍነት ብኣግባቡ ምውፃእ ዝብሉ እዮም።

7. "ኩለመዳያዊ ስብእንኡ ዝተማልአ ኣብ ከይዲ ህንፀት ሃገር ሰፊሕ፣ ንቑሕን ዝተወደበን ተሳትፎ ዘለዎን ተጠቃማይ ዝኾነን ነዚ ተጀሚሩ ዘሎ ከይዲ ለውጢ ተቐቢሉ ዝቕፅል መንእሰይ ወለዶ ተፈጢሩ ምርኣይ።"


8.

- መንእሰይ ንፀገማቱ ንምፍታሕ ብቐጻምነት ወሳናይ ከምዝኾነ ተረዲኡ ኢኮኖሚያዊ ዓቕሚ ከጎልብተሉ ዝኽእል ኩነታት ምፍጣር፣
- መናእሰይ በብዝተዋፈሩሉ ዓውደ ስራሕ ብብቕዓትን ክእለትን ንምፍፃም ዘኽእሎም ትምህርትን ሙያውን ስልጠና ብምርካብ ብዝሰልጠንዎ ሙያ ሰፊሕ ፃዕሪ ብምግባር ሂወቶምን ናብረኦምን ምልዋጥ፣
- መናእሰይ ኣብ ዝተዋፈሩሉ ዓውደ ስራሕ ብድልየቶም ክውደቡን በዚ ኣቢሎም ስትራቴጂካዊ ተግባራት ብምፍፃም ንባዕሎምን ንሃገሮምን ምዕባለ ነጢፎም ምስራሕ፣
- ኣብ ደቐቕትን ኣናእይሽተይን ስራሕቲ ንግዲ ብምስታፍ ተጠቃምነቶም ከዕብዩን ነዚ ኣመልኪቶም ዝፍፀሙ ናይ ሓበሬታ ልውውጥ፣ ዕድል ልቓሕ፣ ኩነታት ዕዳጋ ብምምችቻው ካብ ድኽነት ምውፃእ፣
- ካብ ትምህርቲ ወፃኢ ንዘለዉ መናእሰይ ፍሉይ ጠመተ ብምሃብ ምስ ድልየቶም ዝሰማማዕ ሙያዊ ስልጠና ብምርካብን ነቲ ዝረኸብዎ ሙያ ብምትግባርን ብምዕዓርን እቶቶም ክዓቢ ምግባር፣
- ኣብቲ ሕብረተሰብ ዘለዉ ባህላውን ማሕበራውን ልምድታት ነቲ መንእሰይ ናብ ድኽነት ዘሳጥሑ ጉዳያት ብምርዳእ ተሪርካ ብምቅላስ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ብምምፃእ ካብ ድኽነት ንምውፃእ ከምዝከኣል ብተግባር ምርኣይ፣

- መንእሰይ ወለዶ ስራሕ ፈጠርቲ'ምበር ስራሕ ተፀበይቲ ዘይምኳኖም ተረዲኦም ነዚ ብተግባር ንምቕያር ዘኽእል ብኣካልን ስነ ኣእምሮን ድልዋት ኾይኖም ሂወቶም ክመርሑ ከምዘለዎም ምርዳእ ዝብሉ'ዮም።

9.

- ጥዕና ኤዴታት የመሓይሽ
- ትምህርቲ ንምምሃር ምቹው ባይታ ይፈጥር
- ናብ ስራሕ ንምውፋር ይከኣል
- ካብ ዘይተደለየ ጥንሲ ምክልኻል




## √ <u>ንመልመዲ 4.2 ዝተውሃቡ መልስታት</u>

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 1. ሓቂ | 2. ሓሶት | 3. ሓቂ | 4. ሓሶት | 5. ሓቂ |
| 6. ሓሶት | 7. ሓቂ | 8. ሓሶት | 9. ሓቂ | 10. ሓሶት |

## √ <u>ንመልመዲ 4.3 ዝተውሃቡ መልስታት</u>

1. ሰብኣዊ መሰላት ዝበሃሉ ካብ ደቂ ሰባት ተፈጥሯዊ ፍጡርነት ዝመንጨዉን ፈፂሞም ዘይገሃሱን ዘይግፈፉን መሰላት እዮም። ኣብ ደቂ ሰባት ብዘርኢ፣ ብቀለም፣ ብዓሌት፣ ብፆታ፣ ብሃይማኖት፣ ብኣመለኻኽታን ብኣረኣእያን ወዘተ

ብዝመሳሰሉ ጉዳያት ኣፈላላይ ንኸይፍጠርን ንኹሉ ብማዕረ ዝጥምትን ሕጋዊ ባይታ ዘለዎን እዩ።

2.

- ሰብኣዊ መሰላት ብኹለመዳያዊ ንኹሉ ዝሓቑፈ (ኣድማሳዊ) - ዙሪያ ምላሽ
- ሰብኣዊ መሰላት ብምልኦም ተደጋገፍትን ዘይነፃፀሉን እዮም።
- ሰብኣዊ መሰላት ፈፂሞም ዘይገሃሱን ዘይድፈሩን እዮም።

3. ሰብኣዊ መሰላት

- መሰል ምስራሕ
- መሰል ምችው ኩነታትን ፍትሓውን ስራሕ
- መሰል ምውዳብ ሰራሕተኛታት
- መሰል ማሕበራዊ ድሕንነት
- መሰል ቤተሰብ፣ ኣዴታትን ህፃውንትን ምክንኻን
- መሰል ብቕዓቱ ዝሓለወን ዝለዓለን ሓለዋ ጥዕና ምርካብ
- መሰል ደረጅኡ ዝሓለወ ጥዕና ምርካብ
- መሰል ትምህርቲ ምርካብ
- መሰል ቀዳማይ ብርኪ ትምህርቲ ምርካብ
- ባህላዊ መሰል ምርግጋፅ ፤
- ተጠቀምቲ ሳይንሳዊ ምዕባለን ክንክን ንብረት ውፅኢት
- መሰል ብህይወት ምንባር፣
- መሰል ንብረት ምውናን፣
- መሰል ኣካላዊ ደሕንነት፣
- መሰል ነፃነት፣
- መሰል ምውናን ንብረት፣
- መሰል ክቡርን ፅቡቕን ስም ምህላው፣
- ነፃነት ሃይማኖትን እምነትን ኣመለኻኽታን (ኣረኣእያን)፣
- መሰል ማዕርነት፣
- ኢሰብኣዊ መቕፃዕትን ምግዳድን (ሓይለ መልጢ) ዘይፍቀድ ምኳኑ ዘረጋግፅ መሰልን

4. ፆታ እንትበሃል ብተፈጥሮ ተባዕታይ (ወዲ) ወይድማ ኣንስተይቲ (ጓል) ምኳን ማለት'ዩ። ኣገላልፃ ፆታ ስነ ህይወታዊ (ባዮሎጂካል) እዩ። ብተፈጥሮ ወዲ ወይድማ ጓል ኾይኑ ንዝተፈጠረ ዝተውሃቦም መፍለዪ እዩ። ስርዓተ ፆታ እንትበሃል ድማ ንክልቲኡ ፆታ ዝምልከት ኾይኑ ብደረጃ ሕብረተሰብ ብዝውሰን ኩነታት ዝግለፅ እዩ። ስለዚ ብደረጃ ሓደ ሕብረተሰብ ንስራሕቲ፣ እምነት፣ ኣተሓሳስባ፣ ባህልን ልምድታትን ብዝምልከት ዝወሃቡ ገዛእቲ መግለፅታት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዝምልከት'ዩ ስርዓተ ፆታ ዝበሃል። ስርዓት ፆታ ተፈጥሯውን ስነ ህይወታውን ዘይኮነስ ስነ ማሕበራውን ባህላውን ከምኡ'ውን ሃይማኖታውን እምነታውን ምስ ልምድታት ተሓዋዊሱ ዝፍጠር ኣገላልፃ ዝምልከት እዩ።
5. ኩሎም ሰባት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዮም። ኣብ መንጎኦም ዋላ ሓደ ኣፈላላይ ከይተገበረ ማዕረ ሓላዋ ሕጊ ይግበረሎም። በዚ መዳይ ብዘርኢ፣ ብብሄር፣ ብብሄረሰብ፣ ብሕብሪ፣ ብፆታ፣ ብቋንቋ፣ ብሃይማኖት፣ ብፖለቲካ፣ ብማሕበራዊ መቦቆል፣ ብሃፍቲ፣ ብትወልዲ ወይድማ ብኻልእ ቅዋም ምኽንያት ኣፈላላይ ከይተገብረ ኩሎም ሰባት ማዕረን ጭቡጥን ውሕስነት ሕጊ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።
6.
   1. ደቂ ኣንስትዮ እዚ ሕገመንግሰቲ ዘረጋግፆ መሰላት ኣብ መጥቃም ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ መሰል ኣለወን።
   2. ደቂ ኣንስትዮ ብመሰረት'ዚ ኣብዚ ሕገ መንግስቲ ተደንጊጉ ዘሎ ኣብ ሓደር ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ መሰል ኣለወን።
   3. ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሕሉፍ ታሪኽ ብትሕትነትን ኣድልዎን ዝበፅሓን ጉድኣት ኣብ ግመት ብምእታው እዚ ጉድኣት ክእረመለን ተወሰኽቲ ናይ ድጋፍ ስጉምትታት ክውሰድ ናይዚ ድጋፍ ተጠቀምቲ ናይ ምኳን መሰል ኣለወን። እቲ በዚ መዳይ ዝውሰድ ስጉምቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን መዳያት ከምኡ'ውን ኣብ ናይ መንግስትን ናይ ውልቀን ትካላትን ምስ ደቂ ተባዕትዮ ብማዕረ ተወዳዳርነት ተሳታፍነትን ክኾና ንምግባር ፍሉይ ትኹረት ንምሃብ እዩ።

5. (ሀ) ደቂ ኣንስትዮ ፍቓድ ወሊድ ምስ ምሉእ ክፍሊት መሃያ ናይ ምርካብ መሰል ኣለወን። መጠን ፍቓድ ወሊድ፣ ንኹነታት ስራሕ እታ ጓል ኣንስተይቲ ምስ ኩነታት ጥዕንኣ፣ ድሕንነት እቲ ህፃንን ስድራኣን ኣብ ግምት ብምእታው ብሕጊ ይውሰን።

(ለ) ፍቓድ ወሊድ ብሕጊ ብዝውሰን መሰረት ምስ ምሉእ ክፍሊት መሃያ ንዝወሃበን ፍቓድ ጥንሲ ክሓውስ ይኽእል።

7.

- ብመዳይ ኣስተምህሮ /ምልዕዓልን ጎስጓስን፤ኣብ ምፍራይ ይኹን ምጥቃም መዐወኒ እፃት ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ዝሳተፉ ወገናት ውፅኢት መዐወኒ እፃት ኣብ ኣጠቃላሊ ሃገር ዘስዕቦ ጉድኣት ብግቡእ ተገንዚቦም ካብቲ ተግባር ዝርሕቑሉ ንተኸታተልቲ ኣስተምህሮታት ዝርከበሉ ኣሰራርሓ ምዝርጋሕ፤
  1. ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ምትእትታው፣
  2. ኣብ ፕሮግራማት ሬድዮ፣ ጋዜጣ፣ ቴሌቪዥን ምቅላሕ፣
  3. ኣብ ህዝባውን ሃይማኖታውን ክብረ በዓላት ምልዕዓል ወዘተ መፍትሕታትዮም።
- ዝተፈላላዩ ማእኸላት መዘናግዒ መናእሰይ ክስፋፍሑ ምግባር፣
- ብወዲንነት ዝተፀመዱ ወገናት ህይወቶም ናብ ዝሓሸ ኩነታት ንምምላስ ናይ ኣመራርሓን ግልጋሎት ምክርን ዘረክበሉ ማእከል ምጥያሽ፣
- ኣብ ምፍራይን ምዝውዋርን መዐወኒ እፃት ዝሳተፉ ውልቀሰባት ወይ ድማ ጉጅለታት ጥቡቕ ክትትል እንናተገበሎም ሕጋዊ ስጉምቲ ክውሰደሎም ምግባር።

8.

- ወለዲ ንደቆም ትምህርቶም ብግቡእ ክከታተሉ ቤተሰባዊ ፍቕርን ክንክንን ከይተፈለዮም ንኽዓብዩ ኣድላይ ኩሉ ምፍፃም - ብፍላይ ንህፃናት ፍቕሪ ምሃብ።
- ኣሓቱን ኣሕዋቱን ንዕኡ ሲዒቦም ናብ ጎደና ከይወፁ ፍልፍል እቶት ስድራ ምጥንካር - ድኽነትን ትሑት ኢኮኖሚያዊ መነባብሮን ምውጋድ።
- በብደረጅኡ ዘለዉ ሓለፍነትን ወለድን ዓለምለኻውን ሃገራውን ሕግታትን ድንጋገታትን ብግቡእ ክፈልጡ ምግባር።

- ስድራ ከም ቁጣባዊ ዓቕሙ መጠኑን ኣረሓሒቑን ክወልድ ክተባባዕ ምግባር።
- ህፃናት እንትጋገዩ /እንተጥፍኡ/ ኣካላዊ መግረፍቲ፣ ምብራር፣ ምስጓግ ወዘተ ጌጋ ምኳኑ ፈሊጦም ክእረሙ ምምሃር።
- ብቑጠባዊ ፀገም ምኽንያት ኣብ ንግዲ /ሽጋራ፣ ጋዜጣ፣ ቆሎ ወዘተ/ ተዋፊሮም ዝሰርሑ ህፃናት ጎና ጎኒ ስርሖም ትምህርቶምውን ክከታተሉ ምሕጋዝ ግቡእ ክትትል ቁፅፅርን ምክያድ።

9.

- ኩሎም ሓንጎል ይትንከፉ።
- ግዝያዊ ዝኾነ ለውጥታት ስርዓተ ነርቭን ስነ ኣእምሮን የስዕቡ። ኣብነት ናይ ንቕሓት፣ ግንዛበ፣ ናይ ኣካልን ኣእምሮን ለውጥታትን ምዝባዕን የሰዕቡ።
- ፈለማ ናይ ደስ ዝብል ስምዒት ይፈጥሩ። እዚውን ነቲ ደስ ዘይብል ስምዒት የወግዱ።
- ተጠቃማይ መጠን ዝወስዶ እፅ ካብ ግዘ ናብ ግዘ ንክውስኽ የገድድዎ።
- በብመዓልቱ ናይ ምውሳድ ልማድ የስዕቡ። ብዝተወሰነ መጠን ዝርከብ ርውየት ስሚዒት ንምምፃእ በብግዚኡ ናይ ዝውሰድ መጠን እፅ /ኣልኮል/ ምውሳኽ ማለትዩ።
- ነንዊሕ እዋን ክትጥቀም ድሕሪ ምፅናሕ ኣብ ሓደ እዋን ምውሳድ ጠጠው እንተይሉ ዝተፈላለየ ሕማቅ ነገራት የሕስብ። ኣብነት ኣብ ክፉት ሰብነት ዘይምርግጋእ ስምዒት፣ ምድንጋፅ፣ ምንቅጥቃጥ ኢ.ድ እዮም።
- በብመዓልቲ ንነዊሕ እዋን ምውሳድ ናይ ኣእምሮን ኣካላን ሕማም የስዕቡ።

10.

- ፀገም ጥዕና የስዕብ
- ኣብ ልዕሊ ኣእምሮ ዓብዪ ፀገም የስዕብ
- ኢኮኖሚያዊ ፀገም ይፈጥር
- ማሕበራዊ ፀገማት

## √ ንመልመዲ 4.4 ዝተውሃቡ መልስታት

1. ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ንክጣየሽ መረሕቲ ሃገራት ሓይልታት ምሕዝነት ዝኾኑ ኣሜሪካ፣ እንግሊዝን ፈረንሳይን ኣብ ጉባኤ ቴህራን ብ1943 ዓ.ም.ፈ እዮም ወሲኖም።
2. መመስረቲ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ካብ ወርሒ ሚያዝያ ክሳብ ሰነ 1945 ዓ.ም.ፈ ኣብ ከተማ ሳንፍራንሲስኮ (ኣሜሪካ) እዩ ተኻይዱ።
3. ዕላማታት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም
    - ዓለምለኸ ሰላምን ድሕንነትን ምርግጋፅ
    - ስግኣታት ሰላምን ንምውጋድን ወተሃደራዊ ወራራት ንምእላይን ምትሕብባር
    - ኣብ ሞንጎ ኣባላት ሃገራት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ሕውነታዊ ዝምድና ምምስራት
    - ብዘይዝኾነ ዓይነት ኣፈላላይ ዘርኢ፣ ፆታ፣ ቋንቋን ሃይማኖትን ሰብኣዊ መሰላት ምኽባር
    - ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራዊ፣ ባህላውን ሰብኣውን ፀገማት ንምእላይን ንምቅላልን ዓለምለኸ ሕብረትን ምትሕብባርን ምስጓም
    - ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዘለዉ ኲናትን ውግኣትን፣ ኣብ ውሽጢ ሃገራት ዘለዉ ኲናት ሕድሕድ፣ ዓለምለኸ ኢኮኖሚያዊ ኩነታት፣ ድኽነት ንምንካይ ዝግበሩ ፃዕርታት ልምዓትን ዕብየትን ሃገራትን፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ምትሕግጋዝ ሃገራት፣ ብመዳይ ሳይንስን ቴክኖሎጂ ከምኡ'ውን ትምህርትን ባህልን ጥዕናን ወዘተ ዝምልከቱ ጉዳያት ብውነ ይርእዩ።
4. ዕላማታት ሽቶ ልምዓት ሚሊኒየም
    - ኣብ ሕድ ሕድ ሃገር ዘሎ ድኽነት ብፍርቂ ምንካይ፣
    - ሞት ህፃናት ካብቲ ዘሎ ብኽልተ ኢድ ምንካይ፣
    - ሞት ኣዴታት ብሰለስተ ኢድ ምንካይ፣
    - ቀዳማይ ብርኪ ትምህርቲ ንኹሉ ዜጋ ምብፃሕ፣
    - ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሎም መደባት ልምዓት ምርግጋፅ፣
    - ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣ ሕማም ዓሶን ካልኦት ተላበድቲ ሕማማትን ምውጋድ፣
    - ኣብ ከባቢ ሓለዋ ብዘላቕነት ክንክን ምግባር፣
    - ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዘሎ ልምዓት ንምጥንኻር ስጡም ምሕዝነት ምፍጣር።

5. ሕዚ 192 ሃገራት ኣባላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም እንትህልዉ ካብ 2007 ዓ.ም.ፈ ጀሚሩ ዋና ፀሓፊ'ዚ ውድብ ባን ኪ ሙን ዝበሃሉ ተወላዲ ደቡብ ኮርያ'ዮም።
6. ሓፈሻዊ ጉባኤ
7. ኣመሪካ፣ እንግሊዝ፣ ፈረንሳይ፣ ሩስያን ቻይናን እዮም።
8. ሓፈሻዊ ጉባኤ፣ ቤት ፅሕፈት፣ ቤት ምኽሪ ፀጥታን ዝተፈላለዩ ትካላትን እትህልውዎ ብዋናነት ድማ ዓለምለኸ ቤት ፍርዲ፣ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ካውንስል፣ ዩኔስኮ፣ ዩኒሴፍ፣ ትካል ጥዕና ዓለም፣ ትካል ሕርሻን ምግብን፣ ትካል መደባት ልምዓት ሕቡራት መንግስታት ዓለም ወዘተ ይርከብዎም።
9. ሉላውነት/ዓለምለኻውነት ወይድማ ግሎባላይዜሽን እንትበሃል ዓለምና ብርክብ፣ ትራንስፖርት፣ ሓበሬታ፣ ንግድን ከም ሓደ ከባቢ ዝተኣሳሰረትሉ እዋን ከምዝኾነ እንጥቀመሉ መግለፂ'ዩ:: ኣብዚ እዋን ዓለም ብሰንኪ ምዕባለ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ዝበዝሐ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ዝካየድ ፍልሰት ህዝቢ /ስደት/ ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዘሎ ርክብ ካብ ሕሉፍ ብጣዕሚ ዝዓበየሉን ለውጢ ዝተርአየሉን እዋን'ዩ:: ነዚ ምዕባለ መሰረት ዝኾኑ ዓበይቲ ጉዳያት ሓበሬታ ንግዲ፣ ትራንስፖርትዝመሳሰሉ ይርከቡ።
10. ሉኣላውነት ብሕጊ ኣቢሉ ኣብ ተግባር ዝፍፀምን ኣብ ኩሎም ዜጋታት ምስ ሃገራውን ብሄራውን ስምዒት ተኣሳሲሩ ዜግነታዊ ብፅሒትካ ንምትግባር ድልዊ ኮይንካ ንኽትፀንሕ መሰረት ዝኾነ ተገይሩ ይውሰድ። ጥንካረ መንግስቲ ዝዕቀን ኣብ ዝገብሮም ምንቅስቓሳት ሉኣላውነት ሃገሩ ማእኸል ገይሩ ዝተውሃቦ ዕማም ዝፍፅም ክምዝኾነን እዚ ድማ ብህዝቢ እንትእመነሉን ስለዝኾነ ነዚ ብዝህቦ ክብርን'ውን እዩ። ኣብዚ መዳይ ክፍተት ወይድማ ድኽመት ኣለዎ ተባሂሉ እንትግመት ኣብ ስልጣን ናይ ምፅናሕ ዕድል ብጣዕሚ ይንእስ። ብፍላይ ብመረፃ ስልጣን ዝሓዘ መንግስቲ እንተኾይኑ ኣብ ቀፃሊ ክሰዓር ከምዝኽእል ታሪክ ሕሉፍ ጉዕዞ ሃገራት የመላኽት። ኣብ ሕገ መንግስቲ ሃገርና ዓንቀፅ 8 መግለፂ ሉኣላውነት ብፍሉይ ጠመተ ብምሃብ ዝተገለፀ እንትኸውን ኣብዚ ድማ መግለፂ ሉኣላውነት ብሄር፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ከምዝኾኑ ዝተነፀረ እንትኾን ነዚ ንምትግባር ድማ እቲ ብውክልና ህዝቢ ዝተመረፀ ፖርላማ ነዚ ሉዓላውነት መሰረት ብምግባር ስራሕቱ ከምዝውግን ኣብ ሕገ መንግስትና

ብግልፂ ተደንጊጉ ይርከብ። እዚ ድማ ናይ ሓንቲ ሃገር መግለፂ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ከምዝኾነ ይእመን።

ሉኣላውነት ማለት ብዛዕባ ጉዳይ ሃገር ብህዝብን መንግስትን ጥራሕ ዝውሰን ይኸውን ማለት እዩ። ዶብ ሃገር ምሕላውን ክኸበር ምግባርን መግለፂ ሉኣላውነት'ዩ። ክብርን ነፃነትን ሃገር መግለፂ ሉኣላውነት እዩ። ሉኣላዊ ህዝቢ፣ ሉኣላዊ ሃገር እናተብሃለ እንትግለፅ ነዚኦም ኣብላዕሊ ዝተገለፁ ሓሳባት ዘራጉድ እዩ። ሓይሊ ምክልኻል ሃገር ግዴትኡ እንታይ'ዩ? ተባሂሉ እንትሕተት ዝወሃብ መልሲ ሉኣላውነት ሃገር ክኸበርን ክሕለውን ምግባር ዝብል መልሲ ይወሃብ። ሕገመንግስቲ ሃገርና <u>**ዓንቀፅ** 8</u> ብዛዕባ ሉኣላውነት ህዝቢ'ዩ ዝገልፅ። ከምዚ ይብል፤

- ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ብምልኦም ወነንቲ ሉኣላዊ ስልጣን ሃገር እዮም።
- እዚ ሕገ መንግስቲ መግለፅን መረጋገፅን ሉኣላውነት እዩ።
- ሉኣላውነት ህዝብታት ኢትዮጵያ ዝግለፅ ብመሰረት እዚ ሕገ መንግስትን ብዝመርፅዎም ተወከልቲ ህዝብታትን ከምኡ'ውን ብዝገብርዎ ቀጥታዊ ዲሞክራሲያዊ ተሳትፎ መረፃ ኣቢሉ እዩ ዝረጋገፅ።

## √ <u>ንመጠቓለሊ ሕቶታት ምዕራፍ ኣርባዕተ ዝተውሃቡ መልስታት</u>

### ሀ. ሓቂ ወይድማ ሓሶት እናተብሃሉ ዝምልሱ ሕቶታት ዝተውሃበ መልሲ

1. **ሓቂ** 'ኣብ ግልጋሎት ምጣነ ስድራ ዘለዉ ተግባራት ብቐጥታ ጎዳእቲ ልምድታት ኣብ ምውጋድ ንጡፍ ተራ ዘለዎ'ዩ። ምኽንያት ኣብዚ ግልጋሎት ከም ሓደ ጉዳይ ስለዝረኣይ'ዩ።
2. **ሓሶት** 'እቲ ግልጋሎት ብተመሳሳሊ ንኽልቲኡ ክቐርብ ኣለዎ። ምኽንያት እቲ ዕላማ ካብቶም ግልጋሎታት ሓዲኡ ዝሰማማዐካ ብምምራፅ ስለዝካየድ'ዩ።

3. **ሓቂ** 'በብደረጅኡ ኣብ ዘሎ ብርኪ ትምህርቲ መሰረት ክህልው ዝግበኦ ዕያል ይኹን ብጭቡጥ ዘሎ ዕያል ዓብዪ ዓ.ም.ፈላላይ ከምዘለዎ ኣብ ሃገርና ዝተፀንዑ መፅናዕትታት ይሕብሩ።
4. **ሓቂ** 'ኩሎም ኣገባባት ኣብ ውሕስና ምግቢ ይኹን ድኽነት ኣብ ምውጋድ ቁልፊ ጉዳያት ከምዝኾኑ የመላኽት'ዩ።
5. **ሓሶት** 'ብወርሓዊ ፅግያ ዝግበር ጥንሲ ምክልኻል ባህላዊ 'ምበር ዘመናዊ ኣይኮነን
6. **ሓቂ** 'ከም መትከል ኩሎም ሃገራት ማዕረ'ዮም ዝብል

**ለ. ንሕቶታት ምረፁ ዝተውሃበ መልሲ**

7. ሐ   8. ሐ   9. ሰ   10. ሐ   11. ሰ

**ሐ. ንሕቶታት ኣዛምድ ዝተውሃቡ መልስታት**

12. ለ   13. ሐ   14. ሀ   15. መ
16. ረ   17. ሸ

**መ. ቅኑዕን ትኽክለኛ መልሲ ብምሃብ ግለፁ ንዝብሉ ሕቶታት ዝተውሃበ መልሲ**

18. ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዘለዉ ፀገማት
    - ሞት ኣዴታትን ህፃናትን ክዓቢ ይገብሮ
    - ድኽነት ኣብ ምግፋሕ ዓርሱ ዝከኣለ ምኽንያት ይኸውን
    - ማሕበራውን ኢኮሚያውን ግልጋሎት ፀቕጢ ይፈጥር
    - ብርሰት ኣግራብ ብዘኽፍኣ መንገዲ ንምፍፃም ኣስተዋፅኦ ኣለዎ
    - ተሓራሳይ መሬት ይንእስን ምህረቲ ክውሕድን ይገብሮ
19. ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንኽህሉ ምክንያት ዝኾኑ
    - ዘይምምሃርን በቲ ዝነበረ ምግፋሕ መሃይምነት
    - ግልጋሎት ምጣነ ስድራ ትሑት ብምኳኑ

- ኣብ በዝሒ ዕያል ዘሎ ድሑር ኣመለኻኽታ ማለት ዕያል ከም ሃፍቲ ምውሳድ ምህላዉ
- ምግፋሕ ሕክምና ኣብ በዝሒ ሞት ምንካይ ስለዝተፈጠረ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዝለዓለ ምግባሩ

20. ሃገርና ኢትዮጵያ ካብ ሕቡራት መንግስቲ ዝረኸበቶም ረብሓታት

- ኣብ ዝርግሐ ማሕበራዊ ግልጋሎት ብፍላይ ጥዕናን ትምህርትን ኣብ ምዝርጋሐን ብበጀትን ሙያን ምድጋፍ
- ኣብ ድኽነት ምንካይ ካብ ባንኪ ዓለምን ካልኦት ትካላት ፋይናንስን ዝርከብ ልቓሕን ሓገዝን
- ኣብ ምህርቲ ሕርሻ ንምዕባይ ካብ ትካል ምግብን ሕርሻን ዝርከብ ሙያውን ማቴርያላውን ደገፍ
- ከምኡ'ውን ካብ ካልኦት ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ዝተረኸበ ደገፍ ከምዘሎ ኮይኑ ኣብ ፖለቲካ መዳዩ ግና ከምቲ ዝድለ ኣይኮነን።

21. ዕላማታት ሽቶ ልምዓት ሚሊኒየም

- ኣብ ሕድ ሕድ ሃገር ዘሎ ድኽነት ብፍርቂ ምንካይ፣
- ሞት ህፃናት ካብቲ ዘሎ ብኽልተ ኢድ ምንካይ፣
- ሞት ኣዴታት ብሰለስተ ኢድ ምንካይ፣
- ቀዳማይ ብርኪ ትምህርቲ ንኹሉ ዜጋ ምብፃሕ፣
- ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሎም መደባት ልምዓት ምርግጋፅ፣
- ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣ ሕማም ዓሶን ካልኦት ተላበድቲ ሕማማትን ምውጋድ፣
- ኣብ ከባቢ ሓለዋ ብዘላቕነት ክንክን ምግባር፣
- ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዘሎ ልምዓት ንምጥንኻር ስጡም ምሕዝነት ምፍጣር።

22. ሓፈሻዊ ጉባኤ፣ ቤት ፅሕፈት፣ ቤት ምኽሪ ፀጥታን ዝተፈላለዩ ትካላትን እትህልውዎ ብዋናነት ድማ ዓለምለኸ ቤት ፍርዲ፣ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ካውንስል፣ ዩኔስኮ፣ ዩኒሴፍ፣ ትካል ጥዕና ዓለም፣ ትካል ሕርሻን ምግብን፣ ትካል መደባት ልምዓት ሕቡራት መንግስታት ዓለም ወዘተ ይርከብዎም።

23. ሃገርና ኢትዮጵያ ካብ ዓለምለኻውነት ዘጋጥማ ኣሉታን ኣዎንታን

- ኣዎንታ፤ ሃገርና ኢትዮጵያ ኣብዚ ውድድርን ንሕንሕን ንምእታው ዝተፈላለዩ ምህዞታት ብምጥራይ፣ ዘለዋ ፀጋታት ናብ ረብሓ ብምልዋጥ፣ መፍረያይነት ብምዕባይ ካብቲ ናይ ዓለም ዕዳጋ ተጠቃሚት ንኽትከውን ፃዕሪ ንምግባር ምቹው ባይታ ይፈጥር።
- ኣሉታ፤ ብሰንኪ ኣብ ሃገራት ዘሎ ምትእስሳር ዝፍጠር ወራር ባህሊ ኣብ ህፃናትን መናእሰያትን ፅቕጢ ይፈጥር። ብፍላይ ኣብ ተጠቃሚ ፍርያት ሃገር ( ክዳን፣ ምግብን ካልኦትን) ምንእኣስን ናይ ምዕራባውያን ሸቐጥ ንምርጋፍ ጥጡሕ ባይታ ይፈጥር ዝብሉ ንኣብነት ምጥቃስ።

24. ዕላማታት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም

- ዓለምለኻ ሰላምን ድሕንነትን ምርግጋፅ
- ስግኣታት ሰላምን ንምውጋድን ወተሃደራዊ ወራራት ንምእላይን ምትሕብባር
- ኣብ ሞንጎ ኣባላት ሃገራት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ሕውነታዊ ዝምድና ምምስራት
- ብዘይዝኾነ ዓይነት ኣፈላላይ ዘርኢ፣ ፆታ፣ ቋንቋን ሃይማኖትን ሰብኣዊ መሰላት ምኽባር
- ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራዊ፣ ባህላውን ሰብኣውን ፀገማት ንምእላይን ንምቅላልን ዓለምለኸ ሕብረትን ምትሕብባርን ምስጓም::

# ሲለበስ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 8ይ ክፍሊ

## 2001 ዓ.ም

# ትሕዝቶ

**ምዕራፍ ሓደ**

እንነብረላ ዓለም ........................................ 157

**ምዕራፍ ክልተ**

ገፀ- ምድሪ ዝለውጡ ሓይልታት ........................ 163

**ምዕራፍ ሰለስተ**

ኢድ ኣታውነት ደቅ ሰብ ኣብ ስርዓት ምህዳር ......... 167

**ምዕራፍ ኣርባዕተ**

ውራይ ህዝቢ ............................................ 171

# ምዕራፍ ሓደ

## እንነብረላ ዓለም (ክፍለ ግዘ 25)

### ውፅኢት ምዕራፍ፦

**ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ**

- መርከቦን ቀንዲ ገፅታትን ክፍለ ዓለማትን፣ ቀንዲ ቋንቋትት ዓለምን ይገልፁ።
- ሓድ ሓደ ጥንታዊ ስልጣነታት ዓለም ይርድኡን የድንቑን።
- ሳሕብን ፃዕቅን ህዝቢ ዘለወን ከባብታት ዓለም የለልዩን ነዚ ኣፈላላይ ዘምፅኡ ምኽንያታት ይፈልዩን።
- ኢንዱስትርያዊ ወያነ ዘሕደሮ ፅልዋ ይገልፁ።
- ታሪኽ ተጋድሎ ኣንፃር ባዕዳዊ ኣገዛዝኣ ህዝብታት ኣፍሪካ ይግንዘቡ።
- ሓደሽቲ ኣተሓሳስባታት ከመይ ከምዝመፁ ይገልፁን እንታይ ከምዝነብሩ የብርሁን።

| ብቕዓታት (Competencies) | ትሕዝቶታት (Contents) | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት (Suggested activities) |
|---|---|---|
| *ተምሃሮ ነዚ ምስተምሃሩ*<br>• ካርታ ሽውዓተ ክፍለ ዓለማት ይቐድሑ።<br>• ኣንፃራዊ መርከቦ እቶም ክፍለ ዓለማት ይገልፁ።<br>• ስፍሓት እቶም ክፍለ ዓለማት የነፃፅሩ።<br>• ኣብ ዓለም ኣዝዩ ዝለዓለ በሪኽ ቦታን ኣዝዩ ድማ ዝተሓተ ቦታን ይፈልዩ።<br>• ቀንዲ ቃላያትን ሩባታትን ዓለም የለልዩ። | 1. **እንነብረላ ዓለም**<br>1.1. ክፍለ ዓለማት *(ክፍለ ግዘ 3)*<br>• ኣንፃራዊ መርከቦን ስፍሓትን ክፍለ ዓለማት<br>• ቀንዲ ገፅታታት ክፍለ ዓለማት<br>○ ቀንዲ ገፅታታት ክፍለ ዓለማት<br>○ ቀንዲ ገፅ መሬታት ናይቲ ክፍለ ዓለም ኣዝዩ በሪኽ ጫፍ ጎቦ (ኣብነት ጎቦ ኣቨረስት ጎቦ ብላንክ፣ እቲ ኣዝዩ ዝተሓተ ቦታ ድማ ኣብነት ሙት ባሕሪ)<br>○ ቀንዲ ሩባታትን | • ካርታ ዓለም ኣብ ሰሌዳ ይስኣሉን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ንዝተምሃርዎ መርከቦ ክፍለ ዓለማት ይከልስሎምን። ተምሃሮ ነዚ ክቐድሕዎ ይኽእሉ ወይ ኣብ ደፍተሮም ባዶ ቦታ ገዲፎም ባዕሎም ደሓር ክስእሉ ይኽእሉ። ድሕር እዚ ኣብ ወረቐት ዝተስኣለ ካርታ ዓለም የርእዩዎምን ብመሰረት እዚ ካርታ ስፍሓት ክፍለ ዓለማት ንኽነፃፅሩ ይሕተቱዎም።<br>• ቀፂሉ ኣብ ሕድሕድ ክፍለ ዓለም ዘለው ኣዝዮም በረኽቲ ዝኾኑ ጫፍ ጎቦታት ክፈልዩን ኣብ ካርተኦም ከመልክቱን ይሕተትዎም። እዞም ጫፍ ጎቦታት ኣብ ካርታ ብምንታይ ዓይነት ሕብሪ ከምዝምልከቱ ይመያየጡ።<br>• ቀፂሉ ኣብ ሕድ ሕድ ክፍለ ዓለም ዘለው ቀንዲ ሩባታትን ቃላያትን ኣብ ምፍላይ ተምሃሮ ንኽሕግዙ ይሕተትዎም። ካብኡ ነዞም ሩባታትን |

| ብቕዓታት (Competencies) | ትሕዝቶታት (Contents) | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት (Suggested activities) |
|---|---|---|
| • ኣብ ዓለም ዝዝረቡ ቀንዲ ቋንቋታት የለልዩ።<br>• ኣብ ዓለም ዝዝረቡ ቀንዲ ቋንቋታት ኣብ ካርታ የመልክቱ።<br>• ቀንዲ ፍፃመታት ጥንታዊ ስልጣነታተ ዓለም ይገልፁ።<br>• ጥንታዊ ስልጣነታት ሕዚ ዘላ ዓለምና ዘበርከትዎም ነገራት ይርድኡን የድንቑን። | ቃላያትን | ቃላትን ኣብ ካርትኦም ንኽመልክቱ ይግበሩ።<br>○ ኣብ ጥቓ ጎቦ ኣቨረስት ዝነብር ቤተሰብ ኣምልኪቱ ዝተገበረ መፅናዕቲ<br>○ ብዛዕባ ኣብ ሙት ባሕሪ ዘሎ ቱሪዝም ኣመልኪቱ ዝተገበረ መፅናዕቲ ምስተምሃሮ ብዛዕባ እዞም ክልተ ዝተፈላለዩ ቦታታት ይመያየጡን ዘለዎም ኣፈላላይ የነፃፅሩን። |
| | 1.2. **ህዝብታት ዓለም** *(ክፍለ ግዘ 8)*<br>• ቀንዲ ቋንቋታት ዓለም<br>• ጥንታዊ ስልጣነታት ኣብነት ግሪካውያን፣ ሮማውያን፣ ቻይናውያን፣ ፈሪሳውያን፣ ኢንካውያን | ○ ቀንዲ ቋንቋታት ዓለም ከም ማንዳሪን፣ እንግሊዝኛ፣ ስፓኒሽ፣ ዓረብኛ፣ ወዘተ ይመያየጡ። እዞም ቋንቋታት ኣበየነዎት ሃገራት ናይ ስራሕ ቋንቋ ኮይኖም ከምዘገልግሉ ኣብ ካርታ ንኽመልክቱ ይሕተቱዎም። ቀፂሉ እንግሊዘኛ ንምንታይ ኣብ መላእ ዓለም ከምተስፋሕፍሐ ይመያየጡ።<br>○ ኪኩዩ፣፣ እንግሊዝኛን ኪስዋሂሊን ቋንቋታት ዝዛረብ ወዲ ኪኩዩ ኣመልኪቱ ዝተገበረ መፅናዕቲ፣ ኪስዋሂሊ ዝዝረበሎም ከባብታት ኣፍሪካ የለልዩ። |

| ብቕዓታት (Competencies) | ትሕዝቶታት (Contents) | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት (Suggested activities) |
|---|---|---|
| | | ○ ጥንታዊ ስልጣነታት ሮማን ቻይናን ኣመልኪቱ ዝተገበሩ መፅናዕትታት ይሃብዎም። ነዞም ቦታታት ኣብ ካርታ ዓለም የመልክቱ። ብዛዕባ ካልኦት ስልጣነታት ኣብነት ኢንካ፣ ፋርስ፣ ግሪካውያን የብርህሎም ተምሃሮ ተኸኢሎም ብዛዕባ እዞም ስልጣነታት መፅናዕቲ ክካይዱ ይሕተትዎም።<br>○ ነቶም መፅናዕትታት ምስ ፈተሹ ተምሃሮ ቀንዲ ፍፃመታት እቶም ስልጣነታት ክዝርዝሩ ይሕተትዎም<br>• ኣብ መንጎ ምብራቕ ኣፍሪካን ቻይናን ዝነበረ ጥንታዊ ርክብ ንግድን ኣብ ገማግም ባሕሪ ኬንያ ዝተረኸበ ሸኽላ ቻይናውያንን ይጥቀሱሎም |
| ኣዝዩ ስሕውን ፅዕቑን ህዝቢ ዘለዎም ከባብታት ዓለም የለልዩ።። | 1.3. ዝርግሐ ህዝብን መነባብሮን (8)<br>1.3.1. ሳሕቢ ህዝቢ ዘለዎም ከባብታት ኣብነት ሃሩርን ዝሑልን ምድረ በዳታት ምስ ፃዕቒ ህዝቢ ዘለዎም ከባብታት ህንዲ፣ ቻይናን ኣፍሪካን ምንፅፃር<br>*(ክፍለ ግ// 3)*<br>1.3.2. መንቀልታት ኣፈላላይ ዝርግሐ ህዝቢ | • ንተምሃሮ ዝርግሐ ህዝቢ ዘርኢ ካርታ ዓለም የርእይዎም።<br>• ብዛዕባ ዝርገሐ ህዝዒ ዓለም ይመያየጡን ሓድ ሓደ ቦታታት ንምንታይ ፅዑቕን ስሕውን ከምዝኾኑ ይሕተትዎም<br>• ኣየነወት ፊዚካዊ ምኽንያታት ዝርገሐ ህዝቢ ከምዝፀልው ይሕተትዎም። ዝርዝሮም ኣብ ሰሌዳ ይፅሓፉ።<br>• ቀፂሎም ብዛዕባ ኣብ ኣርክቲክ ነበርቲ ዝኾኑ ኣንዩት ዝተብሃሉ ቤተሰብ ዝተገበረ መፅናዕትን ኣብ ከባብታት ዝሑል ምድረ በዳ ዘሎ ዝርግሐ ህዝብን ይመርምሩ። |

| ብቕዓታት (Competencies) | ትሕዝቶታት (Contents) | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት (Suggested activities) |
|---|---|---|
| | (ክፍለ ግዘ 2)<br>• ፊዚካዊ ምኽንያታት ኣብነት ነባሪ ኣየር፣ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ቅርፀ መሬት<br>• ማሕበራዊ ምኽንያታት ኣብነት ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ መራኽብታት<br>1.3.3. መነባብሮ ህዝቢ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ዓለም *(ክፍለ ግዘ 2)*<br>1.3.4. ቀንዲ ሃይማኖታት ዓለም *(ግፍለ ግዘ 1)* (ቡዱሂዝም፣፣ ሺንቱይዝም ክርስትና እስልምናን ይሁዳን) | • ቀዲሎም ኣብ ዓለም ዘሎ ኣፈላላይ ዝርገሐ ህዝቢ ብሰንኪ ፊዚካዊ፣ ማሕበራውን ቁጠባውን ምኽንያት ከምዝኾነ ይመያየጡን ነዚኦም ይዘርዝሩን።<br>• ጥቓ ሙምባይ (ህንዲ) ዝነብር ቤተሰብ ኣምልኪቱ ዝተገበረ መፅናዕትን ዝርገሐ ህዝቢ ዓለም ካርታን ይመርምሩ።<br>• ኣብ መወዳእታ ብዛዕባ ኣንዩትን ጥቓ ሙምባይ ዝነብሩ ቤተሰብ ዝተገበሩ መፅናዕትታት የነፃፅሩን መደምደምታ ይህቡን። |
| • ብሂርተኝነትን ባዕዳዊ መግዛእትን ሳዕቤናት ኢንዱስትርያዊ ወያነ ከምዝኾኑ የረድኡ።<br>• ኢንዱስትርያዊ ወያነ ኣበይ ከምዝጀመረ የለልዩ።<br>• ኣፍሪካውያን ፀረ ባዕዳዊ መግዛእቲ | 1.4. ኢንዱስትሪያዊ ወያነን ሳዕቤናቱን። *(ክፍለ ግዘ 8)*<br>• ኣጀማምራ ኢንዱስትርያዊ ወያነ<br>• ውፅኢታት ኢንዱስትርያዊ ወያነ ( ብሂርተኝነት፣ ባዕዳዊ መግዛእቲ ምክታም (urbanization) )<br>• ምውፃእ ሓደሽቲ ኣተሓሳስባታት | • ኢንዱስትርያዊ ወያነ ከመይ ከምዝተጀመረ የብርሁሎም። ከም ሞተር ሃፋን (steam engine) መፍተሊ ማሽንን (spinning jenny) ዝመሳሰሉ ምህዞታት ንምንታይ ጠቐምቲ ከምዝኾኑ ይሕተትዎም።<br>○ ብዛዕባ ምስፍሕፋሕ ሊበራሊዝምን ዲሞክራስን የብርሁሎም<br>○ ሰባት ንምንታይ ንኻልኦት ሃገራት ክገዝኡ ከምዝደልዩ ይሕተትዎም<br>○ እዞም ሰባት እዚኦም ብዓወታት ኢንዱስትርያዊ ወያነ ጥንኩር ዓርሰ እምነት ከምዘሕደሩ የብርህሎምን |

| ብቕዓታት (Competencies) | ትሕዝቶታት (Contents) | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት (Suggested activities) |
|---|---|---|
| ዝገብርዎ ተጋድሎ ይርድኡ።<br>• ኣፍሪካውያን ዘካየድዎም መርኣያ ኾነ ዕውት ፀረ ባዕዳዊ መግዛእቲ ቃልስታት ይህቡ።<br>• ውዕኢትታት ክልቲኦም ኲናታት ዓለም የፍልጡ። | ኣብነት ሊበራሊዝም፣ ተኻኣኢልካ ብሓባር ምንባር (Pluralism)፣ ዲሞክራሲ<br>• ቀዳማይን ካልኣይን ኲናታት ዓለም<br>• ተጋድሎ ኣፍሪካውያን ፀረ ምስፍሕፋሕ ባዕዳዊ መግዛእቲ<br>▪ ኣሻንቲ<br>▪ ሳምሪ ቱሬ<br>▪ ማጂ ማጂ<br>▪ ኪኩዩ<br>▪ ኢትዮጵያ(ዓድዋ)<br>ተጋድሎ ኣፍሪካውያን ፀረ ባዕዳዊ መግዛእቲ<br>ኒዩደስተር<br>ዋፍድ<br>ኤኤንሲ | እዚ ድማ ብሂርተኛ ከምዝገብሮምን ይግለፁሎም<br>○ ተምሃሮ ኣየነወት ከባብታት ኣፍሪካ ብንመን ኣብ ትሑት ባዕዳዊ መግዛእቲ ከምዝነበሩ ኣብ ካርታ እናመልከቱ ይመያየጡ<br>○ ተምሃሮ ኣፍሪካውያን ፀረ ምስፍሕፋሕ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝገበርዎ ተጋድሎ ይመያየጡ ኣብነት ተጋድሎ ኣሸንቲ፣፣ ሳምሪቱሬ፣፣ ምንቅስቓስ ማጂ ማጂ፣፣ ኪኩዩ ኣብ ኬንያን ዕውት ተጋድሎ ኢትዮጵያውያን ኣብ ዓድዋን።<br>○ መንቀልታት ቀዳማይን ካልኣይን ኲናታት ዓለም ኣመልኪቱ ዝተገበረ መፅናዕቲ።<br>○ ብዛዕባ መንቀልታት እዞም ኲናታት ኽመያየጡን ብተመሳሳሊ ምኽንያታት ኲናታት ክለዓሉ ከምዝኽእሉ ትሓስቡ'ዶ ኢሎም ይሕተትዎምን።<br>○ ካብ ክልቲኦም ኲናታት ዓለም እንታይ ዕቡቕ ነገር ከምተረኽበ ይሕተትዎም። |

**ፈተሻ**

- መምህር ስራሕ ሕድሕድ ተምሃራይ ኣብ መላእ እዚ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፍትሽን ነቲ ስራሕ ምስ እዚ ዝስዕብ መግለፂ ብመሰረት ብቕዓታት እቲ ምዕራፍ ክነፃፅርን ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ።

**ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ክነኣዱን ብፃዕሮም ዝረኸብዎ ውፅኢት ድማ ኣፍልጦ ክወሃቦ ኣለዎ። ንቐፃሊ እውን ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይዓገቡ ጠንኪሮም

**ዝዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- ካርታ ሸውዓቲኦም ክፍለ ዓለማት ይቐድሑ።
- ኣንፃራዊ መርክቦ እቶም ክፍለ ዓለማት ይገልፁ።
- ስፍሓት እቶም ክፍለ ዓለማት የነፃፅሩ።
- ኣብ መንጎ ኣዝዩ ዝለዓለን ዝተሓተን ብራኸታት ዓለምና ዘሎ ኣፈላላይ ይገልፁ።
- ቀንዲ ቃላያትን ሩባታትን ዓለምና የለልዩ።
- ቀንዲ ቋንቋታት ዓለምና ዝዝረብሎም ከባብታት ኣብ ካርታ የመልክቱ።
- ቀንዲ ፍፃመታት ጥንታዊ ስልጣነታት ይገልፁ።
- ጥንታዊ ስልጣነታት ንሕዚ ዘላ ዓለምና ዘበርከትዎም ነገራት ይርድኡን የድንቑን።
- ኣዝዩ ስሕውን ዕዑቑን ህዝቢ ዘለዎም ከባብታት ዓለም የለልዩ።
- ኣብ ዓለም ዘሎ ዝተፈላለየ ዝርገሐ ህዝቢ መንቀልታት ዝኾኑ ነገራት ይገልፁ።
- ብሂርተኝነትን ባዕዳዊ መግዛእትን ውፅኢትት ኢንዱስትርያዊ ወያነ ከምዝኾኑ ይግንዘቡ።
- ኢንዱሰትርያዊ ወያነ ኣበይ ከምዝተጀመረ የለልዩ።
- ኣፍሪካውያን ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ንዘይምውዳቕ ዝገብርዎ ምክልኻል የረድኡን ይንእዱን።
- ኣፍሪካውያን ዘካየድዎም መርኣያ ዝኾኑ ዕውት ፀረ ባዕዳዊ መግዛእቲ ቃልስታት ይህቡ።
- ውፅኢታት ክልቲኦም ኲናታት ዓለም ይፈልጡ።
- ምውፃእ ሓደሽቲ ኣታሓሳስባታት ምስ ኢዱስትርያዊ ወያነ ዘለዎ ዝምድና ይገልፁ።

ንኽሰርሑ ክተባብዑ ኣለዎም።

**ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ ንመማህርቶም ንምስዓብ ተወሳኺ ደገፍ የድልዮም። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወይ መወዳእታ ዕለታዊ ትምህርቲ ክወሃቦም ኣለዎ።

__ል.በ__፦ መምህር ኣብ ክይዲ ፈተሻ ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን ንፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ ክህቡ ኣለዎም።

# ምዕራፍ ክልተ

## ገፀ ምድሪ ዝልውጡ ሓይልታት *(ክፍለ ግ// 15)*

### *ውፅኢታት ምዕራፍ፦*

**ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ**

- ገፀ-ምድሪ ዝለውጡ ሓይልታትን ሳዕቤናቶምን የብርሁ።
- ኣብ ካርታ ስፍሓትን ርሕቐትን ይዕቅኑ።

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| *ተምሃሮ ነዚ ምስተምሃሩ፦*<br>• ገፀ ምድሪ ዝለውጡ ደጋዊ ሓይልታት ይገልፁ።<br>• ፍግረ መሬትን ምውህላል መሬትን ኣብ ገፀ መሬት ዘለዎም ሳዕቤን ይገልፁ።<br><br>• ገፀ ምድሪ ዝልውጡ ውሽጣዊ ሓይልታት ይገልፁ።<br>• ውሽጣዊ ሓልታት ምድሪ ኣብ ገፀ ምድርን ህይወት ደቂሰብን ዘለዎም ሳዕቤናት ይገልፁ። | 2. **ገፀ ምድሪ ዝልውጡ ሓይልታት**<br>2.1. ደጋዊ ሓይልታትን ኣብ ህይወት ደቂ ሰባት ዘለዎም ሳዕቤንን *(ክፍለ ግ// 4)*<br>• ፍግረ መሬት (erosion)<br>• ምውህላል መሬት (deposition)<br>2.2. ውሽጣዊ ሓይልትትን ኣብ መንባብሮ ወድሰብ ዘለዎም ባዕቤንን *(ክፍለ ግ// 5)*<br>• እሳተ ጎመራ<br>• ርእደ ምድሪ (earthquake)<br>• ምንቃዕ መሬት<br>• ምትዕፃፍ መሬት | • ኣብ ቀረባ እዋን ዝርኣይዎ ዝኾነ ፍግረ መሬት ክገልፁ፣ መንቀልታት ክዝርዝሩን ዝተፈገረ መሬት ናበይ ከምዝኸደን ይሕተትዎም። ዝተፈገረ መሬት ኣብ ሓደ ቦታ ምዕቋር ምውህላል መሬት ከምዝበሃል የብርህሎም።<br>• ካብ ተኸልታቱ ዝበረስዎ ዕድፊ ቦታ ብስንኪ ወሓዚ ማይ ዝመፅእ ፍግረ መሬት ዘመልክት መፅናዕቲ ይመርምሩ።<br>• ኣብ መወዳእታ ፍግረ መሬትን ምውህላል መሬትን ኣብ ህይወት ደቂ ሰባት ዘምፅእዎ ሳዕቤን ክገልፁ ይሕተትዎም።<br>• ኣብ ካርታ እሳተ ጎመራታት ምብራቕ ኣፍሪካ የለልዩ፣ ፎቶግራፍ ተጠቒሞም ፍሉጥ እሳተ ጎመራዊ ኮን ይመርምሩን የዕንዑን።<br>• ተምሃሮ ኣስኳል መሬት (core)፣ ምኹኽ ከውሕን (magma) ትፋእ ጎመራ (lava) ኣብ ላዕሊ እንትፈስስን ዘርኢ ስእሊ ይስኣሉ።<br>• ቀፂሎም ምብራቕ ኣፍሪካ ስነ ምድራዊ (geological) ከይድታት ውሑድ ዘበናት ዝሕለፈን ገና ዘይወደአን ከምዝኾነ እቶም ፕሌታት (plates) ሕዝውን ኣብ |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| | | እንቅስቃሰ ከምዘለዉ የብርህሎም። ብዛዕባ ሓጓፍ ሽንጥሮን ፕሌታት እንትጋጨው ወይ እንትፈላለዩ ዝፈጥርዎ ርእደ ምድሪ ዘምፅኦ ሳዕቤናትን ይመያየጡ። ብሰንኪ ርእደ ምድሪ ዝመፅእ ነቓዕ መሬት ዘስዕቦ ጉድኣት ዘርኢ ፎቶግራፍ<br>• ኣብ እዋን ርእደ ምድሪ ነቓዓት መሬት ከመይ ከምዝንቀሳቐሱ ንምርኣይ ስእልታት ምጥቃምን ኣብነት ፎቶግራፋት ምብራቕ ኣፍሪካ ምርኣይን<br>• ፎቶግራፍ ምትዕፃፍ መሬት የርእዩዎምን ዝትዓፀፈ ከውሒ ምርኣዮም ይሕተትዎምን።<br>• ቬሱቪየስን ፖምፒን ኣመልኪቱ ዝተገበረ መፅናዕቲ (ብዛዕባ እሳተ ጎመራዊ ግንፋለ)<br>• ንጡፍ እሳተ ጎመራ ኣብ ዘለዎ ከባቢ ኣብ ዝነብሩ ሰባት እንታይ ሳዕቤናት ከምዘለዎ ይመያየጡ። (ካልኦት ኣብነታት ዝኾኑ 1/ ምንትሴራት ኣብ ካረብያን እትርከብ ደሴት ካብ 1996 ዓ.ም.ፈ ጀሚሩ ልዕሊ ፍርቂ ዝኾን ህዝቢ እታ ደሴት ከምተፈናቐለ 2/ ኣብ ሃገርና ዘሎ ኣርታዕለ |
| • እንታይነት ሚዛን ይገልፁ።።<br>• ዝተፈላለዩ መግለፂ ሚላታት (መንገድታት) መስመራዊ ሚዛን ካርታታት ይፀርሑ።<br>• ምልውዋጥ ሚዛን ካርታ ይግብጡ።<br>• ካብ ካርታ ርሕቐት ባይታን ስፍሓት ስሩዕ ቅርፂ ዘለዎም | 2.3. ኣብ ካርታ ርሕቐትን ስፍሓት ምዕቃን *(ክፍለ ግዘ 6)*<br>• ትርጉም ሚዛን<br>• መግለፂ መንገድታት መስመራዊ ሚዛን (linear scale)<br>• ምልውዋጥ ሚዛን<br>• ካብ ካርታ ርሕቐት ባይታ ምርካብ<br>• ስፍሓት ስሩዕ | • ብመሰረት ኣብ 7ይ ክፍሊ ዝተምሃርዎ ትምህርቲ ቁልፊ (መግለፂ) ካርታ ሪኦም ሚዛን ካርታ ንኽመልክቱ ይሕተትዎም።<br>• ሕዚ ነዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት ደረጃ ብደረጃ ክሰርሑ ይሕተትዎም<br>• ንውሓት መምሃሪ ክፍሎም ዓቂኖም ይመዝግቡ፣<br>• ወርዲ መምሃሪ ክፍሎም ዓቂኖም ይመዝግቡ፣<br>• ወርዲ በሪ መምሃሪ ክፍሎም ዓቂኖም ይመዝግቡ፣ |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| ስእልታትን የስልሑ። | ቅርፅታት (area of regular shapes)<br>• ምንፅፃር ሚዛናት | • ንውሓትን ወርድን ዲስኮም ዓቂኖም ይመዝግቡ።<br>• እንታይ ሚዛን ከምዝጥቀሙ ይውስኑን ንተምሃሮ የብርህሎምን። ካብኡ ተምሃሮ ዴስኃክታቶም ኣብ ግቡእ ቦተኦም ዘርኢ ንድፊ ካርታ መምሃሪ ክፍሎም ሚዛን ተጠቒሞም ይስእሉ። ቀሊል ሚዛን ኣብቲ ካርታ የእትው።<br>• ዓይነታት ማዛን ካርታ ንኽፈልዩ ሰለስቲኦም ማለት ሚዛን ካርታ ሙሉእ ሓሳብ ሚዛን ካርታ ወካሊ ጉዚን ግራፋዊ ሚዛን ካርታን የብርህሎም። መብርሂኦም ብኣብነታት ይደግፉ።<br>• ንተምሃሮ ብዝተፈላለየ ሚዛን ዝተሰርሑ ፕላናት የርእዩዎም።<br>• ንተምሃሮ ሚዛኑ 1፡50,000 ዝኾነ ካርታ የርእዩዎምን ኣብ 7ይ ክፍሊ ምስ ዝተምሃርዎ ሚዛን ካርታ ኽምልከትዎን ይግበሩ።<br>• ኣብ ክፍሊ ሚዛን ካርታ ተጠቒምካ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ዘሎ ርሕቐት ከመይ ከምዝርከብ ኣብነት ሰሪሖም የርእይዎም። ካብኡ ተምሃሮ ባዕሎም ዝሰርሕዎም ብዙሕ ኣብነታት ይሃብዎም።<br>• ኣብ መወዳእታ ሚዛን ካርታታት ንኽነፃፅሩ ብዝተፈላለየ ሚዛን ካርታ ዝተሰርሐ ናይ ሓደ ቦታ ካርታ ንተምሃሮ የርእይዎም። |

**ፈተሻ**

መምህር ስራሕ ሕድሕድ ተምሃራይ ኣብ መላእ እዚ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፍትሽን ነቲ ስራሕ ምስ እዚ ዝስዕብ መግለፂ ብመሰረት ብቕዓታት እቲ ምዕራፍ ክነፃፀርን ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን

**ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ክነኣዱን ብፃዕሮም ዝረኸብዎ ውፅኢት ድማ ኣፍልጦ

ንምውሳን እዩ።

**ዝዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- ገፀ ምድሪ ዝልውጡ ደጋዊ ሓይልታት ይገልፁ።
- ሳዕቤናት ምግሃስን ምውህላልን መሬት ኣብ ገፀ መሬትን ህይወትን የረጋግፁ።
- ገፀ ምድሪ ዝልውጡ ውሽጣዊ ሓይልታት ይገልፁ።
- ውሽጣዊ ሓይልታት ምድሪ ኣብ ገፀ ምድርን መነባብሮ ወድሰብን ዘለዎም ሳዕቤናት ይገልፁ።
- እንታይነት ሚዛን ይገልፁ።
- ዝተፈላለዩ መግለፂ ሜላታት (መንገድታት) መስመራዊ ሚዛን ካርታታት ይፀርሑ።
- ምልውዋጥ ሚዛን ካርታ ይግብጡ።
- ካብ ካርታ ርሕቐት ባይታን ስፍሓት ስሩዕ ቅርፂ ዘለዎም ስእልታትን የስልሑ።

ክወሃቦ ኣለዎ። ንቐፃሊ እውን ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይዓገቡ ጠንኪሮም ንኽሰርሑ ክተባብዑ ኣለዎም።

**ካብቲ ዝዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- ካብቲ ዝዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ ንመማህርቶም ንምስዓብ ተወሳኺ ደገፍ የድልዮም። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወይ መወዳእታ ዕለታዊ ትምህርቲ ክወሃቦም ኣለዎ።

<u>ል.ብ</u>፦ መምህር ኣብ ከይዲ ፈተሻ ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን ንፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ ክህቡ ኣለዎም።

# ምዕራፍ ሰለስተ

## ኢድ ኣእታውነት ደቂሰብ *(ክፍለ ግዘ 8)*

### ውፅኢታት ምዕራፍ፦

**ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ**

- *መንቀልታትን ሳዕቤናትን ጉድኣት ሃፍትታት ተፈጥሮ ይገልፁ።*
- *ቀንዲ በከልትን መከላኸሊ ተግባራትን የለልዩ።*
- *መንቀልታትን ሳዕቤናትን ምውዓይ ዓለም ይርድኡ።*

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| *ተምሃሮ ነዚ ምስተምሃሩ*<br>• ጉድኣት ሃፍትታት ተፈጥሮ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ምህዳር ዘምፅእዎ ሳዕቤናት ይትንትኑ።<br>• ኣብ ከባቢኦም ኣብ ዝግበሩ ንጥፈታት ዕቀባ ሃፍትታት ተፈጥሮ ይሳተፉ።<br>• ቀንዲ በከልቲ ማይን ኣየርን ይፀርሑ። | 3. **ኢድ ኣታውነት ደቂሰብ ኣብ ስርዓት ምህዳር**<br>3.1. ደቂሰብ ኣብ ሃፍትታት ተፈጥሮ ዘሕድሮ ፅዕንቶ (እፅዋት ተፈጥሮ፣ማይ፣ ኣየርን ሓመድን) *(ክፍለ ግዘ 4)*<br>• ውድመት ሃፍትታት ተፈጥሮን ኣብ ስርዓተ ምህዳር ዘለዎ ፅዕንቶታትን<br>• ብኽለት ማይን ኣየርን መፍትሕታቱን | • ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ብርሰት ዱርን ድሑር ኣተሓራርሳን ኣብነታት ብምግባር ዘምፅእዎ ሳዕቤናት ክመያየጡ ይሕተትዎም። ኣብቲ ምይይጥ ብዛዕባ ፍግረ መሬት፣ ምዝባዕ ነባሪ ኣየር፣ ምጥፋእ ብዝሃ ህይወትን (biodiversity) ድርቅን ጠመተ ክወሃብ ይግባእ።<br>○ ካብ ካልኦት ሃገራት ክልተ መፅናዕትታት ይፈትሹ። ኣብነት ዱር ኣማዞን ኣብሪሶም ትሑት ልሙዕነት ኣብ ዘለዎ መሬት ኣብቲ ከባቢ ዘራእቲ ምፍራዮምን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ዘሎ ካብ መጠን ንላዕሊ ዝተግሃፀ መሬት (overgrazing) ፍግረ መሬትን ምስፍሕፋሕ ምድረ በዳን።<br>○ ብኽለት ኣየር ብዝምልከት ኣዲስ ኣበባ ከም ኣብነት ይወስዱ። ኣየር ኣዲስ ኣበባ ብሰንኪ ካብ መካይን ገዛውትን ፋብሪካታትን ዝወፅእ ትክን ርስሓትን ይብከል ከምዘሎ ይመያየጡ። ብተወሳኺ ኣብ ህንዲ ኬሚካል |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| | | መፃረዪ ፋብሪካ ዘምፀኦ ብኽለት ኣየር ኣመልኪቱ ዝተገበረ መፅናዕቲ የቕርብሎም።<br>○ ብኽለታት ማይ ካብ መንበሪ ገዛውቲ፣ ሆቴላት፣ ጋራጃት፣ ፋብሪካታት ወዘተ ዝወፅእ ርስሓትን ገርፈጣትን እቶት ሕርሻ ንምድንፋዕ እንጥቀመሎም ዝተፈላዩ ኬሚካላትን ከምዝኾኑ ይመያየጡ። ልዕሊ ዓቐን ኬሚካላት ምጥቃም ንተኽልታት ከምዘይጠቅም ንደቂ ሰባትን እንስሳትን እውን ከምዝምርዝን ናብ ከርሰ ምድሪ ማይ ድማ ከምዝኣትውን የብርህሎም።<br>○ ኣብ መቓፀሪ ድኹዒ ዝተፅሓፉ መምርሕታት፤ ይጠቐሙ።፤ ዝኾነ ኬሚካል እንተሒዞም ኢዶም ብዝግባእ ክሕፀቡ ከምዘለዎም የተሓሳስብዎም።።<br>○ ናይ ክፍሊ ምይይጥ መካይን ፅዕነት ቀንዲ በከልቲ ኣየር ካብ ዝኾኑ ነገራት እየን። መብዛሕቱ ሰደድን ኣታውን ኣቑሑት ሃገርና ብጁቡቱ ኣቢሉ ብመካይን ይመላለስ። እዘን መካይን ፅዕነት ኣየር ካብ ምብካለን ብተወሳኺ መንቀሊ ብዙሓት ሓደጋታት እየን። ኣዲስ ኣበባን ጁቡቲን ዘራኽብ ሃዲድ ዘመናዊ ምግባር ዘልዎ ጥቕምን ጉድኣትን እንታይ እዩ? <u>ል.በ</u>. ሓደ ሚኢቲ መካይን ፅዕነት ዘልዕላኦ ፅዕነት ሓንቲ ባቡር ክትስከም ትኽእል እያ። |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| • *መንቀልታት ምውዓይ ዓለም ይርድኡ።*<br><br>• *ምውዓይ ዓለም ኣብ ህዝቢ፣ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዘምፅኦ ሳዕቤናት ይግምግሙ።* | 3.2. ***መንቀልታትን ሳዕቤናትን ምውዓይ ዓለም*** *(ክፍለ ግ// 4)*<br>• *መንቀልታት* [*ክሎሮፍሎሮካርቦን* (CFC)፣ *ካርቦንሞኖክሳይድ፣ ካርቦንዳይኦክሳይድ*]<br>• *ሳዕቤናት*<br>○ *ምሽንቋር ኦዞን*<br>○ *ምምካኽ በረድ*<br>○ *ኣሲድ ዝናብ*<br>○ *ውሕጅ* | • *ንምውዓይ ዓለም ቀንዲ መንቀልታት ዝኾኑ ከም ክሎሮፍሎሮ ካርቦን፣ ካርቦንሞኖክሳይድ፣ ካርቦንዳይኦግሳይድን ሳዕቤናት ምውዓይ ዓለም ድማ ከም ምስሓው ኦዞን* (depletion of ozone layer)፣ *ምውሳኽ ፀፍሒ ባሕሪ* (rise of sea level)፣ *ኣሲድ ዝናብ ከም ዝኾኑ ክለልዩ ኣለዎም።*<br>○ *ተምሃሮ ተጎጂሎም ብዛዕባ መንቀልታትን ምውዓይ ዓለም ኣብ ህዝቢ፣ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዘለዎ ሳዕቤናትን ክካትዑ ኣለዎም።*<br>○ *ኣብ ዋልታታትን በረኻቲ እምባታትን ዘሎ በረድ እናመኸኸ ፀፍሒ ባሕሪ እናወሰኸን ድቢ ዋልታ* (polar bear) *ዝበፅሖ ፈተናታትን እናወሰኸ ይኸድ ኣሎ ዝብል መፅናዕትታት ክቐርቡ ይግባእ።*<br>○ *ክትንበዩ ዘይኽእሉ ከም ነባሪ ኣየርን ኩነታት ኣየርን ኣብነት ሆቦብላ፣ ምዕልቕላቕ ውሕጅ፣ ኤልኒኖ ኣመልኪቱ ዝተገበረ መፅናዕቲ ኣብዚ ክቐርብ ይግባእ።* |

***ፈተሻ***

- *መምህር ስራሕ ሕድሕድ ተምሃራይ ኣብ መላእ እዚ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፍትሽን ነቲ ስራሕ ምስ እዚ ዝስዕብ መግለፂ ብመሰረት ብቕዓታት እቲ ምዕራፍ ከነፃፅርን ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ።*

***ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ***

- *ብልህነት ዝጎደሎ ኣጠቓቕማ ሃፍትታት ተፈጥሮ ኣብ ስርዓት ምህዳር ዘስዕቦም ፀገማት*

***ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕታ ዝሰርሑ ተምሃሮ***

- *ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ ንመማህርቶም ንምስዓብ ተወሳኺ ደገፍ የድልዮም። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወይ*

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| ይትንትኑ።<br>• ኣብ ንጥፈታት ዕቀባ ሃፍትታት ተፈጥሮ ይሳተፉ።<br>• ቀንዲ በከልትታት ማይን ኣየርን ይፀርሑ።<br>• መንቀልታት ምውዓይ ዓለም ይግንዘቡ።<br>• ምውዓይ ዓለም ኣብ ህዝቢ፣ እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ዘሕድሮ ዕዕንቶታት ይትንትኑ<br>**ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ**<br>• ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ክነኣዱን ብፃዕሮም ዝረኸብዎ ውፅኢት ድማ ኣፍልጦ ክወሃቦ ኣለዎ። ንቐፃሊ እውን ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይዓገቡ ጠንኪሮም ንኽሰርሑ ክተባብዑ ኣለዎም።<br>ንፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ ክህቡ ኣለዎም። | | መወዳእታ ዕለታዊ ትምህርቲ ክወሃቦም ኣለዎ።<br>ልቢ፦ መምህር ኣብ ከይዲ ፈተሻ ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን |

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

## ውራይ ህዝቢ *(ክፍለ ግዘ 19)*

***ውፅኢታት ምዕራፍ፡-***

*ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ*

- *መንእሰይ ኣብ ምክልኻል ኤች ኣይ ቪ /ኤድስ ዘለዎ ግደ ይርድኡ፣ ፖሊሲ ስነ ህዝብን ፆታዊ ማዕርነትን የስርፁ።*
- *ኣብነታትንታ መወገዲ መንገድትትን ወዲንነት* (diligence) *ይገልፁ።*
- *ቀንዲ ዕላማታትን መትከላትን ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ኣምር ሉላውነትን* (globalization) *የብርሁ።*

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| *ተምሃሮ ነዚ ምስተምሃሩ*<br>• ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ንምውጋድ ዘኽእልዎም ክእለታት ህይወት የማዕብሉ።<br>• ምስ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ንዝነብሩ ሰባትን ስድረኦምን ዝሕብሕቡን ዝድግፉን ሰባት ኣብነታቶም ተኸቲሎም ይሰርሑ።<br>• ኣንፈት ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ ይትንትኑ።<br>• ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምንካይ ዝተሓንፀፁ ሜላታት (strategies) የለልዩ።<br>• ረብሓ ፖሊሲ ስነ ህዝብን ንምንካይ ድኽነት ዝተሓንፀፀ ሜላታትን ኢትዮጵያ ኣብ ህዝቢ የስርፁ። | 4. **ውራይ ህዝቢ**<br>4.1. ምስ ህዝቢ ዝተተሓሓዙ ዛዕባታት *(ክፍለ ግዘ 9)*<br>4.1.1. ግደ መንእሰይ ኣብ ምውጋድ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ *(ክፍለ ግዘ 4)*<br>• ክእለታት ህይወት ምምዕባል፡- ተዓቅቦ (abstinence)፣ ዕፅንቶ መሓዛ ምቅዋም (resisting peer pressure)፣ ብዛዕባ መፃኢ ኩነታት ምሕሳብ<br>• ምስ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ንዝነብሩ ሰባት ምሕብሓብን ምድጋፍን<br>4.1.2. ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምንካይ ዝተሓንፀፁ ሜላታት *(ክፍለ ግዘ 5)*<br>• ኣንፈት ዕብየት በዝሒ ህዝቢ | • ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ሳዕቤን ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ የለልዩን ይመያየጡን<br>• ዝርገሐ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ኣብ ኢትዮጵያ ኣመልኪቱ ውድብ ጥዕና ዓለም (WHO) ዘውፅኦ ስታቲስቲካዊ መረዳእታ ምስ ናይ ካልኦት ሃገራት የነፃፅሩ።<br>• ግዳያት ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ንምሕጋዝ ገንዘብ ዝተታኣኻኸብ ኢትዮጵያዊት ሰበይቲ ዝምልከት መፅናዕቲ<br>• ግዳይ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ዝምልከት ክልተ መፅናዕታዊ ፅሑፋት ሓደ ብሰንኪ ዕፅንቶ መሓዛ ዝተተሓዘ መንእሰይ እቲ ካልእ ብኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ዝተበከለ ናይ ካልእ ሰብ ደም ብመርፍእ ወሲዱ ዝተተሓዘ ሰብ። ሓደ ሰብ ብኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ምትሓዙን ዘይምትሓዙን ብምርኣይ ዘይፍለጥ ምዃኑ ንተምሃሮ የብርሁሎም።<br>• ዕፅንቶ መሓዛ ኣብ ፆታዊ ርክብ፣ ምትካኽ ሽጋራ፣ መስተ ወዘተ ኣመልኪቱ ምስ |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| | ኢትዮጵያ<br>• ሜላታት መከላኸሊ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብነት ምምሃር ኣዋልድ ፣ ምጣነ ስድራ፣ ምድንጓይ መርዓ<br>• ግደ መናእሰይ ኣብ ምስራዕ ፖሊሲታት ስነ ህዝብን ምንካይ ድኽነትን ኣብ ኢትዮጵያ | ተምሃርኦም ይመያየጡን ነዚ ፅዕንቶ ዘቃልሉ ሜላታት እንታይ ከምዝኾኑ ክዝርዝሩ ይሕተትዎም።<br>• ተምሃሮ ብጉጅለ ኮይኖም ናይ ቀረባ እዋን መረዳእታታት ህዝቢ የፅንዑን ኣንፈት ዕብየቱ ይመያየጡን። ንዓበይቲ ሰባት ወይ ወለዶም ቅድሚ ሰላሳ ዓመት ሰባት ብማእኸላይ ክንደይ ቆልዑ ከምዝነበርዎም ይሕተትዎም።<br>• በዝሒ ኣባላት ስድራ ገጠርን ከተማን ዝምልከት መፅናዕታዊ ፅሑፋት<br>• በዝሒ ኣባላት ስድራ ገጠርን ከተማን ዝምልከት መፅናዕታዊ ፅሑፍ።።<br>• ምድንጓይ መርዓ፣ ኣዋልድ ምምሃርን ምጣነ ስድራን ዝብሉ ኣምራት ይመያየጡ። ነዚኦም ምስ ምንካይ ድኽነት የዛምድዎም።<br>• በዝሒ ህዝቢ ምቁፅፃር ድኽነት ንምንካይ ይሕግዝ ድዩ? ኣይሕግዝን? ኣብ ዝብሉ ሓሳብ ይካትዑ።<br>• መፃኢ ህይወቶም ምችው ንምግባር ሕዚ ዝፃወትዎም ግደታትን ዝወስድዎም ሓላፍነታትን የለልዩን ይመያየጡን።<br>• ሜላታት ስነ ህዝቢ ቻይና ዝምልከት መፅናዕታዊ ፅሑፍ። |
| • ኣብ መንጎ ያታን ስርዓት ያታ ዘሎ ኣፈላላይ ይገልፁ።<br>• ባህርያት ማዕርነት ስርዓት ያታ የለልዩ | 4.2. መሰላትን ድሕንነትን ደቂ ሰባት<br>(ክፍለ ግዘ 8)<br>4.2.1. ስርዓት ያታ | • ብዛዕባ ውሩያት ኢትዮጵያውያን ኣንስቲ ይመያየጡን ዘርእየኦ ፅቡቕ ነገራት ኣብ ኣወዳትን ካልኦት ኣንስትን ምህላዎም ይሕተትዎም። ብዙሓት |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| • ግደ መናእሰይ ኣብ ምስፋሕፋሕ ማዕርነት ስርዓት ፆታ የረድኡ።<br>• ኣብ ከባቢኣም ዘለዉ ኣብነታት ፆታዊ ሁከታትን ጥቕዓታትን የመልክቱን ይመያየጡን።<br>• ንኣንስቲ ስልጣን ምሃብን ብሓባር ምስራሕን ድኽነት ኣብ ምንካይ ዘለዎ ረብሓ ይገልፁ።<br>• ኣብነታት ወዲንነት የለልዩ።<br>• ወዲንነት ከመይ ከምዝውገድ ይገልፁ።<br>• ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ወዲንነት ይገልፁ። | *(ክፍለ ግዘ 5)*<br>• ኣፈላላይ ስርዓት ፆታን ሜላታት ምስፍሕፋሕ ማዕርነት ስርዓት ፆታን<br>• ድኽነት ንምንካይ ሓቢርካ ምስራሕ<br>• ኣንስቲ ንስልጣን ምብቃዕ፣ ኣብ ገዛ ዘለዉ ፆታዊ ሁከታትን ጥቕዓታትን ምውጋድ<br>• ግደ መናእሰይ ኣብ ዛዕባታት ስርዓት ፆታ<br><br>4.2.2. ካብ ሁከታት ምርሓቕ *(ክፍለ ግዘ 3)*<br>• ወዲንነት፦ ዕውልና፣ ወልፊ እፃት፣ ምግዳፍ ባህላዊ ፀጋታት (እሴታት) ምስኣን፣ ምዕማፅ ኣንስቲ<br>• ምክልኻል ወዲንነት፦ ዓርሰ ግንዛበ ብምዕባይ ፅዕንቶ መሓዛ ብምቅላል፣ ግዞኻ ኣብ ማእኸል መናእሰይ ብምሕላፍ፣ ምስ ስድራኻ ሓሳብን ተሞክሮን ብምልውዋጥ | ኣወዳትን ኣዋልድን እስካብ ዝመሃሩ እታ ሃገር ዘለዋ ሃፍቲ ተባኺን ኣላ ኢልኩምዶ ትሓስቡ? ኢሎም ንተምሃሮ ይሕተትዎም።<br>• ኣንስቲ ማዕረ ብቕዓት ምስ ኣወዳት ኣለወን ኣብ ዝብል ርእሰ ጉዳይ ይካትዑ። ነቲ ክትዕ ይምርሕዎ። ኣብ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ሰበይቲ ኣውሮፕላን እናብረረት እንተረኺቦም እንታይ ከምዝስመዖም ንምንታይ ዝብሉ ሕቶታት የቕርብሎም።<br>• ኣብ ሓደ ኣፍሪካዊ መንገዲ ኣየር ዝትሰርሕ ዘዋሪት ኣይሮፕላን ዝምልከት መፅናዕታዊ ፅሑፍ።<br>• ተምሃሮ ኣብ ማዕርነት ዘለዎም ኣመለኻኽታ ንኽልኡት ከመይ ከምዝፀልው ይመያየጡ።<br>• ኣብ ከባቢኦም ኣብ ኣንስትን ኣዋልድን ዝፍፀም ሁብትን ጥቕዓትን እዚ ዝውገደሉ መንገድን ክመያየጡ ይሕተትዎም።<br>• ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ኣብነታት ሕማቕ ባህርን ንምንታይ ከምዚ ከምዝኾኑን ይመያየጡ። እዚ ንምምሕያሽ እንታይ ክገብሩ ኣለዎም?<br>○ ዕውልናን ኣብ ንብረት ዘስዕቦ ጉድኣትን ይመያየጡ።<br>○ ቅድሚ ሕዚ እፅ ወይ ኣልኮል ምጥዓሞምን እዚኦም ኣብ ካልኦት ሰባት እንታይ ሳዕቤናት ከምዘምፅኡ ይሕተትዎም።<br>○ ፅዕንቶ መሓዛ ንምውጋድ |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| | | ዘኽእሉ ሜላታት ይመያየጡ። ምስ ስድረኦም እንተተዛትየም ክሕግዝዎም ከምዝኽእሉ የብርህሎም።<br>○ ንኣንስትን ባህላዊ ፀጋታትን ምኽባርን ተቐባልነት ዘይብሉ ባህሪ እንታይ ከምዝኾነን ይመያየጡ። ሓፍቶም እንተትዕመፅ እንታይ ከምዝስመዮምን ዝተዓመፀት ሰበይቲ እንተረኺቦም ከመይ ክሕብሕብዋ ከምዘለዎምን ይሕተትዎም።<br>○ ሰበይቲ ብምዕማፅ ገበን ዝተኣሰረ መንእሰይ ዝምልከት ፅሑፍ (ካብ ጋዜጣታት) |
| • ዕላማታትን መትከላትን ወድሰብ ሕቡራት መንግስታት የብርሁ።<br>• ቀንዲ መሓውራት ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ዕላምኦምን የለልዩ። | 4.3. ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ዓለምለኻውነትን *(ክፍለ ግዘ 5)*<br>4.3.1. መርሃ ግብርታት ንኣጋርነት *(ክፍለ ግዘ 3)*<br>• ዕላማታትን መትከላትን ውድብ ሕቡራት መንግስታትን መሓውራቱን | • ብዛዕባ ውድብ ሕቡራት መንግስታት (ው.ሕ.መ) እንታይ ከምዝፈልጡ ይተትዎም።<br>• ዕላማታትን መትከላትን ው.ሕ.መ የብርሁን ነቲ መሓውር ኣብ ሰሌዳ ይስኣሉን (ሓፈሻዊ ጉባኤ፣ ቤት ምኽሪ ፀጥታ፣ ቤት ፅሕፈት ው.ሕ.መ፣ ቤት ምኽሪ ቁጠባን ማሕበራዊ ጉዳያትን፣ ዓለምለኸ ቤት ፍርዲ) |
| • ፅንሰ ሓሳብ ሉላዊነት ይግንዘቡ።<br>• ኣብ ንግዲ፣ ሓበሬታን ባህልን ክመፁ ዝኽእሉ ዕድላትን ፈተናታትን የለልዩ። | 4.3.2. ሉላዊነት *(ክፍለ ግዘ 2)*<br>• ፅንሰ ሓሳብ ሉላዊነት<br>• ዕድላትን ፈተናታትን ንግዲ፣ ሓበሬታን ባህልን | • ው.ሕ.መ ብሽምግልና ዝኣተዎም ጉዳያት ዝምልከት መፅናዕታዊ ፅሑፍ።<br>• ነቲ ቃል የላልይዎም ካብኡ እዚ ቃል ንዓኹም እንታይ ማለት እዩ ኢሎም ይሕተትዎም። ኣብ ሰሌዳ ዝተፈላለዩ ነገራት ኣብነት ቴክኖሎጂ፣ ንግዲ፣ ሓበሬታን ባህልን ይፅሓፍሎም። |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| | | • ሓበሬታ ኣብ መላእ ዓለም ንኽሉ ንምብፃሕ ዝሕግዝ ዘሎ ማይክሮሶፋት ዝተብሃለ ናይ ቴክኖሎጂ ኩባንያ ዝምልከት መፅናዕታዊ ፅሑፍ ይመያየጡ። ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ዓመት ንኹሉ ክባፃሕን ብተንቀሳቓሲ ስልኪ (mobile phone) ክራኽብን ተባሂሉ ተስፋ ዝግበረሉ መረበብ ሓበሬታ (internet) ዝህልዎ ፅዕንቶ እውን ይመያየጡ።<br>• ካልኦት ዓለምለኽ ምልክታት እውን ይሕተትዎም። ኣብነት ኮካ ኮላ<br>• ኢትዮጵያዊ ቡና ነጋዳይን ዕዳጋ ዓለምን፦ ኣብ ዕዳጋ ዓለም ዘሎ ዋጋ ቡና ከመይ ከምዝፀልዎን ተወዳደርቲ ዝኾና ቀንዲ መፍረይቲ ቡና ሃገራት እንመን ከምዝኾናን እዚ ዝምልከት መፅናዕታዊ ፅሑፍ።<br>• ባህልን መራኸብን፦ ሓበሬታ ካብ ቴሌቪዥን ሬድዮን መርበብ ሓበሬታን ከምድላይካ ምርካብ ኣብ ሕብረተሰብ እንታይ ፅዕንቶ ኣለዎ? ሓበሬታ ንኹሉ ክፍቲ ምግባር ጥቕሚ ኣለዎ'ዶ ትብሉ? |

**ፈተሻ**

መምህር ስራሕ ሕድሕድ ተምሃራይ ኣብ መላእ እዚ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፍትሽን ነቲ ስራሕ ምስ እዚ ዝስዕብ መግለፂ ብመሰረት ብቕዓታት እቲ ምዕራፍ ክነፃፀርን ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ምርካብን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ።

**ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

• ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ንምውጋእ ዘኽእልዎም ክእለታት ህይወት የማዕብሉ።
• ዕቡቕ ኣጋጣምታት ፈተናታትን ንግዲ፣ ሓበሬታን ባህልን የለልዩ።

**ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

○ ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ክነኣዱን ብፃዕሮም ዝረኸብዎ ውፅኢት ድማ ኣልፍልጦ ክወሃቦ ኣለዎ። ንቐፃሊ እውን ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይዓገቡ ጠንኪሮም ንኽሰርሑ ክተባብዑ

- ምስ ኤች ኣይ ቪ/ ኤድስ ንዝነብሩ ሰባትን ስድረኦምን ዝሕብሕቡን ዝድግፉን ሰባት ኣብነታቶም ተኸቲሎም ይሰርሑ።
- ኣንፈት ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ ይትንትኑ።
- ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምንካይ ዝተሓንፀፀ ሜላታት የለልዩ።
- ረብሓ ፖሊሲ ስነ ህዝብን ንምንካይ ድኽነት ዝተሓንፀፁ ሜላታትን ኢትዮጵያ ኣብ ህዝቢ የስርፁ።
- ኣብ መንጎ ፆታን ስርዓተ ፆታን ዘሎ ኣፈላላይ ይገልፁ።
- ባህርያት ማዕርነት ስርዓተ ፆታ የለልዩ።
- ግደ መናእሰይ ኣብ ምስፍሕፋሕ ማዕርነት ስርዓተ ፆታ ይርድኡ።
- ኣብ ከባቢኦም ዘለው ፆታዊ ሃብታትን ጥቕዓታትን የመልክቱ።
- ንኣንስቲ ስልጣን ምሃብን ብሓባር ምስራሕን ድኽነት ኣብ ምንካይ ዘለዎ ረብሓ ይገልፁ።
- ኣብነታት ወዲንነት የለልዩ።
- ወዲንነት ከመይ ከመዝውገድ ይገልፁ።
- ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ወዲንነት የመልክቱ።
- ዕላማታትን መትከላትን ው.ሕ.መ የብርሁ።
- ቀንዲ መሓውራት ው.ሕ.መ ይፀርሑን ዕላማታቶም የብርሁን።
- ዕንሰ ሓሳብ ዓለምለኻውነት ይግንዘቡ።

ኣለዎም።

**ካብቲ ዘዕግብ ተደላዩ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- ካብቲ ዘዕግብ ተደላዩ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ ንመማህርቶም ንምስዓብ ተወሳኺ ደገፍ የድልዮም። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወይ መወዳእታ ዕለታዊ ትምህርቲ ክወሃቦም ኣለዎ።

<u>ል.ብ</u>፦ መምህር ኣብ ከይዲ ፈተሻ ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን ንፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ ክህቡ ኣለዎም።